NATIONAL UNION OF ERITREAN YOUTH & STUDENTS

# መንእሰይ

መጽሔት ሃገራዊ ማሕበር መንእሰያትን ተመሃሮን ኤርትራ

2024
80
ግንቦት

- ዝኽሪ'ቲ **ነዊሕ ለይቲ** ኣብ ወጋሕታ
- ናጽነት ክብርቲ ናይ ሓደራ ንብረት
- ዓወት ንሓፋሽ እታ ትንፋስ ሓፋሽ
- ጸላኢ ጥራይ ድዩ ነይሩ ጸላኢና?
- መዐቀኒታት ቍጠባ
- ናበይ'ዩ ኣንፍና?





**24 ግንቦት**

መበል 33 ዓመት **ናጽነት**

ውሕስነት ሰላም ብመኸተ!

**ክልተ ወርሓዊት መጽሔት**
**ሃገራዊ ማሕበር መንእሰያትን ተመሃሮን**
**ኤርትራ**

ግንቦት 2024 ቁ.**80**

መሸጢ ዋጋ ኣብ ኤርትራ **10 ናቕፋ**


**ዋና ኣሰናዳኢ**
መስፍን ገብረሂወት

**ለይ ኣውት**
MGH

**ዲዛይን ሕብራዊ ገበር**
ከማል ዲኖ

**ስእሊ**
ኣርካይቭ ሃማመተኤ
ኣርካይቭ ሚ/ዜና
ኣርካይቭ ሚ/ምክልኻል

ናብ መጽሔት መንእሰይ ክትሰዱዎ እትደልዩ ርእይቶ፡ ሓበሬታ፡ ኣበርክቶ፡ መአረምታን ነቐፌታን ብዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ክትልእኩልና ትኽእሉ፡



**መጽሔት መንእሰይ**
ቁ.ሳ.ጶ 1042
ቁ.ስልኪ 291-1-202592
ፋክስ 291-1-125981

**መርበብ ሓበሬታ ማሕበር**
www.eriyouth.org

**ዘርጋሒ መጽሔት**
ቁ.ስልኪ 200454


መጽሔት መንእሰይ ብተወሳኺ ኣብ **www.shabait.com (menesey magazine)** ክትረኽብዋ ትኽእሉ።

# ትሕዝቶ


**ቃል ኣሰናዳኢ** 2

**ደሃይ ማሕበር** 3
- ልኡኽ ኤርትራ ናብ ሊብያ
- ርበዒ ዓመታዊ ገስጋስ

**ጉዳያት** 4
- ውሕስነት ሰላም ብመኸተ
- ናበይ'ዩ ኣንፈና?
- ናጽነት ክብርቲ ናይ ሓደራ ንብረት
- ዓወት ንሓፋሽ እታ ትንፋስ ሓፋሽ
- ጸላኢ ጥራይ ድዩ ጸላኢና ነይሩ!?

**ዘተ** 18
- ምትእስሳር ናጽነትን ሰላምን
- ምስጠር ሰላምን ርግኣትን ኣብ ኤርትራ
- ምርግጋጽ ውሕስነት ሰላምን ልምዓትን

**ትውፊት** 23
- ዘኽሪ'ቲ ነዊሕ ለይቲ ኣብ ወጋሕታ

**ሓሳባት** 35
- መዐቀኒታት ቍጠባ

**ኦርያ** 39
- ዓለም ኣብ እዋን ምሰግጋር

**ኣካዳሚ** 41
- እቲ ኻልእ ዘፍርህ ዓለማዊ ብደሆ

**ሕብረተሰብ** 44
- ግገይ ልምድታት ደሕሪ ምግቢ

**ሓንቲ ሕቶ ኣላትኒ** 45
- ጸልዋ ሃብተን ድኽነትን ኣብ ሓዳር
- ሃይፖኮንድርያሰስ

**ባህልን ስነ ጥበብን** 49
- ኤደን ከሰተ
- ስነጥበብን ነቐፌታዊ ስነሓሳብን
- ናጽነት ምርዛና

**መለሳ** 60

**ፈጠራን ምስትምቃርን** 61
- ምስትምቃር ጉደና ሓርነት ብቃለም ብርዒ
- ዓደይ ብዓልቲ ጸጉሪ

# ቃል ኣሰናዳኢ

ዘለናዮ ዘመን፡ ከም ውጽኢት ምዕባለ ሳይንስን ቴክኖሎጂን፡ ዓለምና ናብ ቁሸት እትቕየረሉ ዘላ ዘመነ ግሎባላይዘሽን እዩ። ምስዚ ተኣሳሲሩ፡ ሸውሃት ምግባት ጸጋታት ዓለም ኣመና ርሒቡ፡ ጉዳይ ናጽነትን ልኡላውነትን ሃገራት ካብ ዝሓለፈ ዘመናት ንላዕሊ ዝኸበደ ብድሆታት ይፈታተኖ ኣሎ። ስለዚ፡ ኣብ ዓለማዊ ቁጠባ ምዕሩይ ተሻራኺን ተወዳዳሪን ክትከውን ዝግባእ ጻዕሪ እንተ ዘይኣካይድካ፡ ግዳይ ዘየናሕሲ ምዝመዛ ካብ ምኳን እተምልጠሉ መገዲ ፍጹም የልቦን። ስማዊ ናጽነትን ልኡላውነትን ለቢስን፡ ብውሽጣዊ ይኹን ብግድማዊ ረቛሒታት ተረሚስንን ተመናኒህንን፡ ካብ እዋን መግዛእቲ ዘይሓይሸ ህይወት ዘሕልፉ ዘለዋ ብዙሓት ሃገራት ምርኣይ ነቲ ዘሎ ብድሆ ጽቡቕ ገይሩ ከጕልሖ ዝኽእል እዩ። እዚ ዘሐፍር ገጽ ናይ ገለ ሃገራትን ህዝብታትን፡ ኣብ'ቲ ንናጽነት ልዕሊ ዝኾነ ካልእ ህዝቢ ዝተመነየን ክቡር ዋጋ ዝኸፈለላን ህዝቢ ኤርትራ ክድገም ሕልና ነፍሲወከፍ ኤርትራዊ ብሕልፊ ድማ ሕልና መንእሰያትና ዝቕበሎ ኣይኮነን። እቲ ዝዓበየ መድረኻዊ ዕላማ መንእሰያትና እምበኣር፡ ካብ ድኽነትን ድሕረትን ብቕልጡፍ ንምግልጋል ምብልሓትን፡ ተወዳዳሪት ሃገር ንምፍጣር እቲ ዝግባእ ጻዕሪ ምክያድን እዩ።

ባህጊ መላእ ህዝቢ ኤርትራ ብሓፈሻ፡ ባህጊ መንእሰያትና ድማ ብፍላይ ሰላም፡ ልምዓትን ብልጽግናን ምኳኑ ዘማትእ ኣይኮነን። ምሉእ ጸዓት ህዝብናን መንእሰያትናን ኣብ'ዚ ቅዱስ ተግባርን ዕላማን ክውዕል ግን፡ ብቐዳምነት ልኡላውነትና ከም ህዝቢን ሃገርን ኣብ ውሑስ ባይታ ክረግጽ ኣለዎ። ሰላም ስለዝደለኻ ጥራይ ብዘይ ዕርዲ ምንባር ዝከኣል ኣይኮነን። ኣብ ትሕቲ ውሑስ ሰላም ክትነብር ግድን ዕርዲ የድልየካ። ዕርዲ ብዕርዱ ሓንሳብ ምስ ተሰርሐ ዘብቅዕ ዘይኮነ፡ ብቐጻልነት እናደልደለ ዝኸይድን ንብዙሕ መዳያት ዘጠቓልልን ኪኸውን ኣለዎ።

ህዝቢ ኤርትራ፡ ሳላ ፍትሓዊ ዕላማኡ፡ ቅኑዕ ፖለቲካዊ መስመሩን ዘይጸዓድ መኸተኡን፡ ነቲ ድሕሪ ናጽነት ሃገሩ ከይሃንጽን ከየማዕብልን ዘጋጠሞ ከቢድን ሕብረ-ብዙሕን ተጻብኦታት ኣብ ነዊሕ ምርብራብ ኣላሽ ኣቢሉዎ ኣሎ። ኣብዚ ቅልውላዋት ዝዓብለሎ ዞባዊን ዓለማውን ሃዋህው፡ ስኒቱ ሓድነቱን ርግኣቱን ዓቂቡ፡ ሰላሙን ልኡላውነቱን ብዘተኣማምን መገዲ ኣውሒሱ ኣሎ። ንመበል 33 ዓመት ጽንብል ናጽነቱ ኸኣ "ውሕስነት ሰላም ብመኸተ" ብዝብል ንሕሉፍ ታሪኽን መጻኢን ጉዕዞን ዘገናዝበ መሪሕ ቴማ ከም ወትሩ ብኽብ ዝበለ ድምቀት ይጽንብላ ኣሎ። ዝበዝሐ ትሕዝቶ ናይ ሎሚ ሕታም መጽሔት መንእሰይ እምበኣር፡ ነዚ ክቡር ብዓል ዘንጸባርቕ ክኸውን ተወፍዩ ኣሎ።

ምሁራት ታሪኽ፡ "ንሕሉፍ ነጽንዕ፡ ነቲ ህልው ንምርዳእ እዩ። ነቲ ህልው ንርዳእ ድማ መጻኢ ንምቕላስ እዩ።" ዝብል መረዳእታ'ዩ ዘለዎም። ብርግጽ ድማ፡ ታሪኹ ዘይፈልጥ ኩነተ ህላወኡ ክርዳእ ኣጸጋሚ እዩ፤ ኩነቱ ህላወኡ ዘይርዳእ ድማ፡ መጻኢኡ ክግምት ከቢድ እዩ። መጽሔት መንእሰይ ነዚ ብምግንዛብ፡ ናይ 80 ዓመት ታሪኽ ኤርትራ ብሓጺር ኣኣንጊዳ ኣላ።

መንእሰያት ሰራሕተኛታት'ውን ምስትእስሳር ናጽነትን ሰላምን መበገሲ ዛዕባ ገይሮም ተዛትዮም ኣለዉ። ኣልዒሎም ዘለዉ ዛዕባ ሰፊሕ ትንታነ ዝሓትት፡ እቲ ኣብ መጽሔት ክእንገድ ዝኽእል ግና ሓጺር ብምዃኑ፡ መንእሰያት ኣኣብ ዘለውዎ ኾይኖም ክዛትይሉ ትጽቢት መጽሔት መንእሰይ እዩ።

መኸተና ዋሕስ ናጽነትናን ልኡላውነትናን፡ መኸተና ዋሕስ ሰላምናን ርግኣትናን፡ መኸተና ዋሕስ ዕብየትና!!

## ውሕስነት ሰላም ብመኸተ!




# ልኡኽ ኤርትራ ኣብ 4ይ ኣኼባ ሚኒስተራት መንእሰያት ሃገራት ሳሕለ ሳህራ ተሳቲፉ


ብኣቦመንበር ሃማመተኤ ብጻይ ሳልሕ ኣሕመዲን ዝተመርሐ ልኡኽ ኤርትራ፡ ካብ 21 ክሳዕ 23 ሚያዝያ ኣብ ትርቡሊ - ሊብያ ኣብ ዝተቓንዐ ራብዓይ ኣኼባ ሚኒስተራት መንእሰያት ሃገራት ሳሕለ ሳህራ ተሳቲፉ። እቲ ብምውህሃድ ሃገራት ሳሕለ ሳሃራ ዝተወደበ ኣኼባ፡ ንመንእሰያት ኣብ ዘገድሱ ጉዳያት፡ ብቐንዱ ድማ ኣብ ምውጋድ ዘይሕጋዊ ፍልሰት መንእሰያትን ምስግጋር ሰባትን ናይ ሓባር መረዳእታ ንምፍጣር ዝዓለመ ኾይኑ፡ ብጻይ ሳልሕ ኣሕመዲን ኣብ ዘስምዖ ቃል፡ ኤርትራ ዓቕሚ መንእሰያት ብትምህርቲ፡ ብሞያ፡ ብባህሊ ስራሕን መሃዝነትን፡ ብድስፕሊን ኣብ ዝለዓለ ደረጃ ንምብጻሕ ሓያል ጻዕሪ ተካይድ ከም ዘላ ገሊጹ።

ብጻይ ሳልሕ፡ መንእሰይ ኤርትራ ሕልምን ባህግን ህዝቢ ኤርትራ ክዉን ንምግባር ኣብ ልምዓትን ድሕነትን ሃገር ብጽንዓትን ተወፋይነትን ዝጻወቶ ዘሎ ዕዙዝ ተራ ብምዝርዛር፡ ኑቲ ህዝቢ ኤርትራ ንምብርካኽ ንልዕሊ 80 ዓመት ዝቐጸለ ዘየባትኽን ዝተሓላለኽን ቡብዓይኑቱ ተጻብኦታት፡ ከቢድ ዋጋ ብምኽፋል ቡዲህ ሰዒሩ ከም ዘወጸ ኣብሪሁ። ሃገራትን መንግስታትን ዞባ ሳሕለ ሳሃራ፡ ኑቲ ጠንቂ ዘይሕጋዊ ፍልሰት ዜጋታተንን ምስግጋር ሰባትን ንምውጋድ ኣብ ዝካየድ ውሁድ ስራሕ፡ ኤርትራ'ውን ግዳይ ናይ'ቲ ተጻብኦ ብምዃና፡ ብዝለዓለ ክትሰርሓሉን ዕዙዝ ግደኣ ክትጻወትን ምዃና ድማ ቃል ኣትዩ።

ኣብቲ ሚኒስተራት፡ ክኢላታትን ወከልትን መንእሰያት ሳሕለ ሳሃራ ዝተሳተፍዎ ኣኼቡ፡ ዘይሕጋዊ ስደትን ምስግጋር ሰባትን ንምግታእ ዘኽእል ውሁድ ስራሕ ክካየድ፡ ዞባዊ ምትሕግጋዝን ምሕዝኑትን ክሕይል፡ መንእሰያት ሞያን ፍልጠትን ዝቐስምሉን ሓድሕድ ተመኩሮ ዝለዋወጥሉን ሓባራዊ ትሕተ ቅርጺ ክህነጽ ኣብ ዝብሉን ካልእ ንመንእሰያት እዚ ዞባ ኣብ ዝገድሱን ነጥብታት ኣብ ሓባራዊ መረዳእታ ብምብጻሕ፡ ሓባራዊ ሰነድ ብምድላው ተዛዚሙ።

እቲ ኣባላት ፈጻሚት ማሕበር ብጻይቲ ሄለን ኣሚነን ብጻይ ዑስማን ዓብደልቃድርን፡ ካብ ኤምባሲ ኤርትራ ኣብ ሊብያ መሓመድ ኣደምን ዝሓቘፈ ልኡኽ፡ ምስ ሚኒስተር መንእሰያት ሊብያ፡ ርክብ ብምክያድ'ውን ኣብ ክልተኣዊ ጉዳያት ዘትዩ።





# ኣብ ምምሕዳር ከባቢታት ብዝሓየለ ክስረሓሉ'ዩ

ሃገራዊ ማሕበር መንእሰያትን ተመሃሮን ኤርትራ፡ ብ12 ሚያዝያ ሓለፍቲ ክፍልታት ማእከላይ ቤት ጽሕፈትን ዞባታትን ማሕበር ኣብ ዝተረኽብሉ ኣጋጣሚ፡ ኣብ ናይ ቀዳማይ ርብዒ ዓመት 2024 ገስጋስን ኣተኩሮ መጻኢ መደባትን ዘትዩ።

ሓለፍቲ ክፍልታትን ዞባታትን ማሕበር ኣብ ዘቕረብዎ ገምጋማዊ ጸብጻብ ስራሕ፡ ካብ'ቲ ንዓመተ-ስራሕ 2024 ዝተወጠኑ ኣብ ፖለቲካዊ፡ ውድባዊ፡ ፋይናንስያውን ምምሕዳራውን፡ ማሕበረ-ቁጠባዊ፡ ባህላውን ዜናውን መዳያት ዕዉት ስራሓት ከም እተሰላሰለ ተገምጊሙ።

ማሕበር ውዳቤ፡ ንቕሓትን ዕጥቅን ዘዕብዩ ኣብ ተማሃሮን መንእሰያትን ዝተኻየዱ መደባት፦ ሰፋሕቲ መደባት ሲቪካዊ ስልጠናታት (ንቐያሕቲ ዕምበባ፡ ፊተውራሪ፡ ሕመረት፡ ማእከላይ ደረጃ ካድርን ካልኣይ ደረጃ ካድርን)፡ ሰፋሕቲ ሰሚናራትን ኣስተምህሮን፡ ስሩዕ ዘተን ንባብን ኣብ ወርሓዊ መጎሳጎሲ ጽሑፋት፡ ዑደት ኣብ ቦታ ታሪኽን ልምዓትን፡ ምሽላምን ምትብባዕን ኣብ 2023 ኣብ ትምህርቲ ጸብላለታ ንዘርኣዩ ተመሃሮ፡ ደገፍ ኣካዳምያዊ ትምህርቲ፡ ንንጡፋት ኣባላት፡ ሞያዊ ስልጠናታት፡ ፍልጠት ጠቀስ ንጥፈታትን ውድድራትን፡ ባህላውን ስፖርታውን ንጥፈታት፡ ዜናዊ መደባት፡ ናይ ምህዞን ሰንዓን ንጥፈታት፡ ኤግዚብሽን ወዘተ. ዘካተተ ሰፋሕቲ ቅነ-ውዳበታት ኣብ ሙብዛሕትኦን ዞባታትን ሳዋን፡ ፌስቲቫል ትካላት ላዕለዋይ ትምህርቲ ወዘተ. ከም እተሰላሰለ ኣብ ዝቐረበ ጸብጻባት ተገሊጹ።

ምስ ጎስጓስን ሓበሬታን ሚኒስትሪ ምክልኻል ብምትሕብባር፡ "ብናጻ ዝረኸብናዮ ብናጻ ንሃብ'' ኣብ ትሕቲ ዝብል ጭርሖ፡ ኣብ ኩለን ኮለጃት ዝተኻየደ ባህላዊ ጎስጓሳዊ መደባት፡ ውጽኢታዊ ምንባሩን ንመጻኢ ብዝሓየለ ክስረሓሉን ከም ዝግባእ'ውን ተገምጊሙ።

ማሕበር ኣብ ዝመጽእ ካልኣይ ርብዒ ዓመት፡ ኣብ ምምሕዳር ከባቢታት ከካይዶም ዝጸንሐ ውድባዊ፡ ፖለቲካዊ፡ ማሕበረ-ቁጠባዊ፡ ባህላውን ዜናውን መደባት ብዝሓየለ ክሰርሓሉ ኣብ ሓባራዊ ምርድዳእ ብምብጻሕ፡ ንኣገባባት ትግባረኡ ዝምልከት ብዕምቈት ዘትዩ።

ማሕበር ኣብ ስትራተጂያዊ ውጥኑ ኣስፊሩ ዝነጠፈሎም ዘሎ መደባት፦


1. ኣብ ውድባዊ መዳይ፥

ማሕበር፡ ብቐንዱ ናይ ውዳበ ትካል እዩ። ንመንእሰያት ብዝተፈላለየ ኣገባባት ብምውዳብ ድማ ኣብ ትሕቲ ጽላል ማሕበር ውልቃውን ሃገራውን ዕላማታት ንኽጭብጡ፡ ኣብ ቀጻሊ ስራሕ ጸኒሑን ኣሎን። ማሕበር፡ ብሰፊሕን ጸቢብን ኣገባባት፡ መንእሰያት ይውድብን የማእዝንን። ሰፊሕ ውዳበ ንኹሎም ተመሃሮ ማእከላይን ካልኣይን ደረጃ፡ ኮለጃትን ካልኦትን ይሓቁፍ። ኣብ ጸቢብ ውዳበ ድማ፡ ብደረጃ ቀያሕቲ ዕምባባ፡ ፊተውራሪ፡ ሕመረት፡ ዝተፈላለያ ክለባትን ካድራትን ዝሰልጠኑ መንእሰያት ዝጥርንፍ ኮይኑ፡ ኣብ ንጥፈታት ማሕበር ብቐጥታ ዝሳተፉን ነቲ ስራሕ ውዳበ ብእወታ ዝጸልዉን መንእሰያት እዮም። ውዳበ ብኣገባቡን ጽልዋኡን ብቐጻሊ እናተሓደሰን እናረቐቐን እናዋሕለለን ክኸይድ ዘለዎ'ዩ። ስለዝኾነ ኸኣ፡ ምሕያልን ምስፋሕን ኩሉ ቀጻላታት ውዳበ ብቐዳምነት ዝስራዕ ውጥን ኮይኑ ይሰርሓሉ ኣሎ። ምዕባይን ምውሓስን ኣባላትን ክለባትን፡ ምስፋሕ ውዳበ ተመሃሮን መንእሰያት ሰራሕተኛታትን ኣብ ምምሕዳር ከባቢ ብዝሓየለ ክስረሓሉ ምኳኑ ኣብ ሓባራዊ















ምርድዳእ ተበጺሑ’ሎ። ኣብ’ተን ብኣተኩሮ ንሰርሓለን ጨናፍር ኣብያተ ትምህርቲ ዝተወደቡ ተመሃሮ ድማ ብቐጻሊ ናይ ውዳበ ኣምር ንኽህልዎም ሰሚናራትን ኣስተምህሮታትን ክካየደሎም’ዩ።

2. ኣብ ፖለቲካዊ መዳይ፥

ማሕበር፡ ፖለቲካዊ ንቕሓትን ተሳታፍነትን መንእሰያት ንምዕባይ ዝተፈላለዩ መደባት ኩተግብር ጸኒሑን ኣሎን። ዝተፈላለዩ ዓበይቲ ሰሚናራት፡ ኣስተምህሮታትን ስልጠናታት ካድርን ነዚ ዕላማ’ዚ ንምጭባጥ ብቐጻሊ ዝካየዱ መደባት እዮም። ሕጂ’ውን እንተኾነ፡ ማሕበር፡ ሃገር ኣብ ድንድል መቐይሮ ኣብ ዘላትሉ እዋን፡ ራእዩ ህዝብን መንግስትን ኣብ ዝጭበጥ ራህዋን ብልጽግናን ከም ዝበጽሕ ንምግባር፡ መንእሰያት ፖለቲካዊ ንቕሓቶም ኩብ ኩብልን ተሳታፍነቶም ኣብ ኩሉ መዳያት ክዕብን ሓደ ካብ ዓበይቲ ሒዝዎ ዘሎ መደባት እዩ።

3. ኣብ ማሕበረ-ቁጠባዊ መዳይ፥

መንእሰያት ኣካላዊን ስነ-ኣእምሮኣዊን ጥዕናን ዝወነኑ፡ ትምህርትን ሞያን ዝመለለይኦም ብሱላት፡ ንሕሉፍ፡ ህሉውን መጻእን ብውድዓዊ መገዲ ክርድኡን ክግንዘቡን ዝኽኣሉ ኣመዛዚንቲ ኾይኖም ኩሉ መዳያዊ ብቕዓት ንኽውንኑ፡ ኣብ ርእሰ’ቲ ስሩዕ ፖለቲካውን ውድባውን ንቕሓት፡ ማሕበረ-ቁጠባዊ ንቕሓት ከም ዘውንኑ ንምግባር’ውን እንተላይ ምስ መሻርኽቲ ብምዃን ኣብ ቀጻሊ ጻዕሪ ይርከብ።

ምሕያል መንእሰያት ኣብ ትምህርትን ስልጠናን ሓደ ካብ ሸቶታት ማሕበር እዩ። መንእሰያት ኣብ ትምህርቲ ዘለዎም ንቕሓትን ተገዳስነትን ንምዕባይ፡ ብመገዲ ሰሚናራት፡ ኣስትምህሮታት፡ ዘተ፡ መደረን ክትዕን ባህላውን ጥበባዊ ፍርያትን...ወዘተ ዝተፈለላዩ ጎስጓሳት ይካይድ። ኣብ ተማሃሮ ቅዱስ ቅንኢ ንምሕዳርን ነቶም ጻዕረኛታትን ግዱሳትን ንምትብባዕን ድማ ንዕዉታት ተመሃሮ ብደረጃ ዞባ ሽልማት ክህብ ጸኒሑ’ሎ።

ንመንእሰያት መበገሲ ዝኸውን ሞያዊ ስልጠና ብምሃብ ኣፍረይቲ ዜጋታት ንምግባሮም ብመገዲ ማሕበር ዝተፍላለዩ ጻዕርታት ክግበር ጸኒሑ። እዞም ስልጠናታት እዚኣቶም ካብ ሽዱሽተ ወርሒ ክሳብ ልዕሊ ዓመት ዝጸንሑ’ዮም።

4. ኣብ ባህላውን ዜናውን መዳይ፥

ማሕበር ዝበዝሐ ዕማማቱ ንቕሓትን ኣፍልጦን መንእሰያት ኩብ ብምባል፡ መንእሰያት ንጡፋት ተሳተፍቲ ኣብ ሃገራዊ ጉዳያት ከም ዝኾኑ ምግባር እዩ። ሓደ ካብ’ቲ ኣገባብ ድማ ብመገዲ ባህላውን ዜናውን መደባት ጎስጓሳዊ ስርሓት ምክያድ’ዩ። ማሕበር ባዕሉ ብዘውንኖ መራኸቢ ብዙሃንን ምስ ሚኒስትሪ ዜና ብምትሕብባርን ዝተፈላለዩ መደባት ኣዳልዩ ንመንእሰያት ይዝርግሕን የቃልሕን። በዚ መሰረት ማሕበር ብሸውዓተ ቋንቋታት ማለት ብትግርኛ፡ ዓረብ፡ ትግረ፡ ዓፋር፡ ኩናማ፡ ሳሆን ብሊንን መጽሔታት ይሓትምን ይዝርግሕን። ብመገዲ ዌብሳይት (www.eriyouth.org.er)፡ ሆርዳታ ሚድያን ኣቢሉ’ውን ጎስጓሳዊ ንጥፈታት የካይድ። ምስ ሚኒስትሪ ዜና ብምትሕብባር ድማ ጋዜጣ፡ ራድዮን ተለቪዥንን ንቑልዑ፡ ተመሃሮን መንእሰያትን ዘገድሱ መደባት ኣዳልዩ ይዝርግሕ።

ኣብ መወዳእታ ብኹለንተናኡ ብቑዕ መንእሰይ ምህናጽ፡ ኣብ ዝተናወሐ ግዜ ዝረጋገጽ፡ ምኽታት ሃገራዊ ዓቕምን ጸጋታትን ውህደት ኩሎም ኣካላትን ዝሓትትን መስርሕ እዩ። ሃማመተኤ ብዝተፈላለዩ ኣገባባት ውዳበን ንጥፈታትን ከረጋግጾ ክኢሉ ዘሎ ገሲጋስ ዘየዛኒ ግን ከኣ ንቐጻሊ ኩለንተናዊ መኸተ ድርኺት ዝፈጥር ምዃኑ ይኣምን።

# ውሕስነት ሰላም **ብመኸተ**

ህዝቢ ኤርትራ፣ ሳላ ፍትሓዊ ዕላማኡ፣ ቅኑዕ ፖለቲካዊ መስመሩን ዘይጸዓድ መኸተኡን፡ ነቲ ድሕሪ ናጽነት ሃገሩ ክይሃንጽን ከየማዕብልን ዘጋጠሞ ከቢድን ሕብረ-ብዙሕን ተጻብኦታት ኣብ ነዊሕ ምርብራብ ኣላሽ ኣቢሉዎ ኣሎ። ከምቲ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ኣብ መልእኽቲ ሓድሽ ዓመት 2024 ዝበሎ ድማ፡ ኣብዚ ቅልውላዋት ዝዕብለሎ ዞባዊን ዓለማውን ሃዋህው፣ ስኢቱ ሓድነቱን ርግኣቱን ዓቂቡ፣ ሰላሙን ልኡላውነቱን ብዘተኣማምን መገዲ ኣውሒሱ ኣሎ። ንመበል 33 ዓመት ጽንብል ናጽነቱ ኸኣ “ውሕስነት ሰላም ብመኸተ” ብዝብል ንሕሉፍ ታሪኽን መጻኢን ጉዕዞን ዘገናዝበ መሪሕ ቴማ ከም ወትሩ ብኸብ ዝበለ ድምቀት ይጽንብላ ኣሎ።

ህዝቢ ኤርትራ፣ ብመሪር ተጋድሎ ዝጨበጦ ናጽነት ጣዕሙ ከየስተማቐረ ዝገጠሞ ፈተነ፡ ካብቲ ናይ ግዜ ሓርነታዊ ቃልሲ እንተ ዘይከቢዱ ዝፈኩስ ኣይነበረን። ነቲ ኣብ ሓርነታዊ ቓልሱ ዘማዕበሎ ክብርታትን ስነ-ኣእምሮኣዊ ብልጸትን ዓጢቑ ብተወፋይነት እንተ ዘይምክቶ ኸኣ፣ እቲ ክቡር ዋጋ ዝተኸፍሎ ናጽነቱ ንሓደጋ ም’ተቓልዐ ነይሩ። ስለዚ ከም ህዝብን ሃገርን ናጻ ልኡላውን ናይ ምኻን ብቕዓቱ’ዩ ተፈቲኑ። ኣብዚ ተሪር መድረኽ፡ ብቕሉዕ ወራር ኮነ ቡቲ ንልዕሊ 20 ዓመታት ዝቐጸለ እልቢ ዘይነበሮ ናይ ምስይጣን ዘመተታት፣ ከምኡ’ውን ፖለቲካዊ፡ ዲፕሎማስያውን ቁጠባውን ሸርሒታት ኣይተሰናበደን። ብውዲትን ሸሕጣንን ምድንጋርን ሃገራዊ ረብሓታቱ ኣብ ዋጋ ዕዳጋ ኣየእተወን።

ኣብ ብዙሕ ኣጋጣሚታት መሰረት ዓወት ፍትሓዊ ዕላማ’ዩ ተባሂሉ ይግለጽ’ዩ። ልክዕ ግን ኣይኮነን። ፍትሓዊ ዕላማ ምህላው ከም ሓደ ረቛሒ ንዓወት ኣገዳሲ’ዩ። ተዓዋትነት ናይ ዝኾነ ጉዳይ ፍትሓዊ ይኹን ዘይፍትሓዊ ዝውሰን ግን፡ እቲ ዕላማ ኣይኮነን። ፍትሓዊ ዕላማ ብዝተፈላለየ ድኽመታት ክይተዓወተ ክተርፍ ይኽእል’ዩ። ኣብ ታሪኽ ዓለምና ነዚ ሓቂ’ዚ ዘረጋግጽ ብዙሕ ኣብነታት ምጥቃስ ይከኣል እዩ። ሓደ ጉዳይ ፍትሓዊ ደዩ ዘይፍትሓዊ፡ ተዓዋትነቱ፡ ኣብ ብቕዓት ዋናኡ እዩ ዝምርኮስ። ስለዚ ምስጢር ዓወት ወትሩ ባዕላዊ ረቛሒ እዩ።

እዚ ሓቂ’ዚ ኣብ ዝኾነ መድረኽ ዝቕየር ኣይኮነን። ዝበለጸ ራእይ፡ ዕላማታት፣ ወዘተ. ሒዝካ ትግባረኡ ዘውሕስ ብቕዓትን ብልጸትን እንተ ዘይብልካ ክትዕወት ኣይትኽእልን ኢኻ። ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ዓወት ዝበጽሐ፡ ነቲ ቅኑዕን ፍትሓውን ዕላማኡ፣ ብስራሕን ብልዑል ብቕዓትን ተወፋይነትን ስለ ዝተግበሮ እዩ።

ኣብዚ መበል 33 ዓመት ጽንብል ናጽነትና እንጽንብለሉ












ዘለና መድረኽ፡ ብድሆታት ምድልዳል ናጽነትን ልኡላውነትን ብዓወት ተሰጊሩ ኣሎ። ድሕር'ዚ ዝመጽእ ሕቶ ኸኣ ዘቕጽል ጉዕዞና'ኸ ከመይ ክኸውን እዩ? ዝብል እዩ። እዚ እንኣትዎ ዘለና ሓድሽ መድረኽ እውን እንተ ኾነ ከምቲ ቴማ ብዓል ናጽነትና ዝእምቶ፡ ኣብ ብቕዐትናን መኹተናን እዩ ክምርኮስ። ሃገራዊ ራእይናን ዕላማናን ፍሉጥ'ዩ። ራእይና፡ ብኹለንተናኣ ንሱብ ብሕልፊ ድማ ነቲ ምእንቲ ሰብኣዊ መሰሉን ሃገራዊ ክብረቱን ረዚን ዋጋ ዝኸፈለ ኤርትራዊ ሰብ እትብቕዓ ሰልጥንቲ ሃገር ምህናጽ እዩ። እዚ ራእይ'ዚ ክሰምር ከኣ፡ እቲ ቀዳማይ ረቛሒ ምውሓስ ሰላምን ርግኣትን እዩ። ነዚ ክዉን ዝገብር ከኣ ሕጂ እውን ኩለንተናዊ ብቕዓትናን ብልጸትናን እዩ።

እቲ ቀንዲን ወሳንን ረቛሒ ስነ-ኣእምሮኣዊ ብልጸት'ዩ። ስነ-ኣእምሮኣዊ ብልጸት፣ ንፍቕሪ ሃገር፡ ፖለቲካውን ስነሓሳባውን ንቕሓት፡ ሞራላውን ስነምግባራውን ሓይሊ፡ ሃገራውን መንነታውን ሓበን፡ ስኒትን ሓድነትን ወዘተ. ዘጠቓልል ኣዝዩ ሰፊሕ ትርጉም ዝሓዘ እዩ። እዚ ረቛሒታት'ዚ ዘየማልእ ህዝቢ፡ ወትሩ ተነቃፊን ንግዳማዊ መጥቃዕቲ ቅሉዕን ኮይኑ፡ ረብሓታቱን ቁጠባዊ ዕብየቱን ብዓቢኡ እውን ቀጻልነቱ ክውሕስ ኣጸጋሚ እዩ። ብኣንጻሩ ነዚ ረቛሒታት'ዚ ዘማልአ ሕብረተሰብ፡ ወትሩ ዕዉት ምኳኑ ተሞኩሮና ዓቢ መወከሲ ኮይኑና ኣሎ።

ዝኾነ ሕብረተሰብ ኣብ ዝኾነ መድረኽ፡ መሰረት ህላወኡን ምዕባለኡን ካልእ ዘይኮነ ብቕዓቱ'ዩ። ፖለቲካዊ፡ ቁጠባዊ፡ ወተሃደራዊ፡ ማሕበራዊ፡ ባህላውን ዲፕሎማሲያውን ብቕዓት። ብዘይካኡ ካልእ ዋሕስ የብሉን። ብዘይ ብኡ ኣብ መንደቕ ዘይብሉ ቀጽሪ ከም ምንባር እዩ። ምኽንያቱ ረብሓታቱ ኣብ ምውሓስ ስንፍ ዝበለ ወይ ብቕዓት ዝጎደሎ ዘናሕስየሉ ወይ ደንጊጹ ዝንሕፎ የለን። ብተወሳኺ ናይ ዝኾነ ዕላማ ሰረት ረብሓ እዩ። ረብሓኡ ዘይፈልጥ ራእይ ክህልዎን ዕላማኡ ኣነጺሩ ክፈልጥን ናብ ዕላማኡ ዘብጽሕ ብቕዓት ክፈጥርን ኣይክእልን። ክንዲ ዝኾነ ንኣድማዒ ውጽኢት ክብታኡ ወትሩ እናወሰኸ ዝኸይድ ረብሓታትካ ኣነጺርካ ናይ ምፍላጥ ንቕሓት፡ ንእኡ ዘተግብር ሞያዊ ብቕዓትን ስነ-ኣእምሮኣዊ ብልጸትን ምውናን የድሊ።




ቴማ መበል 33 ዓመት ናጽነት፡ "ውሕስነት ሰላም ብመኹተ" ዝእምቶ ካልእ መልእኽቲ፡ ክብርታት ትማሊ ዓጢቕና፡ ሓድሽ ታሪኽ ክንሰርሕ እዩ። ብርግጽ ድማ ናይ ሕጂን መጻኢትን ወለዶታት ኤርትራ፡ ህያውነትን ቀጻልነትን ዘሐብን ሃገራዊ ታሪኽና ከረጋግጹን ኣብ ጎደና ዕበየት ክምርሹን እንተ ኾይኖም፡ ግድን ሕሉፍ ታሪኽ ናይ'ዚ ሃገር'ዚ መወከሲኦም ክገብርዎ የድሊ።

ነፍሲ ወከፍ ወለዶ ናይ ዝኾነ ሃገር ብቓልሲ እዩ ዝሓልፍ። ቃልሲ ንዘሓሸ መጻኢ ቀጻሊ መስርሕ እዩ። ቃልሲ ንናጽነት ኣመና መሪር ምንባሩ ዝፍለጥ'ዩ። ናጽነት ምድልዳል እውን ቀሊል ዕማም ከም ዘይኮነ ርኢና። ሳላ ብቕዓት ህዝቢ ኤርትራ ግን ብድሆታት ክልቲኡ መድረኽ ብዓወት ተሰጊሩ። ኣብዚ ናብ ሓድሽ መድረኽ እንሰጋገረሉ ዘለና እዋን ከኣ፡ ሃገራዊ መደባት ልምዓት ብጽፈትን ብዝሓየለ ናህርን ድርኺትን ንምስጓም፡ ከምኡ'ውን ምስ ምስፋሕ ልምዓታዊ ዕማማትን ቁጠባውን ፖለቲካውን ምዕባለታትን ንምጓዓዝ ድሉውነት፡ ብልጸትን ብቕዓትን ወሳኒ እዩ።

ከምቲ መንእሰያት እዋን ሓርነታዊ ቃልሲን እዋን ምድልዳን ናጽነትን ብልዑል ስነ-ኣእምሮኣዊ ብቕዓት፡ ነቲ ጽንኩር መድረኽ ዝበቕዕዎ፡ ናይዚ ሓድሽ መድረኽ መንእሰያት ከኣ፡ ኣብ ምውሓስ እዚ ተረኺቡ ዘሎ ሰላምን ርግኣትን፡ ኣብ ህንጻት ምዕቡል ቁጠባ፡ ብቑዓት ክኾኑ የድሊ። እቲ ዘድሊ ብቕዓት ንምውናን ከኣ፡ ነቲ መሰረትናን ምስጢር ብልጸትናን ዝኾነ ሃገራዊ ክብርታትን መትከላትን ጸኒዕና ክንክተሎ የድሊ። ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ነዊሕ ቃልሱ ዝሃነጾ መሪሕ ውድብ ህዝባዊ ግንባር፡ መሰረት ውዳበናን ሓይልናን ዓወትናን ስለዝኾነ ብቐጻሊ ክነሐድሶን ዚያዳ ክነሐይሎን የድልየና። ሕሉፍ ተሞኩሮና፡ ምስ ግዜን ኩነታትን እናተዓጻጸፍካ መምስ መድረኹ ዝኸይድ ስነ-ኣእምሮኣዊ ብቕዓትን ብልጸትን ምጥራይ፡ ብኡ መሰረት ሓያል ውዳበ ምፍጣር፡ ክሳብ ክንደይ ንዕዮኻ ብተዓጻጻፊ ዘራብሕ ምኳኑ ኣረጋጊጹልና እዩ።

ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ነዊሕ ቃልሱ፡ ስነሓሳብ ማሕበራዊ ፍትሒ ዝሰረቶም፡ ሓበን ህዝብን ሃገርን ዝኾኑ ወርቃዊ መትከላትን ክብርታትን ኪኹስኩስ ዝኸኣለ ህዝቢ እዩ። በዚ ክብርታት'ዚ፡ ኣብ መንጎ ኩሉ ክፋላት ሕብረተሰብ

ኤርትራ ብዘይ ኣፈላላይ ሃይማኖት፡ ጾታ፡ ቀቢላ፡ ቛንቋ፡ ባህልን ማሕበራዊ ቦታን ልዑል ስቲትን ጥምረትን ብምንዳቕ፡ ኩሎም ዜጋታት ከም ዕላማ ዝወሰድዎ፡ ዝኣምንሉ፡ ዝምርሕሉ፡ ዝከላኸልሉን ዝሰውኡሉን መትከላት ብምምዕባል፡ ብመንኮቱ ዝሕበኑ፡ ኣብ ግዝኢ ሰብኣዊ ዓቕሙ ልዑል ምትእምማን ዘለዎ፡ ብርቱዕ ህዝባዊ ስነኣእምሮ ክፈጥር በቒዑ። ኑቲ ዓለም ኣይከኣልን ዝበሎቶ ቃልሲ ኣንጻር ርእሰ ሓያላን ከምዝከኣል ዝገበረ፡ ትሕት መሬት ክቕበር ዝተፈርደ ህዝባዊ መሰል ካብ መዓሙቑ ኣውጺኡ፡ ኣብ በሪኽ ዙፋን ዜንበረ ረቂቕ ሓይሊ፡ እዚ ሃገራዊ ክብርታት'ዚ እዩ።

እዚ ኣብ ነዊሕ ቃልሲ ዝተኾሰኮሰ ክብርታት፡ ንህዝቢ ኤርትራ ንናጽነት ኣብቂዑዎ ጥራይ ዘይኮነ፡ ድሕሪ ናጽነት እውን ናብ ተረካቢ ሕድሪ ወለዶ ብምስጋር፡ ኣብ ምውሓስን ምድልዳልን ናጽነትን ተኣምር ሰሪሑ። ረዚን መስዋእቲ ከፊላ፡ ሰላማን ርግኣታን ዘውሓሰት ኤርትራ፡ ብናጻ ፖለቲካዊ መስመርን ሕርያን፡ ብሰብኣውን ሃገራውን ክብረት፡ ብመንፈስ ርእሰ ምርኩሳን ልዑል ልምዓታዊ ትግሃትን ብኣርኣያነት እትጥቀስ ሃገር ክትከውን ዘብቅዓ፡ እቲ ኣብ ጽንኩር ገድላዊ ህይወት እተመልመለ፡ ኣብ ኩሉ መዳያት ሓርነት ውሳነ ዘፍቅር ኩነት-ኣእምሮ ህዝባን መሪሕነታን ኮይኑ፡ እዚ ክብርታት'ዚ ከም ዘለዎ ናብ ተረካቢ ሃገር መንእሰይ እናተሰጋገረ ስለ ዝመጸ'ዩ።

ስለዚ ሕጂ እውን እቲ ዝዓበየ ዕማምና ነዚ ክብርታት'ዚ ናብዚ ሓድሽ ወለዶ ኣሰጋጊርካ ሓድሽ ታሪኽ ምስራሕ ክኸውን ኣለዎ።

ኤርትራ፡ ምእንቲ ጥዑም ግን ግዚያዊ ፍታሕ ኢላ፡ ፖለቲካዊ ናጽነታ ዝግድዕ ኣቋራጭ መገዲ ኣይሓረየትን። ሓቅን ፍትሕን ዝጠልቦ ክቡር ዋጋን ምጽማምን ክትከፍል ወትሩ ቅርብቲ ብምኳና፡ ማዕበላት ሽርሒን ተጻብኦን፡ ውዲትን ብድሆን ከንዲ ዝተኾመረ ይኩመር፡ ካብቲ ጽኒዓ ዝሓዘቶ ናጻ መስመር ከንደልህጻ ኣይከኣለን።

ሕጂ እውን ዝቕጽል መድረኽ ብዕዮን ጻዕርን መኹተን ዝሕፈስ እምበር ብልግሲ ዝርኩብ ማና ዝዓቈረ ኣይኮነን። ነዚ ተረዲእካ መድረኽ ዝጠልቦ ብቕዓት ብምጥራይ ከኣ ብዕዮኻ ሃገራዊ ራእይ ምርግጋጽ የድሊ። ብኣጋጣሚ ዝኸሪ ናይዛ ክብርቲ ዕለተ ናጽነት እምበኣር፡ ነዚ ሓቒ'ዚ ደጊምና ብዕምቈት ብምስትንታን፡ እቲ ኣብ ነዊሕን መሪርን ሓርነታዊ ቃልሲን ናይ ድሕሪ ናጽነት ጉዕዞናን ዝተሃንጸ፡ ምስጢር ሓይልና፡ ብቕዓትና፡ ብልጸትና፡ ቅያናን ዓወትናን ዝኾነ ባህልን ክብርታትን ብቐጻልነት ንምዕቃቡ፡ ንምምዕባሉን ምድልዳሉን ቃልና ከነሐድስ ይግባእ።







# ናበይ'ዩ ኣንፍና?

መላእ ህዝቢ ኤርትራ፡ ኣብ ውሽጥን ወጻእን ንመበል 33 ዓመት ዕለተ-ናጽነቱ፡ ከም ወትሩ ብድምቀት ይጽንብላ ኣሎ። ግን ኣብ ትሕቲ ከመይ ዝኣመሰለ ኩነት? ድሕር'ዚ''ኸ ኣንፍና ናበይ'ዩ? ዝብል ሕቶ ምርኣይ ድማ ዘለናዮ መድረኽን ከም ህዝብን ሃገርን ዝጽበዩና ዕማማትን ንምንጻር ኣገዳሲ እዩ።

ከም ዝፍለጥ ኩብሪ ናይ ዝኾነ ነገር ብመጠን ዝተደኸመሉን ዝተኸፍሎ ዋጋን'ዩ ዝልካዕ። በዚ መንጽር'ዚ፡ ናጽነት፡ ንህዝቢ ኤርትራ እቲ ኣዝዩ ክቡርን ዘሐብንን ርስቲ እዩ። እምብዛ ረዚን መስዋእቲ ከፊሉ ስለ ዝምጽኦ ኸኣ፡ ናይ ብሉጿ ትርጉም ዘለዎ፡ ጻማኡ ዝረኸበሉን ዝኩሓሰሉን ናጽነት ክኸውን ክኾነሉ ክምኑ ግድን እዩ። ትርጉም ዘለዎ ሓርነት ግን ብባህጊ ጥራይ ዝርከብ ኣይኮነን። ከምቲ ክቡር ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ኣብ ሓደ ካብ መደረታቱ ዝበሎ፡ "....ናጽነት መሬትካ ምስ ወነንካ፡ ምዕሩግን ነባርን ቤት እትሃንጸሉ ዘይባድምን ወትሩ ዝሕሰንን ዝሰለምን ናይ ሓፋሽ ህዝቢ ርስቲ እዩ ... ናጽነት ለሚንካ፡ ተመሻኺንካን ተጸጋጊዕካን ብቐለተ ወይ ትኳቦ ዝርከብ ዘይኮነ ባዕልኻን ብጻዕርኻን እትሃንጾ ርስቲ እዩ።"

ህዝቢ ኤርትራ ካብ ገድሊ ንናጽነት ናብ ሓድሽ ምዕራፍ ልምዓታዊ ተጋድሎ ኣብ ዝተሰጋገረሉ፡ ልክዕ ከም ንቕሎ ብረታዊ ተጋድሎ፡ ካብ ትሕቲ ባዶ'ዩ ነቒሉ። እንተ ኾነ ሃዋህው ናጽነት ዝፈጠሮ ተስፋን ልዑል ድሌትን፡ ቅኑዕ ፖሊሲታት ተወሲኽዎ፡ ኣብ'ተን ቀዳሞት ሸውዓተ ናይ ናጽነት ዓመታት ቁጠባ ኤርትራ ዓቢ ገስጋስ ከመዝግብ ክኢሉ ነይሩ።

ምስ ምውላድ ሓራ ኤርትራ ኣብ 1991፡ ህዝብታት ኤርትራ ጥራይ ዘይኮነ፡ መላእ ህዝብታት ቀርኒ ኣፍሪቃ፡ ንልምዓትን ሓባራዊ ምትሕብባርን ምቹእ ባይታ ዝፈጥር፡ ዓቢ ዕድል ተራሕዩሎም ነይሩ እዩ። ሕማቕ ናይ ታሪኽ ኣጋጣሚ ኾይኑ ግን፡ ፖሊሲታት ናይ'ቲ ድሕሪ ምብቃዕ ዝሑል ኩናት ዝተኸስተ ሓድሽ ዓለማዊ ስርዓት፡ ዕብለላን ግብትናን ንምርግጋጽ፡ ኣብ ዞባና ቀጻሊ ቅልውላዋት ብምስዋር፡ ንባህጊ ህዝቢ ኤርትራን ህዝብታት ዞባናን ኩሊፉዎ። ብሰንኪ'ዚ ግሎባዊ ፖሊሲ'ዚ ድማ፡ ህዝቢ ኤርትራ ድሕሪ ናጽነት ዝሓለፈ ዓመታት ኣዝዩ በዳሂ እዩ ነይሩ። ኣብ ልዕሊ ናጽነቱን ልኡላውነቱን ቅሉዕ ወራር ተኣዊጁ፡ ንኽልተ ዕቑድ ብዘይ ዕረፍቲ ዝቖጸለ ስፍሪ ኣልቦ፡ ቀጠባዊ፡ ዲፕሎማሲያውን ስነኣእምሮኣውን ኩናትን ሸርሒታትን ክምክት ተገዲዱ።

ህዝቢ ኤርትራ እዚ ሕማቕ ዕድል'ዚ የጋጥሞ እምበር፡ ነዚ ቅሉዕ ወራርን ተጻብኦታትን፡ ብመኸተ ክስገር ከም ዘለዎ ልኡላውነት ናይ ምድልዳል ውህብ ዕማም ወሲዱ፡ ብኣእምሮን ኣካልን ጀሆ ከይተታሕዘ፡ ዝቐየሶ ናይ ልምዓትን ዕብየትን መደባት ከየወንዘፈ ኂኒ ኂኒ መኸተኡ፡ ንህንጸት ሃገር ሓኺሉ ክብል ጸኒሑ ኣሎ። ብመንጽር ውሱንነት ጸጋታትን ግዘፊ ናይ'ቲ ዝገጠሞ ብድሆታትን፡ መሰረት ሓቀኛ ሓርነት ኣብ ምንጻፍ ዓሚምዎ ዘሎ ዕዮ ድማ ውሑድ ኣይኮነን። በቲ ዕረፍቲ ዘይሀብ ሸርሕን ተጻብኦታትን ሰንፈላል ከይኮነ፡ ዓበይቲ ልምዓታዊ ፕሮግራማት ኩተግብር ክኢሉ እዩ። ሓላፍነት ህንጸት ሃገር ዝተሰከሙ መንእሰያት ደቁ፡ ኣብ ዝሓለፈ 33 ዓመታት፡ ንኹሉ ሰዉርን ግሁድን ግዳማዊ ተጻብኦታት ከከም ኣመጻጽኣኡ እናመከቱ፡ ተወፋይነት ኣዕሪጎም ሃገራዊ ራእይ ንምጭባጥ ክረባረቡ ጸኒሖም ኣለዉ። ብሕልፊ ድማ ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ፡ ምስናይ'ቲ ንምድኻሙ ክፍተን ዝጸንሐ ቀጻሊ ሸርሒታት፡ ናይ ምክልኻል ተልእኾኡ ብብቑዓትን ልዑል ጅግንነትን እናፈጸመ ካብ ልምዓታዊ ዕማማት ኣይተዛነየን።

ኣብዚ ናይ ድርብ መኸተ ዓመታት፡ ውሕስነት ምግቢ ንምርግጋጽ ብዝተታሕዘ ዕላማ፡ መሬታዊ ጸጋታት ብብቑዓት ንምምዝማዝ ዘኽእል መሰረታዊ መንጽፍ ንምውዳድ፡ ኑቲ ኣብ ዝናብ ዝምርኩስ ያታዊ ኣገባብ ማሕረስ ናብ ዘመናዊ ሕርሻ ንምቕያሩ ቀሊል ዘይኮነ ስራሕ ክዕመም ክኢሉ እዩ። ኣብ ኣፍርያትነት ሕርሻ ድማ፡ ብደረጃ ሃገር ይኹን ውልቀ ዜጋታት ብዙሕ ለውጢ ክመጽእ ክኢሉ'ዩ። ብደረጃ ሃገር ማይ ናይ ምኽዛን ዓቕሚ ንምዕባይ፡ ዓበይትን መጠነ ንኡስን ፕሮጀክትታት ክትግበሩ ጸኒሖም እዮም። ህንጸት ዲጋታት፡ ገርሰት፡ ፋንኮ፡ ክርከበት፡ ጠቐራ፡ ገርገራ፡ ጋሕቴላይ፡ ከምኡ'ውን ኣበየ ከባቢኡ ክህነጹ ዝጸንሑ ማእከሎትን መጠነ ንኡስን ትሕተ-ቅርጽታት ውህለላ ማይ ውሑዳት ኣይኮኑን። እንተ ኾነ፡ ኣብ ሕርሻውን ኢንዱስትሪያውን ዘቤታውን ኣገልግሎት ወዒሎም ተጨባጢ ውጽኢት ክርከቡም፡ ተወሳኺ ትሕተ-ቅርጻዊ ስርሓትን ተክኖሎጂያዊ እታውን የድልዮም። ምስ'ዚ ኣቲናዮ

ዘለና ሓድሽ መድረኽ እምበኣር፡ እዚ ዕማም'ዚ ቀዳምነት ተዋሂብዎ ዝያዳ ክሰጉም ዘለዎ'ዩ። ምስ'ዚ ተኣሳሲሩ፡ ሕርሻዊ ፍርያት ዝምስርሕ ኮነ፡ እታው ንምትካእን ንሰደድ ዝቐንዕን ኢንዱስትሪያዊ ፍርያት ምምዕባል፡ ኣብ ዕብየት ቁጠባ ዝህልዎ ግደ ቀሊል ስለ ዘይኮነ፡ እዚ እውን ካብ ቀዳምነታት ናይ'ዚ ኣቲናዮ ዘለና መድረኽ እዩ።

ኩሉ ከባቢታት ሃገር፡ ብመርበብ ጽርግያታት ንክራኸብ ዛጊት ዝተሰላሰለ ስራሕ ኣቃሊልካ ዝርአ ኣይኮነን። ሎሚ ኣብ ኤርትራ ዋላ ኣብቲ ርሑቕ ከባቢታት ጽርግያ ዘይኣተዎ ዓዲ ኣሎ ክበሃል ኣይከኣልን። ጽርግያ ግን ብቐዓቱ ይፈላለ'ዩ። ዘለና ጽርግያታት ዓይነቱ ከምቲ ዝድለ ኣይኮነን። ስለዚ፡ ኩሉ ጽርግያታት ውሽጢ ሃገር ተመሓይሹ፡ ኣብ ዝኾነ ወቕቲ ኣብ ዘየሰክፍ ደረጃ ክበጽሕ ንወፍርን ንግዳውን ቁጠባውን ንጥፈት ዝምችእ ክኸውን ብቐዓቱ ክብ ምባል ከድልየና እዩ።

ኣብ ወደባትን ገማግም ባሕርን ክፍታተን ዝጸንሓ ፕሮጀክትታት ልምዓት ኣሎ። እንተ ኾነ፡ ከምቲ ዝድለ ኣይሰጎመን። ክንዲ ዝኾነ ኣብዚ ጽላት'ዚ፡ ምስ'ቲ ክመጽእ ዝኽእል ገዚፍ ሸርክነታዊ ምትሕግጋዝ ብምውህሃድ ጸጋታት ባሕሪ ኣብ ጥቕሚ ሃገርን ህዝብን ምውዓልን እዚ ጽላት'ዚ ኣብ ዕብየት ቁጠባ ናቱ እጃም ዘበርክተሉ ኩነት ምፍጣርን የድሊ።

ጸዓትን ኣገልግሎት ኤሌክትሪክን፡ ኣብ ዕማም ህንጸት ሃገር ኣዝዩ ተደላይቲ እዮም። ብርዱእ ምኽንያት ኣብዚ ጽላት'ዚ ዝጸንሓና ዓቕሚ ድሩት እዩ። ስለዚ ድማ፡ ምስ'ዚ ሓድሽ መድረኽ ክኸይድ ዝኽእል ልዑል ዓቕሚ ንምድላብ፡ ንኹሉ ጠለባት ዘዕግብ ስርዓት ጸዓትን ኤሌትሪክን ምውዳድ፡ ካብ ቀንዲ ቀዳምነታት ናይ'ዚ መድረኽ'ዚ ተወሲዱ ዝስርሓሉ ዘሎ እዩ።

ምስ'ዚ ቀዳምነታት'ዚ ተኣሳሲሩ ዝኸይድ ካልእ ኣገዳሲ ዕማም፡ ምምላእ ጠለብ ኣባይቲ ንመንበርን መስርሕን እዩ። ከም ዝፍለጥ ብሰንኪ ድሩትነትን ጸጋታትን ካልእ ቀዳምነታትን፡ ትግባረ ህንጸት ኣባይቲ ገና ብስፍሓት ኣይተበገሰን። ገለ ዝተበጋገሰ ፕሮጀክትታት እንተ ነይሩ እውን ትግባረኡ ክኮላለፍ'ዩ ጸኒሑ። ኣብዚ እንኣትዎ ዘለና ሓድሽ መድረኽ ጠለባት ኣባይቲ ብዘዕግብ ንምምላሽ እምበኣር፡ ብዝተሓደሰ ውጥናትን ዝሓሸ ተክኖሎጂን፡ ህንጸት ኣባይቲ ካብቲ ክቀላጠፍ ዘለዎ ቀዳምነታት መደባት ልምዓት እዩ። ኣብ ኩሉ ኩርናዓት ሃገር፡ ኣገልግሎት መጓዓዝያን መራኸቢታትን ብምዕሩይነት ንምርግጋጽ ዛጊት ዝዓመምናዮ ስርሓት እውን እኹል ኣይኮነን። ስለዚ ምስዚ ሓድሽ መድረኽ፡ ብቑዕ፡ ስሉጥ፡ ዘመናዊ ኣገልግሎት መጓዓዝያ ሰብን ንብረትን (ናይ ምድሪ፡ ባሕርን ኣየርን) ምምዕባል ምጉያይ ዘድልዮ እዩ።

ከም ዝፍለጥ ኣብ ማሕበራዊ ኣገልግሎታት፡ ኣውራ ኣብ ኣገልግሎት ትምህርትን ጥዕናን ድሓን ሰጒምና ኢና። ኣብ ምምዕባል ዓቕሚ ሰብ ዝተገብረ ወፍሪን ብኡ መጠን ዝሰልጠነ ዘሎ ሞያዊ ዓቕሚ መንእሰያትን ውሑድ ኣይኮነን። ይኹን'ምበር ሰፋሕቲ መደባት ልምዓት ንምትግባር ዝጥለብ ዓቕምን ደረጃ ብቕዓትን ንምምላእ፡ ኑቲ ኣብ ህንጸት ሃገር ዝያዳ ኹሉ እንተኣማመነሉ ጸጋ ሰብና ምጉልባት ብተዓጻጻፊ ክስርሓሉ ዘለዎ እዩ።

ህዝቢ ኤርትራ፡ ንናጽነትን ልኡላውነትን ሃገር ከቢድ ዋጋ ዝኸፈለ፡ ኣብ ትሕቲ ውሑስ ሰላም፡ ነፍሲ ወከፍ ዜጋ ካብ ስእነትን ድሕረትን ተገላጊሉ፡ ናይ ብሓቂ ንሰብ ዝበቅዕ ስልጡን ህይወት ዝመርሓሉ፡ መጻእቲ ወለዶታት ድማ ዝሓሸን ዝማዕበለን ህይወት ዘስተማቕርሉ ኩነት ንምፍጣር እዩ። እዚ ራእይ'ዚ ክሰምር፡ ዘቤታዊ ሰላምን ጸጥታን ኣዝዩ ወሳኒ እዩ። ኣብ ዝሓለፈ መድረኻት፡ እቲ ቀንዲ ዕማምና ምውሓስ ልኡላውነትን ሰላምን እዩ ነይሩ። ተዓዊትና ብምውጻእ ከኣ፡ ናብ ሓድሽ ሃዋህው ኣብ ምስግጋር ንርከብ። ሕጂ'ውን ነዚ ብልዑል ጽንዓትን ተብጻውነትን ዝተረጋገጸ ሰላም ናይ ምውሓስ ዕማም ልዕሊ ኹሉ ዝስራዕ'ዩ።

ኣብ መውዳእታ፡ ህዝቢ ኤርትራ ዝተቓለሰሉ ዕላማ "ማሕበራዊ ፍትሒ" ምዃኑ ኣብ ዝኾነ እዋን ክዝንጋዕ የብሉን። ቀንዲ መሰረት ፍትሓዊ ፖለቲካዊ ስርዓት ከኣ፡ ብዘይ ኣፈላላይ ንዜጋታት ምዕሩይ ቁጠባውን ማሕበራውን ዕድላት ምፍጣር እዩ። እዚ ዕላማ'ዚ እምበኣር፡ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ዜጋ ሰሪጹ፡ ከም ብሌን ዓይኒ ክሕሎ ዘለዎ እዩ። ጽሬት መስመርን ዝጸንሐ ክብርታትን ዘዕኑ ተርእዮታት እናተቓለስካ ኑቲ ዓቢ ዕላማ ምጭባጥ ናይ ኩሉ ዜጋ፡ ኣውራ ድማ ናይ ተረኽቡቲ ሃገር መንእሰያት ሓላፍነት ክኸውን ይግባእ።

ህዝቢ ኤርትራ፡ ኣብዚ ድሕሪ ናጽነት ዝሓለፎ ተሪር መድረኻት፡ ኣብ ውሽጡ ርጉእ ስርዓት-ምንባባር ኣብ ምፍጣር ተዓዊቱ እዩ። እዚ ረቛሒ'ዚ፡ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ካልኦት ሕብረተሰባት ብቐሊሉ ዘይርከብ ውሽጣዊ ሰላምን ጸጥታን ዝውንን ህዝቢ ኪኸውን ኣብቂዕዎ ኣሎ። ሰላምን ርግኣትን እቲ ቀንዲ መሰረት ምዕባለ ስለ ዝኾነ ድማ ኣብ ትሕቲ ውሑስ ሰላም ሃገራዊ ህንጸት ኣብ ምስላጥ ዘለዎ ግደ ብቐሊሉ ዝግመት ኣይኮነን። ዝሓለፈ 33 ዓመታት፡ ቡብቕሩብ ናብ ዚሓሸ ባይታ እናሓኾርና ክንመጽእ ጸኒሕና፡ ሎሚ ኣብ ንቕሎ ንገዚፍ ዕማም ሃገራዊ ህንጸት ንርከብ ኣሎና። ኣብ ቀረባ ርሕቀት ዝርአ ዘሎ ብርሃን ዝያዳ ደሚቑ፡ ብምልኣት ክጭበጥ ከኣ ጻዕርና ክዛይድ የድሊ።



# **ናጽነት** ክብርቲ ናይ ሓደራ ንብረት

ስምኦን ወልደሚካኤል

ታሪኽ ደቂ ሰባት ክምዝገብ ካብ ዝጀመረ፡ እቲ ዝኸበረ ተባሂሉ ዝዝከርን ዝኽበርን ነገር ቀዋምነት ስኢኑ ድሕሪ ምጽናሕ። ሰባት ተኣኪቦም ከም ህዝብን ሃገርን ክቐሙ ካብ ዝጀመሩ ግን ዕለተ ምስረታ ወይ ናጽነት ናይ ሃገራት ብቐዋምነት ብዓቢ ክብሪ ዝዝከር ዕለት ኮይኑ ኣሎ። እዚ ኸኣ ንሓደ ህዝቢ ህላወ ናጻ ሃገር ልዕሊ ኹሉ ዘገድስ ምኳኑ መርኣያ እዩ። ህዝቢ ኤርትራ ካብ ተፈጥሮኣዊ ጥርናፈኡ ወጺኡ ብመግዛእትን ንዕኡ ተኸቲሉ ዘልዓሎ ተጋድሎን ተሓጊዙ ከም ፖለቲካዊ ማሕበረ ኮም ተጠርኒፉ ዓቢይቲ ቁምነገራት ዝፈጸመ ጽዑተኛን ብልሓተኛን ህዝቢ እዩ። ንዝተበገሰሉ ከይተዓወተሉ ተሪፉ ኣይፈልጥን። ንዝዋግኦ ኸኣ ዝዋግኦ ዋጋ ከፊሉ ከይወሰኖ ኣይዓርፍን። ብዘሕጉን ዕብየትን ጸላእቲ፡ ክብደት ብድሆ፡ ዕብየት ናይ ዕላማ ካብ ዝሓሰቦ ኣየታረፎን።

24 ግንቦት መዓልቲ ናጽነት ኤርትራ ፈጸሚ ናይ 30 መሪር ዓመታት ብረታዊ ቃልሲ ምኳና ዘይፈልጥ የለን፡ እቲ ብረታዊ ቃልሲ ንባዕሉ መቐጸልታ እምበር መጀመርታ ከም ዘይኮነ ብምዝካር፡ ናጽነት ኤርትራ ፍረ ናይ ውሉዶታት ናይ ዘመናት ዕዮን መስዋእትን እዩ። መዓልቲ ናጽነትና ናይ ዓወት መዓልቲ’ኳ እንተ ኾነት ኣብ መገዲ ሓርነት ኳንካ ምእንቲ ሓርነት ክትጋደል መብጽዓ ትኣትወሉ ዕለት እውን እዩ። ሓርነት እናተጋደልካ ብምጽባይ እያ ትርከብ። ናይ ምግዳልን ምጽባይን ዓቕሚ ዘለዎ ጥራይ እዩ ሓርነት ዝረክብ። ህዝቢ ኤርትራ ንሓርነት ኣብ መገዲ ሓርነት ደው ኢሉ ብዓቕሊ ከይተሓለለ ብምግዳል ዝረኸበ ጻማ እያ። ንሓርነት ጸሚእዋን ጠሚዩዋን። ኑብሱ ከየተዓሻሸወ ሳላ ዝተጋደለ ኸኣ ረውዩዋን ጸጊቡዋን።

ብሴፍን ጭማራን ዝፈለመ እምቢታ ንመግዛእቲ ሰለይ እናበለ ናብ ሰውራዊ ባርዕ ምስ ተሰጋገረ ዝተፈጥረ ግንፋል ስምዒት ከንፍሶ ዝኽእል ሓይሊ ኣይተፈጥረን። ድልያ ናጽነት ብዓወት ተዛዚሙ፡ ደለይቲ ናጽነት ከኣ ተሊሞም ምዕራፉ ዛዕጸሑ ተባሂሎም ተሞጒሱ። እቶም ኣምጻእትን ተረከብትን ግን ናጽነት ናይ’ቶም ምእንቲኣ ዝወደቑ ሰማእታት እያ ኢሎም ነገሩ። ከም ውጹእ መዓት ንናጽነት ከም ገጸ-በረኸት ዘይኮነስ ከም ሓደራ ሐዞማ ዝመጹ ንብረት ሰውኣት ምኳና መሃሩ። እዚ ምህሮ’ዚ ናብ ኣእምሮ ህዝቢ ዘረቑ ኩሉ ብሓደ ቓል፡ “ናጽነት ናይ ሓደራ ንብረት እያ” ኢሉ ብኸንክንቲ ይሕዛ ኣሎ።

ናጽነትና ህያብ ስውኣትና ክንብል እንከለና፡ ናጽነት

ስወኣት ዝሃቡና ናይ ሓደራ ንብረት ምዃና ንምግላጽ እዩ። ኣብ ሕብረተሰብ ኤርትራ እቲ ዝኸበረ ሃገር እቲ ብዙሕ ዋጋ ዝተኸፍለ ንብረት ዘይትንከፍ ናይ ሓደራ ንብረት እዩ። ቅድምን ልዕልን ኩሉ ሕድርን መብጽዓን ምዃኑ፣ ካብቲ "ንወላድካ ኣታትየ፣ ንወዲ ሕድርኻ ሓንግር" ዝብል ምስላ ብሂረ ሳሆ ክንርዳእ ንኽእል። ብሓደራ ዝተቐበልካዮ ደዕበ ይንኣስ ልዕሊ እቲ ዝኸበረ ንብረትካ ኢኻ ትሕልዎ። "ኣቐምጥ ዝበልዎ ኣየጥፍእ፣ ኣጸብቕ ዝበልዎ ኣየኽፍእ" ኢሉ ዝመሰለ ህዝቢ፤ ንሓደራ ዝሀቦ ዋጋ ንምርዳኡ ዘሸግር ኣይኮነን። ሕድሪ ምጽናዕ ማለት ዘይምጥላም ማለት ጥራይ ኣይኮነን፣ ንዝተዋህበካ ኣጸቢቕካን ኣጸባቢቕካን ዘይምትሓዝ ንባዕሉ ሕድሪ ዘይምጽናዕ'ዩ ዝጽብጸብ ባህሊ. ሕድሪ ምጽናዕ ብኸመይ ከም ዝማዕበለ ንኣጽናዕቲ ባህሊ. ሰቡሕ ናይ ምርምር ባይታ ስለ ዝኾነ ክወፍርሉ ይግባእ።

ናጽነት ኤርትራ ንምምጻእ ዝተኸፍለ ዋጋ ሂወት ማንም ህዝቢ. ዝኸፍሎ ኣይነበረን። ዋጋ ሓርነት ብዘይብቂ ሚሒ ኣቢሉ ዝኸፍል ህዝቢ. ውሑድ'ዩ፤ ከምኡ ስለ ዝኾነ ኸኣ ብሓርነት ዝኑበር ውሑድ ይኸውን። እዛ 33 ዓመታ ደፊና ትጸንበል ዘላ ናጽነት ኤርትራ፣ ከምቲ ንምምጻኣ ንምዕቃባ'ውን ከቢድ ከም ዝኸውን ዝተፈልጠ እዩ ነይሩ። ድሕሪ ምዕዋት ሓርነታዊ ቃልሲ፤ ሃገራት ኑቲ ዝረኸብኦ ናጽነት ከቐጽልኦ ከቢድ ፈተና ክሓልፋ ግድን ምዃኑ ታሪኽ ይነግረና። ኣህጉራዊ ስርዓት ንሓደስቲ ናጻ ዝወጻ ሃገራት "መጺእክለይ'ዶ ክጸበየኪ." ዝብል መንፈስ የብሉን። ከምቲ ተጋዲልካ ናጽነት ዘምጻእካ፣ ተጋዲልካ ናጽነትካ ክትዕቅብ እንተ ዘይክኢልካ ከም ነጻ ክቕንጥጠካ ጸገም የብሉን። ኤርትራ ናጽነታን ህላወኣን ንምውሓስ ዝተፈላለየ ስምን ዕላማን ዝሰበሮ ኩናት ገጢማ ሳላ ዝሰዓረት፣ ንፈተና በዲሃ መሰስ ዝበለት ሃገር ምዃና ኣመስኪራ'ያ።

ህዝቢ. ኤርትራ ንናጽነቱ ንምሕላው ሰጢሙ ሳላ ዝተደኀለ ደረት ናጽነቱን ክብረቱን ኣየድፈረን፣ከም ባህሉ ኸኣ ነታ ሓደራ ናይ ስውኣቱ ዝኾነት ናጽነት ሓሲሙኒ ኢሉ ኣይሓሸሻን። ናጽነት ዘምጽኣን ዝዓቀበን ወለዶታት ናጽነት ህያብ ስውኣት እያ ስለ ዝበሉ ወሲኾምላ እምበር ኣየጉደሉላን። ህዝቢ. ኤርትራ ኣብዚ. ዝሓለፈ. 33 ዓመታት ንሓለዋ ናይ ናጽነት ዝተገበሮ መኸተ እንተ ዝዘንቶ ይትረፍ ንበዓል ርሑቕ ሰማዒ፣ ንተግባሪኡ'ውን መገረሙ። ንናጽነት ብዘይ ኣፈላላይ ብሄር፣ ጾታ፣ ሃይማኖት ዝተጋደለን ነታ ዝመጸት ናጽነት ከኣ ናይ ኩሉ ከም ትኸውን ዝገበረ ህዝቢ. ኣገዳ ውሑድ እዩ። ህዝቢ. ኤርትራ ኣብ ልዕሊ. እቲ ብዙሕ ዘሕብሮ ረቛሒታት ሃገራዊ ናጽነት ሓደ ካብኦም ዓቢይቲ ረቛሒታት እዩ። ከም ህዝቢ. ኤርትራ ገይሩ ብደምን ድምጽን ናጽነት ዝበለ ህዝቢ. ኣብ ጸለም ኣፍሪቃ የለን። ናጽነት ናይ ኩሉ እንተ ኾይና ኩሉ ኣብ ዋላ ወጽዩ እዩ ዝሕልዋ።

ኣብዚ ናይ እንካን ሃባን ዓለም፣ ዋጋ ከይከፈልካ ዝርከብ ነገር ወይ ዝጥረ ንብረት የለን። ናጽነት ንህዝቢ. ኤርትራ ዝኸበረት ንብረት ስለ ዝኾነት፣ ክቡር ዋጋ ክኽፍለላ ኣይተማትኣን። ክሳብ ናይ ገድሊ. ኣርማ ዝኸውን ተጋዲሉ። ገድሊ. ንናጽነትን ዳግማይ መኸተን መሰረት ናጽነትን ልኡላውነትን ኣብ ርእሲ. ምዕማቑ፣ ኣብ ሓባራዊ ክብርታት ህዝቢ. ኤርትራ ዝደመረ ጸጋ ማእሊያ የብሉን። ኣብ መስርሕ እዚ. ነዊሕ ተጋድሎ ኤርትራዊ ሃገራዊ መንነት ከም ወርቂ ብሓዊ ተፈቲኑ ጽርየቱ ኣመስኪሩ።

ትርጉም ናጽነት ብዘይዳ ዝኽሰተልካ፣ ናጽነት እንተ ዘይትርከብ እንታይ ምኾንና ዝብል ሕቶ ኣልዒልና ክንምልስ ምስ እንፍትን'ዩ። ቅድሚ ኹሉ ነገር ከም ኤርትራውያን ኣይምሃለናን። ከም ህዝቢ፣ ከም ሃገር ህላወና መብቅዐ'ሞ ብሓደ ኩርናዕ ኮይንና ብናጽነት ናይ ካልኦት ንቐንእ ምሃለና። መግዛእቲ ብባህሪኡ መሕቀቒ፣ ደምሳሲ፣ ኣህሳሲ. እዩ። ንፍጥረትካ ደምሰሱን ፈንጢሑን ብምስሉ ካልእ ገይሩ ክፈጥረካ እዩ ዝደሊ።

ናጽነት ኣብ ምምጻእን ምዕቃብን ዘማዕበልናዮምን ዘስተማቐርናዮምን ክብርታት ብዙሓት እዮም። መግዛእቲ ጸረ ክብርታት እዩ። ብመንነቱ ምእንቲ ኪይኮርዕ ክብርታት እናንቐለ ነውርታት እዩ ዝተክል። ናይ ምግባር ሓይሊ. ናይ ሓደ ህዝቢ. ብመጠን ኩርዓቱ ክልካዕ ይኽእል እዩ። ብመንነቱ ዝሸቑረር ህዝቢ. ንኑብሱ ብመንጸር ካልኦት እናወዳደረ ግዳይ ተደራራቢ. ስነ-ኣእምሮኣዊ ሓልክታት ምዃን እዩ ዕጫኡ። ከም ባዕሉ ምዃን ገዲፉ፣ ንመን እንተ መሰልኩ የመልክዓለይ ኣብ ዝብል ነጥቢ. ይከራኸር። ጉዳዩ ጠንጢኑ ኣብ ዘይጉዳዩ የኹድድ። ልክዑ ስለ ዘይፈልጥ ንሓንሳብ ልዕሊ. መጠን ይምጠጥ፣ ንሓንሳብ ከኣ ልዕሊ. ንብር ይጭብጦ። ውሽጡ ብስክፍታ ስለ ዝሕቆን ርግኣ ኢልካ ምዕያይ ይኹብዶ'ሞ የዕለብጦ። ንነውሪ ብኽብሪ ከዕሪ ኣብ ክንዲ ዝጽዕር፣ ኣብ ዘይብቶኽ ዑደት ንውርምና ይነብር። ኣብ ከምዚ. ደረጃ ዝወደቐ ህዝቢ. ብናይ ሓሶት ታሪኽ ይደዓዓስ፣ ብናይ ሓርቖት ፖለቲካ ኸኣ ተሃሱ የውጽእ።

ህዝቢ. ኤርትራ ሳላ'ቶም ኣብ ድልያን ሓለዋን ናጽነት ዘጥረዮም ክብርታት ብርኽት ዝበሉ ጣዕምታት ከስተማቕር ዝበቕዐ ዕድለኛ ህዝቢ. እዩ። ህዝቢ. ኤርትራ ንብዩኑ ዘስተማቕሮ ዘሎ ሓድነትን ሰላምን ሓደ ካብቶም ዓበይቲ ፍረታት ተጋድሎኡ እዩ። መግዛእቲ ብባህሪኡ በታኒ፣ መቓቓሊ. ክኸውን እንከሎ፣ ናይ ናጽነት ገድልን ናጽነትን ከኣ ብኣንጻሩ ኣሕባሪ፣ ኣተሓቛቛፊ፣ ኣኻኻቢ. እዩ። መማዘንቲ ሓድነት ዝኾነት ማዕርነት'ውን ኣብዚ. መስርሕ'ዚ. እያ ትፍጠር። ኤርትራ ዜጋታታ ብማዕርነትን ምሕዝነትን ዝኑበሩላ ሃገር ንኽትከውን፣ እቲ ዝሓለፈቶ ተመኩሮ ዝለዓለ እጃም ኣለዎ።

ብዙሓት ካብ መግዛእቲ ናጻ ሃገራት ኮይነን ዝተወልዳ

ሃገራት ኣብ መገዲ ናጽነት ከመይ ከም ዝገየ ጠፊእዎም ሽግ ናጽነቶም ዘጥፍኡ ውሑዳት ኣይኮኑን። ናጽነት ቅድሚ ዕድል ወይ ጸጋ ምኻና ጾር እያ። ዜጋታት ዝዚ ጾርዚ ዝጸውር እንግድዓ እንተ ዘይኣጥርዮም ዝቐወም ሃገር የለን። እቲ ጾር መግዘኣቲ ከቢድኒ ኢሉ ዝተሳዕለ ህዝቢ ከም ኣኽላባት ኣባይ ምስ ኣባረሩ ኣብ ሓድሕዳዊ ምንኻስ ስለ ዝኣተወ ጾር ናጽነት ንምልዓል ይጽገሙ። ፍረ ናጽነት ክትሓፍስ ገድልን ዓቕልን ዝሓትት ዕዮ ወለዶታት እዩ። ፈልሲ ናጽነት ምፍላስ ጥራይ ኣኻሊ ኣይኮነን። እታ ፈልሲ ጸዲቓ ኣብ ዕምባባን ፍረን ክትበጽሕ ሓለዋ ክቐጽል ይግባእ።

ኤርትራውያን ምእንቲ ናጽነት ብዙሕ ኢልናን ጌርናን ኢና። ዓብደልቃድር ከቢረ ኣብ 1947 ኮይኖም፡፡ "ናጽነት ናይ ኩሉ ህዝቢ ባህርያዊ መሰል ብምኳና ኣብ እንስሳ'ኳ መንፈሳ ይርከብ። ግና ኣብ ሰብ ኣዚያ ዝዓዘዘት ስለ ዝኾነት፣ ንሱ ዘሎዎ ጥሪቱ እናጥፍኣ፡ ድኽምን ርሃብን እናጸረ ብዘይ ዕረፍቲ ክደልያ ይኸይድ" ኢሎም ነይሮም፡፡ ምእንቲ ናጽነት'ሞ እንታይ ዘይሃብና፡ ኣበይ ዘይኣተና፡ እንታይ ዘይጸርና! ኣብ መውዳእታ ናጻን ልኡላዊትን ሃገር ምስ ተኸልና ኸኣ ዓስቢ ናይ'ቲ ኩሉ ዝኸፈልናዮ ዋጋ ዝተኸፈልና ኾይኑ ተሰሚዑና፡፡ ናጽነት ከቢድ ዝጉብር እቲ ንምምጽኣ ዝተኸፍለን ንቐጻልነታ እትሓቶን ዋጋ ክቡር ብምኳኑ እዩ። እቲ ዓቢ ደራሲ ኾፍስሄር በዩን ሃይለ'ውን "ናጽነት ከቢድ ጾር'ዩ፡ ክብደት ኣለዎ" ክብል ገሊጽዎ'ዩ። ናጽነት፡ ኣብ ብጾዝኣቲ ኣብ ልዕሌና ተጻዒኑ ዘሎ ጾር ኣውራዳ ናታ ጾር ኣሰኪማትና እያ።

ኤርትራውያን ሳላ ተጋድሎና ሓታቲ ወይ ኣዋዲ ዘይብልና ኣመሓደርቲ ገዛእ ርእስና ኴንና ኣሎና። መጻኢ ኤርትራውያን ኣብ ኢድ ኤርትራውያን ክቢሩ ኣሎ። መጻኢና ካብ ምሕረት ዕድልን ናይ ካልእ ኢድን ወጺኡ ስእሊ መጻኢና ብገዛእ ኢድና ክንሓናጥጥ ካብ ንጀምር 33 ዓመታት ኮይኑ፡ ፡ ብቐዓት ተደላቢ'ዩ፡ ኢድ ከኣ ክንድ'ቲ ዝተወሳወሰቶ እያ ትጥቁን ትውሕልልን። ኣብ መስርሕ ህንጸት ሃገር ዘሳለጥናዮን ዘፈሸልናዮን ማዕረ ዋጋ ኣለዎ። መኸተ እናወደቕካን እናተንሳእካን ክትቅጽል ምኽኣል'ዩ። እቲ ዘይወድቕ ዘይኮነስ እቲ ዘይሕለል እዩ ተዓዋቲ፡፡ ሕጂ'ውን ዘይምሕላል፡ ደጋጊምካ ሓኾት ምባል እዩ ዘዐውተና። ሕልምና ክጽይቕ፡ ራኢና ክሕምትል፡ መጻኢና ከጸልምት ዝለዓል ሕጂ'ውን መኸተ። ግጥም ፈሪሕና ናብ ንናኣሽቱ ድላያትን ትሑት ትምኒታትን ቁሊሕ ኣይንበልን ኢና። ደረት ስፍሓት ናጽነት፡ ሰላም፡ ርግኣት፡ ምዕባለ ከስፍሕ ሕጂ'ውን መኸተ፡ መኸተ፡ መኸተ።










# **ዓወት ንሓፋሽ** እታ ትንፋስ ሓፋሽ

*መምህር ኪዳነ ሸሞንዲ*

ዓወት ንሓፋሽ፡ ንባህልን ክብርታትን ኤርትራዊ ሓቐፉ፡ ንራእይታት ሓርነት፡ ናጽነትን ብልጽግና ክዉን እትገብር ትንፋስ ሓፋሽ እያ። ሰማእታት ቅድሚ ካብ ስጋኦም ተፈልዮም፣ ኣብ ልቢ ሓፋሽ ምዕራፎም፡ ዘዳምጽዋ ትንፋስ ኢያ'ውን። እንክትዳመጽ ንፋሳት ሰኒት፡ ሰላም፡ ሕድሪ ካብ ልቢ ሓፋሽ ይገስዑ። እቲ ምንታይ'ሲ ብቐለም ዘይኮነት፡ ብንጹህ ደም ሰማእታት ኣብ ልቢ ኤርትራዊ ዝተተኽለት ትንፋስ ስለ ዝኾነት። ሓድነት፡ ማዕርነት፡ ምጽውዋር፡ ጾንዓት፡ ብጻይነትን ተወፋይነትን ገለ ካብቶም ንሓፋሽ ዘቐሙን ናብ ዓወት ዝመርሑን ክብርታት ክኾኑ እንከለዉ፣ ሓርነት፡ ናጽነት፡ ሰላም፡ ሰኒት፡ ልምዓትን ብልጽግናን ድማ ካብቶም ዓወት ንሓፋሽ እትህቦም ህያባት እዮም።

ዓወት ንሓፋሽ ንኽትትግበስ ዝተኸፍለ መስዋእቲ ረዚን እዩ። መስርሕ ምውላዳ ካብ ወራራትን ራሲያታትን መሳፍንቲ ትግራይን ኣምሓራን ክሳብ መግዛእቲ ቱርኪ፡ ግብጺ፡ ጥልያን፡ እንግሊዝን ኢትዮጵያንን ይዝርጋሕ። ኣብ እዋን መኾተ ኣንጻር ወራራትን ራሲያታትን ትግራይን ኣምሓራን ተጠኒሱ፡ ኣብ ቃልሲ ንናጽነት ዝተወልደት ትንፋስ ሓፋሽ፡ ነተን ቅድሚኣ ዝነበራ ትንፋሳት በሊጻ ናጽነት ክዉን ንኽትገብር ዝሓለፈቶ ሓርገጽገጽ ቀሊል ኣይነበረን። ዘመነ-ክፍልታትን ንሱ ዘስዓቦ ካብ ናጽነት ክልተ ስጉምቲ ንድሕሪት ናይ ምምላስ መድረኽ፡ ኣብ ታሪኻ እቲ ዝዓበየ ተመክሮ እዩ።

ኣብ ወርሒ ጥሪ 1977 ኣብ ፋሕ ሳሕል ዝተወልደት ዓወት ንሓፋሽ፡ ባሊገኣ እቲ ሓፋሽ ዝወለዶ፡ ነታ ጭልምልም እትብል ዝነበረት ቀንዴል ናጽነት ብመስዋእቲ ኩብርህ ኣብ ኀቦታት ሳሕል ዓሪዱ ዝነበረ ህዝባዊ ግንባር እዩ። ንዓወት ንሓፋሽ ድሕሪ ምውላዱ፡ ንዓወታት ሓፋሽ እተብስር ድምጺ ሓፋሽ'ውን ብ1979 ኣብ ፋሕ መስሪቱ እዩ። ህዝቢ ኤርትራ ብዓወታትን ድምጺ ሓፋሽን ኣብ መንፈሱ ዓወት ዝርኣዩ ጸላእቲ፡ "እንብ ያለ ሰው ጥይት ኣገርሰው"፡ "ኢትዮጵያ ትቕደም!"፡ "ኤርትራ መሬታ 'ምበር ህዝባ ኣየድለናን'ዩ"፡ "ዓሳ ንምሓዝ ባሕሪ ምንጻፍ" ወዘተ. እናበሉ ቀንዴል ናጽነቱ ከጥፍእዋ ዝወፈሩ። እንተ ኾነ ወፍርታቶም ምስ'ታ ኣብ ልቢ ሓፋሽ ብደምን ኣዕጽምትን ሰማእታት ዝቐመት ትንፋስ ዝዳረግ ኣይነበረን።

ዓወት ንሓፋሽ ካብ ሓድነት ሓፋሽ'ያ እትምንጩ። እቲ ኣብ ሓድሕድ ምጽውዋር ዝተሰረተ ሓድነትና፡ ሓርነትን ናጽነትን ክንጓናጸፍ ኣኽኢልና እዩ። ከምቲ ዓሳ ብዘይ ማይ፣ ህዝቢ ኤርትራ ድማ ብዘይ መሬቱን ባሕሩን ክሰርር ኣይክእልን፣ እቲ ምንታይ'ሲ ሓድነቱ እንተላይ ምስ ሓመዱን ባሕሩን ስለዝኾነ። በዚ እዩ ድማ "ኣይተቋመቱ ናብ'ዛ መሬተይ ባሕራ ምስ ምድራ ናተይ እያ ናተይ"ዝመዝሙሩ።

ዓወት ንሓፋሽ ብ24 ግንቦት 1991 ናጽነት ድሕሪ ምብሳራ፣ ብሚያዝያ 1993 ረፈረንደም ኣካየደት። ብዓወታ ተጠራጢራ ዘይኮነት፡ ከምቲ ክቡር ፕረሲደንት ኣቶ ኢሰያስ

ኣፈወርቂ ዝበሎ፣ ዕላማ ናይቲ ረፈረንደም፡ “ብዛዕባ ድሌትን ባህግን ህዝቢ ኤርትራ ንዘጠራጥር ሰብ ወይ ኣካል ሕጋዊን ፖለቲካዊን ምኽንያት ምእንቲ ከይረኽቡ፣ ኣብ ቅድሚ ተዓዘብቲ ወከልቲ ማሕበረሰብ ዓለም ናጻን ርትዓዊን ምርጫ ብምክያድ፡ ንናጽነት ኣህጉራዊ ሕጋውነት ንምልባስ እዩ” ዝበረ።



ሎሚ ዓወት ንሓፋሽ ኑቲ  ኣብ ሃገራዊ ቻርተርና ኣሰፊርናዮ ዘለና ራእይ ክዉን ኣብ ምግባር’ያ እትርኩብ። “ራእይና “ኤርትራ፥ ሰላም፡ ፍትሒ፡ ደሞክራሲ፡ ራህዋ ዝሰፈና ሃገር ክትከውን ኢዩ። ራእይና፡ ጥሜት፡ ድኽነት፡ መሃይምነት ካብ ኤርትራ ምውጋድ’ዩ። ራእይና፡ ሕብረተሰብ ኤርትራ መንነቱን ፍሉይነቱን ዓቂቡ፡ እቲ ብሉጽ ስድራቤታውን ኮማውን ምትሕልላይ ኣማዕቢሉ፥ ብቁጠባን ትምህርትን ቴክኖሎጅን ምስተን ዝማዕበላ ሃገራት ክሰርዕ’ዩ። ራእይና፡ ሕብረተሰብ ኤርትራ፥ ብሰኪት ኣብ መንጎ ዝተፈላለየ ክፍልታቱ፡ ብማዕርነት ኣብ መንጎ ወዲ ተባዕታይን ጓል ኣንስተይትን፡ ብፍቅሪ ሃገርን ሰብኣዊ ሓልዮትን፡ ብዲሲፕሊን ስራሕን ፍትወት ፍልጠትን፡ ብምኽባር ሕግን ስነ-ስርዓትን፡ ብናጽነትን መሃዝነትን ዝልለ ክኸውን’ዩ።....”ዝብል። ነዚ ኢና ወትሩ ኣብ ኩሉ ንጥፈታትና ብዓወት ንሓፋሽ እነስተንፍስ።

ክብርታትና ስራሕ እንበር ረዲኤት ኣየምልኹን እዮም። ነዚ ጭዋ ክብሪ ክቕበሉ ዘይከኣሉ ኣራዊት ጫካ፡ ነታ ትንፋስና ዝኾነት ዓወት ንሓፋሽ ከም ቀደሞም ንምህጣም፣ “ትግራይ ትሰዕር” ዝብል ዶሮና ናብ መሬትና ብምንጋፍ፣ ንንፋሳትና ክብክሉ ወሪሮም እዮም። እቶም ትንፋሶም ብምሃብ ትንፋስ ሓፋሽ ዘውሕሱ ጀጋኑና ግን፣ ብባሩድ ሳንቡእ ደረስታ ዓቢሶም ከምዘዮዳምጽዋ ጌረሞም ኣለዉ።

ውልቀ-ሰብ ብዘይ ሓፋሽ ክሰርር ይኽእል እዩ ኢልካ ምሕሳብ ጥፍኣት እዩ። ኣየናይ ውቅያኖስ እዩ’ሞ ካብ መሬት ተፈንቲቱ ኣብ ህዋ ዘንሳፈፈ፡ ኣየነይቲ ፍዮሪ እያ’ሞ ካብ ሓመድን ኣየርን ተፈልያ ዝዓንበበት፡ ኣየናይ ዑፍ እዩ’ሞ ምሉእ ዕምሩ ኣብ ሰማይ ዘንሳፈፈ፡ ኣየናይ ዓሳ እዩ’ሞ ካብ ባሕሪ ወጺዩ ኣብ ምድሪ ዝነብር፡ ኩሉ ዝተኣሳሰር እንበር ዝስጻጻል ኣይኮነን፡ እዚ ሕጊ ተፈጥሮ እዩ፣ ካብዚ ሕጊ ወጻኢ ክነብር ዝኽእል እንተሎ እቲ ንተፈጥሮ ዝፈጠረ ፈጣሪ ጥራይ እዩ። ከምቲ ወሩይ ፍላስፋ ኣሪስቶትል ዝበሎ፣ “ሰብ ብተፈጥሮኡ ማሕበራዊ እንስሳ እዩ”፣ ስነ-ኣእምራውን ስነ-ሂወታውን ኣፈጣጥራና ካብ ሓፋሽ ተነጺልና ክነብር ኣየፍቅደልናን እዩ፡ ሓፋሽ እዩ ትንፋስና።



ነዚ ሓቂ ንምርግጋጽ ምሁር ስነ-ሕብረተ ሰብ ዝኾነ ማክሸር ካብ ዞባዩ መጽናዕቲ ምስ እንውክስ፡ እቲ ቀዳማይ መጽናዕቲ ኣብ ልዕሊ ካስፐር ዝተባህለ ህጻን ካብ ብቆልዕኡ ክሳብ ወዲ 17 ዓመት ኣብ ዱር ኖርምበርግ ንበይኑ ብምቕማጥ ዝተኻየደ መጽናዕቲ እዩ፣ ከም ሳዕቤኑ እቲ ህጻን ኣብ 17 ዕድሚኡ ክንቀሳቐስን ክዛረብን ተሸጊሩ። እቲ ካልኣይ መጽናዕቲ ኣብ ልዕሊ ኣና ዝተባህለት ህጻን ዝተኻየደ ኮይኑ፡ ካብ ጓል 6 ወርሒ ክሳብ ጓል 5 ዓመት ኣብ ገዛ ተዓጽያ ከም እትዓቢ ድሕሪ ምግባር፡ ብእግራ ክትከይድን ክትዛረብን ኣይከኣለትን (Hossain, F.M.A. and Ali, Md.K፡2014)። እዚ ገለ ካብቶም ውልቀ-ሰብ ካብ ሓፋሽ ተነጺሉ ክነብር ከምዘይክእል ዘረጋግጹልና መጽናዕትታት እዮም።

ውልቃዊ ዓወት፡ ንዓወት ናይ ሓፋሽ እናሰራሕካ እንበር፡ ንሓፋሽ እናመዝመዝካ ዝርከብ ኣይኮነን።  ከምቲ ዓሳ ንባሕሪ እናበከለ ክነብር ዘይክእል፣ ውልቀ-ሰብ ድማ ንሓፋሽ እናመዝመዘ ነዊሕ ክጸንሕ ኣይክእልን እዩ። ኣብ ኩሉ መዳያት ሂወትና ዕዉታት ንምኳን ብቐዳምነት ምስ ታሪኽን ክብርታትን ሓፋሽ ክንወሃሃድ ኣለና።

ኣብ መውዳእታ “ዓወት ንሓፋሽ እያ ትንፋስና”፡ እታ ብትንፋስ ሰማእታትና ዝቖመት ትንፋስ ሓፋሽ። ጉዕዞኣ ነዊሕ፡ ዋጋኣ ረዚን፡ ዓወታ ድማ ናይ ግድን እዩ። ንቕሓትና ብምዕባይ፡ ውዳበና ብምስፋሕ፡ ዕጥቅና ብምድልዳል ኣብ ኩሉ ንጥፈታትና ብመንፈስ ዓወት ንሓፋሽ ንስራሕ። ከምቲ ንናጽነት ብዓወት ንሓፋሽ ክውንቲ ዝገበርናያ ሎሚ  ውን ነታ ሕፍርትን፡ ብልጽግትን፡ ክብርትን ኤርትራ ክውንቲ ንምግባር ኣብ ሓፋሽ ንተሓቖፍ።

# እቲ ዘጥፋእናዮ ጸላኢ ጥራይ ድዩ ጸላኢና ነይሩ!?

## “ንመንግስቲ ንንቀፎ፡ ንነብስና ድማ ናጻ ካፃነውድካያ!”

**ኤርምያስ ሰሎሞን**

\`ጥዑይ\` ዝብሃል ሰብ ወትሩ ዝያዳ ንኽርህዎ እዩ ዝሰርሕ፤ ካብ ሎሚ፡ ጽባሕ ንኽትሕሸሉ። እቲ ብህይወት ምንባርካ ትርጉም እትረኽበሉ ቀንዲ መገዲ’ውን ዕብየት’ዩ። ለውጢ ካብ ዝኸፍአ ናብ ዝሓሸ፡ ካብ ዝሓሸ ድማ ናብ ዝበለጸ። ኣብዚ ዓለም ከምኡ ንኽትገብር ዝሕግዙኻ ጸጋታት ማእለያ የብሎምን። ብኣንጻሩ፡ ካብ ዘለኻዮ ንኸይትምዕብል ጥራይ ዘይኮነ፡ ንድሕሪት ንኽትጕተት ዝደፍኡኻ መሰናኽላትን ተጻብኦታትን ድማ ማዕረ’ቶም ጸጋታት ብዙሓት’ዮም። እዚ’ዩ ድማ ኣብዛ ምድሪ ዕዉት ኳንካ ንኽትወጽእ ከቢድን ዝተሓላለኸን ዝገብሮ።

ልክዕ ሱሳ ዓመታት ንድሕሪት ንመለስ - ልዕሊ ፍርቂ ዘመን! ኣብቲ ግዜ’ቲ ገለ ብኣጻብዕ ዝቑጸሩ ደቂ ሃገር ናጽነት ንኽምጽኡ ኢሎም በረኻ ወፊሮም። ብውሑድ ቍጽሪ፡ እሞ ኸኣ ክንዲ እምባ ዝኸውን ዕላማ ንምውቃዕ። ብርግጽ፡ ብቐመር እንተ ርኢኻዮ፡ ዕሽነት እምበር ቍም-ነገር ዝነበሮ ዕላማ ኣይመስልን። ምኽንያቱ፡ እቲ ራእዪ ኣመና ዓብዩ፡ እቲ ዓቕሚ ድማ ምሒር ደቒቑ። ነቲ ዓቕሚ መሊሱ ዘድቅቖ ማእለያ ዘይብሉ መሰናኽላት’ውን ነይሩዎ። ከምኡ ስለ ዝኾነ ድማ፡ ከምቲ ኣብ 1991 ዓለም፡ “ኤርትራ ናጻ ወጺኣ!” ዝብል ሓበሬታ ዝሃበት፡ ብ1961ከ “ኤርትራ ናጽነታ ንምርካብ ቃልሲ ጀሚራ ኣላ!” ኢላዶ ትኸውን? ከመይ’ቢላ’ሞ! ምኽንያቱ፡ ማዕረ ክንዳኡ ግምት ዝወሃቦ ዓቢ ክስተትዶ ነይሩ ይኸውን?

ናጽነት ክትብህግ፡ ሓርነት ክትምነ፡ ንገዛእ ርእስኻ ክትመስል ክትደሊ፡ ኣብ ገዛእ ርእስኻ ክትምርኰስ ክትህንጠ ኣዝዩ ምቁር ሕልሚ’ዩ። ግና ኸኣ ማዕረ ማዕሪኡ ኣዝዩ ከቢድ ዋጋ ዝሓትት ዕላማ እዩ። እንተ ኾነ፡ እቲ ዕላማ ናይ ኩሉ፡ እቲ ባህጊ ድማ ናይ ኩሉ ስለ ዝነበረ፡ ኩሉ ወዲ ሃገር እንተ ብኣካል እንተ ብመንፈስ ወፊሩሉ። ኩሉ ድማ ኩለንተናኡ ወፍዩ። እቲ ዕላማ ምሒር ካብ ምግዛፉ እተላዕለ ዋጋኡ እምብዛ ረዚኑ። ምኽፋል ህይወታት ሓቲቱ፡ ምጉዳል ኣካላት ጠሊቡ፡ ምሕላፍ ማእለያ ዘይብሉ ዕድላት ኣስዒቡ... እዚ ኹሉ ንሓርነት!

ብርግጽ ንሕናን ሃገርናን ከምቲ ቅድሚ ፍርቂ ዘመን ዝነበርናዮ ንኽንከውን እንተ ንምነ፡ እዚ ዝሓለፈ ፍርቂ ዘመን ዝኸድናዮ ጉዕዞ ኣይመድለየናን። ከምኡ ግና ቅኑዕ ምርጫ ስለ ዘይነበረ ኣይመረጽናዮን። ክቡር ነገር ንኽንረክብ፡ ከቢድ መገዲ መሪጽና። ብሓባር ምእንቲ ክጥዕመና ብሓባር ተቓሊስና። ብሓባር ድማ ናጽነት ኣምጺእና። ናጽነት ብሓባር ስለ እትምልከተና ኣብ መላእ ሃገር ዘሎ ህዝቢ ፍረ ናጽነት ክስተማቐር ኣሎዎ። “ዓቢኡ ንእሽቶኡ፡ ኣብ ቀረባ ዘሎ - ኣብ ርሑቕ ኩሉ ኤርትራዊ ክርህዎ ኣለዎ” ዕላማ ናጽነት እዩ። እዚ’ውን ከምቲ መሬታዊ ሓርነት ንምምጻእ ዝተቓለስና፡ ኣዝዩ ከቢድ ቃልሲ ዝሓትት ዕዮ እዩ። ምኽንያቱ፡ ሓርነት ጀሚርናዮ እምበር ኣይዛዘምናዮን፡ ዝዛዘም ኣምር`ውን ኣይኮነን። ጸላኢ ኣብ መሬትና የሎን። መሬትና ናትና ኾይኑ’ሎ! ካልኦት ማእለያ ዘይብሎም ጸላእቲ ግና ኣለዉና። ድኽነት ልዕሊ ዝኾነ ጸላኢ ክጽላእ ዝግብኦ እዩ፤ መሃይምነት ገጹን ድምጽማጹን ክጠፍእ ዘሎዎ ጸላኢ እዩ። ስለዚ ካብዚኦምን ካልኦትን ጸላእቲ’ውን ሓራ ክንከውን ኣለና... ኩልና!

ካብ ድኽነት ሓራ ንምኳን፡ ካብ ጽግዕተኛነት ሓራ ንምኳን፡ ካብ ድንቍርና ሓራ ንምኳን፡ ወትሩ ገዛእ ርእስና ብገዛእ ርእስና ንኽንመልኽ... ቀሊል ዕዮ ኣይኮነን። ኣብ ሓጺር ግዜ ዝዛዘም ቃልሲ’ውን ኣይኮነን። እዚ እንምነዮ ዘሎና ኩለንተናዊ ሓርነታት ልክዕ ከምቲ ቅድሚ ፍርቂ ዘመን ዝተመነናዮ መሬታዊ ሓርነት ኣዝዩ ከቢድ ስለ ዝኾነ፡ ሕጂ’ውን ከቢድ ዋጋ ንሕተት ኣለና። ስለዚ ምስጢር ናይ’ዚ ኹሉ ሎሚ እንሸገሮን እንጽመሞን ዘለና፡ ጽባሕ እታ ወትሩ እንምነያ ኩለንተናዊ ሓርነት እትውንን ሃገር ንምርኣይ እዩ።

ጽባሕ ግና ከምቲ እንምነየዶ ትኾነልና? ትማል ዘይረኣና እንተ ንኸውን ሎሚ ምተጠራጠርና። ንሕና ግና ናብ ዕላማና ንምብጻሕ ግዜ፡ ረሃጽ፡ ዓቕሊ፡ ኣገዳሲ እንተ ኾይኑ'ውን ህይወትና ከም እንሕተት እምበር፡ ከም እንበጽሖስ ተጠራጢርና ኣይንፈልጥን። ምኽንያቱ፡ ኣብዘን ዝሓለፋ ናይ ናጽነት ዓመታት፡ እሞ ድማ ምስ ኩሉ ዝገጠመና ተጻብኦታት ብዙሕ ዓሚምና ኢና። ግና ኸኣ ባህግና ንሱ ጥራይ ስለ ዘይኮነ ኣመስጊንና ኣይንፈልጥን፤ ካብ ዕዮ'ውን ኣየዕረፍናን፤ ክነዕርፍ ስለ ዘይግባእ። ኮታ ቀደም ካብቲ ዝነበርናዮ ንኽሕሸልና ኢና ተቓሊስና። ሎሚ ድማ ካብዚ ዘለናዮ ንኽሕሸልና ንቓለስ ኣለና። ግና ሳላ ባህልና፡ ሳላ ቃልስና፡ ንውልቅና ኢልና ጥራይ ስለ ዘይንነብር፡ ንዓና፡ ንሕብረተሰብና ከምኡ'ውን ንዝመጽእ ወለዶና እናበልና ኢና እንሰርሕ። ምኽንያቱ፡ ሕጂ ኪንዮ ድራር እለት ምርካብን ከብድኻ እንጌራ ምምላእን ዝኸይድ፡ መሰረቱ ብግቡእ ክድልድል ዝግባእ ኣዝዩ ብዙሕ ዕዮ ገዛ ኣሎና። ኩሉ'ዚ፡ ጽባሕ ክንርእዮ እንብህጎ እዩ። እንሆ ድማ ሎሚ ሰይትን መዓልትን ንጽዕረሉ።

***

'ድሕሪ 33 ዓመታት ናጽነት፡ ኣብ ከምዚ ዘሎናዮ ደረጃ ክንህሉ ኣይግባእን'ዩ!' ዕላል ሓደ ሰብ'ዩ።

'ኣብ ከመይ ደረጃ ደኣ ክንህሉ ይግባእ ነይሩ?' ሕቶ ስዒቡ፤

'ከም ዓለምና!'

'ከመይ ከም ዓለምና? ኣየናይ'ዩ እቲ ዓለም እንብሎ!?'

እቲ ዕላል ዘውዳእ ኣይኮነን። ቅልጡፍ መልሲ ዝርከቦ'ውን ኣይኮነን። ሓቂ'ዩ፡ ከም ባህግናን ከምቲ ክንኮኖ ዝግብኣናን ኣይኮንናን። ስለ ምንታይ ከምኡ ኣይኮንናን ኩሉና ስለ እንፈልጦ ብዙሕ ትንታነ ዘድልዮ ኣይኮነን። እቲ ቐንዲ ጠንቂ፡ እቲ ዝነበረ ኵነታት ምኳኑ ብዙሕ ዘካትዕ ኣይኮነን። ኣብ ውሽጢ'ቲ ኩነታት ኴንና ገለ ፍሉይ ነገር ኣይምገበርናን ዲና? ምገበርና እምበር! እሞ መን ድዩ ዝገብር!? መንግስቲ ጥራይ ድዩ!? ኣይፋሉን!

ኣብ ውሽጢ ተጻብኦታት ምንባር፡ ንዓና ንኤርትራውያን ምርጫ ኣይኮነን፡ ኣጸቢቑ ናብ ዕጫ ይቐርብ። እታ እትሓምየላ ደቒቕ ገለ ጽቡቕ ነገር እንተ ኣበርኪትካላ (ንካብስኻ ወይ ንኸባቢኻ) ኣይ ሽዑ እንድዩ ለውጢ ዝጅምር። መንግስቲ'ሞ፡ ከም ዝኾነ ካልእ መንግስቲ ባዕሉ ዝፈልጦን ባዕልና እንፈልጦን ሓያልን ድኹምን ጐድኒ ኣሎዎ። እቲ 'ድኹም' እንብሎ ጐድኒ'ውን ብፍላይ መንእሰያት ብደቂቕ ንገምግሞ እሞ፡ ንዛተየሉ። ምኽንያቱ፡ ገሊኡ ናይ ብሓቂ 'ድኹም' ዘይኮነ'ውን ይኽእል'ዩ። እቲ ናይ ብሓቂ 'ድኹም' ኢልና ዝደምደምናዮ ድማ ኣብኡ ብኣተኩሮ ንስራሕ። ምኽንያቱ፡ **እዛ ሃገር ንመን ትቐርብ፡ ንመንከ ትርሕቕ!? 'ሃገርን ሓፋሽን' ዝማእከሉ' ጽገና ድኹም ጐድኒ ኩሉ'ዩ ዝስዕቦ።**

ኣብዚ እዋን ብዙሕ ዘይነስተማቕሮ ዘሎና ሓይሊ መንግስትና ጽባሕ ክርድኣና'ዩ። ብኣንጻሩ ኣብዚ እዋን ክግበር ዝነበሮ ድማ ጽባሕ ክጣዕሰና ይኽእል'ዩ። እዚ ባህርያዊ ነገር'ዩ። እቲ ምስጢር እምበኣር ኣብዚ'ዩ ዘሎ። እቲ ኣብዚ እዋን ክንልውጦ ዘይንኽእል ነገር ብዙሕ ኣይንጨነቐሉ፡ ንግዜ ንግደፎ። ካብ ነብስና ጀሚርና ክንልውጦ ዝግብኣናን እንኽእልን ነገራት ግና እልቢ ከም ዘይብሉ 'ዝፈተነ' እዩ ዝፈልጦ።

ቅንያት ናጽነት ስለ ዝኾነ፡ ናጻ ክንኮነሉ ዝግባእ መሓዩራት ኣለዉ። ካብ ብኽነት ግዜ ናጻ ንኹን! ካብ ትህኪት ናጻ ንኹን! ካብ ሕሜታ ናጻ ንኹን! ካብ በለካ-ለኽዓካ ናጻ ንኹን! ካብ ትሕተ-ሃገራዊ ስምዒታት ፍጹም ናጻ ንኹን! ካብ ግናይ ኣመላት ናጻ ንኹን! ካብዝን ካልእን ናጻ ብምዃንና ጥራይ ክንልውጦ እንኽእል ነገራት ኣዝዩ ብዙሕ ምዃኑ ምግንዛብ ጽቡቕ'ዩ!

ስለዚ ናጻ ምዃን ብምስጓግን ምምካትን 'ጸላኢ' ጀሚርናዮን ተዓዊትናሉን ኢና! ንነብስናን ንሃገርናን ናጻ ክነውጽኦም ዝግባእ ኵነታት ግና ኣዝዩ ብዙሕ'ዩ እሞ፡ የማነ-ጸጋም ጥምት ኣቢልና ዓበይቲ ሓሳባት ንሕሰብ!










## ዘተ




ኣብዚ ዕግርግር ዝበዝሖ ዞባ፡ ህዝቢ ኤርትራ ስኒቱ፡ ሓድነቱን ርግኣቱን ዓቂቡ፡ ሰላሙን ልኡላውነቱን ብዘተኣማምን መገዲ ኣውሒሱ ኣሎ። ንመበል 33 ዓመት ጽንብል ናጽነቱ ኸኣ “ውሕስነት ሰላም ብመኸተ” ብዝብል ንሕሉፍ ታሪኽን መጻኢ ጉዕዞን ዘገናዘበ መሪሕ ቴማ ከም ወትሩ ብኽብ ዝበለ ድምቀት ይጽንብላ ኣሎ። ናጽነት ምስ ሰላም ብኸመይ ይተኣሳሰር? ምስጢር ውሕስነት ሰላምናን ርግኣትናን እንታይ እዩ? ሰላምና ኣውሒስና ብልጽግቲ ኤርትራ ንምህናጽከ እንታይ ክግበር ይከኣል? ዝብሉ መበገሲ ሕቶታት ብምልዓል መጽሔት መንእሰይ ምስ ኣርባዕተ መንእሰያት ሰራሕተኛታት ሓባራዊ ዘተ ኣካይዳ ኣላ።

ተዛተይቲ፡ ሃኒባል በረኸት ካብ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ህግደፍ፡ ዓቢር ዓሊ መምህር ቋንቋ እንግሊዝ ኣብ ቤት ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ ልምዓት፡ ፍረሂወት ዳንኤል ካብ ክፍሊ ራድዮ ሚኒስትሪ ዜናን ፍሊሞን ጴጥሮስ መምህር ኣብ ካልኣይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ ዋርሳይ ይከኣሎን እዮም። ጽማቕ ትሕዝቶ ናይ’ቲ ዘተ ስዒቡ ይቐርብ፦

# ምትእስሳር ናጽነትን ሰላምን
## እንታይ እዩ?

### ሃኒባል በረኸት

ናጽነት ከም ኣምር ብሓደ ቓል ወይ ሓሳብ ዝግለጽ ኣይኮነን፤ ብዙሓት መቆሚ ባእታታት ኣለዉዎ። ካብ ባርነት ናጽነት ጥራይ፡ ናጽነት ኣይበሃልን’ዩ። እዚ በይኑ ጎናዊ ትርኢት ናይ ናጽነት’ዩ። ናጽነት ካብ ጭቖና፡ ናጽነት ካብ ፍርሂ፡ ናጽነት ካብ ጸቕጢ ... ወዘተ. እዚ ኹሉ ናጽነታት ምስ ሰላም ቀጥታዊ ምትእስሳር ኣለዎ።

ብሓፈሻ ግን ነዚአን ክልቲአን ከነተኣሳስረን እንፍትነሉ ስርዓተ ርእዮት እንታይ’ዩ፡ እዩ እቲ ወሳኒ። ኣነ፡ ብዓይኒ ተፈጥሮን ድልየትን ክርእዮ ምመረጽኩ። ምኽንያቱ ንሕና ደቂ ሰብ ንኹን ዝኾነ ህይወታዊ ኣብዚ ዓለም ዘሎ፡ ውልቃዊ ናጽነቱ ዝኾነ ሓይሊ ዘይኮነ፡ ተፈጥሮ ዝሃበ ትዕድልቲ’ዩ። ነዚ ትዕድልቲ ድማ ዝኾነ ሓይላዊ ነገር ክሕድጎ መሰል የብሉን። ናጽነት በይና ስለ ዘይትቐውም ድማ ሰላም ዘለዋ ናጽነት እዩ ዝደሊ። እታ ድልየት ከኣ ኣብዚኣ ትመጽእ። ሰላም እያ ንናጽነት እቲ ቕኑዕ ወይ ምሉእ ትርጉማ እተልብሳ፤ ስለ ዝኾነ ድማ ዘይነጻጸላ እየን።

ሰላም ዘይብሉ ሃገር ናጽነት ኣለዎ ክትብል ኣይትኽእልን። ክትሽፍጥ ከምኡ ክትብል እንተ ደለኻ’ውን ክዉነታውን ኣእማንን ኣይከውንን። ሓደ ዝኾነ ዜጋ ኣብ “ናጻ” እትበሃል ሃገር ይነብር ኣሎኹ፤ ናጽነት ኣለኒ ክብል፡ ናይ’ታ ሃገር ውሽጣዊ ይኹን ደጋዊ ሰላም ይጸልዎ እዩ። ውሕሰነት እናተሰምዖ ወፈሩ ዘይኣቱ፡ ሓሳብ ልቡ ብርግኣትን ምሉእ ውሕስነትን ከስምር ዘይክእል ዜጋ፤



**ሃኒባል በረኸት**
ማኣከላይ ቤት ጽሕፈት ህግደፍ

ኣብ ምሉእ ናጽነት ዘለዋ ዉሕስቲ ሃገር እየ ዝነብር ክብል ኣይክእልን። ንኣብነት ርሑቕ ከይከድና፡ ዜጋታት እዘን ከባቢና፡ ኣብ መቓን ሰላምን ናጽነትን ኣእቲና ክንርእዮም ምስ እንፍትን፣ ብምኽንያት ብሄራዊ መንነቶም ካብን ናብን ቦታታት ገዛእ ሃገሮም ከይንቀሳቐሱ ንህይወቶም ፈሪሖም ኣብ ገዛእ ሃገሮም ተሸቝሪሮም ዝነብሩላ ሃገር፡ ልኡላዊት እምበር ናጽነት ዘለዋ ሃገር ኣይኮነትን ንዕኦም።

እተን ብደቂ ሰብ ተገሪሐን ዘቤታውያን ዘይኮና፡ ብናጽነት እየን ዝነብራ ኢልና እንሓስበን እንስሳ ዘገዳም ከማን፡ መረበተን ሰላም ምስ ዝስእናሉ፣ ማዕረኡ ናጽነተን ስለ ዝምንጠል፡ ኣስተርሕየን ብሰላም ክነብራሉ ዝኽእላ ስፍራ ከናድያ እየን ዝሳግማ። ስለዚ ናጽነት ብዘይ ሰላም፡ ሰላም ብዘይ ናጽነት ትርጉም ኣይለብሳን'የን።

**ዓቢር ዓሊ**

በቲ ዝተመሃርኩሉ ዓውዲ ነዛ ሕቶ ክርእያ እንከለኹ፡ ይተኣሳሰር ጥራይ ዘይኮነ፡ ዳርጋ ሕደ እዩ። ሰላም ክበሃል እንከሎ፡ መስርሕ እዩ። ሓንሳብ ተበጺሑ ዝጭበጥ ኩነት ኣይኮነን። እንታይ ደኣ ሓደ ሕብረተሰብ ከም ዕላማ ቀጻሊ ክሰርሓሉን ክምክተሉን ዘለዎ ካብ ናጽነት ዘይፍለ ኣምር እዩ። ሰላም ውጽኢት ወይ ፍረ ናይ ናጽነት ጥራይ ዘይኮነ፡ ልቢ ናጽነት እዩ። ማለት ከምቲ ናጽነት ብዘይ ሰላም ትርጉም ክህልዎ ዘይክእል፡ ሰላም'ውን መሰረታዊ መበገሲ ኣምር ናጽነት እዩ።

ናብ መግዛእታዊ ታሪኽ ህዝብና ምስ እንምለስ፡ ስእነት ሰላም መሰረታዊ መበገሲ ናይ ናጽነት ቃልሲ ነይሩ።



**መምህር ዓቢር ዓሊ**
ቤት ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ ልምዓት

ኣብዚኣ ግና ክብርሃ ዝደሊ ከምቲ ኣቐዲመ ዝበልክዎ፡ ሰላም ኣምር እዩ (ብደጋዊ ኩነት ግና ዝጽሎ)፡ ኩኖ ኣብ ልዕሊ ህዝብና ዝግበር ዝነበረ ግፍዒ ንህዝቢ ኤርትራ እቲ ቐንዲ ሰላም ዝኸልእ ዝነበረ፡ ጉዳይ መንነት እዩ። ስለዚ ድማ ሰላሙ ክረክብ ህዝብና ተቓሊሱ፡ ናጽነት ኣምጺኡ፡ መንነቱን ክብርታቱን ሓልዩ። ናጽነት ካብ ምምጽኡ ምዕቃቡ ይኸብድ ዝብል ኣበሃህላ ብዕምቈት እንተ ኣስተብሂልናሉ'ውን፡ እቲ ምዕቃብ ዝብል ኣምር ነቲ ናጽነት ተደመሮ ሰላም'ዩ ዝገልጽ። ሓላፍነት ናይ'ዚ መንእሰይ ወለዶ'ውን ንሱ'ዩ።

**ፍረሂወት ዳንኤል**

ኣብ ሓሳብ ሰላምን ናጽነትን ክልተ ገጻት ናይ ሓንቲ ሳንቲም እዩ። ኣብዛ ንነብረላ ዘለና ዓለም፡ ናጽነትን ሰላምን ብሓባር ዝወነንና ሃገራት ግን ኣዝየን ቊንጣሮ እየን፤ ብሕልፊ ኣብ ሃገራት ኣፍሪቃ። ናጽነት ዝበዝሐ ግዜ ምስ መሬታውን ፖለቲካውን ሉኡላውነት ከምኡ'ውን ምስ ወተሃደራዊ ብቕዓት ብዝያዳ ክተኣሳሰር ከሎ፡ ሰላም ድማ ምስ ግደን ኣበርክቶን ሕብረተሰብ ይተኣሳሰር።

ኣብዚ እዋን ናጽነተን ኣብ ዓለማዊ መጋባእያ ዘረጋገጻ ልኡላውያን ሃገራት ዓለም፡ ሰላም ተሓሪምወን ይርከባ። ኣብ ሰላም ናጽነት ኣሎ፡ ኣብ ናጽነት ግን ግድን ኣይኮነን ሰላም ክህሉ። ንውሁድ ሰላምን ናጽነትን፡ ህዝብን መንግስትን ሓቢሮም ክዓዩ የድሊ። ኣብነት፡- እቲ ኣባና ዘሎ ናጽነትን ሰላምን፡ ውጽኢት ብቕዓት ሓይልታት ምክልኻሉ፡ መሪሕነቱን ህዝብን ምዃኑ'ዩ ዘነጽረልካ።

**ፍሊሞን ጴጥሮስ**

ኣብ ሓሳብ ሰላምን ናጽነትን ክልተ ገጻት ናይ ሓንቲ ሳንቲም እዩ። ኣብዛ ንነብረላ ዘለና ዓለም ናጽነትን ሰላምን ብሓባር ዝወነና ሃገራት ግን ኣዝየን ውሑዳት እየን። ብፍላይ ድማ ኣብ ሃገራት ኣፍሪቃ። ናጽነት ዝበዝሐ ግዜ ምስ መሬታውን ፖለቲካውን ሉኡላውነት ከምኡ ውን ምስ ወተሃደራዊ ብቕዓት ብዝያዳ ክተኣሳሰር ከሎ፡ ሰላም ድማ ምስ ኣስተዋጾ ሕብረተሰብ ይተኣሳሰር። ናጽነተን ኣብ ዓለማዊ መጋባእያ ዘረጋገጻ ሉኡላውያን ሃገራት ዓለም ሰላም ተሓሪምወን ይርከብ። ኣብ ሰላም ናጽነት ኣሎ፡ ኣብ ናጽነት ግን ግድን ኣይኮነን ሰላም ክህሉ። ንዉሁድ ሰላምን ናጽነት፡ ህዝብን መንግስትን ሓቢሮም ክዓዩ የድሊ።

# ምስጢር ሰላምን ርግኣትን ኣብ ኤርትራ

## እንታይ እዩ?

**ፍረሂወት ዳንኤል**

ሕብረተሰብ ኤርትራ ናጽነት ንምርካብ ከምኡ'ውን ምውሓስ ሉኡላውነት ዝኸፈሎ ረዚን ዋጋ መስዋእቲ፡ ሰላምን ርግኣትን ሃገር ንምርግጋጽ ሕርያ ዘይብሉ ምርጫ'ዩ። ምረት መግዛእቲ ገንጺሉ ሕሉፉ ስለ ዝዝክር፡ ብጻዕሩ ንዘውሓሶ ሰላምን ርግኣትን ዝፈታተን ዝኾነ ተርእዮ ክፍጠር ኣየፍቅድን'ዩ። እዚ ኪንዮ ኣብ ውሽጢ ኣብ ጎዶቦ ከውርዶ ዝኽእል ሕንፍሽፍሽ ንምርዳእ ዘኽእል ዝወነኖ ፖለቲካዊ ንቕሓት'ውን ምስጢር ዉሑስ ሰላምን ርግኣቱን'ዩ።

ሃገራት ኣፍሪቃ ዘይተዓወታሉ ምፍጣር ዜግነታዊ ሃገራዊ መንነት'ውን ካልእ ዓቢ ምስጢር ናይ'ዚ እዩ። ማዕርነት ማሕበራዊ ጕጅለታት ዘረጋገጽ ሰውራ ኤርትራ ዝተኸተሎ ናጻ ፖለቲካዊ ሕርያ ዝኣምን ስነሓሳብ'ውን 'ተኾነ ነዚ ናይ ሎሚ ውሽጣዊ ሰላምን ርግኣትን ኤርትራ መሰረት እዩ። ኣብ ትሕቲ'ዚ መቓን ዝተማእዘነ ዕዙዝ ተሳትፎ ደቀንስትዮ ውን ብቀሊል ኣይረአን እዩ። ኤርትራዊት ዓለኣንስተይቲ ሕላገት ሰላምን ርግኣትን ሕበረትሰብ ሃገርና እያ ክብል ይደፍር። እቲ ምንታይ ንሳ ንነብሳ ንውሉዳ ንበዓል እንደኣን ንወላዲኣን ክትቃኒ ተፈጥሮ ዝሃባ ህያብ ኣሎ። ብዓቢኡ ድማ እቲ ሰላምን ርግኣትን ዝሕላገቱ ክቡር ክብርን ያታን ሕብረተሰብ ኤርትራ ዘይምብሕጓጉ ውን ጸጋ እዩ።



መምህር ፍሊሞን ጴጥሮስ
ቤት ትምህርቲ ዋርሳይ ዩክሓሎ



ፍረሂወት ዳንኤል
ሚኒስትሪ ዜና (ድምጺ ሓፋሽ)

ፍሊሞን ጴጥሮስ

ባህሊ ምክብባርን ምጽውዋርን ሕብረተሰብና - እዚ ድማ ስኒትን ሓድነትን ትሽዓተ ብሄራት፡ ውህደት ሃይማኖታትና (ንልዕሊ 1400 ዓመታት ብዘይ ዝኾነ ግጭት ብሰላም ተኸባቢሩ ዝነብር ዝነበረን ዘሎን ክልተ ዓበይቲ እምነታት)፡ መትከል ርእሰ-ምርኮሳ ካብ ብደረጃ መንግስቲ ክሳብ ውልቀ-ሰባት፡ ዘይጸዓድን ዉፉይን ሰራዊት ምህላዉ፡ ሰላምን ርግኣትን ህዝቡ ዘውሕስ ዘይጸዓድ ሓያል መሪሕነት. . . ።

### ዓቢር ዓሊ

ውሽጣዊ ሰላም ኤርትራ ብቐጥታ ምስ ጭውነት ህዝባ'ዩ ዝተኣሳሰር። ሕጊ ተፈጥሮን ክብርታት ሕብረተሰቡን ኣኽቢሩ ዝኸይድ ዘሎ ጭዋ ህዝባ ድማ ምኽንያት ውሽጣዊ ሰላምን ርግኣትን ሃገረ ኤርትራ እዩ። በዚ ኣጋጣሚ ነዚ ፈጺሙ ብኻልእ ዘይትካእን ዘይትመንን ክብርታት ሕብረተሰብና ክንዕቅብ እላቦ።

### ሃኒባል በረኸት

ምስጢራት እየን ኣይብለንን፣ ምኽያቱ ንኤርትራን ህዝባን ረጊእካ እንተስተብሂልካሎም ነብሰ ግሉጻት እየን፡ ምስ ምስጢር ከመሳሰለን ዝኽእል ግን ንዐአን ወላ ፈሊጥካ ኣብ ካልኦት ኣህዛብ ከተተግብረን እንተዝፍተና፡ እቲ ካልእ ሕብረተብ፡ ብመሰረቱ ናቱ ስለ ዘይኮና፡ ክውንነን ወይ ከተግብረን ምተሸገረ ወይ ኣይምኸኣለን። ንሰን ከኣ፣ ሓደ፡ የህዛብ ህዝቢ ኤርትራ ብማዕረ ዝዉንንዎን ዘተግብርዎን ልምድታትን ክብርታትን ክኸዉን ከሎ፣ እቲ ካልኣይ ድማ፡ ሰላምን ርግኣትን ናይ ምስፋንን ምትግባርን መንግስታዊ ሓላፍነት ዘለዎ መንግስቲ፡ ናይ ምግባር ዓቕሙ ሓያል ብምዃኑ እዩ።

እታ ቐዳመይቲ ግን ዝያዳ ትምዝን፣ ምኽያቱ ኣብ ዓለም ብወትሃደራዊ ይኹን ቑጠባዊ ዓቕሞም ርእሰ ሓያልን ዝባሃሉ መንግስትታት፡ ዉሽጣዊ ሰላምን ርግኣትን ኣብ ምርግጋጽ ሙብዛሕትኡ ግዜ ዉዱቓት እዮም። ሳልሳይ ዓለም ከም ትሑዝ ወሲድና፡ ኣሜሪካ ከም ኣብነት ክትወስዳ ትኽእል ኢኻ። እዚ እንታ'ዩ ዘርእየካ፡ መንግስትታት እዘን ሃገራት ድኹማት ኮይኖም ዘይኮኑ፡ ብዓቢኡ ክብርታት ኣህዛብ ናይዘን ሃገራት ኣብ ርእሰ ምእኩልነት ስለ ዝተሃንጸ'ዩ። ንዓይ ጥራይ ይጥዓመኒ ዝብል እምነት፡ ዓመጽን በለጽን ስለ ዝወልድ፡ ዝመጸ ሓይሊ እተመጻዉን ኣብቲ ሃገር ሰላም ርግኣትን ከስፍን ኣይክእልን'ዩ።

ሕብረተሰብ ንሸሙ እንተስተሃልካሉዉን፡ ሕብረት ናይ ሰባት ማለት'ዩ። ስለዚ እህዛብ ናይ ሓንቲ ሃገር ሓቢሮም ብሰላምን ርግኣትን ክነብሩ፡ ንዉልቒ ዘይኮነ ንሕብረተሰብ ዘቐደመ ክብርታት ክዉንን ኣለዎ፡ እቲ ዝዓበየ ምስጢር ናይቲ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ሰላም ርግኣትን ድማ እዚ እዩ።

እዚ ግን መስርሕ እዩ። ሎሚ ኣሎ ማለት ጽባሕ ኣሎ ማለት ኣይኮነን። ስለ ዝጸንሐ፡ ዝተስርሓሉ፡ ዋጋ ዝተኸፍለሉ ሰላምን ርግኣትን ኣለና፣ ጽባሕ ከምኡ ክህሉ ድማ እዚ ዋጋ ኩሉሳዕ ንምኽፋል ብቑዕን ዱሉውን ክትከውን ኣለካ፣ ንዓኻ ንጥቕምኻ 'ዉን ስለ ዝኾነ።

# ውሕስነት ሰላም ብምርግጋጽ ብልጽግትን ስልጥንትን ኤርትራ ንምህናጽ

## እንታይ ክንገብር ኣሎና?

### ሃኒባል በረኸት

እዚ ዕላማ እዩ። ነዚ ዕላማ ንምብጻሕ ድማ ስራሕ የድሊ፡ ዘይቛርጽ ስራሕ። ምኽንያቱ በቓራጭ ዝብጻሕ ሃገራዊ ዕላማ ስለ ዘየለ፡ ተተፈተነ'ውን ዘላቒ ኣይኮነን። ዘርጊ ናይ ሰላም ደጋውን ውሽጣውን ስለ ዝኾኑ፡ ኩሉሳዕ ኣብ ወትሩ ስራሕን መኸትን ምህላው ይጠልብ። ብፍላይ ድማ ኣብዚ ንሕና እንነብረሉ ቅልውላው ዝዓብለሎ ዞባ ሓያል ጥበብ ዝሓትት እዩ። ሰላምን ብልጽግናን ርእስን ጭራን ኣይኮናን፤ ብፍልጠት መረዳእትኡ ሰፊሕ፡ ብቑጠባዊ እቶቱ መሰረታዊ ድልየታቱ ኸቲቱ ከዋህልል ዝኽእል ሕብረተሰብ ምስ እንፈጥር ኢና ብልጽግትን ስልጥንትን ሃገር ንሰርሕ። ሰላምናን ርግኣትናን ኣውሒስናዮ ስለዘሎና፡ እቲ ዝስዕብ ብልጽግትን ስልጥንትን ኤርትራ ምህናጽ'ውን ካብቲ ሰላምናን ርግኣትናን ኣብ ምውሓስ ዝተኸፍለ ዋጋ ዝቐለለ እምበር፡ ዝኸበደ ኣይኮነን። ትግሃትን ተወፋይነትን ጥራይ እዩ ክሓተና።

መሰረት ምንጪ ርእሰ-ማል ወይ እቶት መሬት እዩ። ሃገርና ኤርትራ ኸኣ መሬት ጥራይ ዘይኮነ እንተላይ ባሕራ ሓዊስካ ምሉእ ዘይጉዱል ጸጋታት እትውንን ሃገር'ያ። ዕድለኛታት ኴንና፡ ኣብ ዝለዓለ ብራኸ ከነብጽሓ ዘይተጽግም ሃገርያ ዘላትና። ነዚ ትዕድልቲ፡ ከም ህዝቢ ናብ ረብሓና ቐይርና፡ ሓንቲ ብልጽግትን ስልጥንትን ሃገር ኣብ ምፍጣር፡ በብእንመልኮ ሞያ ለይትን ቐትርን ብትግሃት ክንሰርሕ የድሊ።

ሃገር ተመላሊእካ እያ እትህነጽ። ነፍስወከፍና ብሕልፊ መንእሰያት ከም ዉልቀሰብ፣ ከም ሕብረተሰብ፣ ከም ህዝቢ ከምኡ'ውን ከም መንግስቲ ክንዋጽኦ ዘሎና ሃገራዊ ዕማም ምስ እንዋጻእ፡ ኣብ ቀረባ መጻኢ ናብቲ እንብህጎ ክንበጽሕ ምኳንና ዘጠራጥር የብሉን።

ስለዚ ኤርትራ ዘድልየና ጠለባት እተማልእ ጸጋታታ እትውንን ሃገር ካብ ኮነት፣ ኩላትና ኣኣብ ዓውድና፡ ሕልምና ንሓፉሽ ዘማእከለ ስራሕ ብምስራሕ ብልጽግትን ስልጥንትን ሃገር ክንሃንጽ እጅገና ክንስብስብ ይግባእ።

## ፍረሂወት ዳንኤል

መንእሰያት ፍልጠትን ተበግሶን ክውንኑ። መንእሰይ ፍልጠት ብዝተፈላለየ መንገዲ ክምእርር ይኽእል'ዩ። ዝወነኖ ፍልጠት ብዘይ ኣምር እንተ ተበጊሱ ግን ዝወነኖ ብርሃን በቲ ኣብ ዕትሮ ዝኣተወ ብርሃን ክምሰል ይኽእል'ዩ። ኣብዚ ዉሁድ ዕዮ ምስ ዝኸውን ኣዝዩ ውጽኢታዊ ይኸውን። መንእሰያት ወረስቲ፡ መላግቦ፡ ከምኡ'ውን ኣውረስቲ ምዃኖም ከስተብህሉ ኣለዎም። ኣብቲ ዓቢ መቓን'ውን ብዙሓዊ ልምዓታዊ መደባት ዝያዳ ክስርሓሉ ኣለዎ። ፍልሰት ምሁር ዓቕሚ ሰብ ዝንክየሉ መደባት ክሰላሰል'ውን ግዚኡ እዩ። ሓድነትካ ሃገራዊ ሓድነት ዓቂብካ፡ ብልጫታትካ ኣውሒስካ ድኻማትካ ምፍዋስ ድማ የድሊ።

## ፍሊሞን ጴጥሮስ

ንቕሓትን ኣፍልጦን መረዳእታን ሕብረተሰብ፡ ብፍላይ መንእሰያት፡ ኣብ ኩሉ መዳያት ዘበርኽ ቀጻሊ ስርሓት ምክያድን ውዳበታትና ምንጪ ሓይልና ብምዃኖም ክሰፍሑን ክሕይሉን ምስራሕ የድልየና። መንእሰያት ብዛዕባ ሃገራዊ መንነትና-ታሪኽና-ክብርታትና-ባህልና ግቡእ ግንዛበን ኣፍልጦን ክህልወናን ክንመራመርን፡ ኣብ ምዕቃቡን ኣብ ምስግጋሩን'ውን እጃምና ከነበርክት ይግባእ። መንእሰያት ሓላፍነትና ኣልዒልና ኣኣብ ዘለናዮ ዓውድን ሞያን ቦታ ስራሕን ተበግሶ ብምውሳድ መህዞኣውን ፈጠራውን ኣተሓሳስባታት ብምጥራይ ተወዳዳሪ ስራሕ ብምስራሕ ስም ሃገርናን ህዝብናን ከነጸውዕን ኣብ ምዕባለን ለውጥን ሃገርና ግዴና ከነበርክት ይግባእ። መንእሰያት ባህሊ-ንባብ ብምዕባይ - ዘየድሊ ንጥፈታትን ጎዳእቲ ልምድታትን ወጊድ ኢልና ነብስና ነማዕብለሉ እሩም ዝኾነ ስነ-ምግባርን ስርዓተ-ኣነባብራን ተኸቲልና ንኻልኦት መሳቱና ጸለውቲ ክንከውን ይምረጽ። ብዓቢኡ ምስ ዘለናዮ ወትሩ ዝቀያየር ዓለማዊ ኩነታት፡ ኣተኩሮና ኣሐይልና ብንቕሓት ንኹሉ ድሉዋት ብምዃን ንሓድነትን ስኒትን ህዝብና ከይተሓለልና እንሰርሕን ሕድሪ ጀጋኑ ሰማእታትና ንምፍጻም ብትግሃት እንዓዪ ዉፉያት መንእሰያት ክንከውን ይግባእ።

## ዓቢር ዓሊ

እዛ ሕቶ "ማልቲ ዳይመንሽናል" ማለት ዝተፈላለየ መኣዝን ዘለዎ መልሲ ክህልዋ ይኽእል እንድዩ። ኣነ ከም ዓቢር ግና ቀዳመይ ዝረኣየኒ ዘሎ ኣብ ፖለቲካዊ ወይ ቁጠባዊ መድረኽ ዘይኮነ፡ ኣብቲ ናይ ሰባዊ ምዕባለ (human developm-ment) ንብሎ'ዩ። ንሱ ድማ ልዕሊ ኹሉ መንእሰያት ኣብ ትሕቲ እግርና ዘሎ ሃብቲ ከይነዓቕና ከመይ ጌርና ጽባሕ ዝሓሸ ክኸውን ሓባራዊ ስራሕ ክንሰርሕ ክንሓስብ ኣሎና። ንህንጸት ሃገር ዘሎና ስነ-ኣእምሮኣዊ ድሉውነት'ውን ክነዕቢ ኣሎና።



# ዝኽሪ'ቲ **ነዊሕ ለይቲ** ኣብ ወጋሕታ

## "ታሪኽ ዘይፈልጥ፡ ሕሉፍ ዛንታ ይኹን ንጹር መጻኢ የብሉን"

ህዝቢ ኤርትራ፡ ኣብ ቅድመ መግዛእታዊ ታሪኹ፡ ጠበንጃ ይኹን ፖሊስን ኣኽበርቲ ጸጥታን ከየድልዮ፡ በብኸባቢኡ ብሕግታት እንዳባ እናተዳነየ ብስልጡን ኣገባብ፡ ኮማዊ ህይወትን መሬታዊ ጸጋታትን ዝመሓደር ዝነበረ፡ ስልጡን ህዝቢ እዩ። ሕማቕ ናይ ታሪኽ ኣጋጣሚ ኾይኑ ግን፡ እዚ ዘይናቱ ዘይደሊ፡ ዓመጽን ጎነጽን ዘይፈቱ፡ ብሕጊን ስርዓትን ምንብባር ዝልማዱ ህዝቢ፡ ኣብ ታሪኹ፡ ግዝኣተ ጫካ ብዝእምነቶም ተጻባእቲ፡ ፍጹም ኣንጻር ባህርያቱ ዝኾነ ዓመጽን ርግጸት ሕጊን'ዩ ገጢምዎ። ሓደ ካብ ደረኽቲ ረቛሒታት ናይዚ ዘየቋርጽ ወራራትን ዓመጽን፡ እቲ ካብ ርሑቕን ቀረባን ዓይኒ ገበትቲ ዝስሕብ ጂኦግራፊያዊ ኣቀማምጣን ጸጋታትን ኤርትራ እዩ።

## ዳዕሮ - ሕላገት ግዝኣተ ሕጊ

ኤርትራ ዝነውሐ ገምጋም ናይቲ ቀንዲ ኣህጉራዊ ንግዳዊ መስመር ዝኾነ ቀይሕ ባሕሪ ስለ እትውንን፡ ጉዳይ ልኡላውነታ ብቐጻሊ መዋገዪ ረብሓታት ናይቶም ነዚ ወሰናስን'ዚ ኪቈጻጸሩ ዝደልዩ ርእሰ ሓያላን ኮይኑ ጸኒሑ እዩ። ብፍላይ ካብ ካልኣይ ኲናት ዓለም ንድሓር፡ ፖሊሲ ዝምድናታት ወጻኢ ርእሰ ሓያል ኣመሪካ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ፡ ካብ ርትዒን ፍትሒን ርሒቑ፡ ብዋጋ ምርግጋእ'ዚ ዞባ ብሓፈሻ፡ ብዋጋ ኤርትራን ህዝባን ድማ ብፍላይ ናብታ መልሕቕና ኢሎም ዝሓስቡዋ ኢትዮጵያ ዘድለወ ኮይኑ ምጽንሑ፡ እቲ ዝዓበየ ጠንቂ ናይቲ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ዝተፈጸመ ታሪኻዊ በደል እዩ።



ዳዕሮ – ሕላገት ግዝኣተ ሕጊ

## ሃገርን ሃገራውነትን ኤርትራ

እዘን ናይ ሕጂ ሃገራት ኣፍሪቃ፡ ኤውሮጳውያን ብ1884-1885 ኣብ በርሊን ተጋቢኦም፡ ንመሬት ኣፍሪቃ ድሕሪ ምጕዝዛዮም ዝተመስረታ እየን። ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ፡ ኢጣልያ ንኤርትራን ኢጣልያዊ ሶማልን፥ ፈረንሳ ንጅቡቲ፥ ብሪጣንያ ንሶማሊ ላንድ ክሕዛ እንከለዋ፥ ንጉስ ሸዋ ሃጸይ ምነሊክ፡ ንወራር ኢጣልያ ድሕሪ ምዕጋት፡ ምስ ሓይልታት መግዛእቲ ሽርክነት ፈጢሩ፡ ኣብ ከባቢኡ ንዝነበሩ ህዝብታት እናወረረ ግዝኣቱ ብምስፋሕ፡ ኢትዮጵያ እትብሃል ሃገር ኣቝሙ።

ዕላማ ኢጣልያ ንኤርትራን ኢትዮጵያን ሶማልን ዘጠቓለለ ሰፊሕ ግዝኣት ምምስራት ነበረ። በዚ ምኽንያት'ዚ፡ ኢጣልያ ንኤርትራ ከም ተሪር መንጠሪ ባይታ (ስፕሪንግ ቦርድ) ክትጥቀመላ፡ ገዚፍ ርእስማል'ያ ኣፍሲሳትላ። በዚ ድማ ህንጸት ሃገር ኣብ ኤርትራ ኣዝዩ ፍጡን'ዩ ዝነበረ። መንግስቲ ኢጣልያ ኣብ ሓጺር ግዜ፡ ዓበይቲ ወደባትን ንኣሽቱ ማርሳታትን ሃኒጹ፥ መዕርፎ ነፈርቲ ጸሪጉ፥ ጽርግያታት፡ መገዲ ባቡርን ቴለፈሪካን ዘርጊሑ፥ መጓዓዝያ ምድሪ፡ ባሕርን ኣየርን ኣጣጢሑ። መደበራት ጸዓት መስሪቱ፥ መራኸቢታት ስልክን ቴለግራፍን ዘርጊሑ። ዓበይቲ ኢንዱስትሪታትን መጠነ ንኡስ ፋብሪካታትን ተኺሉ፥ ዝተፈላለዩ መጸገኒ ትካላት ኣቑሙ። ሰፊሕ ዳህሳስ ማዕድናት ኣካይዱ፡ ኣብ ሓያሎ ቦታታት ኩዕታ ጀመረ። ጸጋታት ባሕሪ ዝምዝምዝ ትካላት መስሪቱ፡ ብዘመናዊ ኣገባብ ዓበይቲ ሕርሻታት ኣልሚዑ፡ ምዕቡል ስርዓት ቁጠባ






ኣተኣታተወ።

መንግስቲ ኢጣልያ ብዘይካ'ዚ፡ መግዛእታዊ ሰራዊቱ ንምዕባይ፡ ንኣስታት 150 ሺሕ ኤርትራውያን ሓረስቶትን ጓሶትን ናብ ወተሃደራት ቀይሮም። ኣብ ምምሕዳርን ዝተፈላለየ ኣገልግሎታትን ዝነጥፉ ሰባት ንምምልማል ካብ 4ይ ክፍሊ ዘይሓልፍ፡ ቀዩድ መደብ ትምህርቲ ብምትእትታው ከኣ፡ ባህላዊ ጽልዋታቱ ከስፍሕ ጸዓረ። ከም ውጽኢት ናይዚ ገዚፍ ወፍሪ ርእሰማልን ምምሕዳራዊ ውህደትን'ዚ፡ ቅልጡፍ ቁጠባዊን ማሕበራዊን ለውጢ መጺኡ፡ ሓደስቲ ማሕበራውያን ሓይልታት ተፈጢሮም፡ ኣቋውማ ሕብረተሰብ ኤርትራ መስፍነ-ርእሰማላዊ መልክዕ ሓዘ። በዚ ድማ፡ ኣብ መንጎ ዝተፈላለዩ ክፋላት ሕብረተሰብ ኤርትራ ሓደ ማሕበረ-ስነኣእምሮኣዊ ስምዒት ክፍጠርን ሃገርነትን ሃገራዊ ስምዒትን ኪኹስኰስ ጀመረ።

እዚ ይኹንምበር፡ ህዝቢ ኤርትራ ነቲ ዝነበረ ዓሌታዊ ኣድልዎ፡ ጭቆና፡ ምዝመዛን ግዱድ ዕስክርናን ኣበርቲዑ ይቃወሞ ነበረ። ብዙሓት ኤርትራውያን ንመግዛእቲ ኢጣልያ ብምቅዋም ናብታ ኣብ ትሕቲ መግዛእቲ ዘይኣተወት ኢትዮጵያ ከስደዱ ከለው፡ ብዙሓት ከኣ ኣብ ናኹራን ካልእ ኣብያተ ማሕቡስን እናተዳጐኑ፡ ተገፊዖምን ሓቛቚምን። እዚ መግዛእታዊ ግፍዒን ጭቆናን ብግደኡ ኤርትራዊ ሃገራዊ ስምዒት ኣብ ምዕባይ ናቱ ኣበርክቶ ነበሮ።

መግዛእቲ ኢጣልያ፡ ኣብ 1935 ንኢትዮጵያ ወሪሩ ድሕሪ ምቁጽጻር ንኤርትራ ኢትዮጵያን ሶማል ኢጣልያን ዘጠቓለለ፡ ኢጣልያዊ ምብራቕ ኣፍሪቃ ዝተሰምየ ሰፊሕ ግዝኣት ኣቘመ። ነዊሕ ከይጸንሐ ግን 2ይ ኲናት ዓለም ተወሊዑ፡ እቲ ኲናት ብስዕረት ኢጣልያን ሰብ ኪዳናን ተዛዘመ። ብሪጣንያ ንሰራዊት ኢጣልያ ኣብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ሶማልን ድሕሪ ምስዓር፡ ንኤርትራን ሶማልን ብግዝያውነት ኣብ ትሕቲ ምምሕዳራ ከተእትወን እንከላ፡ ንንጉስ ሃይለስላሰ ሃገሩ ኣረከበቶ።

ድሕሪ 2ይ ኲናት ዓለም፡ ኣብቲ ኲናት ዝተዓወታ፡ ሃገራት ሓይልታት ኪዳን (እንግሊዝ፡ ፈረንሳ፡ ሕብረት ሶቭየትን ኣመሪካን) ንውድብ ሕቡራት ሃገራት መስረታ። ምስ ምቛም ናይዚ ውድብ'ዚ፡ መግዛእቲ ኣብቂዑ፡ ግዙኣት ህዝብታት ናጽነቶም ክወሃቦም ኣብ ስምምዕ ተበጽሐ። ሃገራት ኣፍሪቃ ድማ ናጽነተን ክጓናጸፋ ጀመራ። ህዝቢ ኤርትራ ግን፡ ን10 ዓመታት ኣብ ትሕቲ ምምሕዳር ብሪጣንያ ጸኒሑ፡ ድሕሪኡ ዕድሉ ክውሰን ተባህለ። ብሪጣንያ ንኤርትራ ኣብ መንጎ'ታ ግዝኣታ ዝነበረት ሱዳንን ኢትዮጵያን መቓቒላ ከተሕቅቓ ሕቡእ ድሌትን ዕላማን ስለዝነበራ፡ ኣብቲ ብሞግዚትነት ንኤርትራ ዘመሓደረትሉ 10 ዓመታት፡ ኢጣልያ ዝሃነጸቶ ዓበይቲ ትሕተ-ቅርጺታትን ቁጠባዊ ትካላትን ኣብ ምዕናው'ያ ተዋፊራ። እዚ ዝገበረትሉ ምኽንያት፡ "ኤርትራ ብቁጠባ ርእሳ ኣይትኽእልን'ያ፡



ሃገር ክትከውን ብቕዕቲ ኣይኮነትን” ብዝብል ምኽንያት ናይ ምምቃል ውጥና ንምትግባር እዩ። ኣመሪካ ብወገና፡ ኣገልጋሊት ዞባዊ ስትራተጂኣ ክትከውን ዝሓረየታ ኢትዮጵያ፡ ኣፍደገ ባሕሪ ክህልዋ ትደሊ ብምንባራ ክልቲኣን ርእሰ ሓያለን ነናተን መደብ ንምዕዋት፡ ንህዝቢ ኤርትራ ግዳይ ገበራኦ።

‘ መግዛእቲ ብሪጣንያ ኣብ ኤርትራ ገዚፍ ቁጠባዊ ዕንወት ክፍጽም እንከሎ፡ ብኣዎንታ ዝጥቀስ ዘምጽኦ ንእሽቶ ለውጢ እውን ነይሩ እዩ። ነቲ ካብ 4ይ ክፍሊ ዘይሓልፍ ዝነበረ ብኢጣልያ ዝተመስረተ ኣገልግሎት ትምህርቲ ክሳብ 2ይ ደረጃ ከምዝበጽሕ ገይሩ፡ ፖለቲካዊ ሰልፊታትን ማሕበራትን ናይ ምቛም መሰል ኣፍቂዱ። እንተኾነ፡ ነዚ መሰል’ዚ፡ ቀቢላዊን ሃይማኖታዊን ካልእ ትሕተ-ሃገራዊ ስምዒታትን ቀስቂሱ፡ ንኤርትራ ናይ ምምቃል ዕላማኡ ንምስላጥ እዩ ክጥቀመሉ ፈቲኑ። ኣብ ርእሲ’ዚ፡ ብሪጣንያን ገዛእቲ ኢትዮጵያን ብስውር መገዲ ሽፍትነት ብምትብባዕ፡ ህዝቢ ኤርትራ ስኒት ዘይብሉ፡ ንሃገርነት ዘይበቕዐ ህዝቢ ምዃኑ ንምእማን ይጽዕሩ ነበሩ። ኣብ ውሽጢ ከምዚ ዝኣመሰለ ድብልቕልቕ እዋን ከኣ’ዩ እቲ ፖለቲካዊ ተሞኩሮ ዘይነበሮ ህዝቢ ኤርትራ፡ መጻኢ ዕድሉ ናይ ምውሳን ታሪኻዊ ብድሆ ዝገጠሞ። ምስናይ ኩሉ ብድሆታት ግን 10 ዓመታት ምምሕዳር ብሪጣንያ፡ ኣብ ፖለቲካዊን ባህላዊን ህይወት ኤርትራውያን ሓድሽ ምዕባለታት ምኽሳቱ ኣይተረፈን።


ምውጋን ግዝኣታት ኢጣልያ ሓላፍነት ሕቡራት ሃገራት እኳ እንተነበረ፡ ኣብ ውሳነ ናይቲ ውድብ ዓቢ ተራ ዝነበራ ኣመሪካ’ያ። ኣመሪካ ድማ 2ይ ኩናት ዓለም ኣብ ዝተዛዘመሉ፡ ኣብ ማእከላይ ምብራቕ ቁጽጽራ እተደልድለሉ፡ ኣብ ህንዳዊ ውቅያኖስን ርሑቕ ምብራቕን ምስ ዝነበረ መደበራታ ብቐሊሉ እትራኸበሉ ቦታ ትደሊ ብምንባራ፡ ንገማግም ባሕሪን ከበሳታትን ኤርትራ ዓይኒ ኣውዲቓትሉ ነበረት። ንምዕራባዊ ቆላታት ኤርትራ ናብ ሱዳን ጸንቢራ ንከበሳን ገማግም ባሕሪን ኤርትራ ንበዓል ኪዳና ሃጸይ ሃይለስላሰ ሂባ፡ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽራ ንምእታው ድማ ዝተወድአ ውጥን ነበራ። ምምቃል ኤርትራ ሓያል ተቓውሞ ህዝቢ ኤርትራ ምስ ገጠሞ ግን፡ ኣመሪካ ንህዝቢ ኤርትራ መሰል ርእሰ ውሳነኡ ከልኪላ፡ ድሕሪ 60 ዓመታት መግዛእቲ፡ ብ1952 ብስም ፌደረሽን ምስ ኢትዮጵያ ከምዝቘረን ብምግባር ናብ ካልእ ባርነት ኣእተወቶ።

## ጎበጣን ቃልስን

ሕቡራት ሃገራት ብብይን 390 A(V) ኤርትራ ብፌደረሽን ምስ ኢትዮጵያ ክትቁረን ድሕሪ ምውሳኑ፡ ኣብተን ዝቐጸላ 10 ዓመታት ፌደራላዊ ሕብረት (1952-1962)፡ ህዝቢ ኤርትራ፡ ውሳነ ሕቡራት ሃገራት ተቐቢሉ፡ ንሕግታት ፌደረሽን ኣኽቢሩ ምስ ገዛእቲ ኢትዮጵያ ብቅኑዕ መገዲ ክዋሳእ ፈተነ። ብኣንጻሩ ስርዓት ሃይለስላሰ፡ ውሳነ ፌደረሽን ስለዘየዕገቦ፡ ቀስ ብቐስ ነቲ ፌደረሽን ትርጉም ኣልቦ ክገብሮ’ዩ መዲቡ። በዚ ድማ፡ ካብ ሕጊ ወጻኢ ሰራዊቱ ኣብ ኤርትራ ከስፍር፡ ስልጣን መንግስቲ ኤርትራ ክሽርምም፡ ባጀት መንግስቲ ኤርትራ ክዘምት፡ ቁጠባዊ ትካላት ኤርትራ ከዕኑ ጀመረ። ኣብ መወዳእታ ድማ፡ ቋንቋ ኣምሓርኛ፡ ንቋንቋታት ትግርኛን ዓረብን ተኪኡ ወግዓዊ ቋንቋ ናይ ኤርትራ ከምዝኸውን ብምግባር፡ ባንዴራ ኤርትራ ደርብዩ ብባንዴራ ኢትዮጵያ ተክኦ። ነዚ ክገብር ምትብባዕ ኣመሪካ ኣይተፈልዮን። ህዝቢ ኤርትራ ብወገኑ፡ ክሳብ ናብ ሕቡራት ሃገራት ብምጥራዕ፡ ብፖለቲካዊን ሰላማዊን መገዲ ንግህሰት ፌደረሽን ተቓወሞ። ሰማዒ እዝኒ ግን ኣይረኸበን። ኣብ ከተማታት ኤርትራ ዝተኻየደ ሰላማዊ ሰልፊታት ብሓይሊ ብረት ተደቚሰ። እዚ ቅሉዕ ግህሰትን ስቕታ ማሕበረሰብ ዓለምን ከኣ፡ ንህዝቢ ኤርትራ ካልእ ኣማራጺታት ክጥምት ደረኾ።

ኣብ መወዳእታ 50ታት ንጎበጣ ኢትዮጵያ ዝቃወም ምንቅስቓስ ሓርነት ኤርትራ (ሓራካ) ወይ ማሕበር ሸውዓተ ዝተሰምየ ምስጢራዊ ውድብ ኣብ ውሽጢ ሃገርን ወጻኢን ብዝርከቡ ኤርትራውያን ተመስረተ። ማዕረ ማዕረ’ዚ ኣብ ግብጺን ሱዳንን ዝነበሩ ኤርትራውያን ብረታዊ ቃልሲ ንምጅማር ካልእ ‘ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ’ ዝተባህለ ውድብ መስረቱ። ኣብ ባሕቲ መስከረም 1961 ከኣ፡ ብመሪሕነት ሓምድ እድሪስ ዓዋተ፡ ዕጥቃዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ተወልዐ።








ድሕሪ 20 ዓመታት ሰላማዊን ፖለቲካዊን ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ዕጥቃዊ ቃልሲ የበግስ እምበር፡ እቶም ንተ.ሓ.ኤ. ዝመስረቱ መሪሕቲ፡ ኣብ 40ታት ብዝነበረ ጸቢብ፡ ገማግዒ፡ ቀቢላዊን ሃይማኖታዊን ትሕተ-ሃገራዊ ፖለቲካ ምሒር ዝተጸልዉ ነበሩ። በዚ ድማ ኣመራርሓ ተ.ሓ.ኤ.፡ ንሃገራዊ ምትእኽኻብን ምሕያል ሓርነታዊ ቃልሲን ዝሕግዝ ኣይነበረን። ህዝቢ ኤርትራ ምዕቡል መሪሕነት ብምስኣኑ ናይ ቃልሲ መንፈሱ ኣይተሰብረን። ዋሕዚ ኤርትራውያን መንእሰያት ካብ ውሽጢ ሃገርን ወጻኢን ናብ ሜዳ ብረታዊ ቃልሲ እናበዝሐ፡ ብኡ መጠን ተ.ሓ.ኤ. ምስ ኩሉ ድኻማቱ ከም ውድብ እናዓበየ ከደ። ድኻም ናይቲ ሰውራ ዘይተዋሕጠሎም መንእሰያት ተጋደልቲ ከኣ ንኣመራርሓ ተ.ሓ.ኤ. ክብድህዎ ጀመሩ። ንጸቢብ ትሕተ-ሃገራዊ ምምቕቓል ነጺጎም፡ ንተ.ሓ.ኤ. ናብ ሃገራዊ ደሞክራሲያዊ ውድብ ንምቕያር ዝዓለመ ናይ ምእራም ምንቅስቓሳት ኣለዓዓሉ። እቶም ዓብላሊ ቦታ ዝነበሮም ኣባላት ላዕለዋይ ባይቶን ሰዓብቶምን ከኣ፡ ንብዙሓት ተጋደልቲ ክኣስሩን ክቕንጽሉን ጀመሩ። በዚ ምኽንያት ገለ ተጋደልቲ ካብ ሜዳ ኤርትራ ናብ ጎረባብቲ ሃገራት ክሃድሙ ከለው፡ ገሊኦም ድማ ካብቲ ውድብ ተነጺሎም ኣብ በረኻታት ኤርትራ ተሓብኡ።

እዚ ላዕለዋይ ባይቶ ተ.ሓ.ኤ. ዝወሰዶ ናይ ቅንጸላ ስጉምቲ ድማ'ዩ፡ ኣብ 1970 ካልኣይ ውድብ ፈጢሩ፡ ንህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ኤርትራ ዝወለደ።

## ምዕባለታት ሰውራ ድሕሪ ምውላድ ህ.ሓ.

ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ኤርትራ፡ ካብ ቅንጸላን ሃድንን መሪሕነት ተ.ሓ.ኤ. ኣምሊጦም ካብ ሜዳ ኤርትራ ብዝወጹን ኣብ ሜዳ ኤርትራ ብዝተሓብኡን ሰለስተ ጉጅለታት ተጋደልቲ፡ ማለት ቀዳማይን ካልኣይን ወገን ህዝባዊ ሓይልታትን ዑበልን'ዩ ቈይሙ። መሪሕነት ተ.ሓ.ኤ.፡ ነዞም ሓድሽ ውድብ ዝመስረቱ ንምህዳን ብምህቃኑ ድማ ንነዊሕ ዓመታት ዝቐጸለ ኲናት ሓድሕድ ተወልዐ። ህዝባዊ ሓይልታት ከኣ፡ ብሰራዊት ኢትዮጵያን ተ.ሓ.ኤ.ን እናተሃድነ፡ ብውሽጢ'ውን እንተኾነ ንሓድነቱ ዝፈታተን ብድሆታት ብምስጋር፡ ህላወኡ ከረጋግጽ ብኣዝዩ መሪርን ጽንኩርን ግዜ ክሓልፍ ተገደደ። እዚ ከቢድ ፈተነ'ዚ፡ ኣብ መንጎ ተጋደልቲ ህ.ሓ. ተሪር ሓድነትን ዘይጸዓድ ናይ ቃልሲ ወኒን ክፈጥር ክኣለ። ንኹሉ ተጻብኦታትን ከበባታትን ፈንጢሶም ብምውጻእ ከኣ፡ ኣብ መወዳእታ እቲ ዝሓየለ ሃገራዊ ውድብ ፈጢሮም፡ ኣብ ልዕሊ ሰራዊት መግዛእቲ መጥቃዕቲታት ክፍጽሙን ብዙሕ ዓወታት ክጓናጸፉን ጀመሩ።

ምስ ምሕያል ሰውራ ኤርትራ ብዙሓት መንእሰያት ንሜዳ ናብ ክልቲኦን ውድባት ብብዝሒ ወሓዙ። ጸኒሑ ግን እቲ ዋሕዚ ብቐንዱ ናብ ህዝባዊ ሓይልታት ዛዘወ። በዚ ድማ፡ ህዝባዊ ሓይልታት ኣብ 1975 ካብ ደረጃ ሓይልታት ሰጊሩ ብደረጃ ቦጦሎንታት ተወዲቡ፡ መጥቃዕቲታቱ ኣንጻር ሰራዊት መግዛእቲ ኢትዮጵያ ኣጠናኸሮ። ተ.ሓ.ኤ. እውን ኣብዚ መድረኽ'ዚ ኣንጻር ሰራዊት ኢትዮጵያ ንኣሸቱ ስርሒታት የካይድ ነበረ። በዚ ድማ፡ ዳርጋ ኩሉ ገጠራት ኤርትራ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ሰውራ (ክልቲኦን ውድባት) ኣትዩ፡ ሰራዊት መግዛእቲ ኢትዮጵያ ኣብ ከተማታት ጥራይ



ተሓጽረ።

ኣብ ጥሪ 1977 ህዝባዊ ሓይልታት ቀዳማይ ጉባኤኡ ብምክያድ፡ ስሙ ናብ "ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ" ለወጠ። "ሰብን መሬትን በብቕሩብ ሓራ ምውጻእ" ብዝብል ታሪኻዊ ውሳነ ከኣ፡ ኣወዳድባ ሰራዊቱ ናብ ደረጃ ብርጌዳት ኣሰጋጊሩ፡ "ንጸላኢ ብብረቱ ብጥይቱ!" እናጨርሐ፡ ንሰራዊት መግዛእቲ ኢትዮጵያ ብሓያል መጥቃዕቲታት ክሰሃሎ ጀመረ። ጎኒ ጎኒ'ዚ፡ "ሓፋሽ ይንቃሕ! ይወደብ! ይተዓጠቕ!" ኣብ ትሕቲ ዝብል መርሓ፡ ኣብ ሓራ ዘውጽኦ ቦታታት፡ ህዝቢ ናይ ምንቃሕን ናይ ምውዳብን፡ ዝተፈላለዩ ህዝባዊ ማሕበራትን ባይቶታትን ናይ ምቛም ሰፊሕ ፖለቲካዊ ስርሓት ኣካየደ። ልዑል ህዝባዊ ደገፍ ድማ ተጓናጸፈ።


ኣብዚ ሰውራ ኤርትራ ዝሓየለሉን ሰፊሕ ከባቢታት ኤርትራ ዝተቖጻጸረሉ መድረኽ፡ ስርዓት ደርግ ንኣመሪካ ገዲፉ፡ ኣብ ማሕበርነታዊ ደምበ ክጽጋዕ ወሰነ። ምዕባለታት ሰውራ ኤርትራ ምስ ግሎባዊ ረብሓ ሕብረት ሶቭየትን መሻርኽታን ስለዝተጋጨወ ድማ፡ ሕብረት ሶቭየት፡ ህላወ ስርዓት ደርግ ንምውሓስ ገዚፍ ወተሃደራዊ ምትእትታው ክትገብር ወሰነት። ከም ውጽኢት ናይዚ ምትእትታው'ዚ ደርግ ኣብ ሓጺር ግዜ ብልዕሊ 300 ሺሕ ወተሃደራት ዘመናዊ ሰራዊት ሃነጸ። 17,000 ኲባውያን ወተሃደራትን ካብ ዝተፈላለያ ሃገራት ማሕበርነታዊ ደምበ ዝመጹ ኣማኸርቲን ድማ ንሓገዝ ኣብ ጎድኑ ተሰለፉ። ብኣሽሓት ዝቑጸር ከበድቲ ኣጽዋራት፡ መዳፍዓት፡ ታንክታት፡ ሚሳይላትን ነፈርቲ ውግእን ናብ ኢትዮጵያ ተጓረተ። በዚ ደገፍ'ዚ፡ ኢትዮጵያ ኣብ ጸሊም ኣፍሪቃ ዝዓበየ ወተሃደራዊ ሓይሊ ሃነጸ፡ ፈለማ ናብ ሶማል ወፍሪ ብምክያድ፡ ኣብ ሓጺር ግዜ ንሰራዊት ሶማልያ ስዒራ ናይ ምብራቕ ስግኣታ ኣወገደት።

ድሕሪ'ዚ ስርዓት ደርግን ደገፍቱን ናብ ምድምሳስ ሰውራ ኤርትራ ኣቕንዑ። ቅድሚ ወተሃደራዊ ስጉምቲ ምውሳዶም ግን፡ ነቲ ተሪሩ ክምክት ይኽእል'ዩ ዝበልዎ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ፡ ንሰላማዊ ዘተ ኣብ በርሊን ምብራቕ ጀርመን ዓደምዎ። ዕላማ ርክብ በርሊን ንሰላማዊ ዘተ ዘይኮነ፡ ንታህዲድን ምፍርራሕን'ዩ ዝነበረ። "ወይ ደርግ ዝበለኩም ስምዑ፡ ወይ ክትድምሰሱ ኢኹም" ዝዓይነቱ ምጉብዕባዕ። መሪሕነት ህ.ግ. በዚ ኣይተሰናበደን። ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ንሓርነት ደው ከምዘይብልን ተዓዋቲ ምዃኑን ብምግላጽ ድማ፡ "እቲ ትኣምንዎ ሰራዊትን ኣጽዋርን ሒዝኩም ኣብ ሜዳ ኤርትራ የራኽበና" ብዝብል ቃላት ካብ ኣኼባ በርሊን ተፋነወ።

## ስትራተጂያዊ ምዝላቕ

ስርዓት ደርግ ብገዚፍ ወተሃደራዊ ሓይሉን ደገፍ መሻርኽቱን ተኣማሚኑ፡ ንሰውራ ኤርትራ ሓንሳብን ንሓዋሩን ንምጥፋእ ኣብ ዝነቕለሉ፡ ህ.ግ. ካብ ኲሉ ተቘጻጺርዎ ዝነበረ ከባቢታት ብምዝላቕ፡ ኣብ ጎቦታት ሳሕል ዓሪዱ ክረባረብ ታሪኻዊ ውሳነ ስትራተጂያዊ ምዝላቕ ወሰደ። ኣብ መፋርቕ 1978፡ መጠነ ሰፊሕ ወራራት ደርግ ኣብ ዝጀመረሉ ድማ፡ ደረጃ ብደረጃ እቲ ናይ ምዝላቕ ስጉምቲ ክትግበር ጀመረ። ስርዓት ደርግ ኣብ ውሽጢ ሓደ ዓመት፡ 5 ተኸታተልቲ መጠነ ሰፊሕ ወራራት እናካየደ እንከሎ ድማ፡ ህ.ግ. ብዘይካ ንከተማ ናቕፋ፡ ንኹለን ሓራ ኮይነን ዝነበራ ከተማታት ገዲፉ፡ ኣብቲ ጽኑዕ ደጀኑ ሳሕል በጽሐ። ካብ ናቕፋ ክሳብ ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል ዝዝርጋሕ ሰንሰለታዊ ዕርድታት ሃኒጹ ድማ ኣብ ቀዋሚ ናይ ምክልኻል ኲናት ኣተወ። እዚ ክምዚ ኢሉ እንከሎ፡ ሓይልታት ተ.ሓ.ኤ. እውን ብተመሳሳሊ መገዲ ካብ ኲሉ ከባቢታት ኤርትራ ኣዝሊቑ ንባርካ ወረደ። እቲ ዝበርትዐን ወሳንን ውግኣት ግን ምስ ሰራዊት ህዝባዊ ግንባር ይካየድ ነበረ።

ኣብዚ ከቢድ ናይ ምዝላቕ እዋን፡ ህ.ግ. ምስ ሰራዊት ደርግ ሓያል ምርብራብ ኣብ ዘካይደሉ ዝነበረ እዋን፡ ተ.ሓ.ኤ. ዳርጋ ኣበርክቶ ኣይነበሮን። እኳ ድኣ ብኣንጻሩ፡ ንህዝባዊ ግንባር ብድሕሪት ናይ ምውጋእ ፈተነታት የካይድ ነበረ። እዚ ኲነታት'ዚ ኣብ መንጎ ክልቲኣን ውድባት ዝነበረ ግርጭት ኣባልሖ። ኣብ 1981 ድማ ናብ ኲናት ሓድሕድ ኣምርሐ። በቲ ዝተኻየደ ውግእ፡ ተ.ሓ.ኤ. ካብ ሜዳ ኤርትራ






ተጸሪጋ ንሱዳን ብምእታው ተበታተነት።

ህ.ግ. ምስ ተ.ሓ.ኤ. ኣብ ኲናት ሓድሕድ ተጸሚድሉ ኣብ ዝነበረ እዋን፡ ስርዓት ደርግ ንክልተ ዓመት ዝኣክል ሰፊሕ ንዋታዊን ሰብኣዊን ምቅርራባት ክገብር ዕድል ረኺበ። ምቅርራባቱ ምስ ወድአ ድማ፡ ንሰውራ ኤርትራ ሓሳብን ንሓዋሩን ካብ ገጽ መሬት ንምሕካኽ፡ "ወፍሪ ቀይሕ ኮኾብ" ዝተሰምየ 'ናይ መወዳእታን ውሳኒን' ዝበሎ ወተሃደራዊ ወፍሪ ኣበገሰ። ን95 መዓልታት ድሕሪ ዝተኻየደ መሪር ኲናት ግዳ፡ እቲ ብዙሕ መስዋእቲ ዝተኸፍሎን ዝበርትዐን ወራር ብ20 ሰነ 1982፡ ብስዕረት ሰራዊት ደርግ ተዛዘመ። 6ይ ወራር ድሕሪ ምፍሻሉ እውን እንተኾነ ስርዓት ደርግ ተስፋ ኣይቆረጸ። ህ.ግ. ብግጥማት 6ይ ወራር ተዳኺሙ'ዩ ብዝብል ቅማረ፡ ዓመት ኣብ ዘይመልእ ግዜ፡ ማለት ኣብ መፋርቕ 1983 "ካልኣይ ገጽ ወፍሪ ቀይሕ ኮኾብ" ዝተሰመየ 7ይ መጠነ ሰፊሕ ወራር ኣበገሰ። እዚ ወራር'ዚ ብኣንጻር 6ይ ወራር ብዘይእውጅ መገዲ ዝነቐለ ብምንባሩ፡ ብተጋደልቲ "ሰላሕታ ወራር" ተባሂሉ ተጸውዐ። ድሕሪ ናይ ኣርባዕተ ኣዋርሕ ምርብራብ ከኣ፡ ዝኾነ ፍረ ከየምጽአ ብስዕረት ሰራዊት ደርግ ተዛዘመ።

ድሕሪ ፍሽለት 6ይን 7ይን ወራር ሰውራ ኤርትራን









ስርዓት ደርግን ኣብ መድረኽ ጃላነት ኣተዉ። ህ.ግ. ድኽመት ሰራዊት ጸላኢ ድሕሪ ምግምጋም፡ ኣብ ጥሪ 1984 ኣብ ከተማ ተሰነይ መጥቃዕቲ ብምፍናው ነታ ከተማን ከባቢኣን ተቘጻጸረ። ኣብ መጋቢት ናይቲ ዓመት'ቲ ድማ፡ ንግንባር ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል ኣጥቂዑ፡ "መብረቕ እዝ" ንዝተባህለ ዝዝፍ ክፋል ሰራዊት ኢትዮጵያ ደምሰሰ። ኣብዚ ክልተ ግጥማት ሰራዊት ህ.ግ. ብርክት ዝበለ ኣጽዋርን ተተኲስቲን ብምምንዛዕ ሓይሉ ኣደልዲሉ ወጸ።

ኣብ ግንቦት 1984፡ ኣሃዱ ኮማንዶ ህ.ግ. ኣብ መዕርፎ ነፈርቲ ኣስመራ በርቃዊ ተርግእ ብምፍጻም 33 ነፈርቲ ውግእ ኣዕነወ። በዚን ካልእ ስርሒታትን'ዚ ሚዛን ሓይሊ ናብ ሰራዊት ህዝባዊ ግንባር ክዛዙ ጀመረ። ኣብ መፋርቕ 1985፡ ሰራዊት ህ.ግ. ነታ ሓያል ዕርዲ ሰራዊት ደርግ ዝነበረት ባረንቱን ከባቢኣን ኣጥቂዑ ተቘጻጸረ። በዚ ዝተሰናበደ ስርዓት ደርግ፡ ኣብ ዝተፈላለየ ከባቢታት ኢትዮጵያ ዝነበረ ሓይሊ ኣኻኺቡ፡ ባረንቱ ደጊሙ ንምሓዝ ነዊሕ ምርብራብ ኣካየደ። ሰራዊት ህ.ግ. ከኣ፡ ካብ ባረንቱን ተሰነይን ምዕራባዊ ኤርትራን ኣዝሊቑ፡ ናብ ቀወምቲ ዕርድታቱ ንሳሕል ተመልሰ። በዚ ዝተባበዐ ስርዓት ደርግ፡ ሰራዊት ህ.ግ. ተዳኺሙ እንከሎ ምቅባጹ ብዝብል ቅማረ፡ ዘሎ ሓይልታቱ ኣኻኺቡ፡ "ወፍሪ ባሕረ ነጋሽ" ኢሉ ዝሰመዮ መጠነ ሰፊሕ ወራር ብምብጋስ ናብቲ ድሕሪ ምድምሳስ መብረቕ እዝ ገዲፍዎ ዝነበረ ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል ተመሊሱ፡ ኣብ ቀወምቲ ዕርድታት ህዝባዊ ሰራዊት ሓያል መጥቃዕቲታት ፈነወ። እንተኾነ ኣብ ክልተ ገጻት ወፍሪ ባሕረ-ነጋሽ ስርዓት ደርግ ንዕርድታት ሳሕል ክሰብሮ ኣይከኣለን። ድሕሪ ናይ ክልተ ኣዋርሕ ምርብራብ ድማ እቲ ወራር ዘፍ በለ።

ህ.ግ.ሓ.ኤ. ካብ ዝምስረት ጠለባት ሰውራ ዘማልእ ደጀን ምምስራትን ምምዕባልን ከም ዕላማ ሒዙ ዝሰርሓሉ ዝነበረ'ዩ። ምስ ውሳነ ስትራተጂያዊ ምዝላቕ ድማ፡ እዚ ዕማም'ዚ ብስፍሓት ክስርሓሉ ጀመረ። ህ.ግ. "ርእሰ ምርኰሳ" ዝብል መንፈስ ኣብ ተጋደልቱ ብምስራጽ፡ ኣብ

ሳሕል ዝመስረቶ ደጀን፡ ካብ ናይ ብዙሓት ሓርነታውያን ምንቅስቓሳት ዝተፈልየ'ዩ። ዓበይቲ ናይ ዕጥቂን ስንቂን መኽዘናት፡ ጋራጃትን ዝተፈላለየ ናይ ጽገና ትካላትን ኣቑሑ፣ ክዳውንቲ፡ ጫማታት፡ ውጽኢት ሓጺንን ዕንጸይቲን ፕላስቲክን ኣቑሑ፡ እንተላይ መደሃኒትን ኢንፊዩዥንን ዘፍሪ ፋብሪካታት ሃኒጹ፡ ክሳብ ናይ ልቢ መጥባሕቲ ዘካይድ ምዕቡል ሆስፒታላትን ዝተፈላለየ ናይ ምርምርን ትካላትን፡ ኣገልግሎት ማሕተም፡ ፈነወ ሬድዮን ካልእን ዘጠቓልል ሰፊሕን ምዕቡልን ደጀን ሃኒጹ። ተጋዳላይ፡ ብመግቢ ርእሱ ክኽእል ብምሕላን፡ ንሕርሻ ምቹእ ኣብ ዝኾነ ከባቢታት፡ ኣጻድፍ ከይተረፈ እናጽፍሐን እናደላደለን ገለ ክፋል ናይ መግቢ ጠለባቱ የማልእ ነበረ። ንጥፈታት ደጀን፡ ሰውራ ኣብ ፖለቲካዊን ቁጠባዊን መዳያት ብርቂ ምዕባለታት ከምዝግብ ኣኽኢልዎ'ዩ።

ድሕሪ ፍሽለት ወፍሪ ባሕረ ነጋሽ (8ይ ወራር) ሰራዊት ደርግ ኣዝዩ ስለዝተዳኸመ፡ ህ.ግ. ናብ ድሕሪ መስመር ጸላኢ ናይ ደባይን ሃንደሳን ኣሃዱታት ብምንቅስቓስ፡ ንሓይሊ ጸላኢ ዘዳኽምን ዘልምስን ብዙሕ መጠነ ንኡስን ዓበይቲን ስርሒታት እናሰላሰለ፡ ናብ ስትራተጂያዊ መጥቃዕቲ ዘሰጋግር ቅድመ ምድላዋቱ የጻፍፍ ነበረ። ኣብ ርእሲ ሓይሊ ምድሪ፡ ኣሃዱ ሓይሊ ባሕሪ ኣቑሙ'ውን፡ ኣብ ክሊ ባሕሪ ኤርትራ ወተሃደራዊ ህላወኡ ኣረጋገጸ።

ተ.ሓ.ኤ. ንሱዳን ኣትያ ኣብ ዝተበታተነትሉ 1981፡ ቃልሲ ክቕጽሉ ዝመረጹ ተጋደልቲ ተ.ሓ.ኤ. "ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ማእከላይ ባይቶ" (ሳግም) ዝተባህለ ውድብ ኣቑሞም፡ ኣብ 1983 ምስ ህ.ግ. ኣብ ምርድዳእ ብምብጻሕ፡ ኣብቲ ዝካየድ ዝነበረ መኸተ ኣበርክቶ ክገብሩ፡ ናብ ሜዳ ኤርትራ ኣትዮም ነበሩ። ተ.ሓ.ኤ. ማእከላይ ባይቶ፡ ናብ ሜዳ ድሕሪ ምእታው፡ ከም ርእሱ ዝኸኣለ ውድብ ዝተፈላለየ ፖለቲካዊን ወተሃደራዊን ንጥፈታት ከካይድ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ምስ ህዝባዊ ግንባር ክጽንበር ወሰነ። ኣብ 1987 ከኣ ካልኣይን ሓድነታዊን ጉባኤ ዝተሰምየ፡ ን2ይ ጉባኤ ህ.ግ.ን ናይ ክልቲኣን ውድባት ናይ ስምረት ወግዒን ዘጠቓለለ ጉባኤ ተኻየደ። ኣብዚ ጉባኤ'ዚ ህ.ግ.ሓ.ኤ. ጉዕዞ ሰውራ ብደቂቕ ገምጊሙ፡ መግዛእታዊ ሰራዊት ካብ መላእ ሃገር ብምጽራግ ናጽነት ኤርትራ ጋህዲ ንምግባር ዘኽእል ፖለቲካዊን ወተሃደራዊ ስትራተጂ ሓንጸጸ።

ድሕሪ 2ይን ሓድነታዊን ጉባኤ፡ ህ.ግ. ናይ ድሕሪ መስመር ስርሒታቱ ዝያዳ ብምጽዓቕ ብባሕሪ'ውን ንኣሽቱ ስርሒታት ምክያድ ቀጸለ። ኣብ መጋቢት 1988 ከኣ፡ ናብ ስትራተጂያዊ መጥቃዕቲ ብምስግጋር፡ ነቲ ኣብ ግንባር ናቕፋ ዓሪዱ ዝነበረ፡ ደርግ ብሉጽ ሰራዊት ኢሉ ዝምክሓሉ "ናደው እዝ" ኣብ ውሽጢ 72 ሰዓታት ብምድምሳስ፡ ንግንባር ናቕፋ ኣፍሪሱ ንከተማ ኣፍዓበት ተቈጻጸራ። ምድምሳስ ናይዚ ገዚፍ ሓይሊ ጸላኢ'ዚ፡ ስዕረት ሰራዊት መግዛእትን ናጽነት ኤርትራን ናይ ግዜ ጉዳይ ጥራይ ምዃኑ ዘረጋገጸ፡ ኣብ ሰውራ ኤርትራ ዓቢ ነጥበ መቐይሮ ነበረ። ህዝባዊ ሰራዊት ኣብዚ ውግእ'ዚ ቅድሚኡ ዓጢቕዎ ዘይፈልጥ ስትራተጂያዊ ኣጽዋራት መንዚዑ ናይ ተኹሲ ሓይሉ ክብ ኣበለ። ንፈላማ ግዜ ድማ ንስርዓት ደርግ ካብ ዘማኽሩ ዝነበሩ መኰንናት ሕብረት ሶቭየት 3 ክማርኽ ከኣለ።

ኣብ ሜዳ ኤርትራ እዚ ምዕባለታት'ዚ እናሃለወ፡ ምስ ህ.ግ. ናይ ቃልሲ ምሕዝነት ፈጢሩ ኣብ ኢትዮጵያ ዝንቀሳቐስ ዝነበረ ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ፡ ብዘይተቈጠበ ደገፍ ህ.ግ. ኣብ ትግራይ ወተሃደራዊ ስርሒታት ብምንጥጣፍ፡ ንብዙሕ ክፋላት መሬት ትግራይ ተቖጻጺሩ ንኤርትራ ምስ ማእከል ኢትዮጵያ ዘራኽብ መስመር ክዓጽዎ ከኣለ። ድሕሪ'ዚ ስርዓት ኣዲስ ኣበባ ምስ ኤርትራ ዝነበሮ ርክብ ብወደባት ምጽዋዕን ዓሰብን ጥራይ ኮነ። በዚ ተስፋ ዝቘረጸ ስርዓት ደርግ፡ ብመንጎኝነት ፕረዚደንት ኣመሪካ ነበር ጂሚ ካርተር ምስ ህ.ግ. ኣብ ዘተ ክኣቱ ተገደደ። ይኹን'ምበር፡ ብምሉእ ናጽነት ኤርትራ ክእመን ትብዓትን ቅሩብነትን ኣየርኣየን። ክንዲ ዝኾነ እቲ ዘተ ዝኾነ ፍረ ኣየምጽአን።

ህ.ግ. ኣብ ለካቲት 1990 "ስርሒት ፈንቅል" ብዝተሰምየ መጥቃዕቲ፡ ኣብ ምብራቓዊ ጎላጉል ዓሪዱ ንዝነበረ ሰራዊት መግዛእቲ ጸራሪጉ፡ ንጽርግያ ኣስመራ ባጽዕ ድሕሪ ምብታኽ፡ ብ10 ለካቲት ንወደባዊት ከተማ ምጽዋዕ ተቈጻጸራ። ከበሳታት ኤርትራን ከረንን ዝነበረ መግዛእታዊ ሰራዊት ድማ፡ ክሳዱ ተሓኒቑ፡ ምስ ኣዲስ ኣበባ ርክቡ ብነፈርቲ ጥራይ ኮነ። ድሕሪ ስርሒት ፈንቅል ህዝባዊ ሰራዊት፡ ንደቡብ ብምጥዋይ ንሰንዓፈ፡ ዓዲቐይሕን ሰገነይቲን ተቈጻጸረን። እዚ ከምዚ ኢሉ እንከሎ፡ ጥሙር ሰራዊት ህዝባዊ ግንባርን ኢህወደግን፡ ኣብ ውሽጢ ኢትዮጵያ መጥቃዕታቶም ብምሕያል ንክፍላተ ሃገር ጎጃምን ወለጋን ሰሜን ሸዋን ብምቁጽጻር ናብ ኣዲስ ኣበባ ገጾም ኣቕንዑ። ኣብ ግንቦት 1991 ህ.ግ. ንከተማ ደቀምሓረ ኣጥቂዑ



Al-Amin Mohamed Saiyed, head of the EPLF negotiating team (l) and Ashegre Yigletu, head of the Ethiopian government negotiating team, were brought together in Atlanta by President Carter.



ናብ ኣስመራ ምስ ኣቐንዐ፡ መራሒ ኢትዮጵያ ኰለኔል መንግስቱ ሃይለማርያም ውድቀቱ ከምዝኣኸለ ተረዲኡ ካብታ ሃገር ሃደመ። ዓርቢ 24 ግንቦት 1991 ድማ ህዝባዊ ሰራዊት ንርእሰ ከተማ ኤርትራ ኣስመራ ብምቁጽጻር፡ ሓርነት ኤርትራ ኣበሰረ። ብ27 ግንቦት ንከተማ ዓሰብ ድሕሪ ምቁጽጻሩ ድማ፡ ምሉእ መሬትን ባሕርን ኤርትራ ካብ ሰራዊት መግዛእቲ ሓራ ወጸ። እዚ ከምዚ ኢሉ እንከሎ ብ28 ግንቦት 1991፡ ሓይልታት ኢህወደግን ህዝባዊ ግንባርን ንከተማ ኣዲስ ኣበባ ተቘጻጸርዋ። በዚ ድማ ዕምሪ ስርዓት ደርግ ኣኽተመ።

## ካልኣይ ገድሊ
# ምድልዳል ናጽነት

ብቑጽሪ ውሑድ ግን ከኣ ተባዕ ህዝቢ ኤርትራ፡ በይኑ ኣንጻር ብዓቕሚ ኣዝዮም ጸብለል ዝብልዎ ሓይልታት ገጢሙ፡ መሰል ርእሰ ውሳነኡ ከረጋግጽ ልዕሊ 65,000 ብሉጻት ዜጋታቱ መስዋእቲ ከፈሉ'ዩ። በዚ ረዚን ዋጋ ብገዛእ ቅልጽሙ ኣኽሊል ሓርነቱ ምስ ደፍአ ከኣ፡ "ናጽነት" ምርጫ መላእ ህዝቢ ኤርትራ ምዃኑ ብሕጋዊ መገዲ ከረጋግጽ ኣብ ሚያዝያ 1993፡ ወከልቲ ሕቡራት ሃገራትን ካልኦት ኣህጉራውያን ተዓዛቢትን ዝተረኸብዎ፡ መላእ ህዝቢ ብልዑል ሃገራዊ ወኒ ዝተሳተፎ ህዝባዊ ረፈረንዱም ኣካየደ። 99.8% እወ ንናጽነት ብምድማጽ ከኣ፡ ልኡላውነቱ ብሕጊ ደሪዕዎ። ኣብ ግንቦት 1993 ድማ፡ ኤርትራ ብወግዒ ልኡላዊት ሃገር ኣባል ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኮነት።



President casting vote referendum :
President Isaias Afwerki voting referendum on 23rd April 1993 in Asmara.



ከምቲ ናጽነት ንምምጻእ ንጹር ፖለቲካዊ ፕሮግራምን ወተሃደራዊ ስትራተጂን፡ ሓያል ውዳበን ብሱል ኣመራርሓን ዘድለየ፡ ፍትሓዊ ሃገር ንምህናጽ እውን፡ ፖለቲካዊ ፕሮግራምን መትከላትን፡ ሓያል ውዳበ ሰብኣዊን ነገራዊን ጸጋታት፡ ውፉይ ኣመራርሓ ወሳኒ ብምዃኑ፡ ህ.ግ. ኣብ 1994፡ ኣብ ናቕፋ፡ 3ይ ጉባኤኡ ብምክያድ፡ መስርሕ ህንጸት ሃገር ዘማእዝን ሃገራዊ ቻርተር ኣጽዲቑ፡ ስሙ ናብ "ህዝባዊ ግንባር ንደሞክራሲን ፍትሒን" ቀየሮ። ብኩናት ዝዓነወ ቁጠባ ሃገር ንምሕዋይን ንምብርባርን ዝዕላማኡ ማክሮ ቁጠባዊ ፖሊሲ፡ ቀዳምነታቱ ዝሰርዐ ልምዓታዊ ስትራተጂ ተሓንጺጹ ድማ፡ ኣብ ትሕቲ ጽላል ሓርነት፡ ንሰብ ብፍላይ ከኣ ነቲ ህይወቱ ከይበቐቐ ምእንቲ ሃገር ዝተወፈየ ኤርትራዊ ሰብ እትብቅዕ ስልጥንቲ ሃገር ናይ ምህናጽ ዕማም፡ ኣብ ኩሉ ኩርናዓት ሃገር ተበራበረ። ኣብ መፋርቕ 1994 መደብ ሃገራዊ ኣገልግሎት ተኣታትዩ፡ መላእ ህዝቢ ኤርትራ ንልምዓት ሃገር "ሻማ" ክብል ጀመረ።



ቀዳሞት 7 ዓመታት ናጽነት፡ ህዝቢ ኤርትራ፡ ካብ ዑና ሓርነታዊ ኲናት ነቒሉ፡ ብልዑል ጻዕሪን ተወፋይነት ኣብ ኩሉ ጽላታት ብገምጋም ዓመታዊ 7% ቁጠባዊ ዕብየት እናመዝገበ፡ ንመድረኽ ዳግመ ሕውየት ሰጊሩ፡ ጽግዕተኛነትን ናይ ረድኤት ባህሊን ዘወግድ፡ መንፈስ ርእሰ-ምርኰሳን ዓያይነትን ዝኹስኩስ ፖሊሲታት ብምትእትታው፡ ልክዕ ከም ሓርነታዊ ቃልሲ ኣብ መስርሕ ህንጸት ሃገር'ውን ኣብ ገዛእ ዓቕሙን ጸጋታቱን ተኣማሚኑ፡ ኣብ መንጠሪ ኣርከን ንቅልጡፍ ምዕባለ ክረግጽ ዝተቓራረበለን ዓመታት እየን ነይረን።




## ደግሲ ዓመጽ

ኤርትራ፡ ኣብተን ቀዳሞት ሽውዓተ ዓመታት ናጽነት፡ ብብዙሓት ተዓዘብቲ፡ ቀንዴል ተስፋ ኣብ ኣህጉር ኣፍሪቃ ተባሂላ ክትስመ ጀሚራ ነይራ። የግዳስ፡ እዚ ኣብ መትከል ርእሰ ምርኲሳ ዝሰረተ፡ ንተጽዕኖን ምትእትታውን ግዳማውያን ሓይልታት ዘይድግፍ መርገጺ ኤርትራ፡ በቶም ጸጋታት እንዳማቶም ምምንዛዕ ዝለመዱ ወገናት ኣይተፈትወን። ኣብ ርእሲ'ቲ "ናጽነት ኤርትራ ንስትራተጂያዊ ረብሓና ኣየገልግልን'ዩ" ዝብል ጸኒሑ ፖሊሲ ምዕራባውያን ከኣ፡ እዚ ጽግዕተኛነት፡ ግዳማዊ ጣልቃን ጸቕጢን ዘይርዕም ኣካዱዳ ናይዛ ሓዳስ ሃገር ኤርትራ ክርሃት ምፍጣሩ ኣይተረፈን።

ዓመተ 1997 ኤርትራ፡ ኣብ ታሪኻ ንፈለማ ግዜ ሃገራዊ ባጤራ ኣሕቲማ ኣብ ስራሕ ዘውዓለትሉ፡ ብናታ ፊስካላዊ ፖሊሲ ቁጠባኣ ከተማእዝን ዝጀመረትሉ፡ ነቲ ብቅልጽምን ድምጺን ህዝቢ ዝተረጋገጸ ፖለቲካዊ ናጽነት ብቁጠባዊ ናጽነት ዝድርዕ ኣገዳሲ ፍጻመ እዩ ነይሩ። ኣብቲ እዋን'ቲ ኣብ መራሕቲ ስርዓት ወያነ ዝተራእየ ስንባደን ናይ ምትዕንቓፍ ተግባራትን፡ ኤርትራ ብቁጠባ ጽግዕተኛ ኢትዮጵያ ኮይና ክትቅጽል ንዝነበረ ሕቡእ ኣጀንዳ ዘንጸባርቕ'ዩ ነይሩ። ቀቅድሚ'ዚ ፍጻመ'ዚ ኣብ ዝነበረ ዓመታት እውን እንተኾነ፡ ወያነ ብድርኺት ደገፍቱ፡ ነቲ ኣብ ልምዓት ተጸሚዱ ዝነበረ መንግስቲ ኤርትራ ካብ መስመሩ ብምውጻእ፡ ናብ ሰፊሕ ኲናት ንምሽማሙ ኣብ ዶባት ዝነብሩ ኤርትራውያን ካብ ዓድታቶም እናፈናቐለ ናይ ምብራር፡ ኣብ ልኡላዊ ግዝኣት ኤርትራ ሰራዊት ናይ ምስፋር ተኸታታሊ ተግባራት ይፍጽም ነይሩ'ዩ።

እዚ እናኾነ ግዳ፡ መንግስቲ ኤርትራ፡ ኣብ መንጎ ህዝብታት ኤርትራን ኢትዮጵያን ዝተመስረተ ናይ ቃልሲ ምሕዝነት፡ ከምኡ'ውን ድሕሪ ናጽነት ክምዕብል ዝጀመረ ሰናይ ጉርብትና ኣብ ሓደጋ ከይወድቕ ብምስጋእ፡ ነቲ ምትኽታታኹ ብዓቕልን ልቦናን ሓላፍነታዊ መንፈስን'ዩ ሒዝዎ። "ናይ ዶብ ጸገም ኣሎ" ዝበሃል እንተኾይኑ፡ ብልዝብ ምእንቲ ክፍታሕ ድማ፡ ነቲ ጉዳይ እትከታተል ኮሚተ ክትቀውም ደሪኹ። ጉዳይ ወያነን ደገፍቱን ግን፡ ብዓቢኡ ንትስፉው ጉዕዞ ኤርትራ ምኹላፍ እምበር ጉዳይ ዶብ ኣይነበረን። ከንዲ ዝኾነ፡ እታ ብጠለብ መንግስቲ ኤርትራ ናይ ዶብ ሽግር ንምፍታሕ ዝቈመት ኮሚተ ብዝሓዘቶ ቆጸራ መሰረት፡ ልኡኽ ኤርትራ ኣዲስ-ኣበባ ኣብ ዝኣተወሉ ዕለት፡ ማለት ብ6 ግንቦት 1998 ኣብ ከባቢ ባድመ፡ ኣብ ልዕሊ ኣባላት ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ፡ ሃንደበታዊ መጥቃዕቲ ተፈጸመ።

ድሕሪ'ዚ ዘሕዝን ፍጻመ'ዚ እውን እንተኾነ፡ መንግስቲ ኤርትራ እቲ ግጭት ከይተዋዓውዐ፡ ብቕልጡፍን ስቱርን መገዲ ክግታእ ብዙሕ ጽዒሩ እዩ። ብኣንጻር ምሕጽንታታት መንግስቲ ኤርትራ ግን፡ ወያነ ብ13 ግንቦት 1998፡ ፓርላማኡ ብምእካብ፡ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ብወግዒ ኲናት ኣወጀ። ድሕሪ'ዚ እቲ ብዶብ ዝተሳበበ ኲናት ካብ መሬት ሓሊፉ ናብ መጥቃዕቲ ኣየር ክስጋገር ግዜ ኣይወሰደሉ። ብ5 ሰነ 1998 ድማ ኣስመራ ብነፈርቲ ኲናት ወያነ ተደብደበት። የግዳስ ቅጽበታዊ ግብረ መልሲ ናይቲ ውልዶ ሓይሊ ኣየር ኤርትራ ንወያነን ደገፍቱን ዘርዓደ'ዩ ነይሩ። መጥቃዕቲ ኣየር እንተቐጺሉ፡ ኢትዮጵያ ክትግዳዕ ምዃና ብምግምጋም ከኣ፡ ፕረዚደንት ሕ.መ.ኣመሪካ ቢል ክሊንተን፡ ግዝያዊ ስምምዕ ምቁራጽ መጥቃዕቲ ኣየር (ሞራቶርዩም) ዝብል እማመ ብምቕራብ፡ ክልቲኣን ሃገራት ከፊላዊ ስምምዕ ምቁራጽ







ተጻብኦ ክፍራማ ኣገደደን።

ድሕሪ'ዚ፡ ወያነ፡ ነቲ ብግዝያዊ ስምምዕ ዝተረኽበ ናይ ግዜ ዕድል መዝሚዙ፡ ብገዚፍ ፋይናንስያዊን ወተሃደራዊን ስለያውን ሓገዝ ምዕራባውያን፡ ኣብተን ዝቐጸላ 9 ኣዋርሕ፡ ንመጠነ ሰፊሕ ወራር ተዳለወ። ኣብ መንጎ ህዝብታት ኤርትራን ኢትዮጵያን ጽልኢን ቅርሕንቲን ንምዕማቑ ድማ፡ ኣብ ኢትዮጵያ ዝቕመጡ ዝነበሩ ኤርትራውያን ብግፍዒ ከባርር ጀመረ። በዚ ኢሰብኣዊ ተግባር'ዚ፡ ኣስታት 80,000 ኣብ ኢትዮጵያ ዝቕመጡ ዝነበሩ፡ ኤርትራውያንን ኤርትራዊ መበቆል ዝነበሮም ኢትዮጵያውያንን፡ ምሉእ ህይወቶም ሰሪሖም ዘጥረይዎ ንብረት ተመንዚዮም ካብታ ሃገር ብግፍዒ ተባሪሮም፤ ታሪኽ ዘይርስዖ በደል ኣብ ልዕሊ ሰላማዊ ህዝቢ ተፈጺሙ።

## ዕንደራን ዘሕንኽ ስዕረትን

ኣብ ለካቲት 1999፡ ወያነ ዝኣኸሎ ደገፍ ሰኒቑ "ተዳልየ ኣለኹ" ምስ በለ፡ ነቲ ተበጺሑ ዝነበረ ግዝያዊ ስምምዕ ምቁራጽ መጥቃዕቲ ኣየር ብምፍራስ፡ ካልኣይ መጠነ ሰፊሕ ወራር ኣበገሰ። እንተኾነ እቲ ወራሪ ሰራዊት ኣብ ውሽጢ ሒደት መዓልታት፡ ብሓያል መኸተ ተረኪቡ ሕድሪ ኤርትራውያን መንእሰያት ሕቑኡ ተጎዚዙ ተረኹመሸ።

ካብ ፍሽለቱ ዘይተማህረ ወያነ ብ12 ግንቦት 2000 እውን 3ይ መጠነ ሰፊሕ ወራር ኣበገሰ። ሽዑ እውን እቲ ነዊሕ ምድላዋት ዝገበረሉ ውጥጥ ተዘሪግዎ፡ ዝሓለኖ ሽቶ ክወቅዕ ኣይከኣለን። ዕላማ ወራሪ ሰራዊት ወያነ ኣስመራ ብምእታው ንመንግስቲ ኤርትራ ምእላይ'ዩ ዝነበረ። ይኹን'ምበር ብኹሉ ግንባራት ዝኸፈቶ መጠነ ሰፊሕ መጥቃዕቲታት ሓይሉ ጸንቂቑ ሒግግ በለ። ኣብ ባይታ እዚ እናኾነ፡ ብጻዕሪ ፕረዚደንት ኣልጀርያ ዓብደልዓዚዝ ቡተፈሊቃ፡ ነቲ ኲናት ንምዕራፍ ወከልቲ ኤርትራን ኢትዮጵያን ኣብ ኣልጀርስ ተራኸቡ። ከም ውጽኢቱ ብ20 ሰነ 2000 ስምምዕ ምቁራጽ ተጻብኦታት ድሕሪ ምፍራሙ፡ ብ12 ታሕሳስ 2000 ኣጠቓላሊ ስምምዕ ሰላም ተኸተመ።





## ምዕልባጥ ድሕሪ ስዕረት

ብመሰረት ስምምዕ ኣልጀርስ፡ ዳናዪ ኮምሽን ቀይሙ፡ ስርሑ ኣብ ዘሰላስለሉ ዝነበረ ግዜ፡ (2000-2002) ብጸቕጢን ታህዲዳትን፡ ውሳነ ናይቲ ኮምሽን ንምጽላውን ፍትሒ ንምጉዕጻጽን ዝከኣል ፈተነታት ተኻይዱ'ዩ። ግን ኩሉ ሃቐነታት ኣይሰመረን። ኮምሽን ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ከኣ፡ ንብዙሕ ምትእትታውን ጸቕጢን እንተላይ ብገንዘብ






ንምስድዑ ዝተገብረ ፈተነታት ሰጊሩ፡ ኣብ መወዳእታ፡ ብ13 ማዝያ 2002 ውሳነኡ ሂቡ።


## ግሁድ ኣብያ

ኣብ ወርሓት ሰነን ታሕሳስን 2000 ዝተፈረመ ክልተ ስምምዓት (ኣፈናዊን ኣጠቓላልን)፡ ንኣከራኻርነት ነቓዕ ዘይገደፉ፡ ኣዝዮም ንጹራት ሰነዳት እዮም። ሕቡራት ሃገራት ከኣ ትግባረኦም ከስገድድ፡ ሓላፍነት ዝወሰደ ዝለዓለ ኣካል'ዩ ነይሩ። ዝወሃብ ናይ መወዳእታን ቀያዲን ክኸውን'ዩ ኣብ ስምምዕ ተበጺሑ። ውሳነ ምቕባል ኣብ ልዕሊ ዝኣበየ ወገን፡ ሕጋዊ ስጉምቲ ክውሰደሉ ከምዝግባእ እውን ኣብቲ ስምምዕ ብንጹርን ዘየሻሙን ቃላት ተገሊጹ'ዩ። እዚ እናኾነ፡ ሕቡራት ሃገራትን ካልኦት ኣውሓስቲ ስምምዕ ኣልጀርስን ሓላፍነቶም ኣብ ምፍጻም ብዘርኣዩዎ ብኩራት፡ ን20 ዓመታት ዝኣክል፡ ስቓይ ህዝብታት ኤርትራን ኢትዮጵያን ዘናውሐ ሰላምን ምርግጋእን ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ ዝዘርገ ሃውህው ተፈጢሩ።

ኮምሽን ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያ፡ እቲ ጽላሉ ዝኾነ ባይቶ ጸጥታ ስለዝጠለሞ፡ ኣብ ትሕቲ ኣዝዩ ኣጸጋሚ ኩነታት እዩ ስርሑ ፈጺሙ። ምስ ኩሉ'ቲ ካብ ሕጋዊ መገዲ ክእለ ዝተገብረሉ ጸቕጢ ግን፡ እቲ ኮምሽን ኣብ ሕዳር 2007 ሕንጻጻት ናይቲ ዶብ ብመራኸቢ ነጥብታት እንተላይ ኣዕኑድ ዝተከለሉ ደቂቕ ዝርዝራቱ ኣብ ካርታታት ኣስፈሩ፡ ንጉዳይ ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ሓንሳብን ንሓዋሩን ሕጋዊ መኽተምታ ገይሩሉ፡ ስርሑ ብዓወት ዛዚሙ። ክቕትሉኻ ይብሉ ይቐልቱኻ ከምዝበሃል፡ ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን፡ ኣብ መወዳእታ፡ ኣብ ዝኾነ ኩርናዕ ዓለምና ካብ ዝርከብ ዶባት፡ እቲ ኣዝዩ ዝነጸረ፡ ደቂቕ ዝርዝራትን መወከሲ ሕጋዊ ሰነዳትን ዘለዎ ዶብ ክኸውን በቒዑ።

## ዘመተ ምስይጣን

ኣብ 1998 ወያነ ኣብ ልዕሊ ህዝቢን መንግስቲን ኤርትራ ወራር ክፍጽም እንከሎ ዝነበረ ድርኺት ናይ ግዳም ድርኺት፡ ኣብቲ ናይ ኲናት እዋን ዝተገብረሉ ዝኺፍ ወተሃደራዊን ቁጠባዊን ሓገዛት ጭብጥታቱ ስኑድ ታሪኽ'ዩ። ወያነ ግን ምስ ኩሉ'ቲ ዝተገብረሉ ምትብባዓን ድንማን፡ ዲኖ ስዕረት'ዩ ተጎልቢቡ። ኣብ ሕጋዊ መጋብኣያ ምስ ቀረበ ድማ፡ ብሕጊ ተረቲዑ ካልኣይ ስዕረት ጎሲሙ። እዚ ስዕረት'ዚ ንደገፍቱ ክውሓጠሎም ኣይከኣለን። ብድሕሪ'ዚ ዝሓዝዎ ሕጋዊ መኸተ ህዝቢ ኤርትራ ናይ ምጽዓድ ስትራተጂ ድማ፡ ንኤርትራ ብቑጠባ ኣዳኺምካ፡ ህዝባ ብምጭናቕን ንመንግስቲ ኤርትራን መራሒኡን ብምስይጣንን ኣብ ኤርትራ ናይ ስርዓት ለውጢ ምምጻእ፣ በዚ መገዲ'ዚ ከኣ፡ ነቲ ኣብ ጉዳይ ዶብ ክፍጸም ዝተሓስበ ዓሎቕ ምውሓስ ነበረ። እቲ፡ ሓንሳብ ብምግሃስ መሰል ሃይማኖታትን ሰብኣዊ መሰላትን፡ ሓንሳብ ብምዝራግ ዞባዊ ሰላም፡ ሓንሳብ ብምድጋፍ ግብረሽበራን ዕጡቓት ተቓወምትን፡ ኣንጻር ኤርትራን መንግስታን ንነዊሕ ዓመታት ዝተኻየደ ኣጸላሚ ዘመተታት እምበኣር ግብረ-መልሲ ስዕረት'ዩ።



## እገዳ - ዓንጾ ዓንጾ ፍሽለት

ባይቶ ጸጥታ ሕቡራት ሃገራት፡ ኣብ ታሕሳስ 2009 ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ብይን 1907 ዝተሰምየ ናይ እገዳ ውሳነ ብምሕላፍ፣ ኣብ ታሕሳስ 2011 ነዚ ውሳነ'ዚ ዝድርዕ፡ ብብይን 2023 ዝፍለጥ ተወሳኺ ብይን ምጽዳቑ ይፍለጥ። እዚ ውሳነታት እዚ፡ መቐጸልታ ናይቲ ኣቐዲሙ ስም ኤርትራ እናተናኸፈ ብሕቡራት ሃገራት ዝወጽእ ዝነበረ ውሳነታት'ዩ። ቅድሚ'ዚ ውሳነታት'ዚ፡ ብዝተፈላለየ ኣገባባትን ምኽንያታትን ኣንጻር ኤርትራ ዝተኻየደ ኣጸላሚ ዘመተታት ትሕዝቶኡ ብምንጽጻር፡ እዚ ውሳነታት'ዚ ብልሳን ባይቶ ጸጥታ ሕቡራት ሃገራት ይቃላሕ እምበር፡ መቐጸልታ ተጻብኦ ሃገራት ምዕራብ ኣብ ልዕሊ ህዝቢን ሃገርን ኤርትራ ምዃኑ፡ ንጹርን ከደናግር ዘይክእልን'ዩ።

ኣብ መወዳእታ 2006፡ ወያነ ብባርኾት ምምሕዳር





ኣመሪካ ኣብ ልዕሊ ሶማል ወራር ፈጸመ። መንግስቲ ኤርትራ፡ ኣብ ልዕሊ ሶማል ዝተወሰደ ስጉምቲ፡ ኣብ ዞባና ክፈጥሮ ዝኽእል ዕልቕልቕን ዘይምርግጋእን ብምርዳእ፡ ኣትሪሩ'ዩ ተቓዊምዎ። ውሽጣዊ ኩነታት ሶማል ንሶማላውያን ክግደፍ ድማ ተማሕጺኑ። ምኽንያቱ፡ ኣብ ሶማል ይኹን ኣብ ዝኾነት ሃገር ናይ ዞባና ዝፍጠር ጸገማት፡ ንረብሓ ኩለን ሃገራት ብኣሉታ ዝጸሉ ምዃኑ ፍሉጥ እዩ። ዝኾነት ሃገር ድማ፡ ትኣምነሉ መርገጺ ክትሕዝ ልኡላዊ መሰላ እዩ። ምምሕዳር ኣመሪካ ግን ነዚ ቅኑዕ መርገጺ ኤርትራ ክጻወሮ ኣይከኣለን።

ኤርትራ፡ ኣቐዲማ ከም ዝኣመተቶ፡ በቲ ወራር፡ ኩነታት ሶማል ኣብ ዝኸፍአ ደረጃ ወዲቑ። ኣመሪካ መልሕቓ ኣዋፊራ ብዝወሰደቶ ህውኽን ዘይተጸንዐን ስጉምቲ፡ ምስ ዕሱባታ ኣብ ዘይውጻእ ዓዘቕቲ ዝተናውሐ ኲናት ተሸሚማ። ድሕሪ'ዚ ፍሽለት'ዚ፡ ምምሕዳር ኣመሪካ ክውንነት ተቐቢሉ ጌጋኡ ኣብ ክንዲ ምእራም፡ ዓንጾ ዓንጾ ንማዕጾ ከምዝበሃል ንመንግስቲ ኤርትራ ከም ጠንቂ ናይ ፍሽለቱ ገይሩ ክውንጅሎ ጀሚሩ። በዚ ኩነታት'ዚ ኣመሳሚሳ ኣመሪካ ብመገዲ ባይቶ ጸጥታ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ዘሕለፈቶ ናይ እገዳ ውሳነ እምበኣር መተንፈስ ጭንቀት እምበር ዝኾነ ርትዓዊ መሰረት ኣይነበሮን።

በቲ እገዳ ክውቃዕ እተደልየ ቀንዲ ዕላማታት ነቲ ብቕኑዕ መርገጺኡ፡ ንግጉይ ፖሊሲታት ምምሕዳር ኣመሪካ ዝበድሀ መንግስቲ ኤርትራን መራሒኡን፡ ምስሉ ደዊንካ፡ ካብ ህዝቡ ምንጻል፤ ንኤርትራ ከም ፋሉል ሃገር ኣቕሪብካ፡ ካብ ማሕበረሰብ ዓለም ብምንጻል ቁጠባዊ ልምዓታ ምሕናቕ፤ በዚ መገዲ'ዚ ድማ ነቲ መኸተኡ ዘይተጻዕደ ህዝቢ ኤርትራ ብድኽነት ምቕጻዕ'ዩ። ይኹን'ምበር እዚ ናይ ቅብጸት ስጉምቲ'ዚ እውን እንተኾነ፡ ነቲ ክውቃዕ ዝተደልየ ዕላማ ኣየገልገለን። ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ልዕሊኡ ብዝተወሰነ እገዳ፡ ተጨኒቑ ኣይተንበርከኸን።

ኣቐዲሙ ከምእተገልጸ፡ ኮምሽን ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ብሓያል ጸቕጢ ደገፍቲ ወያነ ስርሑ ንምፍጻም ብኣዝዩ ኣሸጋሪ ግዜ'ዩ ሓሊፉ። ይኹን'ምበር ዝተሰከሞ ሓላፍነት ከተግብር ግዴታኡ ምዃኑ ብምግንዛብ፡ ኣብ መወዳእታ ነቲ ሕጋዊ ብይን፡ ብቨርቿዋል ምምልካት ኣብ ካርታ ኣስፊሩ ዕማሙ ክዛዝም ወሲኑ። ብኡ መሰረት፡ ኣብ ሕዳር 2007፡ ነቲ ልዕሊ 1000 ኪ.ሜ. ዝዝርጋሕ ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን፡ ብጂኦግራፊያዊ መራኸቢ ነጥቢታት (Coardinates) እንተላይ ኣዕኑድ ዝትከለሉ ደቂቕ ዝርዝራት ኣነጺሩ፡ ኣብ 45 ካርታታት ብምስፋር፡ ቅድሓቱ ንክልቲኤን ሃገራት ከምኡ'ውን ንባይቶ ጸጥታ ሕቡራት ሃገራት ኣረኪቡ። ብተወሳኺ ንህዝባዊ መወከሲ ዝኸውን ቅዳሕ ካርታታት ኣብ ኣሃዱ ካርቶግራፊ ሕቡራት ሃገራት ከምዝቕመጥ ብምግባር፡ ስርሑ ዛዚሙ። እቲ ኮምሽን ስርሑ ዛዚሙ ናብ ባይቶ ጸጥታ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ዘቕረቦ ናይ መጨረሽታ ጸብጻብ፡ ከምዚ ዝስዕብ ቃላት ኣስፊሩ ይርከብ።

"....እቲ ብ13 ሚያዝያ 2002 ብዝተዋህበ ውሳነ ዝተሓንጸጸ፡ ኣብ ሕዳር 2007 ድማ ብቨርቿዋል ምምልካት ተነጺሩ ዘሎ ዶብ፡ ንኽልቲኦም ወገናት ቀያዲ እዩ። ነዚ ዶብ'ዚ ዝጻረር ወይ ዝጥሕስ ዝኾነ ተግባር ከኣ ዘይሕጋዊ እዩ።..."

".....ኮምሽን ዶብ፡ በዚ ናይ መወዳእታ ስጉምቱ፡ ስምምዕ ኣልጀርስ ዘሰከሞ ሓላፍነት ምሉእ ብምሉእ ከምዝፈጸመ ይኣምን። ምስ ምብቃዕ ሓላፍነቱ ዝተኣሳሰረ ምምሕዳራዊን ፋይናንስያውን ጉዳያት ብምዝዛሙ ድማ፡ ካብ ሕጂ ንድሓር ንነብሱ ዕማሙ ከምዝወድአ ዕጽው ቤት ጽሕፈት ይቖጽሮ።...."

መንግስቲ ኤርትራ፡ ኣብዚ ነዊሕ ዓመታት ዝወሰደ ኩነተ-ተጻብኦ፡ ነቲ ብሕጊ ልኡላውነቱ ዳግም ዝተረጋገጸ መሬት ኤርትራ ብወተሃደራዊ ሓይሊ ከውሕሶ ዝኽልክሎ ኣህጉራዊ ሕጊ እኳ እንተ ዘይነበረ፡ ብዓቕልን ትዕግስትን፡ ኣብ ሕጋዊ መኸተኡ ብምጽናዕ እዩ ተጓዒዙ። ኣብ መወዳእታ ድማ፡ ከም ውጽኢት ናይ'ዚ ዓቃል ስጉምቲ፡ ግዜ ናቱ መልሲ ሒዙ መጺኡ፤ ልኡላዊ ግዝኣት ኤርትራ ከይተሸራረፈ ናብ ዋናታቱ ተመሊሱ። ህዝቢ ኤርትራ ከኣ ንኹሉ ተጻብኦታት ኣምኪኑ ብኣንጻባራቒ ዓወት መሰስ ኢሉ።

***

**ሓሳባት**

# መዐቀኒታት **ቍጠባ**

ነማርያም ዮሃንስ

## መእተዊ

ቀንዲ ዕላማ ናይ'ዚ ጽሑፍ፡ **ጸጋ ሰብ** ብኸመይ ምንጪ ቍጠባዊ ሃብቲ ክኸውን ከም ዝኽእል ሕጽር ብዝበለ መገዲ ንምብራህ እዩ። እዚ ጽሑፍ ዘጠቓልሎ ትሕዝቶ እምበኣር፡ ሓፈሻዊ ድሕረ-ባይታ ቍጠባ፡ እቶም ቀንዲ መዐቀኒታት ቍጠባ እንታይ'የም፡ ኣፍራይነት ሽቃላይ፡ መዐቀኒ ኣፍራይነት ሽቃላይን ዘጠቓለለ ክኸውን እዩ።

## ድሕረ-ባይታ ቍጠባ

ቁጠባ ዝብል ካብ ናይ ግሪኽ ቃል ኢኮኖምያ "Oikonomia" ዝወጸ ኾይኑ፡ ትርጉሙ፦ ስሩዕ ምሕደራ ስድራቤት ማለት እዩ። እቲ ፖለቲካዊ ስሩዕ ምሕደራ ዝብል ግን ንመጀመርታ እዋን ብ1615 ብሞንተርተይን ዝተባህለ ምሁር፡ "ኢኮኖሚክ ፖለቲክ" ዝብል ጽሑፍ ምስ ኣሕተመ ዝለገቦ እዩ። እቲ ፖለቲካዊ ዝብል ዝተወሰኸ፡ እቲ ስራሕ ኣብ መትከላት መንግስቲ ዝዓብለሎ ቀጠባ ዘተኩረ ስለ ዝነበረ እዩ። ይኹን'ምበር ስነ-ቍጠባ ከም ዓውደ-ትምህርቲ ዝመጸ ምስ ምሕታም እታ ኣዝያ ህቡብቲ መጽሓፍ ኣዳም ሲሚዝ፡ "ሃብቲ ሃገራት-መርመራ ባህርን ጠንቅን ሃብቲ ሃገራት" ትብል ኣብ 1776 ዓ.ም እዩ። ኣዳም ስሚዝ ኣብ መጽሓፉ መሰረት ሃብቲ ሃገራት፡ 'ብዋጋ ሃገራት ምኽዕባት ኣርተፊሻላዊ ወርቅን ብሩርን ዘይኮነ ብማእቶት/ምፍራይን (production) ምልውዋጥን'ዩ' ብዝብል ኣትሪሩ ከም ዝማጎት ማርክ ስኩሰን ኣብታ "ሰለስተ ዓበይቲ ኣብ ስነ-ቍጠባ' ትብል መጽሓፉ ይገልጽ። እቲ ፖለቲካዊ ዝብል ላቒባ'ውን ድሒሩ ከም ዝእለ ተገይሩ።

ኣብ 1890 ምሁር ስነ-ቍጠባ ኣልፍረድ ማርሻል ዝተባህለ ነቲ 'ፖለቲካዊ ቀጠባ' ዝብል' ናብ 'ስነ-ቁጠባ' ቀይርዎ። እቲ መልእኽቲ ድማ፡ ስነ-ቁጠባ ልክዕ ከም ፊዚክስን ቁጽርን ብባህርያዊ ሕጊ ደኣ'ምበር ብፖለቲካዊ ፖሊሲ ኣይኮነን ዝመሓደር ንምባል እዩ። እንተኾነ፡ ስነ-ቀጠባ ማሕበራዊ ስነ-ፍልጠት እዩ። ምኽንያቱ መሰረሕ ስነ-ቍጠባ ኣብቲ ተቐያያሪ ውልቀ ባህርን ድሌትን ደቂ-ሰብ ዝምርኮስ ስለዝኾነ ብውሱን ባህርያዊ ሓቅታት ዝእዘዝ ኣይኮነን። እንታይ'ዩ ደኣ ስነ-ቀጠባ?


ስነ-ቍጠባ እንታይ'ዩ ንምፍላጥ ብመጀመርያ ቍጠባ እንታይ'ዩ ምፍላጥ ኣገዳሲ እዩ። ቀጠባ ዝተዋሃሃደ ስርዓተ ምፍራይ ኣቑሑን ኣገልግሎታትን፡ ምክፍፋልን ምህላኽን እዩ። ስነ-ቀጠባ ዝበሃል ከኣ ነዚ ዝተጠቕሰ ስርዓት(system) ዘጽንዕ'ዩ። ኦስካር ላንገ ዝተባህለ ፖላንዳዊ ክኢላ ስነ-ቍጠባ፡ ንናይ ማርክስ መትከላት ቀጠባ ምርኩስ ብምግባር ኣብ ዝጸሓፎ፡ "ፖለቲካዊ ስነ-ቍጠባ ወይ ማሕበራዊ ስነ-ቍጠባ ዝበሃል፡ ንሃገራዊ ድሌታት/ጠለባት ደቂ-ሰብ ንምምላእ ዝግበር ነገራዊ ማእቶትን(ምፍራይ) ነቲ ዝፈረየ ምክፍፋልን ዘማሓድር ማሕበራዊ ሕጊ ዘጽንዕ ኢዩ" ይብል። ኣስዒቡ ኦስካር ላንገ፡ ሕመረት ስነ-ቍጠባ ማእቶት/ምፍራይ (Production) ከምዝኾነ ይገልጽ። ማእቶት/ምፍራይ ማለት፡ ደቂ-ሰባት ንባህርያዊ ሃብቲ ብቀሊሉ ክጥቀምሉ ናብ ዝኽእሉ ነገራት ንምልዋጥ ዘይካይድዎ ናይ ምስናዕ/ምምሕያሽ ንጥፈታት እዩ። ነዚ ንጥፈታት ንምኽያድ ሽቃላይ ዝዓበየ ተራ ኣለዎ። ሓደ ሽቃላይ ኣብ ዝተወሰነ እዋን ክንደይ ኣፍርዩ፡ ኣብ ቀጠባዊ ዕብየት ወሳኒ ነገር እዩ። ኣፍራይነት ሽቃላይ ከኣ ሓደ ካብ ቀጠባ እንዕቅነሉ መለኪዒታት እዩ።

## ቀንዲ መዐቀኒታት ቍጠባ

እቶም ቀንዲ መዐቀኒታት ቀጠባ፡ ጃምላ ሃገራዊ እቶት(GDP)፡ ብጽሒት ጃማላ ሃገራዊ እቶት ሓደ ሰብ(GDP per capita)፡ ኣፍራይነት ሽቃላይ፡ ጠቕላላ ረቛሕቲ ኣፍራይነት (total factor productivity) እዮም።

## ጃምላ ሃገራዊ እቶት (GDP)

ጃምላ ሃገራዊ እቶት (GDP) ሓደ ካብ ዝወሰኑ መዐቀኒታት ቍጠባ እዩ። ጃምላ ሃገራዊ እቶት ድምር ዋጋ ናይ ኩሎም ንገዝኡብ ተባሂሎም ኣብ ሓደ ውሱን ግዜ (ሓደ ዓመት) ዝፈረዩ ኣቑሑን ኣገልግሎታትን ኣብቲ ቀጠባ'ዩ። ትሕዝቶ ናይቲ ጠቕላላ ፍርያት ዘጠቓልሎም ጽላት ከም ሕርሻ፡ ሃብቲ ዓሳ፡ ዕደና፡ መሳነዕ፡ መጕዓዝያን መራኸቢታት፡ ህንጻ፡ ንግዲ፡ ማይን ኤለክትሪክን ኣገልግሎታትን............ወዘተ ዝኣመሰሉ ኢዮም። ቍጠባዊ ዕብየት ክግለጽ ከሎ ለውጢ (ምውሳኽ ወይ ምጉዳል) ኣብ ጃምላ ሃገራዊ እቶት ብሚኢታዊት ካብ ናይ ዝሓለፈ ዓመት ማለት'ዩ። ቍጠባ ዓብዩ ክበሃል እንተኾይኑ ጠቕላላ ፍርያት




ምንጪ ፡ – ዓለማዊ ባንክ ፡ ሓምለ 2023 (ሓበሬታ ተወሲዱ ዝተመስርሐ'ዩ)

ኣቑሑን ኣገልግሎታትን ካብ ዓመት ናብ ዓመት ክወሰኽ እንከሎ እዩ።

ከም ኣብነት፡ ካብ ዓለማዊ ባንክ ናይ 2023 ሓበሬታ ተወሲዱ ዝተመስርሐ ከም ዘጽር፡ ዝለዓለ ጃምላ ሃገራዊ እቶት ዘለወን 10 ሃገራት ኣብዚ ዝስዕብ ግራፍ ቁ.1 ተመልኪቱ ኣሎ። እታ ካብ ድሕሪ ቀዳማይ ኩናት ዓለምና ኣትሒዛ ንቑጠባ ዓለምና ብዓብላልነት ትመርሓ ዘላ ኣሜሪካ እያ። ድሕሪ ኣሜሪካ ዝርከባ በብጹዋሩ ክቀያየራ ጸኒሐን እየን። ሓደ እዋን ጀርመን ካልኣይቲ ነይራ፡ ድሕሪኡ ንጀርመን በሊጻ ጃፓን ካልኣይቲ ኮይና፡ ኣይጸንሐትን ጃፓን ብቻይና ተበሊጻ ናብ ሳልሳይ ደረጃ ወሪዳ። ኣብዚ ሕጂ እዋን ካልኣይቲ ዘሎ እታ ብቀጻሊ መላልል ክትሓኩር ዝጸንሐት ኣስታት 18 ትርልየን ዶላር ዘለዋ ቻይና እያ።

## ብጽሒት እቶት ሓደ ሰብ


*(GDP per capita)*

ጃምላ ሃገራዊ እቶት ሓርፋፍን ብደረጃ ሃገር ጥቕልል ዝበለ ስለዝኾነ ንጹር ስእሊ ብዛዕባ ኩነታት መነባብሮ ዜጋታት ኣይሕብርን እዩ። ጃምላ ሃገራዊ እቶት ዝርዝር ብዝበለ ክግለጽ ከሎ ደማ ዓመታዊ ብጽሒት እቶት ሓደ ሰብ (GDP per capita) ካብ ጃምላ ሃገራዊ እቶት እዩ። እዚ ማለት ጃምላ ሃገራዊ እቶት ንጠቕላላ ብዝሒ ህዝቢ ተመቒሉ ዝመጽእ ኣሃዝ እዩ። እንተኾነ ዝ. መዐቀኒ'ዚ እውን ብዙሓት ምሁራት ከም ኣመልካቲ ኩለንትናዊ ምዕባለ ኣይተሰማምዕሉን። ዕቤት ኣታዊ ኣድላዪ እኳ እንተኾነ ንሰብኣዊ ምዕባለ ግና እኹል መለክዒ ከምዘይኮነ ይገልጹ። ከም ሳዕቤኑ ደማ ካልእ ኣማራጺ መዐቀኒ ምዕባለን ድኽነትን ክናደዩ ደሪኾምዎ።

እዚ ከም ኣማራጺ መለክዒ ሰብኣዊ ምዕባለ ዝተኣታተወ ደማ ኣመልካቲ ሰብኣዊ ምዕባለ (Human development index-HDI) ተባሂሉ ይጽዋዕ። እዚ መለክዒ'ዚ ብፕሮግራም ልምዓት ሕቡራት ሃገራት(UNDP) ኣብ 1990 ዝተኣታተወ እዩ። ኣመልካቲ ሰብኣዊ ምዕባለ ሰለስተ መዐቀኒታት ዘጠቓለለ እዩ፡ ንምንጋም ንውሓት ዕምሪ ደቂሰብ(Life expectancey at birth)፡ ንምንጋም ኣብ ትምህርቲ ዝጸንሓሉ ዓመታትን(Expected mean years of schooling) ብጽሒት እቶት ሓደ ሰብን(GDP per capita) እዮም። ሃገራት ኣብ መንጎ 0ን 1ን ተቐሚጡ ብዝምጽኦ ብቕደም ተኸተል ብደረጃ ይስርዓ። ናይ 2023/2024 ጸብጻብ ከምዘርኢ እተን ሰለስተ ቀዳሞት ሃገራት ስወዘርላንድ (0.967)፡ ኖርወይን (0.966) ኣይስላንድን (0.957) ክኾና ከለዋ እተን ዳሕረዎት ሰለስተ ደማ ማእከላይ ረፓብሊክ ኣፍሪቃ (0.387)፡ ደቡብ ሱዳን (0.381)ን ሶማልያን(0.380) እየን። ካብዘን ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሳ ዝለዓለ ጃምላ ሃገራዊ እቶት ዘለወን ሃገራት ኣብ መስርዕ ዝለዓለ ኣመልካቲ ሰብኣዊ ምዕባለ ዘለዋ ሃገራት ብዘይካ ጀርመን ኣይኣተዋን።

ንብጽሒት እቶት ሓደ ሰብ ዝምልከት ካብ ዓለማዊ ባንክ ዝተረኸበ ሓበሬታ ከምዘጽር፡ ካብ 1970 – 2018 ኣብ ዝበረ እዋናት ዓመታዊ እቶት ሓደ ሰብ ብደረጃ ዓለም ብቀጻሊ እንዳዓበየ ክኸይድ ከሎ ናይ ትሕተ-ሳሃራ ሃገራት ከምዚ ኣብ ስእሊ ተመልኪቱ ዘሎ (ሌጣ) ዝኾነ ዕቤት ኣየርኣየን። ከም ውጽኢቱ ከኣ ልምዓት ካብቲ ዝበር ፈልከት ክበል ኣይከኣለን። እዚ ስለምንታይ ይኸውን? ሃዳእካ ምሕሳብ ዘድልዮ እዩ። ኣፍሪቃ እታ ናይ መወዳእታ ናይ ልምዓት ግምባር ኮይና ዘላ እያ።

ኮርያዊ ጸሓፍን ዲፕሎማትን ጆንግ ዳኢ ፓርክ ኣብ ናይ 2019 መጽሓፉ 'ልምዓት ብዛዕባ ከቢድ/ዓቢ ለውጢ ምግባር እዩ። ድኻምነን ጸገምነን ኣብ ክንዲ ምሻፋን ኣሚንካ ንምዕራዩ ምስራሕ እዩ። ልምዓት ጸዓርካ ትረኽቦ'ምበር ብኻልኦት ዝምጠወልካ ኣይኮነን። ልምዓት ዘይፍታሕ ቀመር ዘለዎ ኣይኮነ፡ እንታይ ደኣ ህዙብን መንግስትን ንናይ ሓባር ዕላማ ብሓባር ሰሪሖም ዝጭብጥዎ እዩ። ንስለ ልምዓት ፖለቲካውን



ዲፕሎማሲያውን ቅኑዕ ምኽኒን ኩሉ ግዜ ጽቡቕ ዘይክኸውን ይኽእል እዩ፡፡ ሓቀኛ ምኽኒን ዝሓሸ ውጸኢት ክሀብ ይኽእል እዩ" ይብል፡፡

ኣሰዒቡ፣ እቶም ኣብ ሃገራት ትሕተ-ሳሃራ ኣፍሪቃ ዘሎ ኩነተ ኣእምሮ ዘሎ ጸገም እዞም ዝስዕቡ ምኽኛም ይገልጽ፡ (1) ሕማም ጽግዕተኛነት፣ (2) ንዓይ ዘኸውን እንታይ ኣለዎ ዝብል ሕማም፡ (3) ሕማም ምንስሓብ፡ (4) ንሓጺር ምጥማት፣ (5) ግብርን ትግባረን ኣልቦ፡ (6) ድኹም ስምዒት ሓላፍነት ወይ ዋንነት፣ (7) ድኹም ስምዒት ሃገራውነት ወይ ሓርበኛነት፣ (8) ባህሊ ኮምሽን (ባህሊ ዓሰቢ ምድላይ)፡፡

## ኣፍራይነት *(Productivity)* እንታይ'ዩ?

ብሓፈሻ ኣፍራይነት (Productivity) ዝበሃል ብዝሕን ዓይነትን ምህርቲ ምስቲ ንኽፈሪ ዝጠልቦ እታዎ (input) ብምዝማድ ዝዕቅን ኣምር እዩ፡፡ ዝውሓደ ጸጋታት (ረቛሒታት ምፍራይ) ተጠቒምና ርቡሕ እቶት ክንረኽብ ከለና ልዑል ኣፍራይነት ኣለና ክንብል ንኽእል፡፡

ብቦልእ ወገኑ ብመሰረት ናይ 2008 ጽሑፍ ውድብ ቁጠባዊ ምትሕግጋዝን ልምዓትን(OECD) ንኣፍራይነት ብኸምዚ ዝስዕብ ይገልጾ፡ "መጠነ-ዝምድና(ratio) ጠቕላላ ፍርያት/ምህርቲ ንጠቕላላ ንጥቀመሉ እትዋት/ዝውፈ ነገር (input) እዩ"፡፡ ካብ መንነቶም ካልኦት መዐቀኒታት፣ ኣጠቓላሊ ረቛሕቲ ኣፍራይነት ወይ ኣፍራይነት ርእሰ-ማል፡ ኣፍራይነት ሸቃላይ ብፍላይ ኣብ ውሽጢ'ቲ ቁጠባ ዳይናሚክ መምዘኒ ቁጠባዊ ዕቤት፣ ተወዳዳርነትን ደረጃ መነባብሮን እዩ፡፡ መዐቀኒ ኣፍራይነት ሸቃላይ ንክልቲኡ ማለት ንቁጠባዊ ዕቤትን ማሕበራዊ ምዕባለን ንምግላጽ ዘድልየና ዋና መሰረት እዩ፡፡

## ኣፍራይነት ሸቃላይ

ኣፍራይነት ሸቃላይ፡ መጠነ ዝምድና (Ratio) ብሸቃሎ ዝፈረየ ጠቕላላ ፍርያት/ምህርቲ ንጠቕላላ ብዝሒ ሰራሕተኛታት ወይ ብዝሒ ዝሰርሕዎ ሰዓታት እዩ፡፡

ኣብ ኣፍራይነት ሸቃላይ፡ እቲ ጠቕላላ ምህርቲ/ፍርያት ዝበሃል ኣብ ሓደ ሃገር ወይ ትካል እቲ ብሰራሕተኛታት ዝፈረ ኣቑሑን ኣገልግሎታትን እዩ፡፡ እቲ ልሙድ ብደረጃ ሃገር መዐቀኒ ጠቕላላ ፍርያት/ምህርቲ ጃምላ ሃገራዊ እቶት (GDP) ወይ ድምር ወሰኽ ክብሪ (gross value added) እዩ፡፡ እቲ እታዎ (input) ዝበሃል ድማ እቶም ኣብ ምፍራይ ዝተሳተፉ ጠቕላላ ብዝሒ ሰራሕተኛታታ ወይ ከኣ ነቲ ፍርያት ከፍርዩ ዝወሰደሎም ብዝሒ ሰዓታት እዩ፡፡

ንኣብነት፣ ናይ ሓንቲ 5 ኣባላት ዘለውዋ ስድራቤት ፋብሪካ መፍረ ሰዓት፣ ኣብ ሰሙን (6 መዓልቲ) ሓደ ሚኢቲ ሰዓታት ተፍሪ ንበል፡፡ እታ ትካል ንሓንቲ ሰዓት ብሕሳብ 500 ናቕፋ ኣብ ዕዳጋ ትሸጦ፡፡ ስለዚ ናይ ሓደ ሰሙን ጠቕላላ ፍርያት 500ናቕፋ X 100 ሰዓት፣ 50,000 ናቕፋ እዩ፡፡

ሓደ ካብቲ ኣብ መስርሕ ፍርያት/ምህርቲ ንጥቀመሉ ነገራት /ዝውፈ ነገራት(input) ዝበሃል ከኣ ንግዜ፡ ጻዕርን ክእለትን ዓያዩ ጉልበት ዘንጸባርቕ እዩ፡፡ ሸቕሊ (labour) ኣብ መስርሕ ፍርያት ንጥቀመሉ ነገራት(input) ሙብዝሕትኡ ግዜ ወይ ብኹሎም ሰባት ዝተሰርሐ ጠቕላላ ብዝሒ ሰዓታት እዩ፡፡ ወይ ከኣ ጠቕላላ ብዝሒ ዓያዩ ጉልበት እዩ፡፡ እዛ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰት ፋብሪካ ሰዓት፣ 5 ሸቃሎ ቆጺሩ ተሰርሕ ኣላ ንበል፡፡ ኣብ መዓልቲ 8 ሰዓት እንዳ ሰርሑ 6 መዓልቲ እንተድኣ ሰሪሖም፡ እዞም ሰራሕተኛታት 100 ሰዓታት ንምፍራይ 240 ሰዓታት (ሰዓታት፣ 5 ሰባት X 8 ሰዓት ንመዓልቲX 6 መዓልቲ) ሰሪሖም ማለት እዩ፡፡

በዚ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ኣገባብ፡ ኣፍራይነት ሸቃላይ ናይዛ ስድራቤት ፋብሪካ ሰዓት፣ መጠን ዝምድና 50,000 ናቕፋን ን240 ሰዓታት ብምቕማር 208.30 ናቕፋ ኣብ ሓደ ሰዓት ይኸውን (ኣፍራይነት ሸቃላይ=50,000 ናቕፋ/240 ሰዓት=208.30 ናቕፋ ኣብ ሰዓት)፡፡

ብመሰረት ጸብጻብ ኣህጉራዊ ውድብ ሸቃሎ 2023፡ ብደረጃ ዓለም እተን ሰለስተ ዝለዓለ መጠን ኣፍራይነት ሸቃላይ ማለት ጃምላ ሃገራዊ ልምዓት ኣብ ነፍሲ ወከፍ ዝተሰርሐ ሓደ ሰዓት (GDP per hour worked) ቀዳማይቲ ሉክሰምበርግ 2,190 ናቕፋ (146 ዶላር) ኣብ ሓደ ሰዓት፣ ካልኣይቲ ኣየርላንድ 2,145 ናቕፋ (143 ዶላር) ኣብ ሓደ ሰዓት ክምኡ'ውን ሳልሰይቲ ኖርወይ 1,395 ናቕፋ (93 ዶላር) ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ሓደ ሰዓት ምኻነን ይገልጽ፡፡

## ብኸመይ ኣፍራይነት ሸቃላይ ይዓቢ?

ቢልዮነር ራይ ዳልዮ፣ ኣብታ ናይ 2015 ቁጠባዊ መትከላት ትብል መጽሓፉ፡ "ናይ ሓደ ሃገር ሃገራዊ ፍርያት ማለት ጃምላ ሃገራዊ እቶት፣ ብዝሒ ሸቃሎ ምስ ኣፍራይነት ሸቃላይ ብምርባሕ ዝርከብ እዩ" ይብል፡፡ ኣሰዒቡ፣ ኣፍራይነት ንምዕባይ ወይ ኣብርቲዕካ ምስራሕ'ዩ ወይ ከኣ ተባላሒትካ ምስራሕ ከምዝኾነ ይገልጽ፡፡ እቲ ኣብርቲዕካ ምስራሕ ዝበሃል ትህኪት ኣወጊድካ ብቀጻሊ ብዝሒ ሰዓታት ክትሰርሕ ከለኻ እዩ፡፡ እዚ ማለት ሳሕቲ ዝተወሰነ ሰዓት ሰሪሕካ ገዚብ ምእካብ ዘይኮነ ብቀጻሊ ብዘይምቁራጽ ምስራሕ'ዩ፡፡ ብልጸግና ወይ ዕቤት፣ ብዝሒ ሰዓታት ብምስራሕ ጥራይ ዘይኮነ ዝመጽእ፡ እቲ ትሰርሓሉ ጽላትን ትጥቀመሉ ቴክኖሎጂን ወሳኒ እዩ፡፡ ናይ ኤውሮጳን ኣሜሪካን ርእሰ-ማልነት፣ ህጻናትን ደቂ-ኣንስትዮን ከይተረፉ ንልዕሊ 12 ሰዓታት ኣብ መዓልቲ እንዳሰርሑ ዝሃጽዎ ምኻኑ'ዩ ዝገለጽ፡፡ ብተመሳሳሊ ናይተን ድሒረን ዝማዕበላ ሃገራት ርሑቕ ምብራቕ ኤሲያ'ውን እንተኾነ ብቐጻሊ ለይትን መዓልትን ብምስራሕ ዝመጸ ምዕባለ

እዩ።

እቲ ምብልሓት ዝበሃል ድማ ጥቡብ፡ ክእለት፡ ኣፍልጦ፡ ትምህርቲ ክህልወካ ከሎ እዩ። ኣፍራይነት ሸቃላይ ንምዕባይ ዝሕጋገዝ ዝወሃብ ዓይነት ትምህርቲ ምምሕያሽ ኣገዳሲ ይኸውን። ትምህርቲ ክበሃል ከሎ ግን እቲ ዝወሃብ ትምህርቲ ንክውንነትን ደረጃ ምዕባለ'ታ ሃገር ኣብ ግምት ዘእተወ ክኸውን ኣለዎ። ሸቃላይ፡ ኣብ ስርሑ ዝጥቀመሉ ቴክኖሎጂ'ውን ንዕብየት ኣፍራይነቱ ኣገዳሲ ወሳኒ ተራ ኣለዎ።

## ተራ ኣፍራይነት ሸቃላይ ኣብ ቍጠባዊ ዕብየት ብኸመይ?

ኣፍራይነት ሸቃላይ ብኸመይ'ዩ ንቍጠባ ዝጽልዎ? ብመሰረቱ ቍጠባዊ ዕብየት ካብ መጠን ዕብየት ሸቐለ ወይ ሸቐለት ብምስፋሕን ካብ መጠን ዕብየት ኣፍራይነት ሸቃላይን'ዩ ዝምንጩ። እዚ ማለት፦ መጠን ቍጠባዊ ዕብየት= መጠን ዕብየት ሸቕሊ (ምስፋሕ ሸቕለት) + መጠን ዕብየት ኣፍራይነት ሸቃላይ (ካብ ቴክኖሎጂ ዝምንጩ) እዩ።

መጠን ዕብየት ኣፍራይነት ሸቃላይ መሰረት ቍጠባውን ማሕበራውን ገስጋስን ምምሕያሽ ደረጃ መነባብሮን እዩ። እዚ ክበሃል ከሎ ግን እቲ ካብ ኣፍራይነት ሸቃላይ ዝርከብ ውጽኢት ኣብ ሕብረተሰብ ምዕሩይ ዝርግሐ ክህልዎ እንከሎ እዩ። ኢንዱስትርያውነት ቀንዲ ድርኺት መዋቕራዊ ለውጢ ብቁጠባ ናይ ዘይማዕበላ ሃገራት እዩ። ኣፍራይነት ሸቃላይ ብቀጻሊ እንዳዓበየ ዝኸደሉ ጽላት'ውን ኢንዱስትሪ'ዩ። እዚ ጽላት'ዚ ድማ ኣብ ኩሉ ጽላታት፡ ስራሕ ኣብ ምፍጣር ተራብሐ ጽልዋ` ዘለዎ እዩ። ኣብ ምምዕባል ዝርከባ ሃገራት፡ ጥራ-ነገራት ካብ ምልኣኽ ተላቒቐን ኣብ ዓለማዊ ቀጠባ ዝያዳ ምዑሩይ ተሳታፍነት ከምዝህልወን ዝጉብር ድማ እዩ። እንተኾነ ምንጪ ቀጠባዊ ዕብየት ሚዛኑ ዝሓለወ ክኸውን ኣለዎ። ምሁር ስነ-ቁጠባ ፖላንዳዊ ካልድስኪ ንምንጪ ቀጠባዊ ዕብየት ብኸምዚ ይገልጾ፦

> ሃገራት ዘለወን ብዝሒ ዓያዩ ጉልበት ኣብ ግምት ብምእታው ንመጠን ቍጠባዊ ዕብየት ክቐልስኦ ይፍትና። እተን ብዝሒ ዓያዩ ጉልበት ዘለወን ሸቅለት ብምስፋሕ መጠን ቍጠባዊ ዕብየት ክብ ከብልኦ ክፍትና እንከለዋ እተን ውሑድ ዓያዩ ጉልበት ዘለወን ድማ ኣፍራይነት ሸቃላይ ክብ ብምባል (ዝያዳ ቴክኖሎጂ ብምጥቃም) ንመጠን ቍጠባዊ ዕብየት ከዕብይኦ ይፍትና።
>
> እዚ ማለት፡ ልዑል ቍጠባዊ ዕብየት ብዙሕ ሸቕለት ብዘይፈጥር ኩነታት እንተተሰንዩ፡ ብምልኡ እቲ ቍጠባዊ ዕብየት ብኣፍራይነት ሸቃላይ ተመሪሑ ኣሎ ማለት እዩ። እዚ ከኣ ሕሉፍ ዘመናውነት ምስ ክፉእ ማሕበራዊ ጽልዋን ዕብየት'ውን ብምንካይ ሸቕለት ይስነ። ብኣንጻሩ ጽዑቕ ዕብየት ብምሉኡ ሸቕለት ብምፍጣር ጥራይ እንተተመሪሑ ከኣ ማሕበራዊ ኣፍራይነት ይጎድል፡ ሕሉፍ ዝኾነ ዘይኣፍራዩ ናይ ሓሶት ስራሕ ድማ ይፈጥር ማለት እዩ።

## ኣፍራይነት ሸቃላይ ኣብ ኤርትራ

ኤርትራዊ ብሓፈሻ ብተዛማዲ ህርኩት፡ ትጉህን ጻዕራምን ምዃኑ'ዩ ዝፍለጥ። እዚ ብልሙድ ኣዘራርባ`ምበር ብጭብጥ ብሃኣዝ ዝተጸንዐ የለን። ምናልባት`ውን ክሳብ ሕጂ ከምኡ ደዩ ዘሎ ወይስ ዝተቐየረ ነገር ኣሎ`ዩ ሰፊሕ መጽናዕቲ የድልዩ። ኣብ ከባቢ'ካ ትዕዘቦ ሓደ ሓደ ዘሰክፍ ናይ ስራሕ ተርእዮታት ኣሎ። እንተኾነ ብዕምቈት መደምደምታ ትህበሉ ኣይኮነን፡ እዚ'ውን ሰፊሕ ዝበለ መጽናዕቲ የድልዩ።

ብመሰረቱ ቁጠባዊ ለውጢ ንኽመጽእ እቲ ዓያዩ ጉልበት ካብ ትሑት ኣፍራይነት ዘለዎ ቀጠባዊ ንጥፈታት ናብ ልዑል ኣፍራይነት ዘለዎ ጽላት ወይ ቀጠባዊ ንጥፈታት ክግዕዝ ከሎ`ዩ። ካብ ቀጠባዊ ታሪኽ ከም ንግንዘቦ ድማ ምንጪ ቀጠባዊ ዓወት ምዕቡላት ሃገራት ሰንዓ (manufacturing) ምዃኑ``ዩ ዝግገረና። ዕብየትን ማሕበራዊ ውሕስነት ኣብ ዓይነት ቀጠባዊ ንጥፈታት ዝምርኮስ`ዩ። ዝተፈላለዩ ቀጠባዊ ንጥፈታታት ሓደሽ ፍልጠት ንምቅሳም ሰፊሕ ፍልልይ ዕቑር ተኽእሎ ኣለዎም። ከኢላታት ስነ-ቍጠብ`ውን ብሓፈሻ ዝኾም ቀጠባዊ ንጥፈታት ኣብ ክልተ ይመቕልዎም። እቲ ቀዳማይ እቲ ንጥፈታት እንዳዓበየ/ሰፍሓ ክኸየድ ከሎ ማለት ኣብ ነፈሲ-ወከፍ እትጉብሮ ወፍሪ ናይ ዓቕሚ ሰብ፡ ንጥረ-ነገራት ወዘተ ዓጸፋ መኽሰብ ክህቦካ ዝኽእልን *(increasing returns)* ክኸውን ከሎ እቲ ካልኣይ ብኣንጻሩ ዝህቦካ መኽሰብ ወይ ረብሓ እንዳጎደለ ዝኸይድን *(diminishing returns)* እዮም።

ኣፍራይነት ሸቃላይ ንምፍላጥ ሰፊሕ መጽናዕቲ ዝጠልብ እዩ። ኣብ ኤርትራ ዛጊት ነዚ ዝምልከት መጽናዕቲ ኣይተኻየደን። ይኹን'ምበር ኣብ 2015/16 ብምትሕብባር ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕንነትን ቤ/ጽ/ሃ/ስታቲስቲክስን መጽናዕቲ ሓይሊ ዕዮ ኤርትራ ተኻይዱ ነይሩ። ዕላማ ናይቲ መጽናዕቲ ብዝሒ ዓያዩ ጉልበት ብዕድመን ብጾታን፡ ዝተዋፈረሉ ጽላትን ጆግራፍያዊ ዝርግሕኡን ወዘተ ዝኣመሰለ ንምፍላጥ'ዩ ነይሩ።

ብመሰረት'ቲ ዝተኻየደ መጽናዕቲ፡ ካብቶም ኣብ ስራሕ ዝተዋፈሩ፡ እቶም 43.7% ኣብ ጽላት ሕርሻ ዝሰርሑ እዮም። እዚ ጽላት'ዚ ድማ ንምንጪ መነባብሮ ናይ 96.2% ኣብ ገጠር ናይ ዝነብር ህዝብና እዩ። ኣብ ርእሲ'ዚ እቲ ካብ ጠቕላላ ኣብ ስራሕ ዝተዋፈረ ዓያዩ ጉልበት እቲ 4.9% ጥራይ ኣብ ሰንዓ ዝተዋፈረ ምዃኑ ጸብጻብ ናይቲ መጽናዕቲ ይገልጽ። በዚ መዳይ ክርኦ ከሎ ኣብቲ ዝያዳ ኣፍራይነት ሸቃላይ ኣለዎ ዝበሃል ሰንዓ (Manufacturing) ትሑት ተሳታፍነት ዓያዩ ጉልበት ከምዘሎን ዝያዳ ስራሕ ከምዘድልን ንዕዘብ። ኣብ ርእሲ'ዚ፡ ዝጥቀመሉ ቴክኖሎጂ ትሑት ብምዃኑ'ውን ኣፍራይነቱ ትሑት ከምዝኸውን ዘጠራጥር ኣይኮነን።

# “ኣብ ሳዋ ዝሰራሕክዎ ታሪኽ ንምድጋም’ዩ ጻዕረይ”

## ጐብለል ተመሃራይ ማሕሙድ ሳልሕ

ቤቲኤል ሰሎሞን

**ተመሃራይ ማሕሙድ ሳልሕ፡ ሓደ ካብቶም ቤት ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ ላሳለ ዘባ ዓንሰባ ኣብ ትምህርቶም ልሉይ ብልጸት ንዘርኣዩ ተመሃሮ ዘዳለወቶ መተባብዒ ዝተሸለም’ዩ። ማሕሙድ ኣብዚ እዋን ተመሃራይ ቀዳመይ ዓመት ኮለጅ ንግድን ማሕበራዊ ስነፍልጠትን ዓዲቐይሕ እዩ። ኣብ እዋን ሽልማት ተረኺብና ዘካየድናዮ ዕላል ስዒቡ ይቐርብ።**



### ብሌላ ምስ ነብሰኻ ከንጅምር

ማሕሙድ ሳልሕ ሓሙዶ እበሃል። ካብ ኣደይ ፋጥና ሙሳ ዳፊ፡ ካብ ኣቦይ ሳልሕ ሓሙዶ ኣብ 2003 ኣብ ከተማ ባጽዕ ተወሊደ። ወዲ 3 ዓመት ምስ ኮንኩ ድማ ብስድራና ንኸረን መጺእና። ኣብ መበል 35 ዙርያ ሳዋ ወሪደ፡ ኣብ ማትሪክ 3.8 ነጥቢ ብምርካብ፡ ካብ ምሉእ ሶሻል ሳይንስ ጎብለል ናይ መዓስከር ሳዋ ኾይነ ተሸሊመ። ሕጂ ኣብ ዓዲ ቐይሕ ተመሃራይ ቀዳመይ ዓመት ኣለኹ።

### ናይ ትምህርቲ ኩነታትካ እንታይ ይመስል፧

ካብ 1ይ ክሳብ 8ይ ክፍሊ ኣብ መሓድ ኣዲኒ እየ ተማሂረ። ክሳብ 8ይ ኣብኡ ተማሂረ፡ መባእታን ማእከላይን ደረጃ ጥራይ ብምንባሩ ናብ ቤት ትምህርቲ መሓድ ዓንሰባ እየ ሰጊረ። ኣብኡ ድማ ክልተ ዓመት ጥራይ እየ ተማሂረ። ኣብ መንጎ ኰረና ኾይኑ ኮፍ ምስ በልና፡ ሳይንስ ስለ ዝፈቱ ምሉእ እዋን ሳይንስ ኣብ ምጽናዕ እየ የሕሊፈዮ። እንተ ኾነ ብእኡ ናይ ምውዳእ ሓሳብ ኣይነበረንን። ምኽንያቱ ኣነ ቢዝነስ እየ ዝፈቱ ኔረ። ስለዚ ሓዲኡ ክውስን ስለ ዝነበረኒ እሞ ድማ ኩሎም እቶም ናይ መሓድ ዓንሰባ ተማሃሮ ሳይንስ እዮም። ምስ ዳይረክተር ቤት ትምህርትና ተዘራሪበ ናብ ቤት ትምህርቲ ላሳለ ቀይረ። መምህር ሃብቶም ዳይረክተር ናይ ላሳለ ርእዩ ድማ ተቐቢሉኒ። 11 ክፍሊ ኣብኡ ወዲአ።

### ምስ ኣየኖት ደረጃ ተመሃሮ ትሰራዕ ኔርካ፧

ክገርመኪ ኣብ ትምህርቲ ክንድቲ ግዱስ ኣይነበርኩን። ካብ 1ይ ክሳብ 6ይ ዝበጽሕ ኣብ ደሓን ደረጃ እየ ኔረ። እታ ናይ ለውጢ ምኽንያት ግን ኣብ 6ይ ክፍሊ ምስ በጻሕኩ፡ እቶም መማህርተይ ንፉዓት ኔሮም። ሓደ እዋን “ንስኻ ምሳና ዘዛርብ የብልካን፧ ምስ ደረጃኻ ተዛረብ” ምስ በሉኒ፡ ኣመና ተሰሚዑኒ። “ካብኡ ንድሓር ሓሲበ፧ ካብኦም ዘትሕት እንታይ ኣለኒ? ኣነ” ኢለ። ኣብ ቀዳማይ ሰሚስተር ተደሪበ 6ይ ወጺአ ኔረ። ኣብ 2ይ ሰሚስተር ግን ኒሕ ሒዝኒ ሓያል ጻዕሪ ኣካይደ 2ይ ኮይነ ተሸሊመ። ካብኡ ንደሓር ክሳብ ሕጂ ካብ ክፍለይ 1ይ እናወጻእኩ፡ ናይ ዩኒት እናተሸለምኩ ሳዋ ወሪደ። ኣብ ሳዋ ድማ ጎብለል መዓስከር ኮይነ ማለት’ዩ። በዚ ኣጋጣሚ፡ ክትነፍዕ እንተወሲንካን እንተ ጽዒርካን ዘከኣል ነገር ከም ዘየለ ንመዛኖይ ከዘኻኽር እደሊ።

### ዕዉት ክትከውን ደገፍ ናይ መን ኔሩካ፧

ቀንዲ እኳ ናይ ወላዲየይ እዩ። ሕጂ ኣላህ የርሓሙ ብሂወት የለን፡፡ ኣነ ካብ ሳዋ ምስ ተመለስኩ፡ ዓሪፉ። ናቱ ተራ ግን ንዓይ ዕዉት ክኸውን ልዑል እዩ ኔሩ። ከምቲ ዝበልኩኺ ኣብ ትምህርቲ ግዱስ ኣይነበረኩን። ደሓር ግን ባባ፡ “እንተ ተማሂርካ ኢኻ ሰብ ትኸውን። ነብስኻ፡ ስድራኻን ሃገርካን ክትሃንጽ፡ ክትመሃር ኣለካ።” እናበለ በቃ ሰሪሑኒ እዩ፡ ናይ ብሓቂ። ስለዚ ናቱ ተራ ዓብዩ ኔሩ። መምህራን’ውን ከምኡ፡ ብፍላይ ከኣ ኣብ ላሳለ ዝጸንሑኒ መምህራን ዝህቡና ሓገዛት ዝጥቀምሉ ናይ ኣመሃህራ ሜላ፡ ነዚ ሕጂ ዘሎ ማሕሙድ ኮይነ ክወጽእ እጃሞም

ኣበርኪቶም እዮም።

**ኣብ እዋን ቁልዕነትካ እንታይ ክትከውን ትምነ ኔርካ?**

ሓንባሳይ ምኳን እፈቱ ነይረ። ዕድመ እናወሰኽኩ ምስ ከድኩን ትምህርቲ ክግደስ ምስ ጀመርኩን ግን ነጋዳይ ናይ ምኳን ሕልሚ ክመጸኒ ጀሚሩ። ፊልምታት ናይ ዓረብ ከም ሙራድ ዓለምዳር ይርኢ ኔረ። ንሳቶም ድማ ኣውፈርቲ እዮም ዝበዝሑ፡ ብኸምኡ ርእሰኻ ምኽኣል ዝብል ሕልሚ ክመላለሰኒ ምስ ጀመረ፡ ነጋዳይ ምኳን እቲ ክዕወተሉ ዘለኒ ዓውዲ ምኳኑ ክግንዘብ ክኢለ ማለት'ዩ።

**ሳዋ እሞ ከመይ ረኺብካያ፧**

ሳዋ ዕላማይ ከነጽር ዝጠቕመትኒ ቦታ እያ ንዓይ። ኩሉ እቲ ኣብ ምሉእ መዓስከር ዝነበረ ናይ ምሕደራ ኣካይዳ ኣዝዩ ይምስጠኒ ነይሩ። ድኻ ይኹን ሃብታም ብሓድነትን ፍቕርን ተኸባቢርካ ክትከይድ ዝገብር ኣካይዳ እዩ ጸኒሑኒ። ስለዚ ዕዉት ምኳንን ነቲ ናይ ምምሕዳርን ምንጋድን ዝብል ሓሳብ ክኸዶ ዓቢ ድፊኢት ፈጢራትለይ እያ።

**ብሉጽ ኩንካ ካብ ምሉእ መዓስከር ኢኻ ተሸሊምካ። ጻዕርኻን ዝረኸብካዮ ውጽኢትን ከመይ ተመዛዝኖ፧**

ንዓይ ልዕሊ ዝገመትክዎ እዩ። ከምቲ ዝበልኩኺ ንቢዝነስ ክብል እየ ኣርት መሪጸ። እምበር፡ ሽምደዳ ኣይፈቱን እየ። "ሞክ" ምስ ተፈተንኩ፡ ዳርጋ ንማትስ ሸለል ኢለያ፤ ቀሲነ መስለኒ። ማትስ ቢ ኸይዳ፡ ስለዚ 3.8 ኣምጺአ። ብናተይ ሸለልትነት'ዩ። ነታ ካብ ምሉእ መዓስከር ጎብለል ኮይነ ምሽላመይ ድማ ከም ዓብዪ ዓወትን ታሪኽ ዘመዝገብኩን ገይረ ወሲደዮ።

**እዚ ዝረኸብካዮ ዓወት፡ ንኻልእ ክትህቦ ዘገድድ ኮነት እንተ ዘጋጥመካ ንመን ምሃብካዮ?**

ንባባ ምሃብክዎ። ምኽንያቱ ንሱ እዩ ንማሕሙድ ሰሪሕዎን ብዓል ራእዩን ዕላማን ክኸውን ኣኸኢልዎ።

**ኣብ መጻኢ ናይ ሎሚ ተመሃራይ ማሕሙድ ከመይ ኢና ክንረኽቦ፧**

ልክዕ ከምዚ መንግስተይ ዝኽተሎ ኣካይዳ ክኽተል እየ ዝፈቱ፡ ርእሰ ምርኮሳ። ስለዚ ኣብ መጻኢ ሓደ ርእሱ ዝኸኣለ ሰብ ክኸውን እየ። ብተወሳኺ ድማ ኣብ 35 ዙርያ ዝዝከር ታሪኽ ሰሪሐ ኣለኹ። ኣብ ቀጻሊ ሂወተይ ድማ ወትሩ ዝዝከረሉ ታሪኽ ንምስራሕ፡ ንህዝበይን ሃገረይን ዝኸውን ዕዮ ክፍጽም እዩ ባህገይ።

**ቤት ትምህርትኹም ናይ መተባብዒ ሽልማት ኣዳልያ ኔራ። ክትሽለም ከለኻ እንታይ ተሰሚዑካ፧**

እዋእ ሓጎስ ተሰሚዑኒ። እንድዒ ንዓይ ቤት ትምህርቲ ላሳለ ክገልጾ ዘይክእል ስምዒት ትፈጥረለይ ቤት ትምህርቲ እያ። እቲ ናይ ምትብባዕ መደብ ብኣይ ኣይተጀመረን። ኣነ ኣካል ናቱ ምኳነይ ግን ዝያዳ ደስ ኢሉኒ። ኣብዛ ቤት ትምህርቲ ጻዕርን ውህደትን ናይ መምህራን ኣዝዩ ዘደንቕ እዩ። ብፍላይ ንዓይ ዝገበረለይ ደገፋት ብቓል ዝግለጽ ኣይኮነን።

**ሕጂ ኮለጅ ተጸንቢርካ ኣለኻ። ናይ ኮለጅ ሂወት ከመይ ረኺብካዮ፧**

ጽቡቕ። ሓድሽ ስለ ዘለኹ ብዙሕ ክገልጽ ኣይክእልን እየ። ብሳዋ ዝመጸ ሂወት ኮለጅ ኣይከብዶን እዩ። ጥራይ ዕላማኻ ዘይምስሓት። ምኽንያቱ ኮለጅ ከም ናይ ሳዋ ብዙሕ ጸቕጢ ስለ ዘይግበረልካ ባዕልኻ ኢኻ ሂወትካ ትመርሕ። እታ ምስጢር ድማ ኣብዚኣ እያ ዘላ፡፡ ግዜኻ ብግቡእ እናተጠቐምካ መምጽኢኻ ዘይምዝንጋዕ።

**ኩሎም መንእሰያት ይኹኑ ተመሃሮ ዕዉታት ክኾኑ እንታይ ትመክር ካብ ተመክሮኻ፧**

ኣነ እኳ ናይ ትምህርቲ ተመክሮ ጥራይ እየ ከካፍል ዝኽእል። ደጋጊመ ዝገልጻ ግን ዕላማኻ ምንጻርን ንዕኡ ዝሕተት ዋጋ ምኽፋልን እዩ እቲ ቀንዲ ምስጢር ዓወት። እዛ ሃገር መንእሰያት እዮም ኣውሒሶማ። ዕላማኦም ናጽነት ምምጻእ ኔሩ፤ ዋጋ ድማ ከፊሎምሉ። ስለዚ ንሕና ድማ ዝተፈጥረልና ዕድላት ትምህርቲ ክንጥቀመሉ ኣለና። ክንጽዕርን ድሌት ክህልወናን ኣለዎ። ሃገር እንታይ ጌራትለይ ዘይኮነስ፡ እንታይ ጌረላ ክትብል ኣለካ ከም ዝተባህለ፡ ክንገብረላ ኣለና፡ ክንገብር እንተ ኾይና ድማ ክንመሃር ኣለና።

**ኣብ መወዳእታ ከተመስግን ዕድል ክህበካ።**

መጀመርታ ፈጣሪ ነዚ ጸጋ እዚ ዝሃበኒ። ድሕሪኡ ንወለደይ ብፍላይ ንባባ። ኣብ ኩሉ ደረጃ ትምህርተይ ዝነበሩ መምህራነይን መማህርተይን፤ ብሓፈሻ ንኹሉ ሞራል ዝሃበኒ ድማ የመስግን።

**ኣብ ቀጻሊ ሂወትካ ዓወት እምነየልካ።**



ሱራፌል ተ.

# ወጥሪ ፈተና

ተመሃሮ ኣብ ግዜ ፈተናን ቅድሚኡን ብወጥሪ ክሽገሩ ይኽእሉ። ወጥሪ፡ ብዛዕባ ሓደ ነገር ዝያዳ ክትሻቐልን ከተካብድን እንከለኻ ዝፍጠር ስምዒት እዩ። ተመሃሮ ኸኣ ኣብ ትምህርቶም ምእንቲ ክዕወቱ፡ ብፈተና ዝያዳ ክሓስቡን ክሻቐሉን ይረኣዩ። እዚ ብፈተና ዝፍጠር ወጥሪ፡ ኣሉታዊ ስምዒት ብምዃኑ ኣሉታዊ ጽልዋ ክህሉዎ ንቡር እዩ። ኵሎም ኣሉታውያን ስምዒታት ንሰብ ዝያዳ ይጐድኡዎ። ተመሃሮ ኸኣ ኣብ ቅነ ፈተና ንዝፍጠር ዝፍለጦምን ዘይፍለጦምን ወጥሪ፡ ክግንዘብዎ፡ ክርድእዎ፡ ክቕበሉዎን ክቈጻጸሩዎን የድልዮም።

ናይ ቅነ ፈተና ወጥሪ፡ ከኸትሉ ካብ ዝኽእሉ ገለ ነጥብታት ንርአ፤

**1- ንፈተና ንክትዳሎ (ከተጽንዕ) ተበግሶ ምጕዳል**

ዝዓባየ ስራሕ ሓደ ተመሃራይ፡ እንታይ ይመሃር ኣሎ ክፈልጥን ክርዳእን፡ ነቲ ዝተመሃሮ ናብ ናቱ ፍልጠት ክቕይሮ ወይ ክውንኖ፡ በቲ ዝተማህሮ ገይሩ ገዛእ ርእሱ ከንቅሕ፡ ነቲ ዝስዕብ ደረጃ ምእንቲ ክሰግር ከኣ ፈተና ብግቡእ ክፍተንን ንዕኡ ዝኸውን ምድላዋት ክገብርን የድልዮ። ኪንዮ እቲ ኣብ ዙርያኡ ብዝርከቡ ማሕበረ-ሰብ ትምህርትን ስድራቤትን ዝግበረሉ ድርኺታት፡ ንመጽናዕቲ ባዕሉ ክልዓል ክኽእል ኣለዎ። ነብሱ ንመጽናዕትን ምድላዋት ፈተናን ዘየበገሳ ተመሃራይ ኣብ ወጥሪ ክኣቱ ተኽእሎ ኣሎዎ። ንፈተና ከም ክስገር ዘሎዎ መድረኽ ተቐቢሉ ንዕኡ ዝምጥን ምድላዋት ዘይገብር ተመሃራይ፡ ቅነ ፈተና ምስ ኣኸለ ኣብ ወጥሪ ክኣቱ ይርአ።

2- ምጕዳል ርእሰ-ተኣማንነት

ኣብ ገዛእ ርእስኻ ምእማን ማለት፤ ኣብ ፍልጠትካ፡ ክእለትካ፡ ዓቕምኻን ናይ ምትግባር ኣኽእሎኻን ምትእምማን ማለት'ዩ። ርእሰ-ተኣማምነት ሓደ ካብ ኣገደስቲ ዕጥቂ ብሉጻት ሰባት እዩ። ተመሃራይ ኣብቲ ዝፈልጦ፡ ዘጽንዖን ዝተመኰሮን ክተኣማመን ኣብ ዘይክእለሉ እዋን ፍርሕን ሻቕሎትን ይወሮ። እዚ ናይ ፍርሕን ሻቕሎትን ስምዒታት ድማ ናይ ወጥሪ ምልክት እዩ። ፍርሕን ሻቕሎትን ብግቡእ እንተ ዘይተቈጻጺርናዮ ድማ ናይ ምሕሳብ፡ ምዝካር፡ ምርዳእን ምፍታንን ዓቕምና የጕድሎ እዩ።

**3- ኣብ ግዜ ፈተና ዝወሃቡ መምርሒታት ክትርደኦም ዘይምኽኣል**

ናይ ምድላዋት ግዜ ተዛዚሙ ኣብ ፈተና ኣብ ዝኣተናሉ፡ ነቶም ኣብቲ ፈተና ዝወሃቡና መምርሒታት ክንርድኦም ዘይምኽኣል ናብ ወጥሪ የእትወና። ኣብ ግዜ ፈተና ብመምህራንና ኣቐዲሙ ወይ ኣብ መዓልቲ ፈተና ዝወሃበና መምርሒታት ብግቡእ ዘይምክትታል ናብ ወጥሪ ከእትወና ይኽእል።

**4- ቅድሚ ፈተና ዘጽናዕካዮ (ኣዚኻ እትፈልጦ)፡ ኣብ ግዜ ፈተና ክትዝክሮ ዘይምኽኣል**

ብዙሕ እዋን ዘጽናዕካዮ፡ እትፈልጦ ዝነበርካ ሃንደበት ዝጠፍኣካ እዋን ኣሎ። ኣጽኒዕካዮ ክነስኸ ዘወጃበረካ ኣርእስታት ኣሎ። ከምዚ ዓይነት ክስተት ብዙሕ ግዜ የጋጥም እዩ። ኣብ ንቡር ኵነታት ብዙሕ ኣሻቓሊ ዘይክኸውን ይኽእል፣ ኣብ ግዜ ፈተና ተመሃሮ ኣመና ክሻቐሉ ይረኣዩ። ብሰሩ ዝመጽእ ወጥሪ ኸኣ ኣብ ፈተናና ኣሉታዊ ውጽኢት የስዕብ።

**5- ነብስኻ ከተርግእ ዘይምኽኣል**

ኣብ ግዜ ፈተና ምርሃጽ፡ ቃንዛ ርእሲ፡ ናይ ምስትንፋስ ጸገም፡ ወዘተ. ናይ ወጥሪ ምልክታት ምዃኖም ፈሊጥና ነብስና ከነረጋግእ ክንእክእል ኣለና። ነብስና ከነርግእ ዘይምኽኣልና እንተ ፈሊጥና'ውን መሊሱ ናብ ወጥሪ ክሸመና ይኽእል።

**6- ድሕሪ ፈተና ምዝካር**

ኣጽኒዕናዮ ዝነበርና'ሞ ኣብ ማእከል





ፈተና ክንዝክሮ ዘይክኣልና፡ ድሕሪ ፈተና ክንዝክሮ ንኽእል ኢና። ኣብ ፈተና እንክለና ክንዝክሮ ዘይምኽኣልና ከሕስበና፡ ከነድረናን ከሻቕለናን እንተ ኽኢሉ ናብ ወጥሪ ከምርሓና እዩ።

**7-** ድሕሪ ፈተና ምንጽጻር

ካብ ፈተና ምስ ወጻእና፡ መልስና ምስ ናይ ካልኦት መማህርትና መልስን ጥራዝናን ኣነጻጺርና ቅኑዕነት መልስና ክንፈልጥ ንፍትን ኢና። ክንጋገዮም ዘይግብኣና ኲይኖም ዝስምዑና ጌጋታት ምስ ዝጸንሑና እንፈጥሮ ስምዒት፡ ነቲ ዝቕጽል ፈተናታት ተወሳኺ ሻቕሎትን ፍርሕን ሒዝና ክንኣቱ ክገብር ይኽእል።

**8-** ክትቀድሑ ወይ ክተነጻጽር ምሕሳብ

ክትቀድሕ ወይ ምስ ናይ መማህርትኻ መልሲ ክተነጻጽር ኢልካ ምሕሳብ፡ ነቲ ነቲ ናይ ምምላስ ዓቕምኻን ርእሰ-

# ወጥሪ ፈተና ንምውጋድ

ኣብ ግዜ ፈተና ወይ ንፈተና ክንዳሎ እንከለና ዝህሉ ምሽጋር ንኸነጕድል እምበኣር እዞም ዝስዕቡ ነጥብታት ሓገዝቲ እዮም፧

1. ቅድሚ ፈተና ነቲ ዝተወሃበካ መግለጽን ጽሑፍን ብግቡእ ፍለጦ። እዚ ኣብ ግዜ ፈተና ጥራይ ምጽናዕ ዘይኮነ፡ ብመምህር ዝወሃበካ መግለጺታትን ጽሑፍን መዓልታዊ ብምንባብ ክትግበር ይከኣል። ነቲ ዓውደ-ትምህርቲ ኣዚኻ እንተ ፈሊጥካዮ (እንተ መሊኽካዮ) ርእሰ-ተኣማንነት ስለ እተጥሪ፡ ኣብ ግዜ ፈተና (ድሮ ፈተና) ንዝህሉ ሻቕሎት ኰነ ፍርሒ ኣዝዩ የጕድሎ።

2. ንፈተና ክንዳሎ እንከለና፡ እወታዊ ዝኾኑ ሓሳባት ጥራይ ንሕሰብ። ነቲ ፈተና ብዓወት ከም እንሰግሮ (ጽቡቕ ከም እንሰርሕ) ደኣ'ምበር፡ "ከይተርፍ ጥራይ፡" "ከይጋገ ጥራይ፡" "ዘይፈልጦ እንተ መጽኣኸ፡" "ዘጽናዕኩዎ እንተ ዘይዘከርኩዎኸ፡" ዝብል ፍርሕን ሻቕሎትን ዘለዓዕሉ ኣሉታውያን ሓሳባት ነወግድ።

3. ናብ ፈተና ቅድሚ ምእታውና እኹል ዕረፍትን መግብን ከም ዝወሰድና ነረጋግጽ። ኣብ ድሮ ፈተና ምሉእ ለይቲ ምጽናዕ ድኻም ስለ ዘስዕብ፡ ድሮ ፈተና እኹል ዕረፍቲ ንውሰድ። ከምኡ'ውን ቅድሚ ናብ ፈተና ምእታውና እንበልዖ መግቢ ኲሉ ግዜ እንበልዖ (ዘልመድናዮ) ይኹን። ድቃስ ከምጽኡልና ዝኽእሉ መግብታት ኣይንመገብ፣ ከምኡ'ውን ኣዚና ኣይንኽብድ ወይ ኣነብዝሕ።

4. ኣብ ግዜ ፈተና፡ "ዓቕመይ ክገብሮ'የ፡" "ነዚ ፈተና ብዓወት ክሰግሮ'የ፡" ዝብሉ እወታዊ ሓሳባት ጥራይ ንሕሰብ።

5. ብርትዕ ዝበለ ሕቶ ምስ ዘጋጥመና ኣይንጨነቕ። ህድእ ኢልና ነቲ ሕቶ ምልክት ብምግባር ናብ ካልእ እንፈልጦ ሕቶ ንስገር። ነቶም እንፈልጦም ሕቶታት ሰሪሕና ምስ ወዳእና፡ ነቶም ዝገደፍናዮም ተመሊስና ንፈትኖም።

6. ካልኦት ቅድሜና እንተ ወዲኦም ኣይንጨነቕ። ኣብ ፈተና መን ቀልጢፉ ወደአ ስለ ዘየምዝን፡ ህድእ ኢልና ዝተወሃበና ግዜ ንጠቐመሉ። ፈተና ሰሪሕና ምስ ወዳእና ግዜ እንተ'ለና ንድገሞ።

7. እቲ ናይ ፈተና ወረቐት ንመምህርና ምስ ኣረከብናዮ፡ ብዛዕባ እቲ ፈተና ምስ መማህርትና ኬንና ኣይንካታዕ። ነቲ ፈተና ፈጺምና ንረስዓዮ። ምኽንያቱ እቲ ፈተና ተኣሪሙ ምስ ተመለሰና ኣየናይ ቅኑዕ' ኣየናይከ ጌጋ መልስና ሽዑ ክንርእዮ ስለ ዝኾንና። ብተወሳኺ ካብ ፈተና ውጽእ ምስ በልና ብተመሃሮ ዝግበር ክትዓት ነቲ ዝስዕብ ፈተና ብኣሉታ ይጸሉ እዩ። ስለዚ ድሕሪ ሓደ ፈተና ኣተኲሮና ናብቲ ዝስዕብ ፈተና ይኹን።

8. እቲ ፈተና ተኣሪሙ ምስ ተመለሰና፡ ኣየናይ ብጌጋ መሊስናዮ ህድእ ኢልና ንርኣዮ። ብኸመይ ዝበለጸ ውጽኢት ከነምጽእ ምኽኣልና ነይርና'ውን ንሕሰብ። ካብ ጌጋና ንመሃር፣ ምናልባት ኣብ ሓደ ፈተና ሕማቕ ውጽኢት እንተ ኣምጻእና፡ እቲ ፈተና መወዳእታ ህይወት ስለ ዘይኮነ ኣይንጨነቕ። መደብ ብምውጻእ ንመጻኢ ንዝበለጸ ውጽኢት ንጽዓር።

## ካብ ፈተና ጽቡቕ ውጽኢት ንኽተምጽኡ

- መምርሒታት ህድእ ኢልካ ብምንባብ ብግቡእ ተረደኣዮም።

- ዘይተረዳኣካ መምርሒ ንመምህርካ ሕተት።

- እቲ ፈተና ብሓፈሻ ከመይ ከም ዝመስል ነቲ ወረቐት ብምግንጻል ረኣዮ። ኣብ ሓደ ሕቶ ክንደይ ግዜ ከም ዘድልየካ ድማ ወስን።

- ኣብቶም ዝለዓለ ነጥቢ ዝሕዙ ሕቶታት ዝበዝሐ ግዜ ሰልዕ።

- ነቶም ሕቶታት ኲሎም ምስ ሰራሕካዮም፡ ተመሊስካ ብቕኑዕ ከም ዝመለስካዮም ኣረጋግጽ።

- ነዞም ኣብ ላዕሊ ዝተጻሕፉ መግለጺታት ብምኽታል፡ ቅድሚ ፈተና፡ ኣብ ግዜ ፈተናን ድሕሪኡን ንዝረኣዩ ናይ ወጥሪ ስምዒታት ኣዚኻ ከተጕድሎምን ጽቡቕ ውጽኢት ከተምጽእን ሕሰብ።

# ካብ ምድላው ፈተና ዝሕግዙ ምኽርታት

እቲ ክሽፈን ዝተሓሰበ ኣተኩሮ ሂብና ሽፊንናዮ እንተ ኾይንና ነረጋግጽ። ብተወሳኺ ኣብ ግዜ መግለጺ ዝሓዝናዮ ኖት እንተ ሃልዩ ንርኣዮ።

- እንታይን መዓስን ከም እነጽንዕ መደብ ንግበር።

- እንተ ነወሐ ከየቋረጽና ሓደ ሰዓት ነጽንዕ። ድሕሪ ሓደ ሰዓት ካብ ዓሰርተ ክሳዕ ሓሙሽተ ደቒቕ ነዕርፍ።

- ኣብ ፈተና ክመጽእ ዝኽእል ሕቶታት ክንግምቶ ንኽእል እንተ ኾይንና ባዕልና ክንምልሶ ንፈትን።

- ከማና ነቲ ክሽፈን ዝድለ ምዕራፋት ዝሸፈኑ እንተ ኾይኖም፡ ብጉጅለ ምጽናዕ ሓጋዚ'ዩ።

- ኣብቲ መዓልታዊ እንገብሮ መጽናዕቲ ኣገደስቲ ዝበልናዮም ጽማቝ ኖት ክንሕዝ እንተ ጸኒሕና ዝበለጸ'ዩ። ደጊምና ከነንብብ እንከለና፡ እቲ ዝገፈሐ ኖት ምጽናዕ ኣየድልየናን እዩ።

- ፈተናና ዝርዝር መልሲ ዘድልዮ ሕቶታት እንተ ኾይኑ፡ ነቶም ኣገደስቲ ክልሰ-ሓሳባት፡ ኣምራትን ዝምድናታትን ኣድቂቕና ክንርእዮም ይግባእ።

- ኣብ ፈተና ዝመጽኣና ሕቶታት ግድል እንተ ኾይኑ፡ ካብ ጥራዝና፡ ተመሳሳሊ መጽሓፍትን ኣእምሮናን ደጋጊምና ግድላት ንስራሕ።

- ምእንታን ምስቲ ኣቐዲምና ዘጽናዕናዮ ከየደናግረና ኣብ ናይ ፈተና መዓልቲ ካልእ ሓድሽ ክንፈልጥ ሒኸ ኣይንበል።

- ፈተና ንምጅማር እናተዳለና እንከለና ምስ ዝኾነ መማህርትና ብዛዕባ እቲ ፈተና እንተ ዘይኣዕለልና ይምረጽ። ከይተረዳኣና ኣብ ወጥሪ ክንኣቱ ስለ እንኽእል።

- ፈተና ምስራሕ ቅድሚ ምጅማርና በቲ ዝብረሃና መገዲ ነብስና ነነቓቕሓያ።

- ድሕሪ ፈተና ንዘናጋዕ። ንኽነጽንዕ ክንብል'ውን ነብስና ኣይንረስዕ - ጽቡቕ ጌርና ንመገብ።

# ሽምዳዳ ካብ ዘድልዮሉ ኣዋን

ፈተና ኣብ ንዳለወሉ እዋን ከይሸምደድና ዘይኮነልና ተመሃሮ ክንህሉ ንኽእል ኢና። ምሽምዳድ ሳሕቲ ዝውሰድ ኣማራጺ እዩ። ኣብ መንጎ ሓደ ምዕራፍ፡ ከይሸምደድና ነጽንዖምን ክንሽምድዶም ዘገድዱናን ክህልዉ ይኽእሉ'ዮም። ኣበየናይ ክንሽምድድ ንድረኽ ኣለና ክንፈልጥ ይግባእ። ግድን ክንሽምድድ ኣብ ዘለና እዋን እዞም ነጥብታት ምርኣይ ሓገዝቲ ክኾኑ ይኽእሉ'ዮም፤

- ካብ ረበሻ ነጻ ዝኾነ ቦታ ንርከብ፣

- ናይ መጽናዕቲ መደብ ነዳሉ፣

- ኣብ ንሽምድደሉ እዋን ንሰወር፣

- እቶም ኣብ ሎሚ ከነጽንዖም ዝመደብናሎም፡ ኣብ ቅድሜና ንቐርቦም።

***

# ፈተና ካብ ምቕራቡ ክንፈልጦም ዘለና ነጥብታት

እንታይ ዓይነት ፈተና ምኺኑ ንፍለጦ። እቲ ክንዳለዎ ዘለና ብመንጽር እቲ ፈተና ክንልክዖ ስለ ንኽእል። ዓይነት'ቲ ዝመጽኣና ፈተና ክንፈልጦ ከድልየና'ዩ።

- ፈተና፤ ምረጽ፡ ሓቂ-ሓሶት፡ ኣዛምድ ወይ ንኾለን ዘጠቓለለ እንተ ኾይኑ፡ ኣቐዲምና ብምፍላጥ፡ ነቲ እንገብሮ ምድላውን እነህልኾ ግዜ ክንቈጥብን ክሕግዘና ይኽእል'ዩ።

- ፈተናና ምሉእ መግለጺ ዘድልዮ ሕቶን መልስን እንተ ኾይኑ። ዝያዳ መጽናዕትን ዕምቈትን ስለ ዘድሊ ኣደልዲልና ከነጽንዕ ይግባእ።

- ኣብ ፈተናና ዝመጽኡ ሕቶታት ግድላት እንተ ኾይኖም ፍልይ ዝበለ ምድላዋት ክንገብር ንግደድ። ግድላት እቲ መሰረታዊ ኣምራቶም (concepts) ክንፈልጦምን ብብዙሕ ሕቶታት ክንለማመድን የድልየና።

- ፈተናና ካብዞም ኣቐዲምና ዝረኣናዮም ዝተሓዋወሱ ክኾኑ ስለ ዝኽእሉ፡ ንኹሉ ዘጣመረ መጽናዕቲ የድልየና።

2. ኣየናይ ምዕራፍ ኣንቢብና ክንሸፍን ወይ ክንዳሎ ከም ዘለና ንፍለጦ። ኣብ ክፍልና እንወስዶም ንኣሽቱ ፈተናታት ናብ ዝተወሰኑ ኣርእስታት ዝዓለሙ ስለ ዝኾኑ፡ ኣየናይ ምዕራፍ ከም እነጽንዕ ምፍላጥ ካብ ዘይተደልየ ሃልክን ጸቕጥን ከገላግለና ይኽእል።

3. ኣብ ፈተና ክንደይ ሕቶታት ክመጽኣና ምኺኑ ንፍለጥ።

4. ንፈተና መስርሒ ዝወሃበና ግዜ ምፍላጥ'ውን ንኣሳልጦና ሓጋዚ'ዩ።

# ሻውዓተ
# ግጉይ ልምድታት ድሕሪ ምግቢ

ብዛዕባ ድሕሪ ምግቢ ክንገብሮም ዝግበኣና ዘይግበኣናን ብዙሕ ይበሃልን ይዕለልን እዩ። ነዞም ዝስዕቡ 7 **ግጉይ ልምድታት ድሕሪ ምግቢ** ብግቡእ ክነስተብህለሎም ምሁራት ናይ'ዚ ዓውዲ ይምሕጸኑ።

### 1. ምትካኽ ሽጋራ፦

ድሕሪ ምግቢ ብኡ ንብኡ ሽጋራ ምትካኽ፡ ካብ'ቲ ንግምቶ ንላዕሊ ሳዕቤን ኣለዎ። ምኽንያቱ 1 ሽጋራ ድሕሪ ምግቢ ምውሳድ፡ ክንዲ ናይ 10 ሽጋራ ሳዕቤን ይህልዎ።

### 2. ጾዑቕ ምንቅስቓስ ምስራሕ፦

ዋላ'ኳ ኩሉ ሰብ ድሕሪ ምግቢ ምንቅስቓስ ምዝውታር ከም ቅኑዕ ዝወስዶ እንተ ኾነ፡ እቲ ሓቂ ግን ብኣንጻሩ እዩ። ምኽንያቱ እትገብሮ ምንቅስቓስ ወይ ስፖርት ኣካላትካ እቲ ዝድለ መኣዛታት ካብ ምግቢ ንኸይመጹ ይዓግት። ስለዚ ድሕሪ ምግቢ ህዱእ፡ ቀሊልን ብዙሕ ሃልኪ ዘይብሉ እግሪ ጉዕዞ ከነዘውትር ንምከር።

### 3. ካካካትካ ምሕጻብ፦

ኣብዛ ጉዳይ'ዚኣ ድሕሪ ምግቢ ነብስና ንኸይንሕጸብ ዝመኽሩና ኣዴታትና ሓቀን እየን። ምግቢ ድሕሪ ምብላዕና ዝበዝሐ ደም ናብ ከባቢ ከስዐ ብምኻድ ንምሕቃቕ የሳልጥ። ማይ ምስ እንሕጸብ ወይ ድማ ምስ እንሕንብስ ኣካላትና ፍልልይ ናይ ሙቐት ስለ ዝስምዖ ማይን ምንቅስቓስን ድማ ንስርዓተ ዙረት-ደም ስለ ዘቀላጥፍ፡ ደም ናብ ምሉእ ኣካላትና ይዝርጋሕ። በዚ ምኽንያት ድማ ምሕቃቕ ምግቢ ይደናጐ።

### 4. ምስታይ ሻሂ፦

እዚ ኣብ ብዙሓት ሰባት ዝርአ ጌጋ ልምዲ እዩ። ካፈይን ማለት እቲ ቀንዲ ትሕዝቶ ቆጽሊ ሻሂ ምስ ኣብ ምግብና ዝርከብ ሓጺን ብምትሕሓዝ እቲ ኣገዳሲ ማዕድን ናብ ኣካላትና ንኸይሕወስ ይገብር። እዚ ብፍላይ ንዋሕዲ-ደም (ኣነምያ) ዘለዎም ሰባት ሓደገኛ ክኸውን ስለ ዝኽእል፡ ብውሑዱ ክሳብ ሓደ ሰዓት ድሕሪ ምግቢ ሻሂ ክሰትዩ ኣይግባእን።

### 5. ናይ ክብዲ ስፖርት ምስራሕ፦

ድሕሪ ምምጋብ ብቐጥታ ናይ ከብዲ ምንቅስቓስ ኣካላት ምክያድ ናይ መዓናጡ ምትእስሳር (ምጥንናግ) ከስዕብ ይኽእል። እዚ ጥራይ ዘይኮነ፡ ንስርዓተ ምሕቃቕ ምግቢ የደናጕን ዝያዳ ክብደት ኣካላት ንኽትውስኽ ይገብርን።

### 6. ፍረታት ምብላዕ፦

ኣካላትና ንፍረታት ኣብ ሓጺር ግዜ እዩ ዘሕቅቖም። ይኹን'ምበር ምስ ምግቢ ሓዊስና ወይ ኣከታቲልና እንተ ወሲድናዮም ኣብ ከስዐ ንነዊሕ ሰዓታት ይጸንሑ እሞ፡ መሽሚሽም ጋዛትን መርዝን ይተፍኡ። ብተወሳኺ ኣብ ቈርበት ቀጸላ ናይ ዝተኣከበ ስብሒ (cellulite) ንኽፍጠር'ውን የተባብዕ። ስለዚ ፍረታት ኣብ ጥራሕ ከብድኻ ወይ ድማ 2 ሰዓታት ቅድሚ ወይ ድሕሪ ምግቢ ጥራይ ክንወስድ ንፈትን።

### 7. ምድቃስ፦

ኣብ ግዜ ድቃስ ዝበዝሐ ንጥፈታት ኣካላትና ስለ ዝዝሕል ዝበላዕናዮ ምግቢ ብቐሊሉ ክሓቕቕ ኣይክእልን። ንጋድም በጥ ምባል ንባዕሉ፡ ንመስርሕ ኣተሓቕቓ ምግብን፡ ምንዛዕ ኣሕቀቕቲ ፈሰስትን ምቹእ ስለ ዘይኮነ እቲ ዕዮ ክዕመም ኣይክእልን። እኳ ደኣ ንኸም ብዓል ቀሓር ዝኣመሰሉ ናይ ከስዐ ሕማማት ከቃልዓና ይኽእል። ስለዚ ናይ ምግቢ ሰዓታትና ካብ እዋን ድቃስ ብውሑዱ ብ2 ሰዓታት ክፍለ ተመራጺ እዩ።

ዝምልከቶም ምሁራትን ሰብ ሞያን ብምውካስ፡ መጽናዕታዊ ጽሑፋት ብምድህሳስን ሓፈሻዊ ባህልን ክብርታትን ሕብረተሰብ ኤርትራ ኣብ ግምት ብምእታውን መልሲ እተዋህቦም ሕቶታት ኣነበብቲ መጽሔት መንእሰይ ስዒቡ ይቐርብ። ኣብ ዝወሃብ መልሲ ተወሳኺ ርእይቶ ወይ ሓሳባት ምስ ዝህሉ፡ መጽሔት መንእሰይ ናይ ኢሂን ምሂን ባይታ ክትከፍት ድሉውቲ ከም ዘላ ድማ ንነበብታ ንሕብር።

## ጽልዋ ሃብትን ድኽነትን ኣብ ሓዳር

***ኣብ መወዳእታ ዕስራታት ዝርከብ መንእሰይ እየ። ቅድሚ ክልተ ዓመታት ኣቢለ ዝተላለኽዋን መናብርቲ ክትኮነኒ ዝተመነኽዋን ኳል ሄዋን ኣላ። ብርድኢተይ፡ ኣባይ ዘለዋ ኣረኣእያ እወታዊ ይመስል። እንተኾነ ክሓታ ኣይደፈርኩን። ክሓታ ኣብ ዝብገሰሉ እዋን፡ ኣብ ኣተዓባብያና ዘሎና ፍልልይ ኣብ ግምት ኣእትየ ሰጋእ መጋእ እብል። ንሳ ካብ ኣዝዮም ርኹባት ስድራቤት እያ። ኣነ ድማ በንጻሩ። ሽሕኳ ድሕሪ ትምህርቲ ኣብ ስራሕ ብዘጥረኽዎ ሞያ መነባብሮይ ብጽቡቕ እመርሕ እንተ ሃለኹ፡ ኣተዓባብያኣን ህሉው ኵነታታን ርኢኻ ናይ ሰማይን ምድርን እዩ ፍልልይ ዘሎና። ስክፍታይ ኣባይ ብዙሕ ትጽቢት ከይህልዋ እሞ፡ ብሓደ ክንነብር ምስ ጀመርና “ከምዚኸ ኣሎ ድዩ?” ኢላ ብመነባብሮይ ተገሪማ፡ ንርእሳ ተጎዲኣ ንኣይ ከይትልክመኒ እዩ። እዚን ወዲ ኽምዝን ንድሕሪት ይጐተኒ ኣሎ`ሞ፡ እንታይ ርእይቶ ኣለኩም?***

*ባቢኤል ካብ መንደፈራ*

ንፍቕሪ ኣብ ሓደጋ ዘውድቑ፡ ኣብ መንጎ ክልተ ተጻመድቲ ዚህሉ ጩቡጥነት ዘይብሉ ትጽቢት እዩ።

ብመጀመርታ ንኹነታት መነባብሮኻ፡ ኣተዓባብያኻ፡ ዘሎካ መጻኢ መደባት ... ከይሓባበእካ ጽቡቕ ጌርካ ከተዕልላ ፈትን። ናይ ብሓቂ ትፈትወካ እንተ ኾይናን ምሳኻ ናይ ምንባር ዕላማ እንተ ሃልዩዋን፡ ምስ ኩሉ ሕጽረታትካ ክትቅበለካ እያ። ንሓፈሻዊ ኵነታትካ ፈሊጣ ትኣቱ እነተ`ላ ኸኣ ብዙሕ ካብ ሓቂ ዝረሓቐ ትጽቢታት ኣይክህልዋን እዩ። ተመርዕያ ኣበየናይ ገዛ ከም ትኣቱ ክትፈልጥ እያ። ነገራት ኣዛሚዳ ንኽትውስን ከኣ ክሕግዛ እዩ። ሓቀኛ እንታይነትካ ፈሊጣ ነቲ ዝምድና ንዘይምቕጻል እንተ ወሲና ኸኣ ትብሎ የብልካን። መንገድኻ ቀይርካ ብንቕሓት ምስጓም ጥራይ እዩ።

ብኻልእ`ውን፡ ዋላ ንሳ እንተ ተቐበለቶ፡ ኣይግበሮ እምበር ስድራኣ ንኻልኦት ኪህብዋ መዲቦም ክህልዉ ይኽእሉ እዮም። ኣብዚ፡ ‘ንሳ ማዕረ ክንደይ ንስድራኣ ከተእምኖም ትኽእል፡ ስድራኣኸ ማዕረ ክንደይ እዮም ንውሳነኣ ብንጽህና ዝቕበልዎን ብምርጫኣ ንኽትጓዓዝ ናጽነት ዝህብዋን’ ክትምልሾ ዘሎካ ዕዮ ገዛ ይመስለና። እዚ ኹሉ ኣብ ግምት ኣእቲኻ ኣብ ውሳነ እንተ በጺሕካ ኸኣ ብዙሕ ሽግር ኣይክህልወካን እዩ።

እቲ “ጸገማት ዘይትጻወር ከይትኸውን ብዙሕ ኣስጊኣትኒ” ዚብል ስክፍታኻ ኸኣ ኣብዚ ዚጠቓለል ይመስለና። ምሳኻ ናይ ምንባር ዕላማ እንተ ሃልይዋ፡ መነባብሮኹም ኣብ ግምት ብምእታው ኩሉ ነገር ተጻዊራ ክትጓዓዝ ከም ዘለዋ ኣይክትስሕቶን እያ። ስድራኣ ኣኽል ተረፍ ጸጋ እንተ ሃልይዎም፡ ሃብቲ ናይ መነባብሮኹም ናብቲ ንሳ እትደልዮ ክዝንብል እምንቶ ኣሎንና። ብፍቕርን ስኒትን ናይ ምንባር ዕላማ ንዘለዎ ሰብ ከኣ ከቶ ዝዓግቶ የለን።


## ሃይፖኮንድርያሲስ

**ሕቶ፡- ሓደ ኣብ መገዲ ዝረኸበኒ ጐበዝ፡ ገና ካብ’ዚ ናይ ‘ሃይፖኮንድሪያሲስ’ ስምዒትካ ናጻ ኣይወጻእካን ኢሉኒ። ንምዃኑ ‘ሃይፖኮንድሪያሲስ’ እንታይ ማለት እዩ? ብኸመይከ ይፍወስ?**


**ኣሕመድ ወዲ ኸረን**

መልሲ፡- ብሕክምናዊ ኣገላልጻ፡ ብፍርህን ጭንቀትን ኣእምሮ ዝሳቐዩ ሰባት፡ ሕማሞም ’ሃይፖኮንድሪያሲስ’ ወይ ‘ሃይፖኮንድርያ’ (Hypochondriasis or hypochondria) ይበሃል። እቶም በዚ ተርእዮ ዝጥቕዑ ኸኣ፡ ብርግጽ፡ መንእሰያት እቶም ቀዳሞት’ዮም። በዚ መዳይ እዚ፡ እቶም መንእሰያት ኣብ ኣካሎም ይኹን ውሽጣዊ ህዋሳቶም ዘየሎ ምልክታት ሕማም እናጠቐሱ ነብሶም ‘ደሓን’ ከምዘየላ የእምንዋ። በዚ ኸኣ ናይ ዘንበብዎ ይኹን ዝሰምዕዎ ምልክታት ሕማም ኣብ ርእሶም ብምሓዝ፡ ብጭንቀት ዘየለ ሕማም ይጥቅዑ። ንቡር ኣካላዊ ስምዒት ምግናን፡ ስምዒታት “ጥዕና የብለይን” ዝብል

ርድኢት ምሕዳር፡ ልቢ ኻልኦት ንምምሳጥ ኢልካ ዝግበር ናይ ዘይደሓን ዕላላትን ምህላው፡ ተነቓፊ ስምዒትን ከኣ ካብ'ቶም ጠንቅታት ምኺኖም ይፍለጥ። ስለ'ዚ፡ ሚዛናዊ ርድኢት ምምዕባል ፈውሲ ምኺኑ ክንግንዘብ ጽቡቕ ነገር'ዩ።




ተመራመርቲ ናይዚ ዓውዲ፡ ውጽኢታዊ ኣገባብ ፍወሳ ናይ ኸምዚ ዓይነት ሕማም “cognitive behavioral therapy (CBT)” ምኺኑ ኣረጋጊጾጽሞ ኣለዉ። እዚ ዲያግራም'ውን ስምዒታት፡ ሓሳባትን ባህርያትን ኣብ ነንሓድሕዶም ከመይ ይጸላለዉ እዩ ዘርእየና። ምስ ሕክምና ኣእምሮ ዝተኣሳሰር ስለዝኾነ፡ ንዝያዳ ሓበሬታ ናብ ሕክምና ኣእምሮ ብምኻድ ምስ ብዓል ሞያ ምምኽኻር ኣድላዪ እዩ። እዘን ኣብዚ ፖስተር ዘለዋ ዓሰርተ ትእዛዛት ጥዕና ኣእምሮ'ውን ሓጋዚ ግደ ክህልወን ይኽእል እዩ።




# ይቕረ ምባል (Forgiveness)

**ሕቶ፥ ዋላ ከም ዝበደልኩ እናተረደኣኒ፡ ይቕረ ምባል ይኸብደኒ እዩ። ብሰንኩ ሓዳርና ምኲርራይ ዝበዝሖ ይኸውን ኣሎ። ኣብ እዋን ደሓን በዓልቤተይ ብዛዕባ'ዚ ክወቕሰንን ክመኽረንን ይፍትን እዩ። ንሸዕኡ ይርደኣኒ እዩ። ኣብ ግብሪ ግና ኣይሰርሓሉን። ብኸመይ ክለማመዶ እኽእል? ስመይ ይተዓቀበለይ።**

መልሲ፥ ይቕረ ምባል ፈውሲ ሕርቃንን ቁጥዐን እዩ። ይቕረ ምባል ኩሉ'ቲ ዘሕርቐካን ዘቐይመካን ነገር ምሕዳግ ስለ ዝኾነ፡ ዋላ ኣብ ጥዕና እውን ጠቓሚ እዩ። ኣብ ሓዳር ኣብ ዝኾነ እዋን ምትሕርራቕ ወይ ምኲርራይ የጋጥም እዩ። ፍጹም ኣብ ዘይሓሰብክዮን ዘይተዳለኽሉን ኵነታት ሀሩግ ክብለኪ ይኽእል'ዩ። ተለማሚድክዮ እንተ ዘይጸኒሕኪ፡ ኣብ ኣተሓሕዛኡ ክሕርብተኪ ይኽእል'ዩ። እቲ ፍታሕ ይቕረ ንምባል ወትሩ ድሉውቲ ምኺን እዩ።

ኲራ መካይዲ ሓዳር እዩ። ኣብ ደረጃታት ክፈላለ ፍሉጥ እኳ እንተ ኾነ፡ ኲራ ዘይብሉ ሓዳር ኣሎ ኢልካ ደፊርካ ክትዛረብ ዝከኣል ኣይኮነን። ዋላ እቲ ቅዱስ መጽሓፍ፡ “ኣብ ኲራኹም ጸሓይ ኣይዕረብኩም” ክብል ከሎ፡ ነቲ ግዝያዊ ምኲሩራይ ከም ቅቡል ገይሩ ስለ ዝወሰዶ እዩ። ኣብ ልዕሊ መጻምድትኺ ቂምታ ሒዝኪ ነዊሕ ክትጎዓዚ ኣይግባእን። ኲራኺ ሕነ ብምፍዳይ ክትድብስዮ እንተ ፈቲንኪ'ውን፡ ናብ ካልእ ጽልእን ጎንጽን ደኣ ተምርሒ እምበር፡ ፍጹም ፍታሕ ክኸውን ኣይክእልን።

እቲ ብልጫ፡ ኲራኺ ቀልጢፍኪ እተህድእሉ ፍታሕ ክትረኽቢ ምሕላን እዩ። ቀሊል'ዩ - ግርህ ኢልኪ ይቕረ ንምባልን ይቕረ ንምቕባልን ወትሩ ድሉውቲ ምኺን እዩ።

ገለ መጻምድቲ ብሰንኪ ይቕረ ዘይምብህሃል ኣብ ሓዳሮም ንፋስ ከእትዉ ክትርኢ ዘሕዝን እዩ። ንመጻምድኻ ይቕረ ካብ ምባል ወይ ምቕባል ምሕንጋድ ምልክት ሕሰም እዩ። ሕሱም ሰብን ሕጉስ ሓዳርን ድማ መካይዲ ኣይኮኑን። ሕጉስ ሓዳር ብወገን ሰብኣይን ይኹን ሰበይቲ፡ ፈቓር ምኺን፡ ርትዓዊ ምኺን፡ ሓላዪ ምኺን ይጠልብ።

ኣብ ሓዳር ይቕረ ምባል ፈውሲ ቁስሊ እዩ። ይቕረ ምብህሃል ዘለዎ ሓዳር ካብ ግዜ ናብ ግዜ ይጥዕን የጕላዕልዕን። ቡኽረት ይቕረ ምባል ዘለዎ ሓዳር ድማ በንጻሩ ካብ ግዜ ናብ ግዜ ይቕምስልን እናሓረረ ይኸይድን። ብይቕረ ምባል ብቐሊሉ ክፍወስ ዝነበሮ ጉዳይ፡ በብቕሩብ እናተጋፍሐ



ንኽሓዊ ኣብ ዘጸገም ደረጃ ክዓርግ ይኽእል።

ሓደ ካብ መምዘኒታት ጥዑይ ሰብኣይ ወይ ጥዕይቲ ሰበይቲ ይቕረ ምባል እዩ። ክልቲኦም መጻምድቲ ኣብ ሓድሕዶም ይቕረ ምባል እንተ ተለማሚዶም፡ ኣብ ሓዳሮም ካልእ ሳልሳይ ኣካል ዘእቱ ምኽንያት ኣይህልዎምን። ሓዳር ብዘይ ሰንደልደል ንብዙሕ ዓመታት ድልዳለኡ ዓቂቡ ክቕጽል እንተ ተዓዚብና፡ እቶም መጻምድቲ ኣብ ሞንጎኦም ይቕረ ምባል ተለማሚዶም ኣለዉ ማለት እዩ።

ስለዚ ዝያዳ ይቕረ ምባል ምስ እተዘውትሪ፡ ዝያዳ ሕጉስ ሓዳር ከተስማቕሪ ምኺንኪ ኣይትዘንግዒ። ስነ ኣእምሮኣዊ ምድላው እንተ ጌርክን፡ ኣብ ብዓል ቤትኪ ልባዊ ፍቕሪ እንተ ኣማዕቢልክን፡ ይቕረ-ምባል ኣዝዩ ቀሊል ክኾነልኪ ምኺኑ ተረድኢ። ተበግሶ ምውሳድ ጥራሕ እዩ ክሓተኪ።

## ዝሓሸ ኣገባብ ኣመጋግባ

***ሕቶ፥*** *ኣብ ኣርብዓታት ዝርከብ ነጋዳይ እየ። ኣብ ሰብነተይ ቅሩብ ናይ ምኽራሽ ኵነታት እረኣየኒ ስለዘሎ፡ ናይ ኣመጋግባ ለውጢ ክገብር ወሲነ ኣለኹ። ብብዙሓት'ውን ተመሳሳሊ ምኽሪ ይቐርበለይ ኣሎ። ስብሕን ቅብኣትን ዘለዎ ክምገብ ከም ዘይብለይ ተረዲኡኒ ኣሎ። ኣብዚ ጉዳይ ምኽሪ ክትህቡኒ ድልየ ዘለኹ፡ ጥዑይ ሂወት ንኽመርሕ እንታይ ዓይነት ምግቢ'የ ክዘውትር ዘሎኒ? ካብ ኩሉ ስጋን ውጽኢት ጸባን ፈጺመ ድየ ክርሕቕ ዘሎኒ ወይስ ብመጠኑ እንተ ኾይነዩ ዝሓይሽ። ምኽርኹም ብህጹጽ ኣገዲሱኒ ኣሎ። ብወገነይ ገለ ስጉምትታት ክወስድ ጀማሚረ'ኳ እንተ ኾንኩ፡ ውርጹጽ ምኽርኹም ክትህቡኒ እሓትት።*

ፍሰሃየ ቦኽረ ካብ ዘባ ማእከል

**መልሲ፥** ዝተመጣጠነ መግቢ ብምብላዕ ወይ ኣብ ኣወሳስዳ ምግቢ ጥንቃቐ ብምግባር ጥዕናና ክንሕሉ ከም ዝግባእ ርዱእ ነገር እዩ። ትሕዝቶ ስጋ ዘይብሉ ምግቢ ምምጋብ (Vegetarian diets) ይበሃል። ኣሕምልቲ ዝምገብ ሰብ እኹል ቫይታሚናት፡ ማዕድናትን ካብ መንሽሮ ዝከላኸሉ ውህደታትን ይረክብ። ኣሕምልቲ ብብዝሒ ምምጋብ ካብ ከም በዓል መንሽሮ፡ ሽኮርያን ሕማም ልብን ዝኣመሰሉ ሓያለ ሕማማት ከም ዝከላኸሉ ዝተኻየደ ሳየንሳዊ ምርምር የረጋግጽ፤ ብዝበዝሑ ሊቃውንቲ ሕክምና እውን ዝድገፍ ኣገባብ ኣመጋግባ እዩ። ካብ ስጋ ርሒቔም ኣሕምልትን ኣቝጽልትን ዝምገቡ ሰባት፡ ብሰንኪ ምግቢ ክስዕቡ ንዝኽእሉ ሕማማት ንምክልኻልን ሓፈሻዊ ኵነታት ጥዕናኻ ንምሕላውን ሓጋዚ ስለዝኾነ ዝተባባዕ'ዩ።

እቲ ካልእ ኣገባብ ኣመጋግባ፡ ስጋን ውጽኢቱን ጥራይ ዘይኮነ፡ ኩሉ ውጽኢት እንስሳ (ስጋ፡ ጸባን ውጽኢቱን፡ እንቋቑሖን ካልእ ውጽኢት እንስሳታትን) ዘይምውሳድ እዩ። እዚ ኣገባብ “Vegan diets” ይበሃል። ኣብ ጉዳይ ጥዕና መጺእካ፡ እዚ እቲ ዝሓሸን ውጽኢታውን ኣገባብ ኣመጋግባ ምኺኑ መጽናዕታት ሕክምና የረጋግጹ። ዝኾነ ውጽኢት እንስሳ ዘይምገቡ ሰባት ካብቶም ስጋ ዘይበልዑ ዝተሓተ ኮሌስትሮልን ስብሕን ካሎርን ስለዝወስዱ፡ ኣብ ጥዕና ኣዝዩ ውጽኢታዊን ኣተኣማማንን እዩ።

እሞ ፍሰሃየ ንሕቶኻ ሓጺርን ንጹርን መልሲ ረኺብካሉ ክትከውን ንትስፎ። ንዝያዳ ሓበሬታ ግና ሰብ ሞያ ክተማኽር ወይ'ውን ኣብ መጻሕፍቲ ወይ'ውን ኣብ ኢንተርነት ክትፍትሽ ንመኽረካ።





## ዋሕዲ ጨው ኣብ እዋን ንእስነት

***ሕቶ፦ ጓል 15 ዓመት እየ። ኣቦይ ጸቕጢ ደም ስለ ዘሎዎ፡ እሞ ድማ ምስኡ ስለ ንምገብ፡ ኲሉ እንበልዖ ዳርጋ ጨው ዘይብሉ እዩ። እዚ ኣመጋግባ'ዚ ብናኣሽቱና ስለ ዘተኣታተናዮ፡ ኣብ ምስትምቓር ጸገም ዘበሃል የብልናን። ኣብዚ ለንቀነ ግና ሓደ ሕክምናዊ ኣፍልጦ ዘሎዎ ቤተ-ዘመድ፡ ኣመጋግባይ ጽቡቕ ከም ዘየሎን ክሳዕ ጽቡቕ ገይረ ዝዓቢ ዝተመጣጠነ ጨው ክወስድ ከም ዝግብኣንን እዩ ሓቢሩኒ። እዚ ናይ ኣቦይን ዘመደይን ሓሳባት ተጻራሪ ምኽሪ ይጋጨወኒ ኣሎ'ሞ፡ ብወገንኩም ከ እንታይ ዓይነት ኣመጋግባ ይሓይሽ ትብሉ?***

**በረኸት ኣብርሃም ካብ ከረን**

መልሲ፦ ጨው፡ ኣብ ጥዕና ደቂ ሰባት ኣገዳሲ ጥራይ ዘይኮነ፡ ኣዝዩ ወሳኒ'ውን እዩ። እቲ ምንታይሲ፡ ብህላወ ጨው ኣብ ኣካላትና እዩ - ሚዛናውነት ማዕድናትና (Electrolyte Balance) ዝሕሎ። ኣብ ዕድመ ንእስነት፡ ጨው ብምጡን ኣገባብ እንተ ዘይተወሲዱ፡ ብዋሕዲ ሶድዮምን ክሎሪንን ዝበሃሉ ባእታታት ምጥቃዕ ዘይተርፍ እዩ። ዋሕዲ ናይ'ዘም ዝተጠቕሱ ባእታታት ከኣ ንዝተፈላለዩ ጸገማት ብምቅላዕ ክሳብ ሞት'ውን ከብጽሕ ስለ ዝኽእል፡ ግድን ምጡን ዓቐን ጨው ምውሳድ ከድልየኪ እዩ። ብዝሒ ጨው፡ ብማይ ምስታይ ክንቈጻጸሮ ስለ እንኽእል፡ ብዙሕ ጸገም ዘሎዎ ኣይኮነን። ዕድመ እናደፋእና ብዝኸድና ግን፡ ምንቅስቓሳትና ስለ ዝጐድል፡ እንወስዶ መጠን ጨው ምንካይ ከድሊ እዩ። ጸቕጢ ደም ዘሎዎ ሰብ እንተኾነ'ውን፡ መጠን ዝወስዶ ጨው ትሑት ክኸውን ደኣ'ምበር፡ ፈጺሙ ጨው ክወስድ የብሉን ማለት ከም ዘይኮነ'ውን ንእገረ-መገዲኺ ነቦኺ ክትዘኻኽርልና ንላበወኪ።



## ደቀ'ንስትዮ ዝያዳ ደቂ ተባዕትዮ እሙናት ድዮን?

**ሕቶ፦ ብዙሕ እዋን ከስተብህል ከለኹን ኣብ ገለ መጽናዕታዊ ጽሑፋት'ውን ከም ዝረኸብክዎን፡ ብዙሓት ደቀ'ንስትዮ ዝያዳ ደቂ ተባዕትዮ እሙናት ምዃነን እየ ኣንቢበን ኣስተብሂለን። ብዙሓት ደቂ ተባዕትዮ ካብ ኪዳኖም ወጻኢ ርክብ ከም ዚፍጽሙ፡ ብኣንጻሩ ብዙሓት ደቀ'ንስትዮ ኸኣ ኣብ ኪዳነን ጽኑዓት ምዃነን'ዩ እቲ ዘንበብክዎ ጽሑፋት ዚሕብር። እዚስ ባህሊ ዝፈጠሮ ጽልዋ ድዩ ወይሲ ስነ-ፍልጠታዊ ሞጎት ኣሎዎ?**

**ኣውዓሎም ካብ ኣስመራ**

መልሲ፦ ኣእምሮና፡ ንስምዒታውን ጾታውን ድልየታትና ዝድርኽን ዝቈጻጸርን ኣካል ምዃኑ ርዱእ እዩ። ካብ ኣእምሮና፡ ነዚ ጾታዊ ድራኸን ቁጽጽርን ዘሰላስል ክፋል ከኣ ሃይፖታላማስ (Hypothalamus) እዩ ዚበሃል። ናይ ደቂ ኣንስትዮ ሃይፖታላማስ ከኣ ካብ ናይ ደቂ ተባዕትዮ ኣዝዩ ዝነኣሰ ምዃኑ ስነ-ፍልጠት ኣረጋጊጽዎ እዩ። እዚ ከይኣክል፡ ነዚ ሃይፖታልማስ ዘነቓቕሕ ቴስተስትሮን (Testosterone) ዚበሃል ሆርሞን'ውን ኣብ ደቂ ኣንስትዮ ብኣዝዩ ውሑድ መጠን'ዩ ዚርከብ። ሰለዚ'ዩ እምበኣር ብዙሓት ደቀ'ንስትዮ ካብ ደቂ ተባዕትዮ ዝተሓተ ጾታዊ ድፍኢት ዘሎወን።

እንተኾነ፡ ብሰንኪ እዚ'ዩ ብዙሓት ደቂ ተባዕትዮ ዝያዳ ዘዋሪት ኮይኖም ኢልካ ምድምዳም ኣይክኣልን እዩ። ምኽንያቱ፡ ዝበዝሕ ካብ ተግባራትና ብኣእምሮና እዩ ዚፍጸም። ኣእምሮና ኸኣ ልዕሊ'ቲ ምሳና ዚፍጠር ባህሪኡ፡ ብኣተዓባብያና፡ ትምህርትና፡ ኣከባቢና ወዘተ እዩ ዚጽሎ። ስለዚ እቶም ካብ ሓዳሮም ወጻኢ ዚዝምዉ ይኹኑ ሕማቕ ባህርያት ዘሎዎም ሰባት፡ ብሰንኪ'ዚ እተጠቕሰ ስነ-ፍልጠታዊ ሓቂ ጥራይ'ዮም ዚድረኹ ምባል ኣይክኣልን። እንታይ ደኣ፡ ኲለንትናዊ ድሕረ ባይታኻ ወይ ኣተዓባብያኻ ኣብ ምምእዛን ባህርያትካ ዝለዓለ ተራ እዩ ዘሎዎ።

## “ልዕሊ ድምጻዊት ተለሃይት ምኻን'የ ዝፈቱ!!”


# ሜሲ ድምጻዊት ደቀንስትዮ ስነ-ጥበበኛታት

# ኤደን ክሰተ

ኣብርሃም ሚካኤል (ኑማ)



ስነጥበበኛ ኤደን ብሕጻና



ኤደን ክሰተ ድሕሪ ናጽነት ብ1992 ካብ ኣቡኣ ኣቶ ክሰተ ኣስመላሽ፡ ኣዲኣ ወይዘሮ ገብርኤላ ክሰተ ኣብ ኣስመራ ከባቢ ሓዝሓዝ ተወሊዳ። ምስ ኮነታት ስራሕ ወላዲኣ፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ገዛውቲ ናይ ኣስመራ'ያ ዓብያ። ካብ ቀዳማይ ክሳብ ካልኣይ ክፍሊ ኣብ ቤት ትምህርቲ ኣዱሊስ ኣስመራ፡ ካብ ሳልሳይ ክሳብ ሻዱሻይ ድማ ኣብ ከረን ተማሂራ። ወላዲኣ ስርሑ ምስ ህንጻ ዝተሓሓዝ ምንቅስቓስ ዝነበሮ ስለ ዝነበረ፡ ኤደን'ውን ምስ ስድርኣ እናተንቀሳቐሰት'ያ ትምህርታ ትኸታተል ነይራ።

እተን ኣብ ከረን ዝነበረትለን ዓመታት ከም ተጻዋታቲት ኵዕሶ እግሪ ብምኳን ንመባእታ ቤት ምህርቲ ዑና ከረን ብዙሕ ዓወታት ኣምጺኣትላ'ያ። ብኽእለታ ናይ መጻኢት ብልጽቲ ተጻዋታቲት ኵዕሶ እግሪ ከትከውን ከም እትኽእል ተስፋ ብዙሓት'ዩ ነይሩ። እንተ ኾነ ግን ወላዲኣ ውዕል ስርሑ ስለዝዛዘመ፡ ንኣስመራ ተመልሱ። ኣሰልጠንታ ኣይተዋሕጠሎምን። ኣማራጺ ስለ ዘይነበሮም ግዳ፡ ኣብ ኣስመራ ከትቅጽሎ'ን ኣብ ዝለዓለ ደረጃ በጺሓ ክርእይዋ ከም ዝደልዩን ተማሕጺኖም ተፋነውዋ።

ኣብ ኣስመራ፡ ሻውዓይ ክፍሊ ኣብ ቤት ትምህርቲ ሳልምባ ትምህርቲ ቀጺላ፡ ከይጸንሐት ድማ ናብ ቤት ትምህርቲ እንባ ጠቐራ ሰጊራ። እንተ ኾነ ኣብዚ ቤት ትምህርቲ ኵዕሶ ኣይቀጸለቶን። ቀልጢፉ'ያ ጫማኣ ሰቒላ። ኮነታት ተቐያይሩ እቲ ካብ ግዜ ንእሰነታ ትፈትዎን፡ ኣብ መንበሪ ቤታ ስራሕ ገዛ እናዓየየት ማዕር ማዕረ ራድዮ እናደረፍት ትስዕስዖ ዝነበረት ፍቕሪ ትልሂት፡ ንኵዕሶ ኣረሲዑ ድሌት ውሽጣ ንምስማር ብድፍኢት መሓዝኣ ኣብ ጉጅለ ባህሊ ቤት ትምህርቲ እምባ ጠቐራ ተጻንቢረን ክልሃያ ጀመራ። ኣብ'ቲ ጉጅለ ባህሊ፡ ከም ተላሃይትን ድምጻዊትን ብምኳን ብዙሕ ስነ ጥበባዊ ዕዮታት ኣበርከተት።

ኣብ 2011 ብቕዓት ኣደራርፍኣ ዝተዓዘበ መምህራ፡ ኣብ ሃገራዊ ውድድር ሽንግርዋ ከትፍትን ኣለዋ ብምባል ከይዱ ኣመዝገባ። ኤደን ቅጥዒ መምዝኒ ሽንግርዋ ክትመልእ ናብ ቤት ጽሕፈት ሽንግርዋ ኣብ ዘኸደትሉ እዋን ዘይተጸበየቶ፡ “ንእሽቶ ኢኺ፡ ንዓመታ ምጺ” ዝብል መልሲ ተዋህባ። ምስ ዝነበራ ሓያል ድሌት ቅር እኳ እንተ በላ፡ ንጽቡቓ ምኳኑ ኣይስሓተቶን። ድሕሪ ሓደ ዓመት ከም ብሓድሽ ክእለታ ኣመሓይሻ ናብ ቤት ጽሕፈት ሽንግርዋ ተመልሰት። ዕድሚኣ ከም ዝኣኸለን ከትወዳደር ከም እትኽእልን ሓቢሮም፡ ናብ ፋልመይቲ ውድድር ኣስገርዋ፡፡ ኣብታ ቀዳመይትን በዳሂትን መድረኽ ድማ፡ናይ ገዲም ድምጻዊት ተበርህ ተስፋሁነይ፡ “እቲ

ገዛና ዓቢ ህድሞ” ትብል ደርፊ ሒዛ ድሕሪ ምቕራባ፡ ብደያኑን ህዝብን ተቐባልነታን ተፈታውነታን ዛይዱ። ብቕመንኣን ምጨዉ መልክዓን ዝተዓጀበ ድምጻ ልቢ ትዓዘብታ ክውንን ግዜ ኣይሓተቶን። ድሕርዚ ከም ኩሉ ኤርትራዊ ሃገራዊ ግቡኣ ንምፍጻም ናብ መደበር ታዕሊም ኣይዳብ ኣብ 30 ዙርያ ተጸንበረት። ድምጻዊት ኤደን ከሰተ ትግህትን ኣፍራይትን ስነ ጥበበኛ'ያ። ሽሕኳ ዝበዝሐ ኣብ ምድራፍ እትነጥፍ እንተ ኾነት፡ ንብዙሕ ጨናፍር ስነ ጥበብ ብብቕዓት'ያ ትዓየሉ። ብርክት ዝበላ ሃገራዊ ደርፍታት ኣብ ብዓላት ናጽነትን መዓልቲ ሰማእታትን ዝደረፈተን ሓዊስካ፡ ብዘይካ'ቲ ኣብ መስርሕ ዘሎ፡ ዛጊት 30 ደርፍታት ናብ እዝኒ ሰማዕትን ተዓዘብትን ኣብጺሓ ትርከብ። ኣብ ስነ ጥበበባዊ ጉዕዞኣን ታሪኽ ሂወታን ኣመልኪትና ብዘይ ሕብእብእ ንዘካየድናዮ ዕላል ክትከታተሉና ብኽብሪ ንዕድም!!

**ንዝሓተኪ ሕቶ ብዘይ ሰክፍታ ክትምልስለይ ፍቓደኛዶ ትኾኒ?**

“ቅሰን” ባህ ዝበለካ ሕቶ ክትሓተኒ ትኽእል ኢኻ።

**ዝበዝሐ ሰባት ስራሕ ናይ ወለዶም ኢዮም ዝወርሱ። ደቂ ሓኪም ዶክትር፣ ደቂ ሙዚቀኛ ድምጻውያን ወይ ሙዚቀኛታት ደቂ ነዳቆ ድማ ኣንጂነራት ወይ ጆሜትራታት ናይ ምዃን ድሌት'ዩ ዘለዎም። ኤደን ንምንታይ ናይ ኣቦኺ ስራሕ ዘይወረስኪ?**

ደስ ትብል ሕቶ'ያ። ኣቦይ ንኹልና ደቁ ገዛ እናነደቀዩ ኣዕብዩና። ኣብ ሕጂ ኾይነ ክርእዮ ከለኹ፡ ስርሑ ኣመና ኣድካሚ'ዩ ነይሩ። ኣነ ድማ መዓስ'የ ዘብርዮን ዝሕግዞን ዝበል ሓሳብ ነይሩኒ። ንሱ ግን ትምህርተይ ክከታተልን ተማሂረ ኣብ ዝለዓለ ደረጃ ክበጽሕን'ዩ ድሌቱ ዝነበረ። ናብ ሕቶኻ ክምለስ፡ ኩሉ ሰብ ነናቱ ጽሕፍቶ'ዩ ዘለዎ። ኣነ ደማ ጽሕፍቶይ ግዲ ድምጻዊት ምዃን ነይሩ ኾይኑ፡ እነህለኹልካ እደርፍ።

**ካብ ኣሕዋትኪ ስነ-ጥበበኛ ኣሎ ዲዩ?**

ፍጹም የለን።

**ከመይ ማለት?**

ሽውዓተ የሕዋት ኣለዉኒ። ኣነ ምንኣስ ቦኽሪ'የ። ኣሕዋተይ ናይ ስነ-ጥበብ ዝንባለ የብሎምን። ንኤደን ሓፍቶም ድማ ከም ተጻዋቲት ኩዕሶ'ዮም ዝፈልጥዋ ነይሮም። ዋላ'ኳ ድሓር ኣብ ማእከላይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ እምባጠቐራ ኣብ መዕጸዊ ትምህርቲ ክስዕስዕን ክዝምርን ይርእዩኒ እንተ ነበሩ ንዕኡ ከም ሃነይነይታ'ዮም ዝወሰድዎ ኔሮም። እታ መርፍእ ናይ ስነ ጥበብ ግን መዓስ'ያ ትወግኣካ ፍልጥቲ ኣይመስለንን። ብግዜ ንእስነተይ ሙዚቃ እንተ ሰሚዐ ይስሕቐን ይሰራሰርን መንባረይ ኣደይ ተዘንትወለይ እያ። ኣቦይ ኣብ ናይ ዕረፍቲ ግዚኡ ራድዮ ምስማዕ ይፈቱ ስለ ዝነበረ ቀጻሊ ኣብቲ ናይ ሙዚቃ መደባት ክከታተሎን ብኡ ገይረ ኣብ ገዛ ክስዕስዕ ከለኹ ግን እዝከረኒ። ምናልባት ጽልዋ ናይ'ተን ኣብቲ ግዜ'ቲ ዝሰምዐን ዝነበርኩ ድምጻውያን ሃገርና ከይኮነ ኣይተርፍን።

**እሞ ኤደን ድኣ ናይ መን ወሲዳ?**

ሰሓቕ ...ናይ ኑብሳ። ግን ኣባሓጎይ ወናም ወቃዕ ከበሮ ምንባሩ ይዝንቶ እዩ።

**ንስኺ'ኸ ከበሮ ትሃርሚዶ?**

ወሪድኒ .... ኣቦይ ግን ንዕጋቡቱ ክራር ይሃርም'ዩ።

**ኵዕሶ እግሪ ንፍዓቲ ምንባርኪ ይዕለል'ዩ። ቁጽሪ ሽንደይ ትጻወቲ ኔርኪ?**

ክሳብ ሕጂ'የ ዝፈቱ። ግን ስነጥበብ ዓብሊሉ መሰለኒ። ኣብ ኩዕሶ ንፍዕቲ ምንባረይ እዝከር። ኣጥቃዒት ግን ቅልጥፍቲ ከም ዝነበርኩ እዝክር። ብዙሓት ኣፍቀርቲ ስፖርት ኣባይ ዘለዎም ራእዩ ይገልጹለይ ኔሮም። ኵዕሶ እግሪ ዘፍቅሮ ዓይነት ስፖርት'ዩ።

**ናይ መን ጋንታ ደጋፊት ኢኺ?**

ናይ ማን ዩናይትድ። ክሪስቲኣኖ ሮናልዶ ድማ ኬፍ ዝህበኒ ተጻዋታይ'ዩ ኔሩ፡ ኣብ ቴክኒኩ።

**ሜሲ ኣብ ኩዕሶ እግሪ ቅልጡፍ እንተ ደኣ ኾይኑ፣ ኤደን ከሰተ ድማ ብመንገዲ ሽንግርዋ ቀልጢፋ ዝደመቐትን ቀልጢፋ ዝሃበበትን እንተ በልኩ ምግናን ኣይመስለንን። ሜሲ ናይ ድምጻውያን እንተ በልኩኺ'ኸ?**

ሰሓቕ.... በዚ ኣጋጣሚ ሜሲ ዝፈትዎ ተጻዋታይ'ዩ። ምስኡ ብምምስሳልካ ኣሐጒሱኒ። ብዙሓት ብሉጻት ኣሓዋተይ ስነ-ጥበበኛታት ኣለዋ፤ ካብኣተን ብዙሕ ዝፈሊ ኣለኒ ኣይብልን። በቲ ምድቃቐይን ቀልጢፍካ ስራሓት ምዝርጋሕን ናብኡ ዘተኩረ ሕቶ ምዃኑ ግን ይርደኣኒ ኣሎ። ብርግጽ ኣብ ውሽጢ እዘን ዝሓለፋ ሒደት ዓመታት፡ ብርክት ዝበላ ስራሓት ኣፍርየ'የ። ግን ቅልጥፍቲዶ ትሕሸኒ ካብ ሜሲ? ሰሓቕ...

**ንኾነታት ኵዕሶ ዘረስዕ ድኣ እንታይ ተረኺቡ?**

ትልሂት

**ብኸመይ?**

ይዝከረኒ ኣመና ሓፋር ስለ ዝነበርኩ መሓዛይን ጓል ክላሰይን ዝነበረት ኣስማይት ኩሉ ግዜ ብዛዕባ ድሌት ናይ ስነ ጥበብን ብዛዕባ ሓድሽ ዝወጸ ደርፍታትን የዋግዓ ስለ ዝነበርኩ፡ ንሳ ድማ ኣባል ጉጅለ ባህሊ ቤት ምህርቲ እምባጠቐራ ስለ ዝነበረት፡ ብናታ ምትብባዕን ሞራልን ናብታ ናይ መጀመርታይ ዝኾነት ጉጅለ ባህሊ ቤት ትምህርቲ እምባጠቐራ ተጸንቢረ። ካብ ድምጻዊት ምዃን ንላዕሊ፡ ተልሃይት ምዃን እየ ዝፈቱ። ኣብ ሞያ ትልሂት ግን ኣይጸናሕኩን። ጠርናፊ ናይ'ታ ጉጅለ ባህሊ ዝነበረ መምህር ቢዘን፡ ብገለ ክላገጽ ድምጻይ ምስ ሰምዓኒ ደራፊት ክኾወን ከም ዝኽእልን ክደርፍ ዓቕሚ ከም ዘለንን ሓበረኒ፡



፡ ሸንግርዋ’ውን ባዕሉ’ዩ ኣመዝጊቡኒ። በዚ ኣጋጣሚ ኣዝየ ከመስግኖ እደሊ። ኣብ ዘለዎ ቦታ ዕድመን ጥዕናን እምነየሉ። እታ ዝመነያ ዝነበረ ኤደን ኮይነሉ ክኸውን ከኣ ተሰፋ እገብር።

## ሸንግርዋዶ በልኪ?

እወ። መምህር ቢዘን ብኽቱር ፍትወት ድምጸይ፡ ድምጻዊት ክኸውን ተመንዩለይ። ኣብ ንኡስ ዕድመይ ድማ ናብ ቤት ጽሕፈት ሸንግርዋ ከይዱ ተመዝጊቡለይ። ዕድመይ ስለ ዘይኣኸለ ግን ቁሩብ በሊዕኪ ምጺ ተባሂለ።

## ቃልሲ ምስ መግቢ’ሞ ከመይ ነበረ?

ዓመት ምሉእ በሊዐ ኣብ 2012 ከም ብሓድሽ ናብ ቤት ጽሕፈት ሸንግርዋ ኣካዳሚ ብምኻድ ተመዝጊበ።

## ሃየ

ሽዑስ ተቐቢሎምኒ። ቀዳማይ መድረኽ ምስ ብዙሕ ምትብባዕ ደያኑ ብዘይ ስክፍታ ሓሊፈዮ። ዘይርስዖ ብደያኑ ናይ ሸንግርዋ ኣካዳሚ፡ ትምህርቲ ናይ ድምጺ ክወሃበና ጀሚሩ። ነቲ ብልምዲ ዝጭድሮ ዝነበርኩ ከልዝቦ ሓጊዙኒ’ዩ። ገዛይ ከይደ ቀዳመይቲ ዝገብራ ዝነበርኩ፡ ነሕዋተይ ኣኪበ ስምዑኒ ከመይ ኣለኹ ብምባል፡ ስርሖም ክሳብ ዝርስዑ ይገብሮም ነይረ። ምፍራስ፡ ማእከላይ፡ ጫፍ ብራኸ ድምጺ ዝብሃሉ ቃላት ከይፈተዉ ፈሊጦሞም። በቃ ኩሉ ዘረባና ብዛዕብኡ ኾይኑ። ሃቐናይ ግዲ ተረዲኦምለይ፡ ስድራይ፡ ጎረባብቲ፡ መትዓብይቲ ሓዝሓዝን ኣብ ምትብባዐይ ብዙሕ ተራ’ዮም ተጻዊቶም። ደርፊ ናይ ገዲም ድምጻዊት ነፍሰሄር ተበርሀ ተስፋሁነይ ብዘደንቕ ብቕዓት ደርፍኪዮ ተባሂለ፡ ናብ ካልኣይ መድረኽ ሰጊረ። እዚ ንዓይ ዓቢ ብስራት’ዩ ነይሩ። ብሓጎስ እንቋዕ ኣይሞትኩ። ኣብ ገዛይ ክሰርሕ ደርፊ፡ ትምህርተይ ክኸይድ ደርፊ፡ ላላ እናበልካ ምኻድ ስርሐይ ኢለ ሒዘዮ።

## ካልኣይ መድረኽ ድኣ ከመይ ነበረ?

ብዙሕ ልምምድ ይገብር ስለ ዝነበርኩ ኣይተሸገርኩን። እዚ ክብለካ ከለኹ ግን፡ መወዳድርተይ ኣዝዮም ንፉዓት ስለ ዝነበሩ ስክፍታ ነይሩኒ። ካልኣይ መድረኽ’ውን ሰጊረዮ። ህዝቢ ናይ እንቋዕ ሓጎሰኪ መልእኽቲ እናሰደደን ክሳብ ኣብ ጽርግያ መሕለፊ ዝስእንን ኮይኑ። ኩሉ ሰብ ኣብ ጎድንኺ ኣለና ዝብል ቃላት ክፍንወለይ ምስ ጀመረ ዝያዳ ሓላፍነት ክስከም ኣኽኢሉኒ’ዩ። ኣብቲ ግዜ ዘይርስዖ፡ ካብ ግዜ ህጻንነተይ ተሸግረኒ ዝነበረት ሓናት ካብ ምሒር ምድራፍ ዝመጸ ናይ ረኽሲ ክቀላቐልኒ ጀሚሩ። እዚ ንዓይ ሰላም ከሊኡኒ፡ ስክፍታይ ኣብ ውሽጠይ ገይረ ክሳዕ ዝሓድገኒ ወይ ክሳዕ ፍጹም ምድራፍ ዘኣብዩኒ ክፍትን ኣለኒ ብምባል፡ ልምምደይ ክቕጽል ከም ዘለኒ ንኑብሰይ የእሚነያ። ሳልሳይ መድረኽ ኣርኪቡ፡ ነዚ’ውን ብዘይ ስክፍታ ብጽቡቕ ርእይቶ ደያኑ ሓሊፈዮ። ድሕሪ ዝተወሰነ መዓልትታት ድምጺ ናይ ምዕጻው ምልክት ክርኣየኒ ጀሚሩ፡ ምስ’ዚ ኹሉ ራብዓይ ውድድር ድማ ኣብ ወደባዊት ከተማ ምጽዋዕ ክኸውን’ዩ ዝብል ሓበሬታ ተዋሂብና። መዓልትን ከልብን ከይጸዋዕካዮም ይመጹ ድዩ ዝብሃል? ምውራድ ናብ ከተማ ምጽዋዕ ኣኺሉ፡ ድምጺ ድማ ምስ ኩነታት ኣየር ምቕያርን ጸቕጢ ግዲ ተወሲኽዎ ባጽዕ ክንኣቱን ድምጻይ ክዕጾን ሓንቲ ኾይኑ፡ ፡ መወዳድርተይ ተሻቒሉ፡ ደያኑ ኣብ ወጥሪ ክሳዕ ዝኣትዉ ኮይኑ። እቲ ሕቶ እንታይ ንግበራ’ዩ።

## እንታይ ሰማዕኩ ድኣሉ?

በቃ ኣዝዩ ኣሸጋሪ ኩነታት ኮይኑ። ካብ ኩሉ ህዝቢ ራብዓይ መድረኽ ንምዕዛብ ኣብ ሃንቀውታ’ዩ ነይሩ። ኩሉ እቲ ንባጽዕ ዝወረደ ጉጅለ፡ ንዓይ ዓይኒ ዓይነይ ክርኢ ከፊእዎ። ብፍላይ ስነ ጥበበኛ ሚሮን ሃይለ ክሳዕ ሕጂ ዘይርስዖ ሞራል ብምሃብ ልክዕ ከም ኣደይ’ያ ኮይናትለይ። ንራብዓይ መድረኽ ንኽሓልፎ ኩሉ ዝክኣላ ስለ ዝገበረትለይ ክብሪ ይሰምዓያ። ነዚ ኩነታት ዝተዓዘቡ ደያኑ ሸንግርዋ ኣካዳሚ፡ ኩሎም ክትቅጽል ኣለዋ፡ ኩልና ሞራል ንሃባ ብምብህሃባል ኣብ ጎድነይ ኮኑ። ኣነ ድማ ሞራለይ ክብ ኣቢለ ክደርፍ ከም ዘለኒ ንኑብሰይ የእሚነ ናብ ራብዓይ መድረኽ ኣተኹ። ተወዳዳሪት ኤደን ከሰተ ናብ መድረኽ ዝብል ድምጺ፡ ከም ነጎዳ ኣብ ርእሰይ ዝተፈራረቐ ስምዒት ፈጢሩለይ። ኣብ መንጎ ፍርሕን ሓጎን ክቱር ራብሻን ኣብ ኣእምሮይ መጺኒ። ግዳ ኣማራጺ ኣይነበረን። ነቲ ኹሉ ዝከኣሎ እናሃበን እናተባብዐን ኣብዚ ደረጃ ዘብጽሓኒ ህዝቢ በዚኣ ክኽሕሶ ኣለኒ ብምባል ናብ መድርኽ ተሰቒለ። ሞራል ናይ መወዳድርተይ ዘይርስዖ

ሓይሊ ፈጢሩለይ። ዘይርስዖ ንራብዓይ መድረኽ ብደርፊ ናይ ድምጻዊት ኣልጋነሽ የማነ "ኣስመራ" ብእትብል ደርፊ እየ ክኣቱ ብደየኑ ተሓቢረ። ነዛ ግጥሚ ተሰፋ መታን ክኾነኒ ኢሉ ገዲም ስነጥበብኛ ሙዚቀኛ ነጸራብ ገብረየሱስ (ወዲ ሻውል) እዩ ጽሒፉ ሂቡኒ። ዕድል ገይረ ድማ ናብ ሓሙሻይን ዛዛምን ውድድር ሓሊፈ። ደገፍተይ ብሓጎስ ጨፊሮም፡ መተዓብይቲ ሓዝሓዝ ድማ ካብ ሓጎስ ዝነቐለ ኩሎም ተረዳዲኦም እዚ ውድድር ምስ ተወድአ ኣልበም ክሰርሑለይ ምኳኖም ቃል ኣትዮምለይ፡ ድሮ ግጥምታት ከርእዩኒ ጀሚሮም። እዚ ኣብ ሂወተይ ሓሲበዮ ዘይፈልጥ ነገር'ዩ ነይሩ። ውሽጠይ ሞራል ኣስኒቑ ከምቲ ንእሽቶ ሕጻን ብሓጎስ ዝሰራሰር፡ ልክዕ ስምዒታተይ ብሓጎስ ፍንጭሕ ኢሉ። ክሳዕ ሕጂ ዘይርስዖ ኣዝዩ ጥዑም ግዜ'ዩ ነይሩ። ሓሙሻይ መድረኽ ናይ መወዳእታ ግዜኡ ኣኺሉ ደቢኽ ኢሉ። ጎሮሮይ ኣብ ጽቡቕ ኩነታት ብዘይ ምንባሩ፡ ደያኑ ሕክምና ክወስዱኒ'ኳ እንተ ደለዩ፡ ኣነ ግን ኣቕቢጸዮም'የ። ምኽንያቱ ቅድሚ ሕጂ ብሰንኪ ረኽሲ ሓናት ኣብ ከምዚ ኩነታት ብምብጽሐይ ሕክምና ክድቅስ ከም ዘለኒ ተነጊሩኒ ነይሩ። ከይትደርፊ ክሳብ ዝተብሃልኩሉ ግዜ እዝክረኒ። ስለዚ እዛ ኩነታት ከይትድገም ስክፍታ ስለ ዝነበረኒ እታ ሓንቲ ኣማራጺት "ድሓን'የ" እናበልኩን ማይጨው እናገበርኩን ከመሓይሻ'ዩ ነይሩ እቲ ኣማራጺ። ኮነ ድማ ዕለት ውድድር ኮይኑ፡ ተዓዘብቲ ብቐጥታ ዝዕዘብዎ መድረኽ መዓልቱ ኣኺሉ ኣጆኺ ኣቕስንና ዝብሉ ቃላት ውሓዙ። ሞባይለይ ተቐባሊት ናይ'ቲ ጥዑምን ዘይድገምን ሞራል ህዝበይ መሊኣ። ኣብቲ ወሳኒ መድረኽ ድማ ሓሙሰይቲ ተርታ ብምሓዝ ዛዚመየ። ምስ'ቲ ዝነበርክዎ ኩነታት ጥዕናይ ንሸዑ'ኳ እንተ 'ሕረቐኒ፡ ኣብዚ ሕጂ ኾይነ ክርእዮ ከለኹ ግን የሐጉሰኒ'ዩ። ገለ ደገፍተይ ሓሙሻይ ተርታ ክወጽእ ኣይተጸብይዎን። እቶም ብቐረባ ኩነታተይ ዝፈልጡ ሰባት ግን ኣዝዩ ብሉጽ ውጽኢት ምኳኑን ቀዳመይቲ ከም ዝወጻእኩ ክሓስቦ ከም ዘለንን'ዮም ዝመኽሩንን ዘተባብዑንን ነይሮም። ኣዝዩ ተዘካሪ ግዜ ኢና ኣሕሊፍና። በዚ ኣጋጣሚ ንመላእ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ውሽጥን ወጻእን ስለቲ ዘይሕለል ሞራሉን ተሰፋኡን ልባዊ ምስጋናይ ይብጽሓዮ።



### ድሕሪ እዚ ኹሉ፡ እንታይ ምዕባለታት መጺኡ?

ድሕርዚ ንሂወተይ ተሰፋ ዘይምቐራጽ ዓቢ ትምህርቲ ኮይንዋ። ገጠምትን ዘየምትን ክሰርሑለይ ከም ዝደልዩ እናሓበሩ ጽሑፋቶም ክህቡኒ ጀመሩ። ናይ ገንዘብ ዓቕሚ ኣይነበረንን። ደርፊ ናይ ምስራሕ ድሌት ግን ንውሽጠይ ረበሾ። ካብዝን ካብትን ኢለ፡ ዘይርስዖ ኣብ ደገ ሻሂ ዉዑይ ምስታይ ክሳብ ዝገድፍ ጥብ ዝበለት ቅርሺ ናብ ጁባ ዝብል ዕላማ ኣብ ቅድሚት ሰሪዐ ተበገስኩ። ኣብ ከምዚ ኩነታት እንከለኹ ሓናት መሊሳ ትምለሰኒ፡ ብቐጸበት ሕክምና ምስ ከድኩ ድማ መጥባሕቲ ክገብር ከምዘለኒ ሓበሩኒ። ብኡ መሰረት ድማ መጥባሕቲ ጎሮሮ ገይረ ንኸባቢ ዓመት፡ ካብቲ ዘፍቅሮ ሞያ ተፈልየ። ህዝቢ ንምንታይ ጠፊኣ? ኣበይ ኣላ? ዝብል ዘረባታት ክፍኑ ጀሚሩ። ኣብ ውሽጠይ ሻቕሎት ዝፈጥር ኩነታት ዝፈጠረ ግን ክደርፍ ይኽእል ዷየ ወይስ ኣይክእልን ዝብል ሕቶ'ዩ። ንዶክተር ስምኦን በዚ ኣጋጣሚ ንዝገበረለይ ኩሉመዳያዊ ሓገዝን ሞራልን ኣብ ህይወተይ ዘይርስዖ ኩነት እዩ። 2014 ብሓገዝ ናይ ሓካይመይ ኣብ ጽቡቕ ኩነታት በጺሐ። ኣብ 2015 ድማ ብመንገዲ ዮሃንስ ሃብተኣብ (ወዲ ቐሪን) ምስ ምሉእብርሃን ዝብሃል ገጣምን ዘያምን ኣላልዩኒ። ፍለጠኒ ትብል ፋልመይቲ ደርፈይ ድማ ደሪፈያ። ኣብዚ ዘይርስዖ ኣበርክቶ ዝገበረለይ መምህር ቢዘን ንሂወተይ ዘማእዘነ'ዩ። ኩሎም፡ ሙዚቀኛታት፡ ሰብ ስቱድዮ፡ ሰኣልቲ ብሓገዝ'ዮም ኣበጊሶምኒ።

### ናይ'ታ ሓዳስን ፋልመይቲ ምስ ህዝቢ ዘራኸበትኪ "ፍለጠኒ" ትብል ደርፊ መልሰ ግብሪ ከመይ ኔሩ?

ብዘይ ቀልዓለም ዘይተጸበኽዎን ዘይገመትክዎን ብዙሕ ኣድናቖት ረኺበ። ዘተባብዕ ውጽኢት ስለ ዝኑበራ ኣብታ ዓመት ካልኣይቲ ደርፊ ክሰርሕ ሓሳብ ኣንቂለ። "ኣይተግድዓኒ" ትብል ደርፊ ድምጻዊ ሄርሞን ብርሃኑ ንዕኡ ኢሉ ገዚእዋ ነይሩ፡ ህንጡይነተይ ግዲ ኣስተብሂሉ፡ እታ ንዕኡ ኢሉ ዝዓደጋ ግጥሚ ብናጻ ከም ህያብ ኣበርኪቱለይ፤ ዘይርስዖ ነገር እዩ። ከምቲ ዝሓለፈ፡ ዘይጠቕማ ናይ ታክሲ ብዘይኣኽላ ክፍሊት ድማ ንስቱድዮን ሙዚቀኛታትን ስማዊ ክፍሊት ሂቤ፡ ንሰኣልትን ኤዲተራትን ሓግዙኒ ኢለ ናብ መፈጸምታ ኣብጺሐያ። ኣብዚ ዘይርስዖ ኣበርክቶ ንዝገበረለይ ሰኣላይ ጸጋዝኣብ ጸጋኻ የብዝሓልካ ክብሎ እደሊ። እዛ ደርፊ ብደቀንስትዮ ሃገርና ዓብዩ ተቐባልነት ረኺበት። ብዙሓት ደቂኣንስትዮ ልሳን ኴንክና ብምባል ርእይቶኦን ሂበናኒ።

ካብዚ ግዜ ንድሓር መወልቲ ባዕሎም ደርፊ

ክቕርቡለይን ደርፍታት ከምርጹንን ጀሚሮም። ምሳና ክትሰርሒ ደሊና ዝብሉ ወነንቲ ዩትዩብ ቻነል ብብዝሒ ክድውሉለይ ጀሚሮም። ንመጀመርታ እዋን ድማ ኩሉ ተዋዲዱ ተመዊለ ዝሰራሕክዋ ደርፊ "ሸፎነይ" ትብል ደርፊ፡ ኣብ 2017 እያ። እዛ ደርፊ ንስመይ ሰማይ ዘዕረገትን ናይ ስራሕ ባብ ዝኸፈተትን ደርፊ ኮነት። ኣታዊታት እንታይ ምዃኑ ዘይፈልጦ ኑብሰይ ሓድሽ ነገር ኮይንዎ፡ ፡ ንስድራይ ክሕግዘ ጀመርኩ። ኑቶም ኣብ ምቕያር ሂወተይ ዓቢ እጃም ዝነበሮም ስድራይ ዝኽሕሰሉ እዋን ተቐላቒለ። ኣብ ኣስመራ ዝርከባ ኣብያተ ምዝንጋዕ ምስኣን ንኽሰርሕ ጠለባት ኣቕረባለይ። ንሂወተይ ብኣሉታ ብዘይጸሉ እናማረጸኹ ክሰርሕ ጀሚረ።

ኣብዚ ከይጠቐስክዎ ክሓልፍ ዘይደሊ፡ ኣብ 2016 "ግዜ ኣሎ ሓቀኛ ፈራዲ፡ ግዜ ብዓል መትከል ሒዙ ዘይሰዓዲ" እትብል ደርፊ ወዲኣያ፡ ሃገራዊ ግቡእ ንምፍጻም ናብ ታዕሊም ወሪደ። ድሕሪ ምውዳእ ሃገራዊ ግቡእ ናብ ባህላዊ ጉዳያት ህግደፍ ተመዲበ ኣብ ጉጂለ ባህሊ ብሻ ድምጻዊት ኮይነ ኣብ ብዙሓት ከተማታትን ሓውሲ ከተማታትን ኤርትራ ክሳብ ሱዳን እናተንቐሳቐስና ካብ 2017 ክሳዕ 2020 ምስ ጉጅለና ተዘኪሪ ግዜ ኣሕሊፍና። ካብ ታዕሊም ምስ ተመለስኩ፡ እታ "ግዜ ኣሎ" እትብል ደርፊ፡ ኣብ ህዝቢ ዓቢ ተቐባልነት ረኺባ ጸኒሓትኒ። ከይደንጎኹ ኸኣ "ስሓቕለይ ዓደይ" ኣብ ቅንያት መዓልቲ ናጽነት ሃገርና ኣብ ሲነማ ሮማ ኣቕሪበ።

### ንሸፎን ዝደረፍክሉ ቀዳመይቲ ድምጻዊት ኢኺ መስለኒ? ከመይ መሪጽክያ? ኣብ ኣዴታት ተቐባልነታ ከመይ ነይሩ?


ብመሰረቱ ናይ ሸፎነይ ገጣሚት ጓለንስተይቲ'ያ። ስምረት ኪዳነ'ያ ትብሃል። ኣብ ባህሊ ጸቒጠን ካብ ዝሰርሓ ደቀንስትዮ ሃገርና ሓንቲ'ያ። ግጥምን ዜማን ባዕላ'ያ ሰሪሓቶ። ምስ ድምጻዊ ኣብርሃም ኣለም (ኣቢ) ኴንና ሰሪሕናያ።

ንሸፎን ቀዳመይቲ ድየ ደሪፈሉ ወይስ ቅድመይ ገዳይም ድምጻውያን ኣደታተይ ደሪፈናሉ'የን መጽናዕቲ ዘድልዮ እመስለኒ። ምናልባት ግን ካብ መዛኖይ ደረፍቲ ቀዳመይቲ ክኾውን እኽእል'የ።

ብዙሓት ኣዴታት ኣብ መገዲ ይርእያኒ'ሞ፡ ስመይ ስለ ዘይሕዝኦ፡ "ሸፎን" ኢለን ይጽውዓኒ ነይረንየ'ን። ኣብ ገለ ድኳን ወይ ኣብ ዝኾነ ቦታታት ኮነ ውራይ ዝረኽባኒ ድማ፡ እዚ ኹሉ ንሸፎን ደሪፍክሉስ ንባዕልኺ ደኣ ዘይትኽደንዮ ዝብልን ካልእ ብዙሕ ርእይቶታትን ተቐቢለሉ'የ። ዝገርመካ ኣብዛ ክሊፕ ዘሎ ሸፎናት፡ ቴዲ HT ፋሽን እንድዩ ሰፍይዎ፡ ድሕሪኡ ብዙሕ ጠለባት ከም ዝመጾን ከም ዝሰፈየን ኣዕሊሉኒ ነይሩ።

### እሞ እንዳ ሸፎንሲ ሪጋ በዚሕዎም ይኸውን እምበር?

ዝገርመካ፡ ዋላ'ቶም ንሸፎን ዘይግደሰሉ ዝነበሩ




ደቂተባዕትዮ'ውን ጽባቐ ሸፎን ክረድኦም ከም ዝጀመረ ብዙሓት ሰፈይቲ ኸዳን ኣብ ገለ ኣጋጣሚታት ይሕብሩኒ ኔይሮም። ከማን ገለ ሰፋዮስ "ኤደን" ዝብል ሸፎን ሰፊና ኣለና፡ መጺእኺ ርኣይዮ ዝበሉኒ ኔሮም'ዮም።

### ናህሪ ጉዕዞኺ ከመይ ኮነ?

ስጉምተይ ኣተዓራርየ ንዝበለጸ ስርሓት ንምምማይ ኣበርቲዐ ክሰርሕ ጀሚረ። "ኣውቲስታይ ወርቂ ሰዓቱ፡ ሰዓት ክንደይ ትኣቱ" ትብል ንትጽቢትን ሃረርታን ሓንቲ ኣብ ገዝኣ ኾይና ኑቲ ብስራሕ 'ኣውቲስቲ' ካብን ናብን እናተሓንበበ እንጀርኡ ዝኣሪ መራሒ ማኪና ብዓልቲ ቤቱ ዝውሃቦ ትጽቢት እትገልጽ ስራሕ ሰሪሐ። ግዜ ከይወሰደት ሓንቲ ካብተን ኣብቲ ግዜ'ቲ ልዑል ተቐባልነት ዝረኸባ ደርፍታት ኮይና። ኣብዚ ከይጠቐስክዎ ክሓልፍ ዘይደሊ፡ ምስ ብመንእሰያት ዝቖመት ጉጅለ ባህሊ "ቦባ" ተጠርኒፈ ክሳዕ ሳዋን ኣብ ካልኦት ከተማታትን ሓውሲ ከተማ ኤርትራን እናተንቐሳቐስኩ ተዘኪሪ ግዜ ኣሕሊፈ።

እቲ ምስ መትዓብይቲ ሓዝሓዝ ጀሚርናዮ ዝነበርና ኣልበም ናይ ምስራሕ ውጥን ብዝተፈላለዩ ምኽንያታት ክሰምር ኣይክኣለን። ኑተን ነታ ተሓሲባ ዝነበረት ኣልበም ክንሰርሐን ዝዓለናየን ደርፍታት በብንጽል ክስርሐን ጀሚረ። "ፈራሕ ጎራሕ" ትብል ንጽል ደርፊ፡ ኣብ መጀመርታ 2018 ምስ ሰራሕኩ፡ ብሕልፊ ብመንእሰያት ብዙሕ ተቐባልነት ረኺበ። እተን ኣብ ካሴት ክሰርሐን ሓሲበየን

ዝነበርኩ "ደፋር እየ ዘፈቱ"ን ዘመናዊት ደርፌ "ምለሰለይ ልበይ"ን ዝብላ ስርሓት ናብ ህዝቢ ከም ዝዘርግሓ ገይረ።

**ኣብ ደርፌ "ኣውቲስታይ" ኣብ ልዕሊ ሓንቲ ናይ ጽዕነት መኪና ተሰቒልኪ ክትደርፊ ኢኺ ትረኣዪ። ናብ ዝባን'ታ ማኪና መን ሰቒሉኪ?**

ሳምሶን ሓወይ። ብወዲ ኣሸሜ ዝብል ሳጓ'ዩ ዝፍለጥ። ናይ ገዛና ዓረብያ ፈረስ ነይራትና። ንሱ'ዩ ዝመርሓ ነይሩ። ክሰቀል ነጢረ ይድይብ፡ ክወርድ ነጢረ ይወርድ ምንባረይ እዝክረኒ። ስለዝስ በሪኽ ነገር ምሕኳር ዝሕድሰኒ ኣይነበረን። ከማን ክገርመካ፡ ወድየዮ ምስ ዝነበርኩ ነዊሕ ጫማ'የ ናብታ ማኪና ተሰቒለ። ናይ ዋለ ሓደ ሰብ ሓገዝ ኣይሓተትኩን።

**ፈረስኩም ብሂወት ኣሎዶ?**

ጺጋ?

**ጺጋ ድዩ ሽሙ?**

ጺታ'ባ ኣይትቐይረላ። ኣንስተይቲ'ያ ነይራ። ጻዕዳን ምጭውትን ፈረስ እያ ነይራ። ሕጂ ብህይወት የላን።

**እንስሳ ትፈትዊ ኢኺ ትመስሊ?**

ኣዝየ። ኣሕዋተይ ጺጋ ናህራ ክትውስከሉ ብሻሞጥ ክሸምጥዋ ኸለዉ፡ ሕማቕ እስመዓኒ ስለዝነበረ፡ እቃወሞም ምንባረይ እዝክር።

**ደርፌ "ኣውቲስታይ" ምስ ደረፍኪ ናይ ልበይ ረኺብክያ ዝበለትኪ ሰይቲ ኣውቲስታ ትህሉዶ?**

ክንድ'ቲ ኣይኮነን። ኣብቲ ፈለማ ዝተዘርግሓትሉ እዋን፡ ጸርፌ ንኣውቲስታ ኮይኑ ዝተሰምዖም ሰባት ነይሮም። እቲ ምኽንያት ኣውቲስታ ብኑብሱ ምሩር ግዱ ኾይኑ፡ ብዝኸዶ ዝዕውል ኮይኑ ዝስምዖም ነይሮም'ዮም። ጸኒሓ ግን ተቐባልነታ እናሓየለ መጺኡ። ብዙሓት ኣውቲስታታት ከማን ክረኽቡኒ ጀሚሮም። ኣስቤዛታት ክነምጸኣልኪ ኢና ዝበሉኒ'ውን ነይሮም።

**ኣምጺኦምልኪዶ?**

ምሕሳቦም ጥራይ እኹል'ዩ።

**ኤዱ! ኣብ ዘለኪ ምጭው መልክዕ ቅሩብ ንውሕ ኢለ እንተ ዝኑብር ኢልኪ ሓሲብኪ ትፈልጢዶ?**

ሽሕ ግዜ። ምኽንያቱ ኣብ ገለ ኣጋጣሚ ገለ ኣድነቕተይ ክረኽቡኒ ኸለዉ፡ "ኣቲ ኤዱ፡ ካን ኮይንዋ'ያ 'ዛ ቁመትኪ?" ዝብሉኒ ኣለዉ። ንሰሓቕ ኢሎም ዝብልዋ'ኳ እንተኾነት፡ ቅሩብ ትስመዓኒ'ያ። ገለ ደቀንስትዮ'ውን ብጥቓይ ዝሓልፋ ተመሲለን፡ ቁመተን ምስ ቁመተይ ክዕቅና ዝገጠማኒ ኣለዋ።

**ዝያዳ ኣድነቕትኺ ደቂተባዕትዮ ድዮም ደቀንስትዮ?**

ካብ ክልቲኡ ምኳኑ እፈልጥ። ደኾን ቅሩብ ናይ ደቂ ተባዕትዮ ይበዝሕ ይኸውን?

**ብህቡብነት ሓንቲ ካብተን ልሉያት ምኳንኪ ከመይ ጸልዩኪ?**

ከቢድ'ዩ።

**ከመይ?**

ብተለፎን ዕረፍቲ ክስእን እዝክረኒ። ዝኾነ ይኹን ሰብ ክረኽበካ ይደሊ። ግዜ ትስእን፤ ምስ ዘሎ ማሕበራዊ ናብራ ከኣ ንኹሉ ዝደልየካ ሰብ ክትረክብ የሸግር። ምስ'ቲ ዝህቡኒ ክብሪ፡ ዓጸፋ ክምልስ እናደለኹ ናብ ኩሉ ክምቀል ግን ኣጸጋሚ'ዩ። ከዕልለካስ ኣብ ለይታዊ ትልሂት እሰርሕ ስለ ዝነበርኩ፡ ሰላም ዝብሉኒ፡ ክብርትዕ ከም ዘለኒ ዘተባብዑኒ፡ ምስኣም ኮፍ ክብል ዝዕድሙኒ ብዙሓት ኔሮም። ኣብ ዝበዝሐ እዋን፡ እተን ዝግብኣኒ ደርፌ ደሪፈ፡ ቀልጢፈ'የ ንገዛ ዝኸይድ ነይረ። ንዓኺ ኢልና መጺእና ዝብሉ ኣድነቕቲ ክረክብ ከለኹ ግን፡ ንኽብሪ ኣድነቕተይ ክብል ከይፈተኹ ዝጸንሓሉ እዋን ነይሩ። ህቡብነት ዘበገሶ እንድዩ፡ ሰምካ እንተሃቢቡ፡ እቲ ኣድናቒኻ ዝሓስቦ፡ እቲ ንስኻ ትሓስቦን እቲ ኣብ ባይታ ዝኸውንን በበይኑ እዩ።

**እሞ ሽዑ ደኣ ብደቂተባዕትዮ ትህደኒ ኔርኪ ትኾኒ'ምበር?**

ከም ኩለን ኣሓተይ።

**ስርሓትክን ተቐባልነትክን ከመይ ቀጺሉ?**

ብድሕሪኡ ደርፍታት ብብዝሒ ብንጽል ሰሪሐ። "ጀመረኒ"፡ "በል ተሓምበለ"፡ "ግዜ'ሎ"፡ "ኣውቲስታይ"፡ "ፈራሕ ጎራሕ" ዝብላ ካብ 2016 ክሳዕ 2018 ኣብ ውሽጢ ክልተ ዓመት ብዘይ ምቊራጽ ዝሰራሕክወን'የን። ብድሕሪኡ ኸኣ ኣብ 2019 "ንጉሰይ"፡ "ኣሕደገ"፡ "ክዝርፈካ'የ" ዝብላ ብተርታ ናብ ህዝቢ ተዘርጊሐን። ብህዝቢ ጽቡቕ ተቐባልነት ዝረኸባ ስራሕ ኮይነን። ንደረጃይ'ውን ክብ ዘበላ'የን ክብለን እኽእል።

**ኣብ ንጉሰይ ነፍሰ ጾር ኬንኪ ትረኣዪ ኢኺ። ምስ'ቲ ሰእሊ ምትሕሓዝ ነይርዎ ድዩ?**

ምንም ምስቲ ሰእሊ ዘተሓህዝ ኣይነበሮን። ናይ ብሓቂ ነፍሰጾር ናይ ካብሄር ወደይ እምበር ነይረ።

**ካብ'ቶም ኩሎም ደለይቲ ደኣ መን ተዓዊቱ?**

ሰሌ ሰሓቕ....

**ንጉስ ልብኺ ተረኺቡ በልኒ?**

ብርግጽ። (ሰሓቕ ...) ከምኡ'ዩ ዝኸውን ዘሎ።

**እንታይ ደኣ ትሓፍርኒ? ደፋር'የ ዝፈቱዶ ኣይኮንክን ትብሊ ኣብ ደርፍታትኪ?**

... ደፋር ደኣ ሰለሙን ግደ ብዓል ቤተይ እንድዩ። ደፊሩ ስለ ዝሓተተ እንድዩ ረኺቡኒ። ሰሓቕ ... እንታይ ድዩ መሲሉካ ኣብ ጉዕዞ ሂወት ንዓይ ይኾነኒ'ዩ፡ ኣቦ ደቀይ ክኸውን ይኽእል'ዩ ትብሎ ሰብ ክትቀርብ ግድነት'ዩ። ብፍቕሪ ዝጀመረ ርክብና ኸኣ ንካብሄር መጀመርታ ኣምጺእልና፡ ፍቕርና ደልዲሉ ኸኣ ንካልኣይቲ ቢታንያ ጓልና ኣምጺኡ።

**ብዓል ቤትኪ ካልኣት ከይወስዱሉ ስግኣት ኔርዎ ድዩ?**

መስለኒ። ቅድሚ መርዓና ነፍሰጾር ኔረ ስለ ዝበልኩኻ ዲኻ? ኣብ ስራሕ መታን ከይንናደብን ገለ ዝጀመርክዎ ስራሕ መታን ክዛዘምን መርዓ ከም ቀዳማይ ኣማራጺ ኣይወሰድናዮን። ደሓር፡ ካልኣይቲ ቀልዓ ምስ መጸት ግና፡ ብወግዒ ተመርዒና፡ ሓዳር ጊርና።

**ስለዝስ ንስርሓትኪ ልዕሊ ዝኾነ ነገር ኢኺ ቀዳምነት ትህብዮ ማለት'ዩ?**

እወ። ኣየቋረጽኩን፤ ንኣብነት ኣብ 2020 "ኣቀባጥረለይ"፡ "ንድገም ደኣ'የ" ዝብላ ስርሓት ሰሪሐ'የ። ዝገርመካ "ንድገም" ትብል ደርፈይ ነታ ክሊፕን ኑቲ ግጥምን ኣተኣሳሲሩ ብዙሕ ሰብ ካልእ ትርጉም ሂብዎ'ዩ። "ንድገም" ግን ነታ ናይ መጀመርታ ዝተራኸብሉ መዓልቲ ንኽትድገም እትገልጽ ሓሳብ እያ ኔራ። በዚ ኣጋጣሚ ኩሉ ሰብ በዚ ዓይኒ ክርእያ እምሕጸን።

**ንኺድ።**

ናበይ? (ሰሓቕ . . .)

**ናብ ዝተረፈ ስርሓትኪ ማለተይ'የ።**

እሞ ናብተን ኣብ 2021 ክሳብ 2022 ዝተሰርሓ "መልእኽተኛ"፡ "ኣይተሕፍረኒ"፡ "መጻእኩኻ"፡ "ወሸለ" ዝብላ፡ ኣብቲ ናይ መጀመርያ ሓዳር ዝገበርኩሉ ግዜ ዝወጸ



ደርፍታት ክወስደካ?

**ቀዳማይ ተመኩሮ ሓዳር፡ ክልተ ህጻናት ኣብ ሕቖኺ፡ ኣርባዕተ ደርፊ ክትሰርሒ። ኣይከበድን?**

ይኸብድ'ዩ። ብዘይ ቀልዓለም ይኸብድ'ዩ። ቀልዓ ኣብ ገዛ ገዲፍካ ስቱድዮ ክትኣቱ፡ ጎቦ ልብኻ ክሊፕ ክትሰእል፡ ሓሳብካ እናተፈራረቐ ዝፈጸም ስራሕ'ዩ። ግን ኣብ ጀመርካዮ ንስራሕካ ክትሰወኣሉ ኣለካ መስለኒ። ምኽንያቱ ዓወት ድሕሪ ምጽማምን ዋጋ ምኽፋልን ስለ ትርከብ። ነዚ ኩነታት ንኽዋጽኦ ኣበርክቶ ብዓል ቤተይን ስድራይን ዕዙዝ'ዩ ኔሩ። ብልቢ ድማ ኣመስግኖም።

**ኣርእስቲ ደርፊ መን ይመርጸልኪ?**

ዝበዝሐ ተሰሪሑ'ዩ ዝመጸኒ። "ወሸለ" ግን ባዕለይ እየ መሪጸያ።

**ምስ ህይወትኪ ምትሕሓዝ ኣለዎ ዲዩ?**

ፍጹም የብላን።

**ኣወጻጽኣ ደርፍታትኪ ቅልጣፈ ዘለዎ ይመስል?**

ሓቅኻ። ልክዕ ኣለኻ ቅልጣፈ ኔርዎ። ወነንቲ ቻነላት ጽቡቕ ስርሓት ይቕርቡለይ ኔሮም፡ ክትገድፎ ዘየተባብዕ ሰሚዕካዮን ኣብ እዝንኻ ዝኣትዋ፡ ግድን ንስኺ ክትደርፍየን ዝብል ዘረባ ምስ ኣሰኻየን ክትሰርሐን ትግደድ። ኣብ ዓመተ 2023 እንተ ርኢኻ ንኣብነት፡ ብዙሕ ኣይደረፍኩን። "እኣምነካ'የ" ትብል ደርፊ ጥራይ ነይራ። ኣብዚ ዘለናዮ ዓመት 2024 ከኣ ንመርዓ እትገልጽ ሓዳስ ቪድዮ ክሊፕ ዘርጊሐ 'ለኹ።

**ቅልጣፈ ኣሰኪፍኪ ድዩ? ናይ ስራሕ ማርሻ ዘጕደልኪ ትመስሊ?**

ዝመጸኒ ስርሓት ኣነ ከይዓገብኩሉ ኣይሰርሖን'የ። ክሳዕ ዝዓገበሉ ስራሕ ዝረክብ እታ ናይ ናህሪ ማርሻ ኣይትኣቱን'ያ።

**ዝተዋህበኪ ገጻት ቁሩብ ይሓልፍ ከይህሉ፡ ናይ መጻኢ መደባትኪ ስሚዐ ክፋነወኪ?**

ዘረባዶ ኣብዚሐልካ?

**ኣይፋሉን። ብዙሕ ግዜ ኸእ'ባ ሐዚኺ።**

ማራ እንዲኻ ኸኣ ትሓትት ኳንካ?

**ስርሐይ እንድዩ።**

ናይ መጻኢ መደበይ ክንዮ ሃገርና ተሰማዕነ ተወዳዳርን ዝኾነ ስነጥበባዊ ዕዮ ምብርካት'ዩ። ክሳዕ ሕልመይ ዝዝሃድ ኣብ ምዕያይ ኣይክቦክርን እየ። ብርግጽ ከኣ ሓደ መዓልቲ ክበጽሖ'የ፡ ንስኻ ድማ ብዛዕብኡ ክትሓትተኒ ኢኻ።

**ሓተትቲ'ድኣ ከይበዝሑኺ 'ምበር ኣብ ምሕታትኪ ዓዲ ኣይክውዕልን'የ። ንዘሃብክኒ ክቡር ዕላልን ግዜን ብስም ኣንበብቲ መጽሔት መንእሰይ ብልቢ ኣመስግነኪ። 2024፡ ዓመት ፍርያት ክኾነልኪ እምነ።**

ኣነ'ውን ኣመስግነካ።

# ስነጥበብን ነቐፌታዊ ስነሓሳብን



18 ሚያዝያ 2024፡ ምስትምቓር ጥበብ ኣዳራሽ ዳዕሮ፡ "ስነጥበብን ነቐፌታዊ ኣተሓሳስባን" ብዝብል ኣርእስቲ፡ ንስነጥበበኛ መለስ ንጉሰ ዓዲማ ነይራ። ኣብቲ ብስነጥበበኛ መለስ ነጉሰ ዝቐረበ ወረቐት፡ ብዕዱማት ስነ-ጥበበኛታትን ካልኦት ግዱሳት ዓማዊል ናይ'ቲ መደብን ኣዝዩ ርሱን ክትዕ ተኻይድሉ። እቲ ብስነጥበበኛ መለስ ንጉሰ ዝቐረበ ወረቐትን ብተሳተፍቲ ዝተዋህበ ርእይቶታትን ኣብ ህንጸትን ምዕባለን ስነጥበብ ሃገርና ግደ ክህልዎ ዝኽእል ምኳኑ ኣብ ግምት ብምእታው ጽማቑ ስዒቡ ቀሪቡ ኣሎ፡-

ስነጥበባዊ ስነ-ሓሳብ ቡቶም ነቐፌታዊ ስነ ሓሳባት እናተዓረዩን መሰረት እናንበሩን ዝመጹ እዮም። ነቐፌታዊ ስነሓሳብ ነቲ ስነጥበባዊ ስነሓሳብ መሰረቱ እዮም። ብኸምኡ ኢና ነቐፌታዊ ስነሓሳብ ኣገዳስን ኣድላይን እዩ እንብል።

ታሪኽ ስነ-ጥበባዊ ስነሓሳብ ብዘገምታዊ ለውጢ ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናተዓረየን መልክዑ እናቐየረን ኣተሓሳስባታት ብእኡ መጠን እናተሓደሰን ዝመጸ እዩ።

ካብ'ቶም ማእለያ ዘይብሎም ዓይነታትን ስነ-ሓሳባትን ዝያዳ ቀኑጥብነት ክህልዎ ናይ M.H. ኣብራምስ ስነ-ሓሳብ ተበጊስና ናብ'ቲ ነቐፌታዊ ስነሓሳብ ከነብል ኢና። እዞም ስነ-ሓሳባት እነልዕሎም ዘለና ነቐፌታዊ ስነ-ሓሳብ እውን እዮም።

**1. መልእትያታዊ ስነሓሳብ**

Mimetic Theory

ንስነጥበብ ከም መስትያት ወይ ነጸብራቕ ግዳማዊ ክዉንነት ዝርኢ ስነ-ሓሳብ እዩ።

ንሕብረተሰብ፡ ባህሉ፡ ልምዱ፡ እምነቱ፡ ኣልባሳቱ፡ ስልማቱ፡ ቅዲ ኣነባብርኡ፡ ሜላ ኣረዳድእኡ፡ ዘለውዎ ትእምርትታትን ምልክታትን ዝድህስስ እዩ።

ግዳማዊ ክውንነት ዝርኢ እዩ።

**2. ተግባራዊ ስነሓሳብ**

Pragmatic Theory

ስነጥበብን ተዓዛብን ዘለዎም ዝምድና ብምጽናዕ ስነጥበብ ኣብ ህይወት ደቂሰብ እንታይ ዓይነት ግደ ከምዘለዎ ዘጽንዕ እዩ።

ጥቕሚ ስነጥበብ ንምምሃርን ባህታ ንምፍጣርን ምኳኑ ይኣምን።

**3. ግላጺ ስነሓሳብ**

Expressive Theory

ኣብ መንጎ ስነጥበብን ስነጥበበኛን ዘሎ ዝምድና ዝግደስ እዩ። ስነ-ጥበብ ነጸብራቕ ውሽጣዊ ስምዒት እምበር ነጸብራቕ ግዳማዊ ክዉንነት ኣይኮነን ኢሉ ይኣምን።

ስነ-ጥበብ ውልቃዊ ዕግበት እዩ ዝህብ እምበር፡ ካልእ ዝኾነ ሕብረተሰባዊ ግደ የብሉን፤ ይብል።

ኣዝዩ ውልቃዊ ብምኳኑ ኣብ መንጎ ስምዒት ስነጥበብን ስምዒት ስነጥበበኛን ፍልልይ ኣሎ ኢሉ ይኣምን።

**4. ውጻዓዊ ስነሓሳብ**

Objective Theory

ንስነጥበብ ንበይኑ ነጺሉ ብምውሳድ ዝመራመር እዩ። ስነ-ጥበብ ንበይኑ ከም ዕጹው ተርእዮ ዝርኢ ስነ-ሓሳብ እዩ። ሕኑን ኣጠማምታ ኣለዎ። ኣብ መንጎ እቲ ስነጥበብን እቲ ስነጥበበኛን ዘራኽብ



የብሉን ይብል። ስነጥበብ ናቱ ሕግታት ዘለዎ ፍሉይ ተርእዮ እዩ ኢሉ ይኣምን።

Art for the sake of art! ዝብል ኮይኑ፡ ኣብ መንጎ እቲ ስነጥበብን እቲ ስነጥበበኛን ዘራኽብ የብሉን ይብል። ስነጥበብ ናቱ ሕግታት ዘለዎ ፍሉይ ተርእዮ እዩ ኢሉ ይኣምን።

እዚ ምስ በልና ነቐፌታዊ ስነሓሳብ በዞም ፍርይ ዝበሉ ጠሚትና፡ ኣብቶም ዓይነታት ስነጥበብ ኣቲና ብምፍታሽ ነቲ ኣተሓሳስባ ክንፍትሾ ንኽእል።

ኣብዚ ስነሓሳባት ዘሎ ርድኢት ግር ዘብልን ንኽትርድኦ ዘጸግምን ክጎንፈና ይኽእል እዩ። ብንባብን ብምስትውዓልን ብምምርማርን ምትንታንን ግን ስነ-ኣምሮኣዊ ኣተና ናይ'ቶም ተመራመርቲ፡ ስነጥበበኛታትን ምሁራት ስነኣእምሮን ኣቢልና ክንርድኦ ንፍትን። እዚ ማለት ሳይኮ ኣናልቲክ ቲኦሪ ወይ ስነኣእምሮኣዊ ስነሓሳብ ወይ ስነኣእምሮኣዊ ነቐፌታ ነቲ ግር ዝብለና ክፈትሓልና ይኽእል እዩ። ሰብ ስጊንጥር ኣፈጣጥራ እዩ ዘለዎ። ስነኣእሮኣዊ ኣተሓሳስብኡን ኣቃውማ ናይ ኣእምሮ ስራሕን ነቲ ፍጥረት ናብ ሓደ ትንግርቲ ይቕይሮ እዩ።

ኣብ ኣእምሮ ሰለስተ ነገራት ጎሊሖም ይርአዩ። ንቑሕ ኣእምሮ(ውነ)፡ ዘይንቑሕ ኣእምሮ (ዘይውነ) ትሕተ'ውነ ዝብሃሉ ኣብ መስርሕ ምዕቃብ ሓበሬታን ምቛም ሰብነትን ዓቢ ተራ ኣለዎም።

እዞም ሰለስተ እዚኦም እዮም ነቲ መስትያታዊ፡ ተግባራዊ፡ ገላጽን ውድዓውን ስነ-ሓሳብ ዘቐሙ።

መስትያታዊ እንብሎ እቲ ብውነ ዝርአን ዝትግበርን እዩ።

እቲ ተግባራዊ ብውነን ዘይውነን (ኮንሸስን ኣንኮንሸስን) ዝርኢ እዩ። እቲ ውድዓውን ገላጽን ድማ ናብቲ ትሕተ-ውነ ዝኸደ እዩ። እዚ ትሕተ-ውነ እንብሎ ምስ ዘመናዊ ስነጥበብ ተኣሳሲሩ እቲ ስነጥበብን ስነጥበበኛን ዘራኽብ የብሎምን ዝብል ኣምር ዘራጉድ ጽውያ ኣለዎ።

ነገራት፡ ዛዕባታት፡ ምስጢራት፡ ነውርታት፡ ሓቅታት ዝጽወዩን ዘይጽወዩን ኣብ ትሕተ-ውነ እዮም ዝኽዘኑ። እዞም ኣብ ትሕተ-ውነ ዝኽዘኑ 'ሳይኪክ ማተሪያልስ' ዝብሃሉ ድሕሪ ግዜ በቲ ዋንኦም ሰብ ይርስዑ እዮም። ኣብ መንጎ እቲ ሰብን እቶም ዝተኽዘኑ ነገራትን ቀጻሊ ቅልስ ኣሎ። እዚ ቕልስ እዚ እቶም ዝተኸዘኑ ክወጹ እቲ ሰብ ድማ ኣይትወጹን ኢኹም ክብል ዝካየድ ቕልስ እዩ። ድሕሪ ግዜ እዞም ኣብ ኣእምሮ ኣብ ትሕቲ ውነ ተኸዚኖም ዘለዉ ሳይኪክ ማተሪያልስ ብዝረኸብዎ ፈቓቕን ክፍተትን ይወጹ እዮም። ንሶም ድማዮም እቶም እቲ ስነጥበበኛ ናብ ህዝቢ ዘቕርቦም። ብሕልሚ መሲሎም ወይ ድማ ግኒ ሓቢርኒ ኢሎም ይደርስዎም። እዞም ዝተደርሱ ምስቲ ደራሲ ጓኖት እዮም ኣይፋለጡን እዮም። ውድዓዊ ስነሓሳብ ድማ የቀኑሙ። ደራሲኦም ከምዘይናቱ የንብቦም፡ ድሕሪ ግዜ እውን ይርስዖም እዩ። ናይ ስነኣምሮ ክኢላታት ነዞም ኣብ ኣእምምሮ ተኸዚኖም ዝጸንሑ ሓሳባት በሎም ካልኦት ዛዕባታት ክወጹን ክኽልከሉን ብዝግበር ወጥሪ ኣእምሮ ይዘናበልሞ ደረስቲ ናብ ዕብደት የብሉ። 'እዚ ዕብደት እዚ እናበርትዐ ምስከደ ከዳውንቶም ከውጽኡ ይጅምሩ። ክዳንካ ምውጻእ ናይ ሓደ ዕሉል ናይ ኣእምሮ ነውጺ ዘለዎ ምልክት እዩ። "ግዳማዊ ኣተሓሳስባ ተደርብዩ ውሽጣዊ ኣተሓሳስባ ይንገስ" ድ'ማዩ ትርጉሙ' ይብሉ።

## ነቐፌታዊ ስነሓሳብ ክንታይ ክዩ?

ነቐፌታዊ ስነሓሳብ ርእሱ ዝኽኣለ ዓውዲ ኾይኑ፣ ንሓደ ስነጥበባዊ ስራሕ ዝትንትን፣ ዝግምግም፣ መጽናዕቲ ዘካይድን ተዘማድነቱ ዝርእን እዩ። ሓደ ስነጥበባዊ ስራሕ ከም ስራሕ ይርኤ እሞ ዓሌቱ ምስተፈልጠ ብመንጽር ዓሌት ናይቲ ስራሕ ተራእዩ ይትንተን ይግምገም ይጽናዕን ተዛማድነቱ ምስ ካልእ ስራሕ ተራእዩ ክብሩ ኣብ ምንታይ ደረጃ ምህላዉ ብኽኢላታት ይዕቀን።

ንኣብነት እቲ ስነጥበባዊ ስራሕ ናይ ርሑቕ ሕሉፍ ምስ ዝኸውን ብናይ ሎሚ መዐቀኒ ኣይትነቕፎን። እቲ ስራሕ ኣብቲ እዋኑ ዝነበረ ኣተሓሳስባ፣ ኩነተ ኣእምሮ፣ ኣልባሳት፣ ላህጃ፣ ወዘተ ኣብ ግምት ይኣቱ።

እቲ ስነጥበባዊ ስራሕ ኣብ ስነ ኣእምሮ ደቂ ሰባት ኣድሂቡ ዝተዓየ እንተ ኾይኑ ብሳይኮ ኣናሊቲክ ቲኦሪ ትርእዮ።

ኣብ ጉዳይ ጾታዊ ተገዳስነት (gender Issue) እንተ ኣድሂቡ፣ ብፌሚኒዝም ስነ-ሓሳብ ትርእዮ።

ኮታ እቲ ስራሕ ዓሌቱ ምስ ተለለየ እቲ ነቓፊ ድማ በቲ ክኾኖ ዝግባእ ርእዩ ይነቕፎ ወይ ይህይሶ።

ስነጥበባዊ ስራሓውቲ ማእለያ የብሎምን። ስነሕብረተሰባዊ፡ ፖለቲካዊ፡ ባህላዊ፡ ዋሕዚ ፍኑው ሓሳብ፡ ገበን ምርምራዊ፡ ስነሰባዊ፡ ስነኣእምሮኣዊ፡ ፍቕራዊ፡ ፋንታያዊ፡ ወዘተ. ክስመ ይኽእል። ንኹሉ ድማ በበቲ ዓሌቱ ህየሳ ይግበረሉ።

***

ብዘይካ እዞም ዓሌታት እዚኦም ኣብ ውሽጢ እቲ ስነጥበባዊ ስራሕ ማእለያ ዘይብሎም መማቕርቲ ጥበብ ዝሓቱ ሞያታት ኣለዉ። ንኣብነት ፊልም እንተ ርኢና ዓሌቱ ብዘየገድስ ስእሊ፡ ድምጺ፡ መረጻ ቦታ፡ ማዓበይ (መዓሰን ኣበይን)፡ ኢፈክት፡ ቀጻልነት፡ ኣወሳስዳ ሾትስ፡ ኣርትዖት፡ እቶም ስእልታት ብትኽክል ኣወሳስድኦም ተሓልዩዶ? ኣልባሳትን ካልእን ኣጠቓሊሉ ስለዝርአ ኣብቲ ሞያ፡ ሓያል ናይቲ ስራሕ ኣፍልጦ ክህሉ ይምረጽ።

ሓደ ሰብ ከም ነቓፊ ክፍለጥ እንተ ኾይኑ ኣብቲ ሞያ ልዑል ኣፍልጦ ዘለዎ ክኸውን ዝተማህሮ ክሰርሖ ግን ግድን ዘይኮነ፣ ነቲ ሞያ ኣዳቒቑ ፈሊጡ ክመሚ ዝኽእል ዓሌታትን ኣገባባቶምን ዝርዳእ፡ ብውሕዱ ካብቶም ሰራሕቲ ነቲ ሞያ ዝግዛእ ማለት ዝደከም፡ ዘንብብ ዘስተውዕልን ዝመራመርን ክኸውን ይድለ።

ነዞም ኣርባዕተ ድማ ክፈልጦም ይሕተት፡-

1. እቲ ስራሕ እንታይ ይብል ኣሎ?
2. እቲ ስራሕ ብኸመይ ተባሂሉ ኣሎ?



3. እቲ ስራሕ ሓቂ ኣለዎዶ? እቲ ሓቂ ዝብሃል ዘሎ፡ ተፈጥሮኣዊ ሓቂ ኣለዎ ዶ? ተዛማዲ ሓቂ ኣለዎዶ? ስነጥበባዊ ሓቒሽ ሒዙ ኣሎዶ?

4. ኣብ መጨረሽታ እቲ ዛዕባ ኣብቲ ኣንባቢ እንታይ ጽልዋ ኣሕዲሩ? እቲ ዝተጋዕተ ግዓትን ነቲ ግዓት ዝፈሰሰ ርሃጽን ፍረ ኣምጺኡዶ?

ዝብሉ ኣምራት እቲ ሃያሲ ብደቂቕ ክፈልጦም የድሊ።

**ዝንቀፍከ መን ኢዩ?**

ብመሰረት ነቐፌታዊ ስነሓሳብ 4 ነገራት ኣለዉ ክንቀፉ ዝኽእሉ።

1. ድርሰት (ስራሕ)
2. ደራሲ (ሰራሒ)
3. ተደራሲ
4. ተፈጥሮ ወይ ላዕለዋይ ፈጣሪ

**ደቂ ስነ ኣእምሮ ብዛዕባ ነቐፌታ ዝበልዎ፦**

**"ስነጥበባዊ ስራሕውትና ካብ ኢድና እንተወጺኦም ኣይናትናን እዮም"**

**ቲ. ኤስ. ኢሌት**

**"ነቓፊ ንደራሲ የገልግሎ እዩ፤ ይኹን እምበር ብቕድሚኡ ኾይኑ ከመርሖ እምበር፡ ብድሕሪኡ ኾይኑ ከጽድፎ የብሉን"**

**ማርክ ትወይን**

**"ነቓፊ ኣፍራስ ከም ልቦም ንኺይጋልቡ ከምዘዕንቅፉ ጽንጽያ ፈረስ ይምስሉ"**

**ኣንቶ ቸኮቭ**

**"ነቐፍቲ ፈረስ ከይደቅስ ወይ ከይታኸስ ዘበራብሩ ጽንጽያ ፈረስ ይምስሉ።"**

**ሶቕራጠስ**

**"ነቐፍቲ ቁንቁኣ ገረብ እዮም። ነቲ ፍረን ጽላልን ጎስዮም ነቲ ኣብታ ገረብ ዘሎ ሓሰኻ ዝርእዩ እዮም።"**

**ሄ ን ሪ ዎርድስ ዎርዝ**

ስነጥበበኛ መለስ ንጉሰ፡ ኣብ መወዳእታ፡ ኣብ ሃገርናኸ ነቐርፌታዊ ስነሓሳብ ከመይ እዩ ዘሎ?" ኢሉ መዛተዪ ዛዕባ ምስ ኣቕረበ፡ ብርክት ዝበሉ ስነጥበበኛታት ዝርከብዎም ተዛተይቲ ሓሳባቶምን ሕቶታቶምን ኣቕሪቦም።

**ክስታዝ ካሕሳይ ዐሜርሸክ**

"ኣብ ዓድና እቲ ሰራሕን ሰራሕን ክንቀፉ ይርኣ'ዩ። ግን ስራሕ እምበር እቲ ሰራሒ ወይ ደራሲ ብንቀፍ ኣይግባእን እዩ። እንደገና እዚ ኣብነታት ዝመጽእ ዝጸንሐ ምዕራባዊ ኣተሓሳስባ ዘለዎ እዩ፡ በቲ ናትና እንተ 'ንኺይድ ጽቡቕ ኔሩ ዝብል ኣረኣእያ ኣለኒ። ነዚ ብኸመይ ትርእዮ?

**መለስ ንጉሰ፦** ከም ልምዲ ዝያዳ ውሕሉል ንምኳን ነቲ ስራሕ ጥራይ ምንቃፍ ዝብል ኣሎ። ግድን ግን ኣይኮነን። ስራሕ ይንቀፍ ሰራሒ ይንቀፍ ኣንባቢ ይንቀፍ ፈጣሪ ወይ ተፈጥሮ እውን ይንቀፍ እዩ። ስለዚ እዚ ደራሲ ኣይንቀፍን ሰብ ኣይትተንከፉ ዝብሃል ዘሎ ከም ምርጫ ነቐፍቲ ዝመርጽዎ እምበር ናብ ህዝቢ ዝተዘርግሐ ስራሕ ሰራሒኡ ክንቀፈሉ ፍቑድ እዩ። እቲ ናይ ምዕራብ ዝተባህለ ናትና መወከሲታት እንተሎ ጽቡቕ ግን እቲ ብዓለም ደረጃ ኣብ ዩኒቨርስታት ናትናን ናይ ምዕራብን ዝውሃብ ትምህርቲ ንሱ እዩ። ንሕና እውን ናብ ምዕራብ ንቐርብ ቋንቋና እውን ናይ ምዕራብ ምኳኑ ምዝንጋዕ ኣይግባእን።

**መምህር ነጋትኣም ካሳኣ**

ክልተ ዓይነት ነቐፌታ እዩ ዘሎ። እወታን ኣሉታን። ስለዚ ብፍላይ ኣብ መመረቕታ መጽሓፍ ዝካየድ ገምጋምሲ ምስ ህየሳ ዘራኽብ ኣለዎ ዶ? ነቲ መጽሓፍ ኣብ መዓልቲ መመረቕታኡ ክትነቕፎ ከመይ ትርእዮ?

መለስ ንጉሰ፦ ብውልቀይ ክምልስ። ኣብ ሙብዛሕትኡ ናይ መጻሕፍቲ ገምጋማት ተሳቲፈ ኣለኹ። እቲ ኣብ መመረቕታ ዝግበር ገምጋም እወታ ወይ ኣሉታ ከተቕርብ ይክኣል እዩ። እወታዊ ጐኑ ጥራይ ምርኣዩ ይሓይሽ ቁሩብ ድማ ዘሰክፍ እንተ ለዉ ሃሰስ ምባሉ ኣይከፍእን። እዚ ነቐፌታ ዝብሃል ዘሎ ግን እቲ ስራሕ ናብ ህዝቢ ምስ ተዘርግሐ ግብረ-መልሲ ኣንባቢ ወይ ድማ ርእየት ብዓል ሞያ ብመንጽር መትከላት ነቐፌታዊ ስነሓሳብ ከመይ ክኸውን ኣለዎ ንዝብል ዝትንትን እዩ።

**ሃያሲ ካሚሉኬል በርሀ**

ኣነ ሃያሲ ኣይኮንኩን። ርእይቶይ እየ ዝህብ ዘለኹ። ሃየስቲ ኣለዉናዶ ትብል?

ስነጥበበኛ መለስ፦ ሃየስቲ ኣለዉና እወ። ግን ኣጽቂጦም ኣለዉ። ኔሮም እዮም ዝርኣዩን ዘይርኣዩን ሃየስቲ ኣለዉ።

**ስነጥበበኛ ዘመንፈስ ሄኖክ**

ነቐፊታዊ ስነ-ሓሳብ ካብ ሜዳ ጀሚሩ እናተወራረሰ ዝመጸ እዩ። ኣብ 90ታት እውን ናብ ዝለዓለ ደረጅኡ በጺሑ ኔሩ እዩ። ሕጂ ንድሕሪት ምምላሱ ዘገርም እዩ? እዝስ እንታይ ኮን ዓንቂጽዎ ይኸውን ትብል? ካልእ ሓደ ክንቀፍ እንከሎ ሓደ ድማ ግብረ-መልሲ ክህብ ይግባእ እዩ። ሓደ ድምጺ ይስማዕ ስለ ዘሎ ናብ ግጉይ ኣንፈት ይኸይድ ኣሎ። ነቐፍቲ እውን ክንቀፉ ይግባእ እዩ።

ስነጥበበኛ መለስ፦ እወ እዚ ነቐፊታዊ ስነ-ሓሳብ ኣብ ሜዳ ኣብ'ቲ ስነጥበባዊ ስራሕ ብፍላይ እንተ ርኢና ኣዝዩ ምዕቡል ትንተናታት ይካየድ ኔሩ እዩ። ብእኡ መንጽር ድማ ኣብ ሜዳ ዝሓሸ ስነ-ጽሑፋዊ ኣበርክቶ ፈርዩ እዩ። ኣብዚ ሕጂ እዋን እንታይ ከም ዝሓዞም እቶም ዓበይቲ ጸሓፍትን ሃየስትን ኣስቂጦም እዮም ዘለዉ። ኣብ ኤርትራ ጀማሪ እዩ ክንብል እውን ኣየምሕረልናን እዩ።

**መምህር ፍጹም ዑቕባሚካኤል (ወዲ ዓዴ)**

ነቒፌታ ናይ ዓድና ምስ እዚ ጫቕጫቕታ ናይ መራኸቢ ብዙሓን ዘለፉን ጸርፍን እዩ ኮይኑ ዘሎ። ንምኻኑ ኣድነቕቲ ዲና? ነድንቕ ዶ? መጀመርታ ከነድንቕ ኣለና ብድሕሪኡ ክንነቅፍ ንኽእል። ሓንቲ ክዛረበላ ደልየ ዘለኹ፣ እዛ ናይ ምዕራብ ኣብነት ዝበልኩማ ክልተ ሰለስተ ሰባትሲ ኣነ እንተበልና ጽቡቕ እዩ። ክንዲ ሸክስፒር ዝኸውን ደራሲ ክንዲ ሆመር ዝኸውን ነቓፊ እንተ 'ሎና ጽቡቕ እዩ። 'ተዘይብልና ግን መወከሲ ዝኾኑና ካልኦት ንጠቅስ እምበር፡ ፕሮፌሰር ዑንቃይ ዝብሃል ደራሲ ካበይ ኢና ክንፈጥሮ?

ምድናቕ ዝበልካያ ብሓቂ ተድሊ እያ። ኣድናቖት እውን እኮ ሓደ ሜላ ነቒፌታ እዩ። በቲ እወታ ጀሚርካ ናብ ኣሉታ ክትከይድ እውን ጽቡቕ ሜላ እዩ። ብሓፈሻ ግን ሓደ ነቓፊ እወታ ከልዕል ይኽእል፡ ኣሉታ ከልዕል ይኽእል ንኽልቲኡ ኣልዒሉ ክዛረብ ይኽእል እዩ። ዝያዳ ክእመን እቲ ሰራሒ እውን ሓቂ'ሎ ንኽብል ድማ፡ ካብ ዘለፋን ጸርፍን ፍንትት እንተ በልና ዕትብ እንተ በልና ተመራጺ ይኸውን።

**ሜጀር ምሕረትኣብ ኪዳነ (ካካካ)**

ህየሳ ንሓደ ስነጥበባዊ ስራሕ የዕብዮ እዩ። ክቕትሎ ድማ ይኽእል እዩ። ኣብ ሜዳ ነቒፌታዊ ስነ-ሓሳብ ኔሩ እዩ። ብቐረባ እኳ ንቐያሕ መንዲል ምዝካር ይከኣል። ኣዝዩ ሃናጺ ነቒፌታታት ይቐርብ ኔሩ እዩ። ናይ ሕጂ ግን ሃሳይነቱ ይበዝሕ ኣሎ። ንደራሲ ኢሳያስ ጸጋይ ዝወረዶ ነቒፌታ ንኣብነት ኣዕናዊ ኔሩ ዝብል ርእይቶ እዩ ዘሎኒ። ኣነስ ወረ እቲ ነቒፌታ ዝቕተሎ ኾይኑ'ዩ ዝስምዓኒ። ክሳብ ክንድ'ዚ ሃሳዪ ክኸውን ኣይግባእን ብስነፍልጠት ክብሃል ይግባእ።

**ስነጥበበኛ መለስ፡-** እዛ ኣክላ ዝበላ እሰማምዓላ እየ መዕጸዊትና ትኹን። ምብህሃል ጽቡቕ እዩ ግን ሃሳዪ ብዘይኮነ መገድን ስነፍልጠት ዝተሓወሶ፡ ሞያውንነት ዝተሓወሶ፡ ክኸውን እዩ ዝግባእ።

# ናጽነት ምርዛና

ነቲ ፍጡር መሬት ክዳና
ኣብ ርእሱ እተዉ ብናህሩ ሕነኑ
ንስጋ ኣይበለን ንመንፈስ ቆሪቡ
ትንፋሱ ትንፋስና ብስሙ ከቲቡ
ንሕሩድ ፋሲካ ገንሸል ተቐሪቡ።
ልቡ መንጪቱ ፍቕሪ ዝሃበ
ኣብ ልቡ ንእቶ ኣብ መንፈስና ይዕበ
ወዲ ገድሊ ንቡር ዘይረኸበ
ምእንቲ ክብርና ኣብ ጫካ ዝድርበ።
እንታይ ዝዓብስ ዕጣን እዩ
እንታይ ዝዓብስ ከርበ?
መስዋእቲ ማዕረ ሞትከ
መን'ዮም ዝትርጉሙ
ፍትሓት ኣይገልጾ ጾግሪ
ተደርሚሙ
ዕጣን ግዳ ትኪ ዝሃግግ ንስሙ!
ቡራኬ ወጺኦም እዮም ጎቦታት
ስንጭሮ
ቀዲሶምሉ እዮም ኣኽራናት
ብድሮ
ፍትሓት ጌሩ ሩባ ደም ምስዓቖሮ!
ብዘይመሎኮት ነቢ ዝተሰደ
ትንፋሱ ወፍዩ ንርሑቕ ዝኸደ
ንህላወ ሽሕ ትሕቲ ባይታ ሓደ።
ሞት እዛ ኽርቢት ሸተት
ብዕንቅፍቶ
ናቱን ግዳ በጃ ኣብ ሞቱ ዝፍቶ
ንሰብ ክልቀሶ እልል ዝብሃሎ
ትንፋስ ሽሾ ህዝቢ ብስሙ
ዝሕሎ!
ንሱ ደኣ መዓስ ሰብ ኮይኑ
ናይዚ ናትና ጨንፈር ሱር
እንድኣሉ፡
ክቡር ታቦቱ ንህዝቢ ሰሊሙ
ንዕርገተ ነብሱ መላእኽቲ
ኣቐዲሙ
ክብረ መዘምራን ስሙ እናዜሙ
ሃዋርያ ናይ ሓቂ ንኽብሩ
ይቖሙ።
ነዚኣ ተኺሉ ነዛ ሕልፊ ነጻ
ሕልፊ ሕሉፋት ልዕሊ መለሳ
ንህላወ ነፍሲ
ንዘሎ ከሳሲ
ንንቒጽ ከተርክስ
ኮይንልና ፈሳሲ!
ነዚ ኽብሪ ነዚ ቦታ
እፎይ ዝበልናሉ ንመወዳእታ
ኪንዮ ሓጹር ዝደርበየ ስክፍታ!
ኣብ ዱር ገደል በርቢሩ ዘፍለሲ
ብምልእታ ገለ ከየህሰሰ
ናጽነት ኣምጺኡ ንሱ ዘይተመልሰ!
ካብ ሕውስዋስ እንድዩኸ
ዝመንጨታ
ብምዑት ደም ብሎጎግታ
ህላወ ብስሙ ትርጉማ ዓዚዙ
ክብርና ብስሙ ግምጃ ለቢሱ
ፍስሃ ኣብ ቅርዓትና ከም ማና
ፈሲሱ!
ባሩድ እናጕሰዐ ጅማት ተሪፉ
ክበልዕ ከይበለ ንኸብዱ ገዲፉ
ክለብስ ከይበለ ዝባኑ ገፊፉ
ክሳብታ ሕልፈት ፈቲና ሓሊፉ!
ስቕ እንተበለት ደንደን ንዕኡ
ተሰኪማ
ስቕ ተበለት ኣዳል ንዕኡ ተሰኪማ
ናጽነት ምርዛና ክንድዚ እዩ
ትርጉማ!!

መለስ ንጉሰ

## መከሳ

# እቶም ቀዳሞት

## ናይ ኢድ ሰዓት

ሰዓት፡ ክሳብ 1900፡ ኣብ ጁባ ናይ ስረ'ዩ ነይሩ ሰፊራ። ከም ዝዕለሉ ስዊዘርላንዳዊ ሰራሒ ሰዓት ኣብ ሓደ መናፈሻ፡ ሓንቲ ሰበይቲ ሰዓታ ኣብ ኢዳ ኣሲራ ብኽልተ ኢዳ ብዘይ ጸገም ደቃ ሒዛ ክትሓልፍ ርእዩዋ። እዚ ምስ ረኣየ ኣብ 1790 ሰዓት ኣብ ኢድ ከም እትእሰር ገይሩ ሰሪሑዋ። እንተኾነ እዚ ስርሑ ጠመተ ከይተዋህቦ ሓደ ዘመን ሓሊፉ።

ብ1914 ናይ ኢድ ሰዓት ኣብ ስዊዘርላንድ ኣብ ሓደ ኤግዝቢሽን ምስ ቀረበት፡ ሰባት ክድነቑላ ተራእዮም። ሎሚ ኣብ ዓመት ብውሑዱ 100 ሚልዮን ሰዓታት ይፈርያ ኣለዋ።



## ጃንጥላ



ሰብ፡ ቅድሚ ነፈርቲ ምምሃዘን'ዩ ከንሳፍፉዎ ዝኽእሉ ነገራት ሒዙ ካብ በረኽቲ ቦታታት ክዘልል ጀሚሩ። ኣብ መወዳእታ 18 ክፍለ-ዘመን'ዩ፡ ኣብ ፈረንሳ ዝርከብ ኣዝዩ በሪኽ ታወር፡ ሜትሮን ፈረቓን ዝሰንጣቒቱ ጽላል ተኣሲርሉ ዝዘለለ በጊዕ ብሰላም ከይተጐድአ መሬት ረጊጹ። ብ1797 ፈረንሳዊ ኣንድረ ገርነሪን ኣብ ውዑይ ኣየር ዝሓዘት ባሎን እተኣሰረት ዘንቢል ተጻዒኑ 680 ሜትሮ ብራኽ ንሰማይ ሓኹሩ። ካብዚ ብራኽ ሽውዓተ ሜትሮ ሰንጣቒ ዘሎዋ ጽላል መሰል ጃንጥላ ሒዙ ዘሊሉ። ኣብ መሬት ብሰላም ዓለበ። “ክኸውን ይኽእል እዩ፡” ኢሎም ሓሲቦሞ ዘይፈልጡ ዝነበሩ ድማ ኣእመኖም።

## መዝገበ-ቃላት

ዝበዝሐ እዋን ቃላት ምትርጓሞም ምስ ዝኸብደና መዝገበ ቃላት ኢና እንውከስ። ናይ እንግሊዝ መዝገበ ቃላት እተፈላለየ ኩይኑ፡ ብብዝሒ ዝሒዞ ቃላትን ዘዳልዉዎ ኣካላትን ይፈላለ። ናይ ገዛ ተባሂሉ ዝዳሎ መዝገበ ቃላት ብገምጋም ካብ 50,000 ክሳብ 100,000 ቃላት ምስ ትርጉሞም ይርከብዎ። ኣብ ትምህርቲና ይኹን ኣብ ዝበዝሐ ቤት ንባብ እንረኽቦ ኦክስፎርድ መዝገበ ቃላት እዩ። እዚ ኣብ 12 ቅጺ (ክፋላት) እተዳለወ መዝገበ ቃላት፡ ክሳብ 415,000 ቃላት ምስ ትርጉሞም፡ መግለጺኦምን ታሪኾምን ሒዙ ይርከብ። እዚ ኦክስፎርድ መዝገበ ቃላት ተጽሒፉ ንኽዛዘም 44 ዓመታት ወሲዱ። ነፍሲ-ወከፍ ዓመት ሓደስቲ ቃላት እናወሰኸ ደጊሙ ክሕተም'ዩ ጸኒሑ። ቋንቋ እንግሊዝ ክሳብ 800,000 ዝበጽሑ ቃላት (ምስ ቴክኒካዊ ቃላት ሓዊስካ) ዘሎዎ ኩይኑ፡ እዚ ብዝሒ'ዚ ኣብ ሓደ መዝገበ ቃላት ክሳብ ሎሚ ኣይስፈረን ዘሎ።




## ብሶላ



ብሶላ ወይ ኮምፓስ ኣንፈት እትሕብር መሳርሒት እያ። ኣብ እተለምደን ዝዓበናሉን ከባቢ ጥራይ ንዛወር እንተ ኼይና ኣገዳስነት ብሶላ ዘይክርደኣና ይኽእል እዩ። ኣብ ኣንፈትካ ዘጥፍኡ ኣጋጣሚታትን ቦታታትን ኣገዳስነት ብሶላ ኣዝዩ ዓቢ እዩ። መርከበኛታት ኣብ ማእከል ውቅያኖስ ምስ ኣተው፡ ብታሕቲ ማይ ብላዕሊ ኸኣ ሰማይ ጥራይ እዮም ዝርእዩ። ኣንፈት ጉዕዞኦም ዝሕብሮም ብሶላ እዩ። ቀዳሞት ሰባት ብኸዋኽብቲ ይምርሑ ነይሮም'ዮም። መዓስን ብኸመይን ብሶላ ከም ዝጀመረ ዝፈልጥ የለን። ኣብ መወዳእታ 11 ክፍለ-ዘመን ድ.ል.ክ.፡ ኣብ ሓንቲ መጽሓፍ ናይ ቻይናውያን ብሶላ ይጥቀሙ ከም ዝነበሩ ዝሕብር ጽሑፍ ተረኺቡ። ኤውሮጳውያን ብ1345 እዮም ብሶላ ክጥቀሙ ጀሚሮም። ልቢ'ኻ ኣውዲቕካ እትጓዓዘላ ብሶላ ግን ኣብ 19 ክፍለ-ዘመን ክትስራሕ ክኢላ።

## ፈጠራን ምስትምቓርን

ግርማይ ኣብርሃም

# ምስትምቓር ጐደና ሓርነት ብቐለም ብርዒ







## ጐደና ሐርነት በዒንቲ ጐደና ሰማኣታት

ባና ገብረትንሳኤ

ክንዮ’ቲ ብወናም ጥቡብ ዝተቐየሰ ንኣዒንተይ ቀው ዘበለ ህንጻታታ፡ እቲ ብዩማንን ጼጋምን ከም ኣብ ወሰናስን ፈለግ ዝኑብር ልሙዕ ኣግራብ እናኸትርእዩ ዝማርኽ መስመሩ ዝተኸተለ ተኸሊ ስዩ እዩ ዝያዳ ኣወቂብዋ ዝተራእየኒ - ንጐደና ሓርነት። መንፈሰይ ሰላም ዓሰሎ። ኑቲ ኣብ ሕቝፎኣ ብዋናታታ ብህድኣት ዝሰላሰል ዝነበረ ዝተፈላለየ ምንቅስቓሳትን ምልኩዕ ገጻት ህይወትን፡ ክርዳኦን ክገልጾን ዓቕሚ ወሓደኒ።

ኣብ ውሽጠይ ዝተደጉለ መግለጺ ዘሰኣንኩሉ ሓበን ጸይረ፡ ብኣዕንተይ ጥራይ እናተዓዘብኩ ናብ ቤተይ ንኽምለስ ኣንፈተይ ናብ ጉደና ሰማእታት ኣቕናዕኩ። ጽባቐ ጉደና ሓርነት ብኽልቲኡ ጫፋታ ኹይነ ኽዕዘቦ ኽሎኹ፡ ክኸይድ ስለ ዝነበረኒ’ምበር፡ ኣብኡ ደው ኢለ ኽኑብር ኣይጸልእን እየ። ካብ ህንጻ ቤት ጽሕፈት ኤራ-ቴል ሒደት ስጉምትታት ምስ ተጓዓዝኩ፡ ንጉደና ሓርነት ክሳብ መወዳእታኣ ብምልኣት ከስተማቕራ ግልጽ ምስ በልኩ፡ በታ ንእሽቶ ኸውሊ ድሮ ካብ ኣዒንተይ ተሰወረት።

ሸዑ፡ ኣብ ኣኣምሮይ ሓደ ነገር ቅጅል በለኒ። ብዘዕባ እቲ መስተንክራዊ ዘኹነ ኣሰያይማ ጉደናታት ኣስመራ፡ እዛ ንጉደና ሓርነት ከይርእያ ዝዓገተትኒ ንእሽቶ ኸውሊ፡ ክሳብ ክንደይ ዓቢ ዘኹነ ትርጉም ደብያ ኸም ዘላ ኣርመመኒ። ንመንፈሰይ ኣብቲ ሓራ ጉደና ኣቐሚጠ፡ ኣደህቦይ ናብቲ ብረዚን ትርጉምን ዓሚቝ ምስትውዓልን ዝተሰየመ፡ ከቢድ ሕድርን ሓላፍነትን ዘሰክም መልእኽቲ ዝሓዘለ ጉደና ሰማእታት ኣንበርክዎ። ጉደና ሰማእታት ካብ ጉደና ሓርነት ምኽዋሉ፡ ሰማእታትና ንሓርነት ከምጽኡ’ምበር፡ ክርእዩ ስለ ዘይበቕዑ’ዩ ዝብል ቀስቃሲ ስምዒት ንውሽጠይ ክመልኦ ተሰምዓኒ። ኣዕንተይ ንብዓት ቀጽርጽር ኣበላ። እቶም ብኣእዳዎምን ኣእዳወይን ዓጸፋ ክዓዩ፡ ብኣእጋሮምን ኣእጋረይን ብፍጥነት ክጉዩ፡ ደሞም ኣፍሲሶም ረሃጽ ዝሓቱኒ፡ ንኣይ ትንፋስ ሓርነት ብምምጣው፡ ሕጊ ተፈጥሮ ዓጊትዎም ኣብ ርስቶም ዝተዋሕጡ ሰማእታት ንሕልናይ ዝተፈራረቐ ስምዒት ፈጠሩሉ።

ንኑብሰይ ክትጉብሮ ብዛዕባ ዝግብኣን ዘይግብኣን ብሕቶታት እናዋጠርኩ ኸኣ ናብ ቤተይ ተመለስኩ።

## ጐደና ሐርነትና ሆዖ !

ካሮን ተስፋካለም

‘ጉደና ሓርነት’ ጉደና ጥራይ ድዩ፧ መስርዕ ብዝሓዘ ካፌተርያታት፡ ባንክታትን ግሮሰሪታትን ዘጌጸ ጉደና ብምባል ሸፈፍ ኢልካ ኽትሓልፎ የምሕር ድዩ፧ ‘ጉደና ሓርነት’ ቡቲ ነስመራ ጋሻ ግና ኸኣ ሰሓቢ ናይ ገምገም ባሕራዊ-መዘናግዒ-ቦታ (Riviera Beach Resort) ዝመስል ጣዕሚ ብዝህባ ካናሪ ሸባኻታት ዝወቀበ፡ በቃ ከም ሓደ ማራኺ ናይ ምድረቡዳ ቪስታታትን ግዝኣት ናይ ዓረባውያን ሸኻትን ኣብ ኣእምሮ ዘቐጅል ጉደና ጥራይ ድዩ ክግለጽ፧

ኣብ ረፋድ እኳ’ሓይሸ’ምበር፡ ምሸት ኣብቲ ኣብ ኣፋፌት ዘወጽእ ሰድያታት ናይቲ ኣብ ‘ጉደና ሓርነት’ ዘሎ ፓብሊክስፌርነቱ (public-sphere) ዘካትዕ ሕብራዊ፡ ካፌታት ኮፍ ኢልካ ብምሉእ ኣደህቦ ኽትዕልል ከቢድ እዩ።

ብትርኢት ናይቲ ዘወን ዝብል፡ ሓሓሊፉ'ውን ልክዕ ከም ጻጸ ተሰዓዒሙ ዝሓልፍ ፍሱህ ሰብ (evening passegiata) ከይዘንጋዕካ ዕላልካ ኽትቅጽል ዘየጸግመካ እንተ ኹይኑ፡ ንስኻ ጽባቐ ዘይተስተማቐር ክትከውን ኣሎካ። ንምኳኑ፡ 'ጐደና ሓርነት' ከም ሓደ ማንም ሸናዕ መበሊ ጌርካ ምግላጽ ዝኣኽሎ ጐደና ኽኸውን ይኽእል ድዩ፧ እሞ እዚ ተናፋቒ ጐደናሲ ብሕብሪ ናይ ካፈታቱ፡ ብርሃኑን በቲ ንሱ ዘአንግዶ ዝርአ ውህበትን ጥራይ ክልካዕ!

ኣብ እዋን ማርቲኒ፡ እቲ ኢጣልያዊ ገዛኢ፡ 'ጐደና ሓርነት' 'ኮርሶ ቪቶርዮ ኢማኑዌል' ይበሃል ነበረ። ፋሽሽታዊ ስርዓት ስልጣን ምስ ተቈጻጸረ 'ቪያለ ሞሶሊኒ' ወጺእዎ። እንግሊዝ ንጥልያን ስዒሩ ናብ ኤርትራ ምስ ኣተወ፡ ንጥልያን ከሕፍሮም ብምሕሳብ ነዚ ጐደና 'ኮርሶ ኢጣልያ' ሰይምዎ። ብድሕሪ'ዚ፡ ኣብ ትሕቲ ሃጼያዊ ግዝኣት ኢትዮጵያ ብ'ጐደና ሃይለስላሰ' ክጽዋዕ ጀሚሩ። ደርጊ ተራሉ ሓልዩ ምስ መጽአ ድማ ብ'ሃገራዊ ጐደና' ዝብል ስም ኣጠሚቕዎ። ድሕሪ ነዊሕ ቃልሲ ኤርትራውያን ወነንቲ መሬትና ምስ ኰንና ግና 'ጐደና ሓርነት' ዝብል ዝበቕዖ ረዚን ስም ረኺቡ። ሕጂ፡ ካብ ኣስማት ምቅይያር ድሒኑ ዕግበትን ውሕስነትን ዝተሰምዖ ድማ ይመስል። እሞ፡ ክንድ'ዚ ዝኣክል ናይ ስም ለውጥታት ዝተገብረሉ ብዋጋ ህይወት ኣእላፍ ደቂ መሬት ዕረፍቱ ዝኣወጀ ጐደና ሓርነትና፡ ከም ማንም ጐደና ኽትገልጾ የጥዕምዶ፧

## ተመኩሮ ሌዘር ካብ ጎደና ሓርነት

ሰናይት ዑቕቡ

ጸሓይ ኣብ እዋን ኣጋ ዕራርቦ፡ ወርቃዊ ሕብሪ ለቢሳ፡ "ብሩኽ ለይቲ፡ ጋሕጋሕ ብሰላም የራኽበና፡" ብዝብል ምስንባት፡ ሃሳስ ጩራታታ ናብ ኵሉ ፍጥረት ኣብ እትፍንወሉ ኣጋጣሚ፡ ምስኡ ዝምዕርግ ዋሕዚ መንእሰያት ናብ ጐደና ሓርነት ኣብ ውሽጠይ ባህ ዘብል ሃዋህው ፈጠረለይ።

ኣብ ምስትምቓር ከሎኹ ግና ንእለቱ ውሽጠይ ብናይ ቅንኢ መንፈስ ክውረር ተፈለጠኒ። ሓንቲ ጽብቕቲ ጐርዞ፡ ነተን ክሃርፈን እምበር ክውንነን ዘይበቓዕኩ ዘሎኹ ቡት ጫማ ለቢሳ ተዓዘብኩ። ጌና ካብ ናይ ቅንኢ መንፈስ ከይወጻእኩ፡ "እዘን ጫማስ ሰብ ደኣ ይፈልያ ኹይኩና፧ ወትሩ እናብሃግክወን ናባይ ምምጻእ ይሕንግዳ!" ብምባል ካብኣን ንምህዳም ኣዒንተይ ናብ ከቡብየይ ምስል ብዘበልክወን፡ ካልእ ጐርዞ ጸላም ሌዘር ለቢሳ ሸናዕ እናበለት ኣርከበታ። "እዛ ጐደና ሎሚ ገለ ኹተርእየኒ እያ፣ ከቕንኣኒ ተሰማማሚዐን ደኣ ከይኩና!" እናበልኩ ንኑብሰይ ኣብታ ሌዘርን ቡት ጫማን ኣእትየ ክቓርጻ ጀመርኩ።


ሃንደበት ግና ሓደ ናይ ኣእምሮ ጸገም ዝነበሮ መንእሰይ፡ "እምባሕ! የስስስስ! ኣሰንቢደኪ፡ ኣሰይ!' እናበለ፡ ካቡቲ ጨብረቕ ክብለሉ ዝጸናሕኩ ባሕሪ ሓሳብ ኣበራብረኒ። ንኣካለይ ዘይኩኑ፡ ምብርባር ሕልናይ ብዓቢኡ! ኣነ ብስእነት እዘን ናእሽቱ ነገራት ከማርር ንሱ ግና ጥዕና ኣእምሮ ስኢኑ ኹብቅዕ፡ ንኣይ ብምስንባዱ ጥራይ ሓጐሱ ጥርዚ በጺሑ ተዓዘብኩ። "ትርጉም ምንባር፡ ምስ ሕመቐይ ካብኡ ተማሂረ!" ድዩ ዝበለ ድምጻዊ ኣብርሃም ኣፈወርቂ፧ ትርጉም ሓጐስ ካብ ውሽጢ ደኣ'ምበር፡ ካብ ግዳም ከም ዘይመጽእ ምሂሩኒ።

ካብዛ ጐደና ሌዘን ጃኬት ዘይኩነ ሌዘር ተመኩሮ ከሲበ ወጺኤ። ኣብ ማእከል ጐደና ሓርነት፡ ብቕንኢ ተጐቢኣ ሓርነተይ ኣብ ዝሰኣንኩሉ፡ እቲ ምንም ነገር ዘይነበሮ ናይ ኣእምሮ ጸገም ዝነበሮ መንእሰይ ብሓርነቱ ኣቕንኣኒ። "ጐደና ሓርነት! ለካ ውሽጣዊ ሓርነት ድማ ኢኺ!" ድማ በልኩ ምስ ኑብሰይ።

## ካሰር ሓርነት

ፈራሓ ኣሕመድ

ንጐደና ሓርነት ርግጽ ኩብል፡ ኣዒንተይ መሊሰን ነቒሓ። ኵሉ ኣብ ዙርያይ ዝነበረ ነገር መሊሱ ነጺሩ ኽርኣየኒ ጀመረ። ቀንዲ ዘገረመኒ ግና ቀይሕ ኣሰር ሸዳ ኣብቲ ኣብ ርእሰይ ዘንሳፍፍ ዝነበረ ደበናታት ተወቒጡ ኽርኣየኒ ምጅማሩ'ዩ። ኣብቲ ኣብ መንጎ ደበናታት ኣብ ዝነበረ ሰማያዊ ዝሕብሩ ሃጓፍ ቦታ፡ ኣሸሓት ግና ኸኣ ሕደ ምስሊ ዘለዎም ገጻት



ይርኣዩኒ ነበሩ። ናብ ቤት-ሻሂ ኣተኹ። ኣሳሳዩት፡ ነታ ብሰሪ ምብላያ ንነዊሕ እዋን ከም ዘገልገለት እትልለ ጨርቂ፡ ካብ ውሽጢ ኽሸነ ኣምጺኣ፡ ነቲ ኣብ ቅድመይ ኣብ ዝነበረ ጣውላ ተኻዕዩ ዝነበረ ዝተዓናኾረ ሽኮር ክትኣሊ ጀመረት። እቲ ነቲ ጣውላ እናወልወለት ዝስማዕ ዝነበረ ዝኾኾየካ ድምጺ በእዛነይ ኣትዩ፡ ነስናነይ ሓራቒሙ፡ ኣብ ቁርበተይ ድማ ምስቲ ምንብድባድ ዝሳነ ሓውሲ ዕንፉሩር ዝመስል ምኽያፍ ፈጠረለይ።

እቲ ጣውላ ብኸምዚ ዝኣመሰለ ግዳሰ ምስ ጸረየ፡ ካብ ውሽጢይ ገለ ጽሩይ ነገር ክነዝዕ ተፈለጠኒ። ተዓቢሱ ዝነበረ ሻምብቆታት ልበይ፡ ምስ ምእላይ እቲ ዝዓንኩረን ኣብቲ ጣውላ ዝተላሕደደን ሽኮር ሓርነቱ ዝኣወጀ ኾይኑ ተሰምዓኒ። "ለካ፡ ምቁር መርዚ ዝብሃልሲ ከምዚ'ዩ፡" ድማ በልኩ። እቲ ሓጕስ ሓዚሉ፡ ናብ መላእ ኣካለይ ክጮንጓዕ ጀሚሩ ዝነበረ ደም፡ ኣእዳው ኣውጺኡ ነቲ ኣብ ደበናታት ዝነበረ ሕደ ዓይነት ምስሊ ብምውዝዋዝ ታሕጓሱ ይገልጸሉ ነበረ።

"እዛ ሓፍተይ፡ ከመይ ትውዕሊ፤ ጋሻ'የ፣ ኣብዚ ሰማይ ፍልይ ዝበለ ነገር ይርኣየኪ ይህሉዶ፤ ኣብ በይነይ ከይከውን እሞ፡ ተጸሊለ ኸይከውን'ዩ ስግኣተይ። ኣነ እርእዮም፡ ንሳቶም ግና ዘይርእዩኒ። ግና ኣይርእዩን ማለት ከኣ ኣይኮነን። ካብቲ ኣብ ገጻቶም ዝዓልብ ዝነበረ ብርሃን፡ ናብ ሓደ ብሩህ መጻኢ ዘቋምቱ ምኻኖም ዘጠራጥር ኣይኮነን። መጻኢየይ ኩይኑ'ውን ተሰምዓኒ። በጃኺ ንገርኒ፡ ጽላለ ኽሳዕ ክንድዚ ምቀር ድዩ፤" በልክዋ ፍሽኽታን ዕትበትን ኣሰንየ። እታ ኣሳሳዩት፡ ነቲ ስጡም፡ ንፋስ ዘየሕልፍ ኣስናና ኣርሒያ፡ ናብ ሰማይ ገጻ ኣንቃዕሪረት። ምላሻ ኣይተጸበኹን። በቲ ኣብ ብሌን ዓይና ዝርኣኽዎ ነጸብራቕ፡ ዝተራእየኒ ከም ዝተራእያ ኸረጋግጽ ከኣልኩ። ብቓንዛ ኹተበሳጬወካ ዝቖነየት ሓሳኽ ስኒ ምስ ኣሰደድካ ዝስምዓካ ህድኣት ተሰምዓኒ። "ንጽሉል እዩ ጥራዩ ሰማይ ዝርኣዮ!" በለትኒ ናብ ስራሓ እናተመልሰት።

# ጐዳና ሐርነት
# ናይ ጥቓ ልበይ

ሃኒ ዮሃንስ

ጕደና ሓርነት ብዙሕ ግዜ ተበሃሂልና ንኸውን ኢና። ንመበል ክንደይ ግዜ እጽሕፈልካ ኸም ዘሎኹ ግና ክቖጽሮን ክዝክሮን ኣይክእልን። እንተ ዘይተጋግየ፡ ናይ መጀመርታይ'ዩ፣ ናይ መወዳእታይ ከኣ'ዩ። ሕጂ ግና ናይ ጥቓ ልበይን፡ ናይ ልበይን ክጽሕፈልካ ሓራ ግደፈኒ። ጕደና ሓርነት ንብዙሕ እዋናት ከም ዝተፈላሰፍኩልካ፡ ከም ዝተንተንኩልካ፡ ከም ዝፈረድኩኻ ትፈልጥ ኢኻ።

ጕደና ሓርነት፡ ካብ እቲ ናብ እቲ ዝበሃል ቦታ፡ ልሙጽን ኮርኳሕን ክንድ'ዚ ኮርናዓትን እትብሃል ጽርግያ፡ ኮዕትን ዘይኮዕትን መገዲ ኣጋር፡ ብርቅን ጥንታውን ታሪኻውን ህንጻታት፡ ምሑዋት ጥጡዓት ነዋሕትን ሓጸርትን ስየታት ትመስለኒ ነበርካ። ነዚ ምሳኻ ከተኣሳስሮ፡ ትርጉም ከውጽኣሉ፡ ንኣኻ ኽግንዘበካን ኢለ ሃሰስ ኢለካ'የ።

ኣብተን በረኽቲ ግና ኸኣ ዘይነውሕቲ ህንጻታትካ ደይበ ኣይረኽብኩኻን።

ኣንደራትካን ትሕተ ባይታታትካን ኣሊሸ፡ እንተኾነ፡ ኣብኡ ኣይነበርካን ።

ኣንጎሎታትካ ተመላሊሰዮ ግና ኣይተረኽብካን።

ለካ

ጕደና ኸንካ ኣይትፈልጥን!

ንስኻ፡ እቶም ኣብ ከርስኻ ዝመላለሱ ሰብካ ኢኻ።
ደቂ ዓደይ ኢኻ።

ንስኻ፡ እቶም ብጕድነይ ዝመጽኡን ዝሓልፉን
ቀያሕትን ጸለምትን ኢኻ።

ንስኻ፡ እቶም ብቕድመይ ዘቋርጹ ሓጸርትን ነዋሕትን
ኢኻ።

ንስኻ፡ እቶም ብድሕረይ ዝጥወዩ ኣሓተይ፡
ኣሕዋተይ፡ ጓለይን ወደይን ኢኻ።

ንስኻ፡ ኣቦይን ኣደይን ኢኻ፣ ኣቦሓጎይን እኖሓጎይን
ኢኻ  እቶም ናትካ'ውን ከምኡ ኢና ንኣኻ።

ጕደና ሓርነት፡ እቶም ናባኻ እንፈሰስ ኢኻ። ንሕና
እንተ ዘየሊና ህልውና የብልካን።

ንስኻ እንተ ዘየሊኻ'ውን መንነት የብልናን  ኣብ
ሓደ ዘበን ዝተሰራሕካ ትመስለኒ ነበርካ።

እንተኾነ፡ ቀደም ሰውሒ
እናሃለኻ'ውን ጕደና ሓርነት ኢኻ ዝነበርካ።
ጃሕጃሕ ከሎኻ ጕደና ሓርነት ኢኻ ዝነበርካ።

እቶም ናትካ ኣብ ገዛእ መሬቶም ብገዛእ ጕልበቶም
ብገዛእ ኣእዳዎም እናሃነጹኻ - ጕደና ሓርነት ኔርካ።
ብጓኖት ጥራይ እናተረገጽካ - ጕደና ሓርነት ኔርካ።
ብደቅኻ ሓራ ምስ ኩንካ'ውን ጕደና ሓርነት ኩንካ።

ጕደና ሓርነት፡ ደመኻ፡ ተቓለስካ፡ ተረገጽካ፡ ሓራ
ኾንካ፡ ምስኡ ከኣ ዓንደርካ!

ጕደና ሓርነት፡ ቦታ ኣይኮንካን፡ ጽርግያ ኣይኮንካን፡
ህንጻታት ኣይኮንካን፡ መገዲ ኣጋር ኣይኮንካን፡ ስየታት
ኣይኮንካን፡ ቅርሲ ኣይኮንካን። ንስኻ፡ ንሕና ኢኻ።

ንሕና ኸኣ ንሕና ኣይኮንናን። ቦታ ኢና፡ ጽርግያ ኢና፡
ህንጻታት ኢና፡ መገዲ ኣጋር ኢና፡ ስየታት ኢና፡ ቅርስታትን
ያታታትን ኢና። ንሕና ጕደና ሓርነት ብምልኣት ኢና።

ስምና ሓርነት እዩ፣ ግብርና ኸኣ ሓራ ምኳን እዩ።



# ዓደይ ብዓልቲ ጸጉሪ

ዓደይ ኰሕልቲ በለስ፡ ሓድጊ ሰማይ እትቕልቀል
መዕረፊት ኣዒንቲ ብሰምታ ዘይትስገር፤
ዓደየ ትፍቶ ዓደየ ትፍቶ
ፍቶት ዓቢ’ንዲኺ ፍቶት ንእሽቶ
ከዳን ውጹዕ እንዲኺ ዘይተቐርር ከቶ
ምእንታኺ ኽበሃል ኣበይ ዘይእቶ!

ህጻን ኣናድዩኪ ብጀበብ ንብዓቱ
ህይወት ከይጥዓመ ጥዒምዋ ሞቱ
ስሙ ከየጽነዐ ፈልሲ መንነቱ
ጥይት ጕሲምዋ ኣብ ክንዲ ጥቦቱ።

ኣደ ኣናድያትኪ ብማህጸን ውሉዳ
ብናፍቖት ደቃ ’ናሓቑፈት ከብዳ
ደቃ ንሓመዶም ንሳ ንሓመዳ
ኣብቲ መግሃር ሓዊ ጸንቢራቶ ኢዳ።

ኣቦ ኣናድዩኪ ብጸሎት ምሸቱ
ወጋሕታ ኣርኪባቶ ገና ኣብ ስግደቱ
ዋኒኑ ረጥሪጡ፡ ንዋኒን ናጽነቱ
ዘላቶ ኣኽቲቱዋ ምስቶም ውሉዳቱ።

ጐበዝ ኣናድዩኪ በታ ንእስነቱ
ኰልፍ ትርፍ ኢሉ ምስቲ ባህግታቱ
በጃነት ከይበሎ ነቲ በጃነቱ
ኣብ ሓረግ መንነት ተሰትዩ ሸዊቱ።

ጐርዞ ’ናድያትኪ ጐርዞ ብኾለንታ
ኣይናተይን ኢላቶ ሸዊት ንእስነታ
በጃነት ከይበለቶ ነቲ በጃነታ
ኣብ ሓረግ መንነት ተሰትያ ሸዊታ።

ካብዚ’ኺ ተወሊድኪ
ካብዚ መሕለብ-ደም መግደራ
ካብዚ’ኺ ተወሊድኪ
ካብዚ ስትዮ ጥምዮ ናብራ
ካብዚ’ኺ ተወሊድኪ
ካብዚ ሰከም ጨው መከራ
ጓል ኣእላፍ ትንፋስ፡ ዘልኣለማዊት ኤርትራ!

ካብቶም ሰብ ሓመደ ግዳም ታእላው ዘይቀጸሩ
ሓመድ ዓዶም ዝኸዳኖም ማዕሙቕ ዝሰፈሩ
ካብቶም እናተጸልጸሉ መሊሶም ዝጨብጨቡ
ካብቶም እናረገፉ መሊሶም ዝጐርፍዎ
ካብቶም እናተሰትዩ መሊሶም ዝነ’ትዎ
ካብቶም ነዛ ምንባር ብሞቶም ዝረትዎ
ካብኦም ኢኺ ተወሊድኪ ዓደይ ስዕምቲ እግሪ
ከዳን መንነተይ ናይ ሰብ ምኧን ክብሪ!
ካብኦም ኢኺ ተወሊድኪ ዓደይ ብዓልቲ ጸጕሪ
ከዳን መንነተይ ናይ ንግስነት ክብሪ!

ኣንቲ መጽሓፈ ታሪኽ ዘይትሕከኽ ቀለም
ክዝምረልኪ’የ መዝሙር ዘልኣለም
ኣንቲ ተኽሊ ኰለንትና፡ ዘይትቕምስል ባህጊ
ክዝምረልኪ’የ መዝሙር ፈቃር ልቢ
ኣንቲ መጓጅምተይ ብኾርታ ብጽንታ
ክዝምረልኪ’የ ብዘቃልሕ ዓውታ!

ኣንቲ’ደ ትሸዓተ ብዓልቲ ሓደ ዓይኒ
ክጽውዓኪ’የ ካበይ እንተ በሉኒ
ክጽውዓኪ’የ መን እንተ በሉኒ!

ግርማይ ኣብርሃም (2019)

# 33rd ANNIVERSARY OF THE ERITREAN INDEPENDENCE




ውሕስነት ሰላም ብመኸተ !

ضمان السلام بالتصدي !

## Peace Anchored on Resilience !

NATIONAL HOLIDAYS ORGANIZING COMMITTEE ASMARA, ERITREA May 2024

# ኤርትራ ሽኮር

ሽኮር ሽኮር ኤርትራና ሽኮር
ጽብቕቲ ጽብቕቲ ኤርትራና  ምልክዕቲ
ኤሬና ንኽትምዕብል . . . .
ክንገብራ ዓባይ ሃገር
ንመዋእላት ክትዝከር
ክንርእዮ ‘ቲ ምዕባለኺ
ክንመሃር ኢና ክነስምየኪ።

